# ክልተ ወርሓዊት መጽሔት
# ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ

ግንቦት 2026 ቁ.88


<u>ኣዳላዊ</u>

**ክፍሊ ዜናን ባህልን ሃማመተኤ**

<u>ዋና ኣሰናዳኢ</u>

**መስፍን ገብረሂወት**

<u>ለይ ኣውት</u>

**MGH**

<u>ዲዛይን ሕብራዊ ገበር</u>

**ከማል ዲኖ**

<u>ስእሊ</u>

**ዮሃንስ በረኸት**



<u>ኣድራሻ</u>

**መጽሔት መንእሰይ**

ቊ.ሳ.ጶ 1042

ቊ.ስልኪ 291-1-202592

ፋክስ 291-1-125981

**መርበብ ሓበሬታ ማሕበር**

www.eriyouth.org

<u>ዘርጋሒ</u>

**ቊ.ስልኪ 200454**


**መጽሔት መንእሰይ ብተወሳኺ ኣብ**
www.shabait.com (menesey magazine)
**ክትረኽብዋ ትኽእሉ።**

# ትሕዝቶ


**ቃል ኣሰናዳኢ** 2

**ሰላምን ርግኣትን** 3

**ደሃይ ማሕበር** 4

- *ጉዕዞ ሃማመተኤ ኣብ 35 ዓመት*

**ትውፊት** 8

- *ዛዛሚ ወተሃደራዊ ግጥም ብሓዲር*

**ጉዳያት** 12

- *ውሕስነት ሃገር ብኽመይ?*
- *ህዝባዊ ግንባር ግንባር ሓቂ*
- *ውዳበ ዋጋ ህላወ*
- *ናጽነት ንመንእሰያት ተመሃሮ*
- *ሃናጺ ጽምዶ ንሰላምን ርግኣትን*
- *ወግዒ መንእሰይን ናጽነትን*

**ሓባራዊ ዘተ** 24

- *ትንታነ ጽንዓትና ዋሕስና*

**ሓሳባት** 30

- *ጽናዕ! ... ክሳዕ መኣስ!?*
- *ሕፍንቲ ካብ ጥቕስታት*
- *ገዳይም ኤርትራውያንሓርበኛታት*

**ኣህጉራዊ ጉዳያት** 35

- *ዓለም ናበይ ገጻያ?*

**ኦርያ** 37

- *ዶክተር ሶፋኒት ዓንደማርያም*

**ሕብረተሰብ** 42

- *ኣተሃናንጻ ክብርታት*

**ሓንቲ ሕቶ ኣላትኒ** 43

**ባህልን ስነጥበብን** 48

- *ስነጥበበኛ ሳሙኤል ገብረኣዶናይ*

**ኣካዳሚ** 41

- *ቅድመ-ታሪኽ ኤርትራ*

**ስፖርት** 60

- *ኑር ዓብደልዋሃብ*

# ቃል ኣሰናዳኢ

ህይወት ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ከመይ ክኸውን ከም ዝኽእል ብልክዕ ንምግማት፡ ንኣብ ናጽነት ዝተወለድና ወይ’ውን ንሕሰም መግዛእቲ ብግቡእ ከየስተማቓርና ብሕጻንነትና ናጽነት ዘርከብና ናይ ሕጂ መንእሰያት ኣጸጋሚ እዩ። እንተኾነ፡ ኣብ ንዝኾነ ትገብሮም ነገራት ዋንነት ዘየውህብ ኩነታት ምንባር ከመይ ዝበለ ጨካን ህይወት ክኸውን ከም ዝኽእል ንምፍላጥ ብዙሕ ምምርማር ዘድልዮ ነገር ኣይኮነን። ሰሪሕካ ክንስኻ ፍረ ረሃጽካ ጓኖት ዝማቐልዎ፡ ፈቲኻ ግን ብጎቦ ልብኻ ተፍቅረሉ፡ ተማሂርካ ንናተይ ትብሎ ነገር ብምሉእ ፍልጠትካ ዘይተገልግለሉ፡ ገንዘብካ ሂብካ ብምሉእ ልብኻ ዘይትውንነሉ፡ ወሊድካ ትፈርሃሉን ትሻቐለሉን፡ ስሒቕካ ግን ዘይትሕጎሰሉ፡ ኮታስ ንህይወት ትርጉም ዘይትረኽበሉ ሃለዋት እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነት ዕግበት ቦታ የብላን፤ ዕግበት ዘይብሉ ህይወት ከኣ ባዶ እዩ።

እምበኣር ናጽነት ንዓና፡ ካብ ባዶ ብኹን ህይወት ናብ ትርጉም ዘለዎ ህይወት ከም ምስግጋር ክቑጸር ይኽእል። እቲ ዝዓበየ ሓለፋ ወለዶ ናጽነት እዚ እዩ። እንተ ሰራሕና፡ ደኺምና፡ ወይ ርሂጽና፡ ፍረኡ ወነንቱ ባዕልና ኢና። ስለዚ ኣስተርሒና ንናይ ውልቅና፡ ሕብረተሰብናን ሃገርናን ብልጽግና ክንሓልም ንኽእል። ሕልምና’ውን ደረት የብሉን። ናጽነት ስለዘለናን ንገብሮ ዘበለ ኹሉ ትርጉም ስለዝህልዎን ከኣ፡ ንኽንዓግብ መሰልን ርሒብ ዕድልን ኣለና። እዚ ዕድል፡ ናይ ብዙሓት ወለዶታት ዕድላት ዝተኸፍሎ ስለዝኾነ’ውን፡ ነዚ መሰል ርዝነት ዝውስኽሉ ሓለፋ ኣለዎ። ክንድ ዝኾነ፡ ነዚ ረዚን መሰል፡ ሕድርን ባህግን ወለዶታት ንኽነኽብር፡ ብግብራዊ ኣበርክቶ ክንነብሮ ይግበኣና። ስለዚ እዚ ሓለፋና ብባህሪኡ ሓላፍነት ዘሰክም እዩ።

መሰረት ትርጉም ህይወት ናጽነት እዩ ኢልና ካብ ሞጎትና እምበኣር፡ እቲ ቀዳማይ ሓላፍነትና ነዚ መሰረት ብጽኑዑ ከምዝነብር ምርግጋጽ እዩ። ናጽነት ዘይትህሉ፡ ብናጽነት ምንባር ምስነቋርጽ እዩ’ሞ፡ ህላወ ናጽነት ኣብ ህላወና (ብናጽነት) ዝምርኮስ ምዃኑ ምፍላጥ የድሊ። ብናጽነት ምህላው ማለት ግን ደስ ዝበለና እናገበርና ማለት ዘይኮነ፡ ብቐንዱ ናብ ንናጽነት ከነናዲ ዘበገሰና ምኽንያት፡ ማለት ናብ ትርጉም ዘለዎ ህይወት ዝመርሕ እጃም ምብርካት ማለት’ዩ። ናብ’ዚ ዕላማ ዘብጽሕ ከኣ ፍልጠትና፡ ጸዓትናን ጊዜናን ንዘለናዮ መድረኽ (ብውልቅን ሕብረተሰብን) ንኽነብርኽ ምስነውዕሎ ጥራይ’ዩ። ካብዚ ሓላፍነትና ምጉዳል ናብ ካብ መግዛእቲ ዘስገደዶ ብኽነት ዝኸፍአ ብኽነት ምውዳቕ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብዝኾነ ይኹን ነገር ክመኻነ ዘይክእል ሕምቀት’ውን እዩ።

ዘዕባ ናጽነት ክለዓል ከሎ ጽንዓት፡ ሓላፍነት፡ ግቡእ፡ እጃም ዝብላ ቃላት ዝውቱራት እየን። እዚ ምናልባት፡ ካብ ንናጽነት ዘለና ኣኽብሮት ዝተላዕለ ክኸውን ይኽእል። ብርግጽ’ውን ብዙሕ ዝኸፈልናላ ናጽነትና፡ ብሰንኪ ጉድለት ጽንዓት፡ ሓላፍነትን ግቡእን ኣብ ሕቶ ምልክት ከነእትዋ ኣይንደልን፤ ኣይግባእን ከኣ። እንተኾነ፡ እዚ ሓደ ሸነክ ገጽ ናጽነት እዩ። እቲ ካልእ ሸነኽ ንናጽነትና ትርጉም ዝህባ ግን ምሉእነት ሓጎስና ምስ ዝህሉ’ዩ። ፍረ ጽንዓትና፡ ሓላፍነትናን ግቡእናን ዝዓበየ ምንጪ ሓጎስን ዕግበትን ክኸውን’ኳ ዝኽእል እንተኾነ፡ ብናጽነትና ንስለ ሓጎስ ክንሕጎስ’ውን ይግበኣና’ዩ። ንናጽነትና ከም ዝዓመምናዮ ሸቶ ወሲድና ብጻማና ክንሕበንን ክንሕጎስን ኣለና። ክፋል ከም ሃገር ዝኸፈልናዮ መስዋእቲ ነዚ’ውን ስለዝኾነ። ስለዚ ምስ ስድራና፡ ብጾትናን ፈተውትናን ብምዃን ንመዓልቲ ናጽነትና ብብልዕን መስተን፡ ብሳዕስዒትን ሓጐስን፡ ህያባት ብምቅይያር ብሓድነት ክንጽምብል የምሕረልና’ዩ ጥራይ ዘይኮነ ዝያዳ’ውን የመልክዓልና።

ናጽነትና እምበኣር ንመንእሰያት ከም ሓለፋን ሓላፍነትን ዝተዋህበትና ህያብ እያ። ንስለ ሓለፋና ሓላፍነትና ነልዕል፡ ብመንገዲ ሓላፍነትና ኸኣ ንሓለፋና ትርጉም ንሃብ።

**ጽንዓትና ዋሕስና!!**

# ደሃይኩም

## ኤማ ነገም "እንኪ ቅርሺ" ነዳገግመና

መጽሔት መንእሰይ ኣብ ናይ ቁ.86 ሕታማ፡ ንተመክሮ ድምጻዊ ኣማኑኤል ጎይትኦም ዝድህስስ ትሕዝቶ ኣቕሪባቶ ምንባራ ይዝከር። ቅድሚ ሕጂ ንኣማኑኤል ጎይትኦም ከም ባህላዊ ደራፊ ናይ ዞባ ደቡብ ጥራሕ እምበር ማዕረ ክንድዚ ዕምቆትን ኣመጻጽኣን ከም ዝነበሮ ኣፍልጦ ኣይነበረንን። ከም ኣላዪ ናይ ዞባ ደቡብ ያታዊ ጉጅለ ባህሊ ኮይኑ ንነዊሕ ዓመታት ዝዓየየን ነዚ ሞያ ዝኸፈለሉ መስዋእትን ምስ ኣንበብኩ መሊሱ ኣድናቖተይ ዓብዩ። ከምዚ ዓይነት ናይ ውረድን ደይብን ህይወት እናበድሁ ዝመጹ መንእሰያት ክንዮ ንነብሶም ንሕብረተሰብን ሃገርን ዕቑራት ጸጋታት ስለ ዝኾኑ መጽሔት መንእሰይ ኣብ ቀጻሊ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ መንእሰያት ክትዕድመልና ኣዘኻኽር። ንድምጻዊ ኣማኑኤል ጎይትኦም ድማ ንኸም ብዓል "እንኪ ቅርሺ" ደርፍታቱ ዝመስላ ፍሉይ ቅዲ ህርመት ዘለወን ደርፍታት ክደጋግመና እምሕጸኖ። ንዛጊት ዘፍረዮ ዕዮታቱ ድማ ኣገናዕ እብሎ።

*ዑስማን መሓመድኑር ካብ ኣስመራ*

## ብውሰቀ መንእሰያት ዝካየድ ኣበርክቶ ዝያዳ ነተኩረሉ

መንእሰይ ዓንዲ ሕቖ ሃገር'ዩ ክበሃል እንከሎ - ከም ተራ ዘረባ ክርአ ዘይብሉ'ዩ። ብርግጽ መንእሰይ ዓንዲ ሕቖ ሃገር'ዩ። እዚ ማለት ብዘይ መንእሰይ ሃገር ክትቀውም ኣይትኽእል'ያ፡ ድንስቲ'ያ እትኸውን ማለት'ዩ። ኣየናይ መንእሰይ'ዩ እቲ ዓንዲ ሕቖ ዝበሃል ዘሎ እንተኢልና ግን ኣነ፡ ንስኻን ንስኽን'ዩ እቲ መልሲ። ናይ ኩላትና ተራ ተደማሚሩ'ዩ ነታ ሃገር ሕቖ ዝኾና። ስለዚ ጉዳያት መንእሰያት ክለዓሉ እንከለዉ ንዓና ብቐጥታ ከምዝምልከት ክንርስዕ የብልናን። ውልቀሰባት ተደማሚሮም'ዮም ሃገር ዘቑሙ። ናይ ወልቀሰባት ኣበርክቶ ተደማሚሩ'ዩ ኣብታ ሃገር ገዚፍ ኣበርክቶ ዝገብር። ስለዚ ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ሕታም መጽሔት ዝተገልጸ፡ ወለንታዊ ኣበርክቶ ናይ ነፍስወከፍ ሰብ ክሕይል፡ ንነብስና 'ኣነ ከም መንእሰይ ኣብ ከባቢየይ እንታይ የበርክት ኣለኹ?' ኢልና ክንሓትት ግቡእ እመስለኒ። እቶም ካባና ዝዓብዩ ኣያታትናን ወለድናን ብዓቢኡ ድማ ትካላት መንግስቲ ድማ ነዚ ብውልቀ መንእሰያት ዝካየድ ኣበርክቶ ከተባብዑን ንኽቕጽል ባይታ ከጣጥሑን ኣገዳሲ'ዩ። ብኣንጻሩ ግን ንውልቀ ኣበርክቶ ዘይርድኡን ንውልቃዊ ጥቕሚ እቲ መንእሰይ ዝግበር ዘሎ ዝመስሎምን ክህልዉ ስለዝኽእሉ - መንእሰያት በዚ ተስፋ ከይቆረጽና እቲ ንሕና ንሕብረተሰብ ይጠቅም'ዩ እንብሎ ንጥፈታት ክንጽዕረሉን መጽሔት መንእሰይ ነዚ ዝድርኽ ትሕዝቶታት ኣብ ዓምድታት ከተስፍሕን እጽውዕ።

*ሉልያ ማትያስ ካብ ሓዝሓዝ*

## ሃብሮም ሓኪም

ኣብ ናይ ዝሓለፈ ሕታም መጽሔት መንእሰይ፡ ኣብ ዓምዲ ኦርያ፡ ምስ መንእሰይ ዶክተር ዓሊ ሓሎ ዘካየድኩሞ ዕላል ድንቂ ነይሩ። ኩሉ'ቲ ንጉዕዞ ሂወቱ ኣመልኪቱ ዝገበሮ ቃለመጠይቕ ኣዝዩ መሳጢ ነይሩ። ዶክተር ናይ ብሓቂ ኣብነታዊ መንእሰይ እዩ። በዚ ኣጋጣሚ ኸኣ፡ "ኣገናዕ! ኤርትራ ብኣኻን ከማኻን እያ እትህነጽን እትምዕብልን" ክብሎ እደሊ። መጽሔት መንእሰይ ከምዚኦም ዝመሰሉ ህርኩታት መንእሰያት ኣናድያ ክተላልየና ምብቅዓ ዮሃና እብላ።

*ሰሚራ ሓጎስ ካብ ባጽዕ*

## ትሕቶታት ምህዞን ሰንዓን ብዝሰፋሐ ነስረሓሉ

ዘመኑ ዘመን ተክኖሎጂ'ዩ። ካብኡ እንተርሒቕካ ካብ ምዕባለ እትድሕር ምኳንካ ዘይምፍላጥ እምበኣር ንኹልና ዘወጻጽእ ኣይኮነን። ደቒቕ ደቒቕ ብዝበሃል ደረጃ ዝውንጨፍን ዝምዕብልን ዘሎ ተክኖሎጂ፡ ኪኖ ብቐጥታ ኣብ ዕለታዊ ህይወትና ዘለዎ ኣበርክቶ ክንርእዮ ዘለና ንሕና ኤርትራውያን ኢና። ምኽንያቱ ተክኖሎጂ ንውሑድ ህዝቢ ብዕጽፍታት ክዕቢ ዝኽእል ተራ ስለዘለዎ። ሳላ ተክኖሎጂ ብሚእቲ ሰብ ዝስራሕ ዝነበረ ዕማም ኣብዚ እዋን'ዚ ብሓደ ሰብ'ዩ ዝፍጸም። ስለዚ ተክኖሎጂ ንዓና ብዝያዳ የገድሰና። ኤርትራውያን መንእሰያት ንምዕባለ ተክኖሎጂ ቀልጢፍና እንቕበልን እነድንቕን ስለዝኾንና ዓቢ ብልጫ'ዩ። ኣቦሓጎታትና፡ ኣብ ዘበነ ጥልያን፡ ብዘይ ብዙሕ ትምህርቲ ብዓይኖም ጥራይ ብምዕዛብ ካብ ኢጣልያውያን መካኒካት ብዙሕ ተማሂሮም ወሃ ዘበሉ መካኒካት ክኾኑ ምኽኣሎም ናይዚ መርኣያ'ዩ። ኣብ መካኒክ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ካልእ ዓውድታት'ውን ከምኡ። ሕጂ'ውን ካብ ህጻን ክሳብ ኮተቴ ንተክኖሎጂ ብብዙሕ መገዲ ከመልክዎ ንርኢ ኣሎና። ምህዞን ሰንዓን ይዕንብብ ኣሎ። እዚ ኣብ መጽሔት መንእሰይ ሰፊሕ ሽፋነ ይወሃቦኳ እንተነበረ ኣብዚ እዋን'ዚ ግን ዝሕል ዝበለ ይመስል። ብወገነይ ኣማእዛኒ ትሕዝቶታት ምህዞን ሰንዓን ከተኣንግድ ኣዝዩ ኣገዳሲ እመስለኒ። ምኽንያቱ ብሃውሪ ዝኸይድ ምህዞን ሰንዓን ኣድካምን ኣኽሳርን ስለዝኾነ።

*ሻነት ዓወት ካብ ኣስመራ*



# ጉዕዞ ሃማመተኤ ኣብ 35 ዓመታት ናጽነት



ታሪኽ ኤርትራውያን መንእሰያት ታሪኽ ቃልስን ተወፋይነትን'ዩ። ኤርትራውያን መንእሰያት ኣብ'ቲ ምእንቲ መሰል ርእሰ-ውሳነን ሓርነትን ኣንጻር መግዛእትን ጭቈናን ዝተኻየደ ህዝባዊ ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ኣብ ምንቅስቓስ ተመሃሮን መንእሰያትን ብዓቢኡ ኸኣ ኣብ ሓርነታዊ ሰራዊት ተወዲቦም፡ ከም ኣነቓቓሕትን ወደብትን፡ ተዋጋእትን ሃነጽትን፡ መራሕትን ኣጕሳጎስትን መሪሕ ተራ ብምሓዝ ኣብ ዓወት ሰውራ ኤርትራ መሰረታዊ ግደ ኣበርኪቶም።

ኣብ'ቲ ናጽነት ናይ ምዕቃብን ናጻ ሃገር ናይ ምህናጽን ዝበርትዐ መኸተ ኸኣ፡ ብደምን ረሃጽን ሃገር ካብ ወረርቲ ዓቂቦም፤ ነዛ ብኽቡር መስዋእቲ ዝተረኽበትን ዝተሓለወትን ናጻ ኤርትራ ማዕረ'ቲ ዝተኸፍላ ክቡር ዋጋ ድልድልቲ፡ ዓዲ ራህዋን ፍትሕን ገስጋስን ንምግባራ፡ ኣብ ልምዓትን ህንጻትን፡ ብንቕሓት፡ ብእምነት፡ ብተወፋይነት፡ ብዕዮ፡ ብፍልጠትን ብመሃዝነትን ጸኒዖም ይምክቱ ምህላዎም ዝገለጸ ብጻይ ሳልሕ፡ በዚ ኸኣ ኤርትራውያን መንእሰያት ኣብ ርእሲ ጀጋኑ መኸተ፡ ጀጋኑ ልምዓት ምዃኖም ብግብሪ የመስክሩ ኣለዉ። ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ናይ'ዚ ዘሐብን ታሪኽ'ዚ ኣካል ምዃኑ ዝገለጸ ብጻይ ሳልሕ፡ ካብ ናይ ዝሓለፈ ታሪኽ ኣካል ምዃኑ ንላዕሊ ግን፡ ሃማመተኤ ናይ'ዚ ታሪኽ'ዚ ወራሲ፡ ኣቐጻልን ኣማዕባልን ክኸውን ሕጂን ንመጻእን ረዚን ሓላፍነትን ታሪኻዊ ተልእኾን ኣለዎ።

ኣብቲ ካብ ኣርባዓታት ኣትሒዙ ኣብ ትሕቲ ዝተፈላለዩ ገዛእቲ ሓይልታት ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻኢ ሃገራትን ኣብ ከም ማእከላይ ምብራቕ፡ ኤውሮጳን ሰሜን ኣሜሪካን ብዛዕባ ዝነበረ ዝተፈላለየ ምንቅስቓሳት ኤርትራውያን ተመሃሮን ኣበርክቶኡ ኣብ ምውላድ ማሕበርን መዘኻኸሪ ዝሃበ ብጻይ ሳልሕ፡ ከም ውጽኢት ናይ'ቲ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ዝነበረ ናይ ተመሃሮ ምንቅስቓሳት፡ ብ1978 ከም ሓፋሽ ውድባት ናይ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ሓራ ከረን ከም ማሕበር ብወግዒ ዝቕመ፡ ኣብ መስከረም 1987 ድማ ኣብ ሓራ መሬት ሕሸክብ፡ ካብ ናይ ተመሃሮ ናብ ናይ መንእሰያት ማሕበር ዝተቐየረ፡ ሃገራዊ፡ ተቓላሲ፡ ፖለቲካዊ ማሕበር'ዩ።

ድሕሪ ናጽነት፡ ንጠለባት ዳግመ ህንጻ ሃገር ብብቕዓት ንምምላስ መሳርዑ ከም ብሓድሽ ብምውዳድ 7ይ ጉባኤኡ ብ1994 ኣብ ኣስመራ ብምቅናዕ፡ ስሙ፡ ንመንእሰያትን ተመሃሮን ብንጹር ዝጥርንፍ፡ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ (ሃማመተኤ) ክኸውን ብምውሳን፡ ኣብ ዳግመ ህንጻ ዝሳተፍ፡ "ብኹለንትናኡ ብቑዕ ሃገራዊ መንእሰይ ምህናጽ" ዝብል ተልእኾን ስትራተጅን ሓንጺጹ፡ ንጥፈታቱ ኣነጺሩ ንስራሕ ከም እተበገሰ፡ ኣቦመንበር ሃማመተኤ ብጻይ ሳልሕ ኣሕመዲን፡ ብኣጋጣሚ መበል 35 ዓመት በዓል ናጽነት፡ ንጉዕዞ ሃማመተኤ ኣብ 35 ዓመታት ናጽነት ኣመልኪቱ ምስ መጽሔት መንእሰይ ኣብ ዘካየዶ ቃለመጠይቕ ገሊጹ።

ማሕበር ዝኸተሎም ኣገባባት ውዳበ፡ ውጽኢቶም፡ ቁርጥውነቶም፡ ኣድማዕነት ኣገባብ ኣተገባብርኦምን ብዝምልከት ሰፋሕቲ ዋዕላታትን ገምጋማትን ተኻይዱ ምንባሩ ዘዘኻኸረ ብጻይ ሳልሕ፡ ብዋዕላ ናቕፋ ዝፍለጡ ኣብ 1995፡ 1996፡ 1997፡ 1998 ዝተኻየዱ ዋዕላታት ንማሕበር መኣዝን ዘትሓዙ ምንባሮም ብምዝካር፡ ምምልማል ኣባላት ንጡፍ ውዳበ ክካየድ ምጽንሑ ካብ'ዚ መረዳእታ'ዚ ዝብገስ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ማሕበር 8ይ ጉባኤኡ፡ ብ2006 ኣብ ትሕቲ "ዕጥቅና














ፍልጠት፡ ሽቶና ምዕባለ፡ ጻማና ታሪኽ” ዝብል ቴማ ኣብ ከተማ ናቕፋ ብምቅናዕ፡ ንመድረኻዊ ብድሆታት መንእሰያት ዝምልከት ሰፊሕ ዘተ ብምክያድ ዝሓንጸጾ ናይ ኣርባዕተ ዓመት ስትራተጂያዊ ውጥን ስራሕ፡ ስዒቡ ከም ባህሊ ኮይኑ ክሳዕ ሕጂ ክስረሓሉ ብምጽንሑ፡ ማሕበር ኣንፈቱ ብዝግባእ ከለልን ንጥፈታቱ ከሰላስልን ካብ መስመሩ ከይወጽእን ሓጋዚ ተራ ከም ዝጸንሖ ዘገንዘበ ብጻይ ሳልሕ፡ ከም ብዝሒ ጠለባትን ባህግታትን መንእሰያት፡ ንጥፈታት ማሕበር’ውን ብኡ መጠን ክዓብን ክሰፍሕን ምጽንሑ`ውን ኣዘኻኺሩ።

ሃማመተኤ፡ ኣብ ወርሒ መስከረም 2013 ኣብ እምባትካላ ድሕሪ ዘካየዶ ገምጋም፡ ኣብ ውሽጡ ሓድሽ ውዳበን ዳግመ ስርርዕን ብምክያድ፡ “መንእሰይ ይንቃሕ፡ ይወደብ፡ ይዕጠቕ” ዝብል መርሓ ህዝባዊ ግንባር ተቐኒቱ፡ ብሓድሽ ወንን መንፈስን ንስራሕ ከም እተበገሰ ዝገለጸ ብጻይ ሳልሕ፡ “መንእሰይ ይንቃሕ፡ ይወደብ፡ ይዕጠቕ” ንዝብል መሪሕ ራእዩ ክዉን ንምግባር፡ ኣብ ውዳባዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ባህላውን ዜናውን መዳያት ስትራተጂያዊ ውጥን ብምሕንጻጽ ንትግባረኡ ክሰርሕ ምጽንሑ ኣብሪሁ።

ብቐዓት ሕብረተሰብ ብደረጃ ውዳበ፡ ንቕሓትን ዕጥቅን መንእሰያት ከም ዝምእዘን ዝገለጸ ብጻይ ሳልሕ፡ መንእሰይ ህላወን ምዕባለን ሕብረተሰቡ ከውሕስ፡ ብጥምረት ናብ ዕላማኡ ክግስግስ ዘኽእሎ ሓያል ውዳበ፤ ረብሓታቱ ብንጹር ክፈልጥ ዘኽእሎ ፖለቲካዊ ንቕሓት፤ መሰሉን ረብሓታቱን ዝከላኸለሉ ዕጥቂ የድልዮ። እቲ ብዓወት ዘመርሽ መስርሕ ወይ ኣገባብ ንሱ ስለዝኾነ፡ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ኣብ`ዞም ሰለስተ ኣዕኑድ ብቕዓት ንምዕዋት ኣውራ ዕላማኡ ገይሩ መደባቱ ከም ዝሰርዕን ዘተግብርን የብርህ።

ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተማሃሮን ኤርትራ፡ ብቐንዱ ናይ ውዳበ ትካል እዩ። ንመንእሰያት ብዝተፈላለየ ኣገባባት ብምውዳብ ድማ ኣብ ትሕቲ ጽላል ማሕበር ዉልቃውን ሃገራውን ዕላማታት ንኽጭብጡ፡ ኣብ ቀጻሊ ስራሕ ጸኒሑን ኣሎን። ንኹሎም ተመሃሮ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃን ኮለጃትን፡ መንእሰያት ሰራሕተኛታትን፡ ጓሶት፡ ሓረስቶት፡ ኣብ ውልቀ ዋኒን ዝተዋፈሩ መንእሰያትን ካልኦትን ድማ ይሓቁፍ።

ብጻይ ሳልሕ፡ ንመንእሰያትን ተመሃሮን ካብ ዝግበር ቀጻልን ልሙድን ንጥፈታት ክገልጽ ከሎ፡ ፖለቲካዊ ትምህርቲ፡ ምንባብ መጎሳጎሲ ጽሑፋት፡ ሰሚናር፡ ሓባራዊ ዘተ፡ ስልጠናን መሪሕነትን ምሕደራን፡ መደብን ዋርሳ፡ ዑደት ኣብ ታሪኻውን ልምዓታውን ቦታታት፡ ምርኢት ፊልም፡ ወዘተ. ከም ዝርከብዎም የብርህ።

ዉዳበ ብኣገባቡን ጽልዋኡን ብቐጻሊ እናተሓደሰ፡ እናረቐቐን እናዋሕለለን ክኸይድ ዘለዎ’ዩ። ስለዝኾነ ኸኣ ምሕያልን ምስፋሕን ኩሉ ቀጻላታት ዉዳበ ብቐዳምነት ክስርሓሉ ዝጸንሐ ዉጥን ማሕበር ኮይኑ ምጽንሑን ብሕልፊ ሓይሊ ንጥፈታት ማሕበር ኣብ ጨናፍር ኣብያተ ትምህርትን ኮለጃትን ኣብ ሓይሊ ኣካያዲት ኣካል ስለ ዝውሰን፡ ኣንቀልትን ቀለስትን መደብ ስርሖም ኮይኖም ሓላፍነታዊ ንጥፈታት ከም ዘካይዱ ኣብ ምግባር፡ ጽዑቕ ፖለቲካዊ፡ ውድባውን ምምሕዳራውን ትምህርቲ ዝቐሰሙን ኣብ ኩሉ ዕለታዊ ንጥፈታት ማሕበር ቀጥታዊ ምውሳእ ዘለዎምን ንክኾኑ ብፍሉይ ይስረሓሎም።

ምዕባይን ምውሓስን ጉጅለታት ቀያሕቲ ዕምባባን ተመሃሮን ቀዳምነት ተዋሂብዎ ከም ዝስረሓሉን ብኣማኢት ኣሽሓት ንዝቑጸሩ ሲቪካዊ ስልጠና ከም ዝሃበን ዝገለጸ ብጻይ ሳልሕ፡ ሎምዘበን ብዓይነት ውዳበኡ ካብቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ፍልይ ዝበለ፡ “ቅኒትና ነጸብራቕ ክብርታትና” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ካብ ኩለን ዞባታት ሃገርና ዝተዋጽኡ ተመሃሮ ኣባላት ቀያሕቲ ዕምባባ ዝተሳተፍዎ ኣብ ወርሒ መስከረም 2025 ኣብ ከተማ ከረን እተቃንዐ ሃገራዊ ቅነ ውዳበታት ቀያሕቲ ዕምባባ ብኹሉ ቋንቋታት ሃገርና ሓደስትን መበቊላውን ሕብራዊ መዛሙር ዝፈረየሉ ኣጋጣሚ ምንባሩ







ብኣብነት ብምጥቃስ፡ ኣብ መጻኢ’ውን ብዝሓየለ ክስረሓሉ ምዃኑ ኣገንዚቡ።

ክለባት፡ መንእሰያት ዝንባሌታቶምን ዕቑር ዓቕምታቶም ኣለልዮም ናብ ዝለዓለ ደረጃ ንኸማዕብልዎ ባይታ ዝፈጥር ኣገባብ ውዳበ’ዩ። ኣማኢት ኣሽሓት መንእሰያት፡ ኣብ ዝተፈላለያ ክለባት ተወዲቦም ኣብ ንጥፈታት ክለባቶም ከም እተሳተፉን ተሳትፎን ጽልዋን ናይ እዞም መንእሰያት፡ ኣብ ሕብረተሰብን ሃገርን ኣዝዩ ዓብዪ ምንባሩን ብምግላጽ፡ ኣብ ክለባት ዝተጠርነፉ መንእሰያት ብዘይካ’ቲ፡ ዝንባሌታቶም ዘለልይሉን ክእለቶምን ዕድሎምን ዘማዕብልሉ ባይታ ምርካቦም፡ ብሉጽ ክብርታት ንምስራጽን፡ ብቐጻሊ ንምንባዩን ምቹእ ባይታ ክፈጥር ጸኒሑ።

ዛጊት በቲ ዝድለ ደረጃ ዓብየን’የን እኳ እንተዘይተባህለ ብውሱን ቁጽሪ ደረጃ ምዕባለ ክለብ መሪሕ፡ ክለብ ስነ ጥበብ፡ ክለብ መጽሓፍ፡ ክለብ ሚኒ ሚድያ፡ ክለብ መጽናዕቲ፡ ክለብ ጥዕና፡ ክለብ ሓምላይ፡ ክለብ ሶሸል ሚድያ፡ ክለብ ቅብኣ፡ ክለብ ምህዞን ሰንዓን ካልኦትን በብዞባኡ ቀይመን ደሓን ዝኾነ ንጥፈታት ኣብ ምክያድ ከም ዝርከባ ዝገለጸ ብጻይ ሳልሕ፡ ንዝተወሰነ ዓመታት ኣቋሪጹ ዝጸንሐ ኣብ ኣካላዊ ብቕዓትን ሃገራውነትን ዘይነዓቕ እጃም ዘለዎ ክለብ ታይኮንዶን’ውን ኣብ ኣስመራን ከረንን ዳግም ተበራቢሩ ኣብ ጽቡቕ ቁመና ከም ዝርከብን ኣብ ካልኦት ዞባታት’ውን ብዝሓሸ ተኣታትዩ ክስረሓሉ ብኸኢላታት ናይ’ቲ ዓውዲ እተዳለወ መወከሲ መጽሓፍ ናብ ኩለን ዞባታት ተዘርጊሑ ምህላዉን እውን ወሲኹ ኣረዲኡ።

ኩለንትናዊ ብቕዓት መንእሰያት ንምሕያል ዝግበር ንጥፈታት፣ ንሓደ ትካል ጥራይ ዝግደፍ ኣይኮነን። ስለዝኾነ፣ መንእሰያት ንምሕያል ዝውጠኑ መደባት ብዝተወሃሃደ መገዲ ንምትግባሮም፣ ሽርክነት ኣብ ሞንጎ ዝተፈላለያ ኣካላት መንግስቲ፣ ግንባርን ማሕበራትን ደራኺ ተራ ከም ዘለዎ ዝገለጸ ብጻይ ሳልሕ፡ ጸጋታት ሕብረተሰብ ብዝተወሃሃደን ዝተወደበን ኣገባብ ኣብ ረብሓ መንእሰያት ምእንቲ ክውዕል፣ ማሕበር ንዝተፈላለያ ኣካላት መንግስቲ፡ ግንባርን ማሕበራትን ናይ ምውህሃድ ተበግሶ ብምውሳድ፣ ብቐጻሊ ክሕይልን ክምዕብልን ዘለዎ ሽርክነት ክሃንጽ ጸኒሑ እዩ። በዚ መሰረት ድማ፡ ዝተፈላለዩ ናይ መሻርኽቲ ዋዕላታት ተኻይዶም፡ ኣበርክቶ ኣካላት መንግስቲ፡ ግንባርን ማሕበራትን ኣብ መንእሰያት፡ ዝምስገን ኣንፈት ሒዙ ክምዕብል ምጽንሑ ብጻይ ሳልሕ ኣብሪሁ።

ንቕሓት፡ እቲ ቀንዲ ምስጢር ስነ-ኣእምሮኣዊ ብቕዓትን ጥንካረን መንእሰያት እዩ። ሓደ መንእሰይ፡ እቲ ዝነብረሉ ሃገርን ሕብረተሰብን ከመይ ዝበለ እዩ? ካበይ መጺኡ? ሕሉፍ ታሪኹ እንታይ’ዩ? መጻኢ ትጽቢቱን ሃንቀውታኡን እንታይ እዩ? ብዕምቈት ዝፈልጥ እንተድኣ ኾይኑ፡ ብኡ መሰረት ካብ ሕሉፍ ታሪኽ ናይ ህዝቡ ዝቐሰሞ ተሞኩሮ ዘይርስዕ፡ እዋናዊ ብድሆታቱ ብመንጽር ውሽጣዊ ዘባውን ዓለማውን ኩነታት ኣጻቢቑ ዝርዳእ፡ ብዛዕባ መጻኢኡ ንጹር ራእይን ዕላማታትን ሃልዩዎ፡ ናብኡ ዘብጽሕ ቅኑዕ መገዲ ኣረጋጊጹ ዝፈልጥ፤ ብሓባር ክሓስብን ክስጉምን ዝኽእሎ ብሉጽ ባህልን ክብርታትን ዝውንን እንተ ድኣ ኾይኑ፡ ፖለቲካውን ስነ-ኣእምሮኣውን ብቕዓቱ ልዑል እዩ ክብሃል ይከኣል። መዐቀኒ ብቕዓት፡ እቲ ንቕሓት ዝፈጥሮ እምነት፡ ቅሩብነትን ተወፋይነትን ስለዝኾነ። ከምዚ ዓይነት ብቑዕ መንእሰይ ዘለዎ ሕብረተሰብ ካብ ዝሓለኖ ዕላማ ክዕንቅፎ ዝኽእል ወይ መኣዝኑ ኣስሒቱ ናብ ድንጉር ሃዋህው ክሸሞ ዝኽእል ሓይሊ ከቶ የልቦን። እዚ ረቛሒ’ዚ ምስ ዘይህሉ ግን፡ እቲ ውጽኢት ብኣንጻሩ እዩ። ስለዚ ንቕሓት መንእሰያት እቲ ቀዳማይ መግለጺ ብቕዓት ሕብረተሰብ ስለዝኾነ፡ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ኸኣ ንቕሓት መንእሰያት ምዕባይ ቀዳምነት ሂቡ ዝሰርሓሉ ንጥፈት’ዩ።

ማሕበር፡ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ተሳታፍነትን መንእሰያት ንምዕባይ ዝተፈላለዩ መደባት ከተግብር ጸኒሑን ኣሎን። ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ሰሚናራትን ኣስተምህሮታትን፡ ዜናውን ባህላውን መደባት፡ ዘተን ክትዕን፡ ምርኢት ፊልም፡ መደብ ዋርሳ፡ ወዘተ. ነዚ ዕላማ’ዚ ንምጭባጥ ብቐጻሊ ዝካየዱ መደባት ምዃኖም ዝገለጸ ብጻይ ሳልሕ ኣሕመዲን፡ ማሕበር፡ ኣብ’ዚ ሃገር ኣብ ገስጋስ ሓድሽ መድረኽ ዘላትሉ እዋን፡ ራእዩ ህዝብን መንግስትን ኣብ ዝጭበጥ ራህዋን ብልጽግናን ከም ዝበጽሕ ንምግባር፡ መንእሰያት ፖለቲካዊ ንቕሓቶም ክብ ክብልን ተሳታፍነቶም ኣብ ኩሉ መዳያት ከም ዝዓቢ ኣብ ምግባርን ሓደ ካብ ዓበይቲ መደባቱ ምዃኑ ኣገንዚቡ። ማሕበር ንቕሓት መንእሰያት ንምዕባይ ዘካይዶ ንጥፈታት ምስ’ቲ መንእሰያት ውዳበኦም ኣብ ምሕያል ዘካይዶ ንጥፈታት ተኣሳሲሩ ዝኸይድ ምዃኑ’ውን ኣረዲኡ።









ቁጠባዊ ዓቕሚ መንእሰያት ንምጉልባት’ውን ሃማመተኤ ዝተፈላለዩ ስርሓት ክገብር ጸኒሑ’ዩ። ኣብ ዝሓለፉ



ናይ ናጽነት ዓመታት፡ ሞያዊ ስልጠናታት ሓደ ካብቶም ልዑል ኣተኩሮን ጿጋታትን ማሕበር ክሓቱ ዝጸንሑ ምዃኖም ዝጠቐሰ ብጻይ ሳልሕ ኣሕመዲን፡ ማሕበር ብንኡስ ዓቕሚ ንመንእሰያት ካብ ዝህቦ ኣገልግሎታት ኮይኑ፡ ካብ ዝተወሰኑ ኣዋርሕ ክሳዕ ክልተ ዓመት ዝዝርግሖ ብደረጃ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት፡ ዞባን ንኡስ ዞባን ዝተፈላለዩ ስልጠናታት ብምውዳብ መንእሰያት ሞያን ክእለትን ዝዓጥቅሉ ዕድላት ክፈጥር ምጽንሑ ዘብርህ ብጻይ ሳልሕ፡ ዝወሃብ ስልጠና፡ ኣሰር ዝገድፍን ፍረ ዘለዎን ክኸውን ቀጻሊ ምስዓብን ምክትታልን ክግበረሉ ዝግባእ ምዃኑ'ውን ኣዘኻኺሩ።

ገለ ካብቶም ዝወሃቡ ስልጠናታት፡ መባእታዊ ስልጠና መባእታ ኮምፒተር ፡ ምትካል ድሽ፡ ኤለክትሮኒክስ፡ ኤለክትሪሲቲ፡ ጽርበት ሓጺንን ዕንጸይትን፡ ጽገና ኮምፒተር፡ ቪድዮ ቪድዮ ካሜራ፡ ሙዚቃ፡ ሲንጀር፡ ስፌት ቅዲ ክዳን፡ ስነ- ጽባቐ ጸጉሪ ርእሲ፡ ምግጣም ሻምብቈ ማይ (ድራውሊኮ)፡ ጽርበት ሓጺንን ዕንጸይትን፡ መፍረ ንህቢ፡ መፍረ ደርሁ፡ ምድላው መግፈፊ ዓሳ (ሰኪዔት)፡ ወዘተ. ኾይኖም፡ ብተወሳኺ መሰረት ዘትሕዙ ናይ ካይላ፡ ቅብኣ፡ ስነ-ጽሑፍ፡ ድራማ፡ ትልሂት፡ ግራፊክስ፡ ፒችትሪ፡ ምሕደራ ዋኒን እውን ይርከብዎም። ሃማመተኤ ብተወሳኺ፡ ከም መቐጻልታ ናይ'ቲ ብቐጻሊ መንእሰያት ብፍልጠት፡ ሞያን ክእለትን ንምዕባይ ዝገብሮ ጻዕሪ፡ ምኩራት ወለንተኛታት መምህራንን ኣማኸርትን ዝተሳተፍዎ፡ ምስ ባህልን ክብርታትን ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝሳነ፡ ንኣስታት ሽዱሽተ ወርሒ ዝኸይድ ኮርስ ንድፊ መምሃሪ ካሪኩለም ድሕሪ ምምዕባል፡ ኣብ መፋርቕ 2020፡ ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ዓረብ ብምኽፋት፡ ካብ ዝተፈላለዩ ትካላት መንግስቲ፡ ግንባርን ሃገራውያን ማሕበራትን ንዝመጹ ሰራሕተኛታት እናተቐበለ ከምህር ምጽንሑን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ዝሓሸ ገስጋስን ዘተባባዕ ውጽኢትን ይርከቦ ምህላዉን ኣረዲኡ።

መንእሰያት ንምሕያል ብመልክዕ ኮሚተ ሽማግለ የዕሩኽ መንእሰያት፡ ኣበርክቶ ሕብረተሰብ ኣብ መንእሰያት ንምርግጋጽ ተዋሳእነት ኩሉ ኣካል ኣብ ጉዳያት መንእሰይ ንምርግጋጽ፡ ትሕተ ቅርጺ መንእሰያት ንምዉዳድን ንቕሓት መንእሰያት ንምብራኽን ተሰሪሖ። ኣብ ምሕያልን ምዕዋትን ሃገራዊ መደባት ከም ትግባረ መደብ መኸተን ልምዓትን፡ ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት፡ መደባት ልምዓትን ወፈራታት ጽሬትን፡ ሃገራውን ኣህጉራውን በዓላትን ጽንብላትን ብሰቡን ጿጋታቱን ክኸትት ጸኒሑ።

ማሕበር ተሳትፎን ብቕዓትን ኣብ ትምህርቲ ንምዕባይ ኣብ ርእስቲ መንእሰያት ፍቕሪ ትምህርቲ ንምሕያል ዘካይዶ ናይ ንቕሓት መደባት፡ ኣብ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ንዝደኸሙ ብፍሉይ ዝሕገዙሉ መደባት ክረምታዊ ትምህርቲ ከተግብር ምጽንሑ ዝገለጸ ብጻይ ሳልሕ፡ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ብሉጽ ነጥቢ ንዘምጽኡ - ሽልማት ዛግረ፡ ኣብ ወጻኢ ናይ 2ይ ደረጃ ትምህርቶም ብዓወት ንዝዛዘሙ - ሽልማት ሳዋ ካብ ኢድ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፍወርቂ ይቕበሉ ምንባሮም ብምዝኽኻር፡ ኣብ 8ይ ክፍሊ ጸብለልታ ንዘርኣዩ ተመሃሮ'ውን ምስ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብምትሕብባር ዞባዊ ሽልማታት ክህብ ምጽንሑ ኣብሪሁ።

ውድድራት ሓፈሻዊ ፍልጠት ዝፈጥሮ ናይ ምውድዳር መንፈስ፡ ባህሊ ንባብ ኣብ ምዕባይን ፍልጠት ዜጋታት ኣብ ምብራኽን ምምእዛንን ዝጻወቶ ግደ ልዑል እዩ። ማሕበር፡ ብምኽንያት 30 ዓመት ጽምብል ናጽነትና፡ ሃገራዊ ውድድር ታሪኻዊ ፍልጠት 'ቡያ' ከም ዘበገሰን እቲ ውድድር ብ16 ግንቦት 2021 ብዞባ ዓንሰባ ከም ዝጀመረን ብምዝካር፡ እቲ ውድድር ብቐንዱ ታሪኻዊ ንቕሓት ንምዕባይ ዝዓለመ ኾይኑ፡ ኣብ ኩለን ዞባታት ብስሩዕ ክካየድ ምጽንሑን ዞባታት ኣብ ውሽጠን ዘካይዳኦ ውድድራት ካብ ምምሕዳር ከባቢ ዝጅምርን ንኹሉ ዝምልከቶ ዘሳትፍን ስለዝኾነ ካብቲ ብልጫታቱ ምዃኑ ሓቢሩ።

ማእከል መንእሰያት፡ መንእሰያት ብፍልጠትን ክእለትን፡

ንቕሓትን ተሳታፍነትን፡ ጥዕና፡ ፈጠራን መሃዝነትን ሓይሎም ኣብ ሃገራዊ፡ ዞባውን ዓለማውን መድረኻት ብኣድማዕነት ክሳተፉ ደራኺ እጃም ክህልወን ምእንቲ፡ ኣገልግሎት ጥዕና፡ ትምህርትን ስልጠናን፡ ምሕያል ምህዞን ዋኒንን ምስፋሕ ቁጠባዊ ዕድላትን፡ ስፖርትን ባህልን ምዝንጋዕን፡ ሲቪካዊ፡ ፖለቲካውን ተሳታፍነት ዘዕብዩ ስትራተጂያዊ ኣገልግሎታት ክህባ ብዘኽእል ኣገባብ ንምዕባየን ዳግመ ምሕያልን ምድራጅን ክካየደለን ዘኽእል መጽናዕታዊ ወረቐት ተዳልዩ ከም ዘሎን ምስ ግዜ ጽልዋአን ክዓቢን ክሰፍሕን ደገፍ መሻርኽቲ ከም ዘድልን ኣዘኻኺሩ።

ሃማመተኤ፡ ምህዞን ሰንዓን፡ ፈጠራን ተበላሓትነትን መንእሰያት ከም ዝዓቢ ምግባር ካብቲ ብቐጻሊ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ኣገባብ'ዩ። ካብ ነዊሕ ዓመታት ኣትሒዙ ምህዞን ሰንዓን ንኽዕምብብ፡ ብርክት ዝበሉ ንጥፈታት ከካይድ ጸኒሑ'ዩ። ዝጸንሐ መደባት ብደቂቕ ብምግምጋምን ኣገባቡ ብምምሕያሽን ፍረ ብዝርከቦ መንገዲ ዳግማይ ንምብርባሩ ተበግሶ ወሲዱ ኣብ ምስራሕ ከም ዝርከብን ነዚ ክዉን ንምግባር ድማ ሃገራዊ ማእከል ምህዞን ዋኒንን መንእሰያት ብምብጋስ ናይ ስልጠናን ውድድርን መደባት የካይድ ምህላዉን ኣረዲኡ።

ምስ'ዚ ኣብ ዝተኣሳሰር ብጻይ ሳልሕ፡ ማሕበር፡ “ፈጠራዊ ሓሳብ ንምዕባለ ሕብረተሰብ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ሃገር ዝካየድ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ ኣበጊሱ ምህላዉን፡ ንዝተዓወቱ ወረቓቕቲ ምትብባዕ ክግበር ከም ዝጀመረን፡ እቲ መደብ ንኻልኦት መንእሰያት ከም መምሃሪ ምእንቲ ክኸውን ኣብ ኤሪቲቪ ብስሩዕ ክዝርጋሕ መደብ ተታሒዝሉ ከም ዘሎን ገሊጹ።

ሃማመተኤ ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ምክልኻልን ኣብ ምምካት ኣብ ልዕሊ ብኤች ኣይ ቪ ዝተለኽፉን ዝተጸልዉን ወገናት ዝነበረ ኢንታን ኣድልዎን፡ ምዝርጋሕ ኮንዶም ኣቡሰላማ፡ ምሕያል ተሳትፎን ኣድማዕነትን መንእሰያት ደቀንስትዮ ኣብ ትምህርቲ፡ ምምካት ጎዳእቲ ልምድታት ምኽንሻብ ደቀንስዮን መርዓ ትሕቲ ዕድመን፡ ምርግጋጽ ከባብያዊ ድሕነት (ቀጻሊ ዝካየድ መደባት ማእቶት፡ ሕብረተሰብ ተጠቃምነት ጋዝ ኣብ ዘቤታዊ ጽዓት ንኽዕቢ ዝገበሮ ዕዮ)፡ ምድላው መጎሳጎሲ ጽሑፋት፡ ምዝርጋሕ ዜናውን ባህላውን መደባት፡ ምውዳብ ምስ ታሪኻውን ፕሮጀክትታት ልምዓትን ዘላሊ መደብ ዙራ ሃገርካ፡ ምሕያል ኣበርክቶ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን መንእሰያት ኣብ ሃገራዊ መደባት፡ ምዕባይ ጽልዋን ሽርኽነትን ማሕበር ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን ጉዳያት፡ ምውዳብ ስርሒታት፡ ምውዳብ ሽማግለ ኣዕሩኽ መንእሰያት፡ ቅነ መንእሰያትን ውዳበታትን፡ ፈስቲቫል ኢንተርኮለጅ፡ ሃገራዊ ፈስቲቫል መንእሰያት፡ ፍልጠት ጠቀስ ውድድራት፡ ምምላእ ፋይናንሳውን ምምሕዳራውን ጠለባት ካብ'ቶም ከይጠቐስካ ክሕለፉ ዘይብሎም ዓበይቲ ንጥፈታት ማሕበር ምዃኖም ብጻይ ሳልሕ ኣሕመዲን ኣረዲኡ።

ምስዚ ኣብ ዝተኣሳሰር፡ ኣብ ምዕዋት መስርሕ ረፈረንዱም፡ ብደረጃ ሃገርን ብደረጃ ዞባታትን ኣብ ዝተኻየዱ መስርሕ ምርጫ ባይቶታት፡ ኣብ ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ ምዕዋት መደባት ሃገራዊ ኣገልግሎትን ክረምታዊ ማእቶት ተመሃሮን፡ ኣብ ወፍሪታት መኸተን ልምዓትን ኣድማዒ ተራ ከም እተጻወተ ብጻይ ሳልሕ ይገልጽ።



ሓይልን ብርትዐን ሓደ ህዝቢን ሃገርን ዝያዳ ኹሉ ፖለቲካዊ ምኳኑ፡ ካብ ተሞኩሮና ዝዓቢ ምስክር የለን ዝበለ ብጻይ ሳልሕ፡ ነዚ ምስጢር ዓወትና ዝኾነ ፖለቲካዊ ሓይሊ ምስሳን ሕጂ'ውን ቅድሚት ዝስራዕ መድረኻዊ ተልእኾ ሃማመተኤ ምኳኑ ኣብ መግለጺኡ ኣብሪሁ።

ሃማመተኤ፡ መንእሰያት ኣብ ምንቃሕ፡ ምውዳብን ምዕጣቕን ዝዓለመ ውጽኢታውን ኣድማዕን ስራሕ ንምስራሕ ናይ 5 ዓመት ስትራተጂያዊ ውጥን ስራሕ እናውጽአ፡ ንጥፈታቱ የሰላስልን ይግምግምን። ኣብ'ዚ እዋን በብደረጃ ውዳብኡ (ንጡፍን ሰፊሕን ውዳበ) ዝፍለን ውድባዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ማሕበረ-ቁጠባውን ባህላውን ንጥፈታት ኣብ 446 ማእከላይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ፡ 133 ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ፡ 6 ኮለጃት፡ 661 ምምሕዳር ከባቢታት፡ 67 ንኡሳን ዞባታት፡ ብደረጃ ሽውዓተ ዞባታትን ሽዱሽተ ክፍልታት ማእከላይ ቤት ጽሕፈትን ንጥፈታቱ ኣብ ምክያድ ይርከብ።

**ትውፊት**

ጸሓይ ኖጽነት ዘብረቐ

# ዛዛሚ ወተሃደራዊ ግጥም ብሓጺር

## ውዕሎ 19 ግንቦት

◆ ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ፡ ቃልሲ 30 ዓመት መኸተምታ ዝገበረሉ፡ ዛዛሚ ወተሃደራዊ ግጥም፡ ሰንበት 19 ግንቦት 1991 እዩ ጀሚሩ። እቲ ብግንባር ደቀምሓረ ዝጀመረ፡ ዛዛሚ መጥቃዕቲ፡ በተን ኣብቲ ግንባር ዝነበራ 4 ክፍላተ-ሰራዊት ማለት 16፡ 52፡ 70፡ 85 ምስ መካናይዝድ ብርጌዳት 73ን 34ን ካልኦት ደገፍቲ ኣሃዱታትን ዝተፈጸመ ኮይኑ፣ ኣብ መወዳእታ ኩሉ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት፡ ዞባዊ ሰራዊትን ሓፋሽ ህዝብን በብሸነኾም፡ ሰራዊት ጸላኢ መሊእካ ንምጽራግ፡ ሰቡን ንብረቱን ንምምራኽ ኣበርክቶ ዝገበርሉ ሰፊሕ ግጥም እዩ ነይሩ።

◆ በቲ ዝወጸ ውጥን መጥቃዕቲ መሰረት፡ እቲ ግጥም ሰዓት 10፡00 ቅ.ቀ. ምስ ተጀመረ ክፍለ-ሰራዊት 52 ኣብ ሓጺር ግዜ ኣብ ቅድመኣ ዝነበረ ዕርድታት ሰራዊት ጸላኢ ብምፍራስ ንሰሰብ ገማግም ሰፈር-ኣጣልን ኣፈልባን ተቘጻጸረት። ኣብ መስመር መጥቃዕቲ ናይዛ ክፍለ-ሰራዊት ኣብ ዝተወሰነ ቦታ ጸላኢ ተሪሩ ስለ ዝመከተ፡ ገለ ክፋል ሓይሊ ጸላኢ ኣብ ማእከል ተቘሪጹ ከም ዝተርፍ ተገብረ። ክፍለ-ሰራዊት 85 ብወገና፡ ጺጋም ካብ ኣፈልባ፡ ክሳብ ከባቢ ሕረት፡ ዝነበረ ጭፈ ፡ ኣውቶቡስ፡ እንዳ-ሓሰር ዝተባህለ ዕርድታት ተቘጻጸረቶ። ጸላኢ ሓይሊ እናደረበ፡ ተሪሩ ይምክት ስለዝነበረ፡ እቲ ውግእ ኣመና ከቢድ ነበረ። ክፍለ-ሰራዊት 16 እውን፡ ድሕሪ ናይ ምሉእ መዓልቲ ውግእ ሰዓት 22፡40 ምሸት ንጉራዕ ተቘጻጸረቶ።

◆ ኣብዚ ዕለት'ዚ ጸላኢ፡ ከም ትሕጃ ኣብ ከባቢ ደቀምሓረ ኣስፊሩዎ ዝነበረ “ተራራ ክፍለ-ጦር 18”፡ ናብ ኣፈልባ ደረበ። ካብ ሰዓት 14፡30 ጀሚሩ ድማ፡ እቲ ክፍለጦር፡ ኣብ ተሪር ናይ ምክልኻልን ጸረ-መጥቃዕቲን ውግእ ተጸምደ። ምሸት ካብ ሰዓት 18፡00 ክሳብ ሰዓት 20፡00 ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ንዝወሰዳኦ መጥቃዕቲ ድማ ንግዜኡ ክገትኦ ከኣለ። ካብ ሰዓት 22፡40 ጀሚሩ ኣብ ከባቢ እራር ንዝተወሰደ ተኸታታሊ መጥቃዕትታት ህዝባዊ ሰራዊት ከኣ ተሪሩ ክምክቶ ሓደረ።



## ውዕሎ 20 ግንቦት

◆ ኣብዚ ዕለት'ዚ ኣሃዱታት ክፍለ-ሰራዊት 70 ቀዳማይ ድፋዕ ጸላኢ ብምፍራስ፡ ምዕራብ ካብ ትኹል ንዝርከብ፡ ኣገደስቲ ቦታታት ከባቢ ኮርባርያ ተቘጻጺረን ሓደራ። ክፍለ-ሰራዊት 16 ብወገና ካብ ጉራዕ ንጺጋም ብምንቅስቓስ ሰዓት 11፡00 እንዳ-ኣመሪካ ተቘጻጺራ፡ ፍርቂ መዓልቲ ናብ ዓዲ-ጉልጎል ተጸግዐት። ሰዓት 17፡00 ካብ ዓዲ-ጉልጎል ንኣምሁር ዝወስድ ጐልጎል ክትቁርጽ፡ ኣብ ዝፈተነትሉ ግን፡ ጸላኢ ከፋት ቦታ መዝሚዙ፡ ነታ ካብ ካልኦት ኣሃዱታት ቀዲማ ውሽጢ ዝኣተወት ሓንቲ ቦጦሎኒ ብታንክታት ተሳሃላ። ጸላኢ ብኻልእ ከባቢ ጸቕጢ ስለ ዘይነበሮ፡ ነታ ቦጦሎኒ ኣኽቢቡ ከቢድ ክሳራ ኣውረደላ። ጸኒሑ፡ ብየማንን ጺጋምን ዝነበራ ኣሃዱታት



ቦታታት ስለዘይጥዓመን ብዙሕ ክስጉማ ኣይከኣላን። ጸላኢ ዓጊቱወን ወዓለ። ብየማን ዘጥቅዓ ኣሃዱታት ደቀምሓረ ምስ ኣተዋ ግን፡ ቅድመኡን ዝነበረ ሓይሊ ጸላኢ ጸራሪገን፡ ብዘይ ብዙሕ መሰናኽል ንጸጓሮን ኣምሁርን ክቆጻጸራ ከኣላ። ብድሕሪ'ዚ ብቕልጡፍ ንቕድሚት ገስጊሰን ካብ ከባቢ ኣውሊዕ-ጸሩ ንሸነኽ ኣድግና ዘሎ ተረተር ቦታታት ሒዘን ሓደራ።

ስጉምቲ ምስ ወሰዳ ግን ኣሃዱታት ክፍለሰራዊት 16 ናብ ሽቶአን በጽሓ።

◆ ጸላኢ፡ ናብዚ ዕለት'ዚ ኣብ ዘውግሐ ለይቲ፡ ዝተታሕዞ ቦታታት ንምምላስ፡ ክፍለ-ጦራት 18ን 19ን ከምኡ'ውን መካናይዝድ ብርጌዳትን ካልኦት ኣሃዱታቱን ኣሰሊፉ፡ ብወገን ኣፈልባን እራርን ሓያል ጸረ-መጥቃዕቲ ከካይድ ሓደረ። እንተኾነ ለውጢ ኣየመጽአን። እዚ ውግእ'ዚ እናተኻየደ እንከሎ፡ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ኣብቲ ዕለት'ቲ ብመድፍዕ 130 ሚሊ ሜትር ንመዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ኣጽዒቑ ክድብድቦ ወዓለ።

## ውዕሎ 21 ግንቦት

◆ ግጥም ሳልሳይ መዓልቲ ሰዓት 5፡00 ወጋሕታ ጀመረ። ክፍለ-ሰራዊት 85፡ ብጸጋማይ ሸነኽ ብወገን ጸላኢ ቀዲሙ ዝተፈነወላ ጸረ-መጥቃዕቲ ድሕሪ ምምካን፣ ዝተወሰና ኣሃዱታት ናይዛ ክፍለ-ሰራዊት፡ ምስ ኣሃዱታት ክፍለ-ሰራዊት 52 ብምዃን ብወገን ደቡባዊ ምብራቕ ንገለ ክፋል ደቀምሓረ ተቘጻጸራ። ጸላኢ ብሸነኽ ኣምሁር ካብ ዝነበራ ታንክታት ብቕጽበት ናብ የማን ብምንቅስቓስ፡ ንኣሃዱታት ክፍለ-ሰራዊት 85 ክጭፍልቐን ተሃንደደ። ኣንፈት ምንቅስቓሱ ብማዕዶ ምስ ተራእየ፡ ካብተን ምስ ክፍለ-ሰራዊት 52 ዝነበራ ታንክታትን ጸረ-ታንክን ብቕልጡፍ ኣብታ ብርጌድ ተደሪበን ኣድብየን ከም ዝጽበይኦ ተገብረ። በዚ ድማ፡ እቲ ተሃንዲዱ ዝመጸ ታንከኛ ኣሃዱ፡ ኣብ ሓንቲ ደቒቕ 4 ታንክታት ተቓጸላኡ። በዚ ዝተሰናበደ ጸላኢ ዝተረፋ ታንክታቱ ንድሕሪት መሊሱ ናብ ኣምሁር ክሰግር ተገደደ። ድሕሪ'ዚ ኣሃዱታት ክፍለ-ሰራዊት 85 ምስ ክፍለ-ሰራዊት 52 ብምትእስሳር፡ ደቀምሓረ ሓሊፈን ናብ ታባታት ኣውሊዕ-ጸሩን ደቂናዞን ወጺአን ሓደራ።

◆ኣብዚ ዕለት'ዚ ኣሃዱታት ክፍለ-ሰራዊት 16 ዘጥቅዓሉ

◆ ክፍለ-ሰራዊት 70 ብወገና ካብ ከባቢ ኮርባርያ ብምብጋስ፡ ንመስመር ደቀምሓረ-ተራእምኒ ብምቑጻጸር፡ ንጸጓሮ ንየማን ገዲፋ ንዓራቶን ደንገልን ዘተኣሳስር ብራኸታት ሒዛ፡ ብሸነኽ የማን ምስ ክፍለ-ሰራዊት 16 ተኣሳሰረት። ድሕሪ'ዚ እቲ ካብ ደቀምሓረ ክሳብ ትኹል ተገቲሩ፡ ነቲ ግንባር ሓኒቑ ሒዙዎ ዝነበረ ሓይሊ ጸላኢ መስመር ከይብተኾ ተቐዳዲሙ ብኮርባርያ ኣቢሉ ንተራእምኒ ሃደመ።

◆ 21 ግንቦት 1991፡ ደቀምሓረ ተታሒዛ ብርቱዕ ውግእ እናቐጸለ ከሎ፡ መራሒ ደርግ ኮሎኔል መንግስቱ ሃይለማርያም፡ ካብ ሃገር ከም ዝሃደመን፡ መተካእታኡ ድማ፡ ምክትል ፕረዚደንት ዝነበረ ሌተና ጀነራል ተስፋየ ገብረኪዳን ብግዝያውነት ስልጣን ከምዝተረከበን ብማዕከናት ዜና ኢትዮጵያ ተኣወጀ።

## ውዕሎ 22 ግንቦት

◆ ኣብዚ ዕለት'ዚ ክፍለሰራዊት 85 ሰዓት 6፡15 ንግሆ መጥቃዕታ ብምጅማር፡ ብየማን ኣብ እግሪ ወቐርቲ ዝርከብ ታባታት ሒዛ፡ ንዓዲ ዛምርን ዝባን ኣንገብን ድሕሪ ምቁጽጻር፡ ኣብ ከባቢ ክሳድ ጉዋን ከባቢ ወርዕዝን በጽሐት። ወርዕዝ ኣዝዩ በሪኽ ቦታን ድልዱል ድፋዓት ዝነበሮን እዩ። ኣሃዱታት 85 ኣብዚ ዕለት'ዚ ውርዕዝ ንምቁጽጻር ክልተ ግዜ ዘካየድኦ ብርቱዕ ህጁም ኣይሰለጠን።

◆ ክፍለ-ሰራዊት 52 ብወገኑ፡ መጥቃዕቱ ብደቂናዞ ጀሚሩ፣ ከባቢ ሰዓት 11፡00 ንወቐርቲ ተቘጻጸረ። ንዓደርዓዳ ክኣቱ ኣብ ዝፈተነሉ ግን ጸላኢ ሓድሽ ሓይሊ ኣምጺኡ ጸረ-መጥቃዕቲ ስለዝፈነወ፡ ዓደርዓዳ ከይኣተወ ኣብ ጫፍ ናይቲ ዓዲ ዝርከብ ታባታት ሒዙ ክዋጋእ ሓደረ። እዚ እናኾነ ብወገን ሰሳሕ ዝነበራ ኣሃዱታት ናብ ሰሜናዊ ምብራቕ ዝባውንቲ ወቐርቲ ክወጻ እንከለዋ

ብጒላጒል ዝኸዳ ከኣ ንጋዴን ተቘጻጺረን ሓደራ።

◆ ክፍለ-ሰራዊት 16 ካብ ተረተር ኣውሊዕ-ጾሩ-ኣድግና ወጋሕታ ተበጊሱ፡ ብዓዲዛምር ገይሩ ካብ ዳምባ ክሳብ ምዕራብ ወርዕዝ ዘሎ ቦታታት ድሕሪ ምቍጽጻር፡ ንዳምባን ኣዛይሐን ከባቢኡን ብቐሊሉ ብምቁጽጻር ኣብኡ ሓደረ።

◆ ካብ ኮርባርያ ዝገስገሰ ክፍለ-ሰራዊት 70 ገለ ክፋሉ ንጽርግያ ሽከቲ ቆሪጹ፡ ንመንገዳ ክጽጋዕ እንከሎ፡ ገለ ክፋሉ ታባታት ዓዲራእሲ ብምሓዝ፡ ምሸት ሰዓት 20፡00 ንድባርዋ ተቘጻጸረ። ገለ ክፋል ኣሃዱታቱ ከኣ ንተራእምኒ ገጸን ኣምርሓ። ይኹን እምበር ተራእምኒ ከይበጻሕካ ኣብ ዝርከብ ጒልጎል፡ ጸላኢ 20 ታንክታትን ብርክት ዝበለ ሰራዊትን ኣሰሊፉ ስለዝነበረ፡ ተዓጊተን ተራእምኒ ከይኣተዋ ሓደራ።

## ውዕሎ 23 ግንቦት

◆ ኣብዚ ዕለት’ዚ ክፍለሰራዊት 52 መጥቃዕቱ ሰዓት 5፡30 ንግሆ ብምጅማር፡ ሰዓት 11፡00 ኣብ ዓደርዓዳን ጉዋን ዝሓደረ ሰራዊት ጸላኢ ጸራሪጉ፡ ንቕድሚት ብምግስጋስ፡ ንዝግብ ሒዙ ዓዲ-ሓውሻ ኣብ ቅድሚኡ ገይሩዋ ሓደረ። እቲ ብጋዴን ዝደየበ ኣሃዱታት ድማ ንክሳድ ቀጸላ ሒዙ፡ ዝግብ ኣትዩ ሓደረ።

◆ ኣብ እግሪ ወርዕዝ ዝሓደረ ክፍለ-ሰራዊት 85፡ በቲ ዝነበሮ ውሑድ ዓቕሚ ሰብን ሞርታራትን ንወርዕዝ ክቈጻጸር መጥቃዕቲ እኳ እንተፈነወ፡ ብሸነኽ ጸጋም ከይተራእየ ዝጸንሐ ሰራዊት ጸላኢ ብጎድኒ ከጥቅዖ ስለዝፈተነ፡ መደቡ ከይሰለጦ ንድሕሪት ተመልሰ። ጸኒሑ ግን ሰቡን ኣጽዋርን ዳግም ወዲቡ ዘየላቡ መጥቃዕቲ ብምፍናው ንወርዕዝ ተቘጻጸራ። ኣብ ቅድሚኡ ዝገጠሞ ሓያል ተቓውሞ ናይ ጸላኢ እናመከተ ድማ፡ ንሰራዊት ጸላኢ እናደፍአ ንቕድሚት ብምቕጻል፡ ንእምበይቶ፡ ዓዲቐሺን ዓደ-ሕደሮምን ተቘጻጸረን።

◆ ኣብዚ ዕለት’ዚ፡ ኣሃዱታት ክፍለ-ሰራዊት 16 ግጥም ወርዕዝ ብማዕዶ እናተኸታተላ፡ ኣተሓሕዛአን ከመዓራርያ ኣርፈዳ። ድሕሪ ምትሓዝ ወርዕዝ ከኣ፡ መጥቃዕቲ ብምፍናው ንዓዲ-ቐሺ (ምስ ክፍለ-ሰራዊት 85 ብምትሕግጋዝ)፡ ንዓዲ-ሃከፋ፡ ብድሕሪኡ ድማ ዓዶምዘማት (ብድሕሪት ምስ ዝመጹ ኣባላት ስለያ 72 ብምትሕግጋዝ) ክቆጻጸራኦ ከኣላ።

◆ ኣብዚ ዕለት’ዚ ወጋሕታ፡ ኣብ ከባቢ ተራእምኒ ኮይኑ ክከላኸል ዝሓደረ ጸላኢ ታንክታቱ ሒዙ ናብ ድባርዋ ብምምራሕ፡ ንኣሃዱታት ክፍለ-ሰራዊት 70 ፈንጢሱ ናብ ኣስመራ ክሓልፍ ፈተነ። በዚ ፈተነ’ዚ ውሑድ ሰራዊትን ሰለስተ ታንክታትን ናብ ኣስመራ ክሓልፉ ክኢለን። እቲ ዝተረፈ ሰራዊትን ታንክታትን ግን ክሓልፍ ስለዘይከኣለ ተማረኸ። ድሕሪ’ዚ ገለ ኣሃዱታት ክፍለ-ሰራዊት 70 ናብ መንደፈራ ብምግስጋስ ሰዓት 13፡00 ቀትሪ መንደፈራ ኣተዋ። ጉዕዞአን ቀጺለን ድማ ዓዲ ኳላ በጽሓ። ኣብ ዓዲ ኳላን ከባቢኣን ዝነበረ ጸላኢ፡ 22 ግንቦት ናብ ትግራይ ክሰግር ኣብ ክሳድ ዒቃ ብሓንቲ ብርጌድ ዞባዊ ሰራዊትን ኣሃዱታት ሃንደሳን ተዓጊቱ፡ ኢዱ ሂቡ ብረቱ ኣራጊፉ ንትግራይ ሰጊሩ ጸንሖም። እቲ ካብ ድባሩዋ ብሸከቲ ኣቢሉ ንመንገዳ ዝገስገሰ ኣሃዱታት፡ ቅርጺ መሬት ስለ ዘይሓገዞ ኣብዚ ዕለት’ዚ መንገዳ ክቈጻጸር ኣይከኣለን። ይኹን እምበር ገለ ኣሃዱታት ናይዛ ክፍለ-ሰራዊት ለይቲ ብሸነኽ ምዕራብ ተጠውየን ዝባን ወጺአን ሓደራ።

## ውዕሎ 24 ግንቦት

◆ ኣብዚ ዕለት’ዚ ኩለን ኣሃዱታት በብሸነኸን ተወሃሂደን መጥቃዕተን ቀጸላ። ኣሃዱታት ክፍለ-ሰራዊት 52 ብዝገስገሳሉ ኣንፈት፡ ጸላኢ ብዘይገለ ተቓውሞ ከሃድም ስለ ዝጀመረ፡ ንኩርባ-እምበይቶ ተቘጻጺረን ከባቢ ሰዓት 11፡00 ብሎኮ ጎዳይፍ በጽሓ። ካልኦት ኣሃዱታት ክፍለ-ሰራዊት 52፡ ብሸነኽ ዓዲ-ሓውሻን ጸሎትን ኣስመራ ድሕሪ ምእታወን ከኣ፡ ካብ ግንባር ጊንዳዕን ዓዲሮሶን ተደፊኡ ከመጽእ ዝኽእል ሰራዊት ጸላኢ ንምዕጋት ብቕልጡፍ ብማይጭሆት ኣቢለን ናብ ቤትገርግሽ ኣምርሓ። እቲ ካብ ግንባር ጊንዳዕን ዓዶሮሶን ዝተደፍአ ብርክት ዝበለ ሰራዊት ጸላኢ ኣብ ቤትገርግሽ ቅሩብ ተቓውሞ ክገብር ፈቲኑ ነበረ። ይኹን’ምበር እዘን ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ብቐሊሉ ተቘጻጸራኦ። ጸላኢ ንኣስመራ ገዲፉ ይሃድም ስለ ዝነበረ ከኣ ክፍለ-ሰራዊት 52 መጥቃዕታ ዛዘመት።

◆ ክፍለ-ሰራዊት 85 ኣብዚ ዕለት’ዚ ዝኾነ ይኹን ናይ ጸላኢ ተቓውሞ ከይገጠማ፡ ኩርባ-እምበይቶ ንየማን፡ መርሓኖ ንጸጋም ብምግዳፍ ናብ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ኣተወት። ክፍለ-ሰራዊት 16 ብወገና ንግሆ ሰዓት 6፡00 ካብ ዓዲቐሺ ላምዛን ዓዲ-ሃከፋን ተበገሰት። ተቓውሞ ናይ ጸላኢ ስለ ዘይነበረ ከኣ፡ ከባቢ ሰዓት 10፡00 ዓዲ ጓዕዳድ ኣተወት።



◆ ኣብዚ ዕለት'ዚ ገለ ኣሃዱታት ክፍለ-ሰራዊት 70፡ ካብ ሰላዕዳዕሮ ንምዕራብ ዘሎ ቦታታት ተቘጻጸራ። ነቲ ታንክታት ሒዙ ኣብቲ ከባቢ ዕግሽግሽ ክብል ዝጸንሐ ሰራዊት ጸላኢ ኢዱ ንክህብ፡ ብሓደ ምሩኽ ደብዳበ ልኢኾን ከኣ እቲ ሰራዊት ምስ ታንክታቱ ከምዝማረኽ ገበራ። ዝተረፉ ኣሃዱታት ንምዕራብ ገጹ ዝሃድም ዝነበረ ሰራዊት ጸላኢ ንምትራፍ ብዳዕሮ-ቓውሎስን ቁሸትን ኣቢለን ናብ ጸዓዘጋ፡ ዓዲገብሩን ደናጉልን ብምንቅስቓስ ብኡ ክሃድም ንዝተፈተነ ሰራዊት ጸላኢ፡ ምስ ንብረቱ ማረኽኦ። እተን ብምዕራብ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ዝኣተዋ ኣሃዱታት ክፍለ ሰራዊት 70 ብወገነን ንመዓስከራት ትራክ-ሲን ትራክ-ቢን ቁሸትን ብምቁጽጻር መጥቃዕተን ዛዘማ። እተን ንዓዲ ኿ላን ክሳድ-ዒቃን ገጸን ኣቢለን ዝነበራ ኣሃዱታት ከኣ፡ ወጋሕታ 24 ግንቦት፡ ካብ መንደፈራ ተበጊሰን ብመገዲ ዓረዛ፡ ባረንቱ ኣተዋ። ምስተን ኣብኡ ዝጸንሓ፡ ካብ ግንባር ከረን ዝመጻ ኣሃዱታት ብሓባር ክሳብ ተሰነይ ብምቕጻል ድማ ተበታቲኑ ናብ ሱዳን ገጹ ዝሃድም ዝነበረ ኣስታት 80 ሽሕ ሰራዊት ደርግ ማሪኾን ዕማመን ዛዘማ።

◆ ሰራዊት ጸላኢ ንኣስመራን ከረንን ገዲፉ ክሃድም ኣንፈቱ ናብ ተሰነይ ምስ ኣቕንዐ፡ ኣብ ግንባር ከረን ዝነበራ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት፡ ናብ ከባቢ ሓሊብ-መንተል ብምንቅስቓስ ብድብያ ብዝሒ ዘለዎ ሰራዊትን ኣጽዋርን ጸላኢ ከትርፉ እንከለዋ፡ ገሊኤን ንባረንቱን ተሰነይን ብምሕላፍ ብርክት ዝበለ ሰራዊትን ኣጽዋርን ማረኻ። ብዘይካ'ዚ ኣብ ባረንቱ ዝነበሩ ኣባላት ወተሃደራዊ ሃንደሳን ካልኦት ናይ ክፍልታት ተጋደልቲን፡ ነቲ ዝሃድም ዝነበረ ሰራዊት ንምምራኽን ንብረቱ ንምትራፍን ዓቢ ኣበርክቶ ገበሩ።

## መደምደምታ

ኣብ ጽባሕ ምትሓዝ ኣስመራ፡ ብ27 ግንቦት 1991 ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ትሕቲ ሰራዊት ጸላኢ ንዝነበረት ዓሰብ ንምቍጽጻር ነቐለ። እቲ መጥቃዕቲ ምስቲ ኣዲስኣበባ ንምቍጽጻር ዝካየድ መጥቃዕቲ ማዕረ ክስጉም እዩ ተወጢኑ። ጸላኢ ተሪሩ ክምክት ስለዘይከኣለ ግን፡ ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ውሽጢ ሓደ መዓልቲ ዓሰብ ተቘጻጸረ። ኣብታ ከተማ ዝነበረ ዝበዝሐ ሰራዊት ክማረኽ እንከሎ፡ ዝተረፈ ድማ ንጅቡቲን የመንን ሃደመ። ማዕረ ማዕረ'ዚ ሰራዊት ህወሓት ብመካናይዝድ ኣሃዱታት ብርጌድ 23ን ኣሃዱታት ኮማንዶ ህዝባዊ ግንባርን ተሰንዩ፡ ናብ 28 ግንቦት 1991 ኣብ ዘውግሐ ለይቲ ኣዲስ ኣበባ ንምቁጽጻር መጥቃዕቲ ፈነወ። ብዘይካ'ቲ ኣብ ቀጽሪ ቤተ መንግስቲ ኣዲስኣበባ ንታንከኛታት ዝገጠሞም መጠናዊ ተቓውሞ ከኣ፡ ኣብ ረፋድ 28 ግንቦት 1991 ርእሰ ከተማ ኢትዮጵያ ኣዲስ ኣበባ ብዘይ ብዙሕ ተቓውሞ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ኣተወት።

ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ኣብዚ መወዳእታ ግጥም፡ ብዝሑ ልዕሊ 130,000 ይበጽሕ ነበረ። ኣብ ግጥም ግንባር ደቀምሓረ ተሳዒሩ ክበታተን ምስ ጀመረ ከኣ፡ ካብቲ ሰራዊት እቶም ኣስታት 80 ሽሕ ኣብ መገዲ ከረንን ባርካን፡ ኣስታት 21 ሽሕ ኣብ ክሳድዒቃ፡ ኣስታት 13 ሽሕ ኣብ ኣስመራን ከባቢኣን፡ ብድምር ልዕሊ 114 ሽሕ ወተሃደራት ተማረኹ። ዝተረፉ ኣስታት 16 ሽሕ ከኣ ኣብቲ ውግእ ሞቱ። እቶም ምሩኻት፡ ሽዑ ንሽዑ ምሕረት ተገይሩሎም ናብ ዓዶም ተፋነው። ብዘይካ'ቲ ኣብ ውግእ ዝዓነወን ኣጽዋርን ሰለስተ ንሱዳን ዝሰገራ ታንክታትን ገለ መካይንን፡ ኩሉ ኣጽዋርን ንብረትን ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ማለት፡ 200 ታንክታት፡ 50 ናይ 130 ሚሊ ሜትር መዳፍዕ፡ 171 ናይ 122 ሚሊ ሜትር መዳፍዕ፡ 44 ቢ.ኤም-21፡ 18 ቢ.ኤም-24፡ 127 ዙ-23፡ 1038 ሞርታራትን ካልኦት ብርክት ዝበሉ ማእከሎትን ፈኮስትን ኣጽዋራት ኣብ ኢድ ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ኣተው። እቲ ን30 ዓመታት ዝተኻየደ መሪር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ድማ፡ በዚ ኣንጻባራቒ ወተሃደራዊ ዓወት'ዚ ከተያ ተገብረሉ።

## ጉዳያት

# ውሕስነት ሃገር ብኸመይ፧

መበል 35 ዓመት ጽንብል ናጽነት ኤርትራ፡ ፡”ጽንዓትና ዋሕስና!” ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ቴማ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርን; ኤርትራውያን ኣብ ዝርከብሉ ሃገራት ወጻኢን፡ ከም ወትሩ፡ ብዕዙዝ ሱታፌ ህዝቢ፡ ብልዑል ድምቀትን ማዕርግን ይጽንበል ኣሎ።

“ጽንዓትና ዋሕስና!” ዝብል ናይ ሎሚ ዓመት ቴማ፡ ንመግለጺ ውሩይ እንግሊዛዊ ናይ ስነ-ፍጥረት ተመራማሪ ቻርለስ ዳርዊን ዘዘኻኽር እዩ። ዳርዊን ንሕጊ ፍልቀት (evolution)፡ “ብቑዕ ይሰርር - ድኹም ይጸንት” (Survival of the fittest elimination of the weakest) ክብል’ዩ ገሊጽዎ። ብኣገላልጻኡ፡ ዝኾነ ህይወታዊ ብብልጸቱ፡ ብብቕዓቱ፡ ተጻዋርነቱን ጽንዓቱን’ዩ ቀጻልነቱ ዘረጋግጽ።

ወዲ-ሰብ ኣእምሮ ስለዝተዓደሎ፡ ነዚ ባህርያዊ ሕጊ’ዚ ብመጠኑ ዝቕይር፡ ዝምድናታቱ ኣብ ሓልዮትን ምንብባርን ከም ዝምስረት ዝገብር፡ ማሕበራዊ ህይወት፡ ባህልን ክብርታትን ከማዕብል ክኢሉ እዩ። ይኹን’ምበር፡ እቲ ኣብ መንጎ ህዝብታትን ሃገራትን ዘሎ ውድድር ብዕምቈት ምስ እነስተንትኖ፡ ዝማዕበለ መልክዕ ናይዚ መሰረታዊ ሕጊ ተፈጥሮ እዩ። ብቑዕ ይሰርር - ድኹም ይጸንት።

ነዚ ኣብነት ዝኸውን፡ ኩልና እንፈልጦ ሓደ ጥቕሲ ክንጠቅስ፡ ኣብ መፋርቕ ዝሓለፈ ዘመን፡ ዳርጋ ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ ካብ መግዛእቲ ክላቐቓ እንከለዋ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንስለ ጂኦ ፖለቲካዊ ረብሓታት ርእሰ ሓያል ኣመሪካ ተባሂሉ፡ መሰል ርእሰ ውሳነኡ ተነፊጉዎ እዩ። እቲ ተግባር ፍትሓዊ ከም ዘይነበረ፡ ኣብቲ ግዜ’ቲ ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ዝነበረ፡ ጆን ፎስተር ዳላስ ዝተዛረቦ ቃላት ይምስክር።

“ብዓይኒ ፍትሒ ርእይቶ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምት ክኣቱ ይግባእ ነይሩ። እንተኾነ ግን፡ ስትራተጂያዊ ረብሓና ኣብ ቀይሕ ባሕሪን ማእከላይ ምብራቕን ዓለማዊ ሰላምን ጸጥታን፡ እታ ሃገር ምስታ መሓዛና ኢትዮጵያ ክትቀኑረን ግድን ገይሩዎ ኣሎ”......

እዚ ቃላት’ዚ ዓለማዊ ዝምድናታት ኣብ ፍትሒ፡ ሞራልን ቅንዕናን ዘይኮነ ኣብ ቅልጽምን ረብሓታትን ከም ዝምርኩስ’ዩ ዘመልክት። ስለዚ ድማ፡ ንረብሓ ሓያላት ተባሂሉ፡ መሰል ድኹማት ከም ዝርግጽ ናይ ኤርትራ ታሪኽ ጭቡጥ መረዳእታ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብቲ እዋን’ቲ ፖለቲካዊ ብቕዓቱን ጥምረቱን ድኹም ስለዝነበረ እዩ፡ ግዳይ ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ዘይፍትሓዊ ውሳነ ክኸውን ክኢሉ።

መበል 35 ዓመት ናጽነት ኤርትራ፡ ኣብ እንዝክረሉ ቅንያት እምበኣር፡ ነቲ “ጽንዓትና ዋሕስና!” ዝብል ቴማና ብመንጽር ዝሓለፍናዮ ታሪኽ ክንርእዮን ክነስተንትኖን ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ፡ ብመጠን ንድሕሪት ዝጠመትካዮ ኢኻ ንቕድሚት እትስጉም። ህዝቢን ሃገርን ከኣ፡ ሕሉፍ ተሞኩሮታቱ መወከሲ ከይገበረ ንቕድሚት ክስጉም ዘለዎ ተኽእሎ ድሩት’ዩ።

ብዙሕ እዋን፡ መሰረት ዓወት ፍትሓዊ ዕላማ’ዩ ይበሃል እዩ። ብርግጽ ፍትሓዊ ዕላማ ሓደ ረቛሒ ናይ ዓወት ክኸውን ይኽእል እዩ። ተዓዋትነት ናይ ዝኾነ ጉዳይ ፍትሓዊ ይኹን ዘይፍትሓዊ ዝውስኑ ግን ካልኦት ብዙሓት ረቛሒታት ኣለዉ። ፍትሓዊ ዕላማ ዘለዎ ጉዳይ፡ ብዝተፈላለየ ድኽመታት ክስዓር ይኽእል እዩ። ኣብ ታሪኽ ዓለምና ነዚ ሓቂ’ዚ ዘረጋግጽ ብዙሕ ኣብነታት ምጥቃስ ይከኣል እዩ። ብኣንጻሩ፡ ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ፍትሒ ክዕወት ሳሕቲ ተኽእሎ ኣሎ። ነዚ ዘረጋግጽ ኣብነታት እውን ውሑድ ኣይኮነን።

ኣብ ሰውራ ኤርትራ፡ ተስፋ ዓወት ጭልምልም ዝበለሉን ናብ ደንደስ ስዕረት ምግምጋም ዝተራእየሉን ብዙሕ ጽንኩር መድረኻት ተሰጊሩ እዩ። ኣብ መመድረኹ ብቕዓትን ብልጸትን ዘዕቢ ተበግሶ እንተ ዘይውሰድ ነይሩ ከኣ፡ እቲ ታሪኽ ብስዕረት ምተደምደመ ወይ ካልእ ምኾነ።

መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ብዘረጋገጾ ስነሓሳባዊን ፖለቲካዊን ብቕዓት፡ ከምኡ'ውን ነዚ ስነሓሳብ'ዚ ተኸቲሉ ብዘካየዶ ሓያል ስራሕ ግን፡ ሕቶ ህዝቢ ኤርትራ ንመሰል ርእሰ ውሳነ ተደቒሱ እናተባህለ ክሰርርን ክሕይልን፡ ነቲ ብዓቢ ደረጃ ኣንጻሩ ዝነበረ ሚዛን ወተሃደራዊ ሓይሊ ቀይሩ ክዕወት ክኢሉ። መሰረት ዓወት ህዝቢ ኤርትራ እምበኣር፡ መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ፍትሓዊ ዕላማ ህዝቢ ኤርትራ ንምዕዋት ዝሃነጾ ብቕዓት፣ ከምኡ'ውን ህዝብን ተጋዳላይን ዘርኣዮ ዘይከማህ ጽንዓትን እዩ።

"ጽንዓትና ዋሕስና!" ዝብል ቴማ እምበኣር ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ታሪኹ ንዝሓለፎ ጉዕዞ ብልክዕ ዘንጸባርቕ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ፍትሓዊ ዕላማኡ ከዐውት ዝኸኣለ ብዘገርም ጽንዓትን ስለ ዝተቓለሰ እዩ።

ኣብ ርእሲ ተሞኩሮ ሓርነታዊ ቃልስና፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ናጽነት ዝሓለፈናዮ 35 ዓመታት እውን፡ ነዚ ሓቂ'ዚ ደጊሙ ኣድሚቑዎ ኣሎ። ዓለም ናይ ረብሓን ውድድርን መድረኽ ምዃና ካብ ተሞኩሮና ንላዕሊ ምስክር የለን። ኣብ ከምዚ ዓይነት ዓለማዊ ኩነት፡ ሕብረተሰብ መሰረት ህላወኡን ቀጻልነቱን ካልእ ዘይኮነ.....ገዛእ ብቕዓቱን ጽንዓቱን እዩ። ብዘይካኡ ውሕስነት የብሉን። ብዘይ ብእኡ ኣብ መንደቕ ዘይብሉ ቀጽሪ ከም ምንባር እዩ። ምኽንያቱ ስንፍ ዝበለ ወይ ብቕዓት ዝጎደሎ ዘናሕስየሉ ወይ ደንጊጹ ዝንሕፎ የለን። ብርግጽ ድማ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ 35 ዓመታት፡ ካብቲ ናይ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ ዘይንእስ፡ ንብቕዓቱ ክፍትን፡ ንጽንዓቱ ከማህምን ዝተደናደነ፡ ብዙሕ ተጻብኦታት'ዩ ገጢሙዎ። እቲ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሱ ዘማዕበሎ ክብርታት፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ ብልጸትን ጽንዓትን እንተዘይውንን ከኣ፡ ነዚ ከቢድ ተጻብኦታት'ዚ ሰጊሩ ዳግማይ ብኣንጸባራቒ ዓወት ክወጽእ ኣምበይ ምኸኣለን።

ነዚ ታሪኻዊ ሓቅታት'ዚ ምዝካርን ምስትንታንን ዘድለየ፡ ኣብ ሕሉፍ ታሪኽ ንምንባር ኣይኮነን። ሕሉፍ ታሪኽ ምስትውዓሉ ዘድሊ ሓድሽ ታሪኽ ንምስራሕ ደራኺ ስለዝኾነ እዩ። ምኽንያቱ ሕብረተሰባት ወትሩ ኣብ ቃልሲ እዮም ዝነብሩ። ቃልሲ ንዝሓሸ መጻኢ ዘቋርጽ መስርሕ ኣይኮነን። ናይዚ ሕጂ ዘሎ ወለዶን መጻእቲ ወለዶታትን ቃልሲ እንታይ'ዩ እንተድኣ ኢልና፡ ነቲ ብጽንዓት ዝተዋሕሰ ሃገር ሕጂ እውን ብኹሉ መዳይ ምድልዳሉ እዩ። ህልው ኩነታት ዓለምና ዝነግረና መልእኽቲ እንተሎ ንሱ እዩ።

ከምቲ መንእሰያት እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ብልዑል ስነኣእምሮኣዊ ብቕዓት፡ ነቲ ጽንኩር መድረኽ ዝበቕዑዎ፡ መንእሰያት ናይዚ ግዜ'ዚ እውን ከም ተረከብቲ ሃገር መጠን፡ ኣብ ምውሓስ ድሕነትን ቀጻልነትን ሃገር፡ ንቑሓት፡ ብቑዓትን ብሉጻትን ክንከውን የድልየና። ነዚ ብልጸት'ዚ ንምውናን ድማ፡ ነቲ መሰረትናን ምስጢር ብልጸትናን ዝኾነ ሃገራዊ ክብርታትን መትከላትን ምኽታል የድሊ።

"ጽንዓትና ዋሕስና!" ክንብል እንከለና፡ ጽንዓት ሓደ ካብቶም ኀሊሖም ዝጥቀሱ ዓበይቲ ክብርታት ስለዝኾነ

ጽንዓትና ጽንዓትና ጽንዓትና
ጽንዓትና መኸተና፡ ጽንዓትና እምቢታና
ጽንዓትና ቅልጽምና'ዩ፡ ጽንዓትና ብድሆና
ጽንዓትና ቀጻልነት፡ ጽንዓትና ምዕባለና
ጽንዓትና ሓያል መፍትሕ፡ ጽንዓትና ናይ ሸቶና፡፡
ጽንዓትና'ዩ ውሕስነትና (2)
ኣንጻርና ሰሚሮም፡ ናይ ገዛእቲ ወገን
ኩሎም ተጻባእቲ ናይ ውሽጥን ናይ ደገን
ንጥፍኣትና ተበራርዮም ሓያላት ናይ ዓለም
ዓንዲ ጽንዓትና ግን ዝንቕንቔ የለን፡፡
ገና ቀጻሊ'ዩ ቃልስና ብትብዓት
ሎሚ ከም ትማሊ ክሳብ ዓወት ጽንዓት፡፡ (2)



እምበር፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ነዊሕ ቃልሱ፡ ብዙሕ ወርቃዊ ክብርታት ክኹስኵስ ዝኽኣለ ህዝቢ እዩ። በዚ ክብርታት'ዚ ድማ፡ ኣብ መንን ኩሉ ክፋላት ሕብረተሰብ ኤርትራ ብዘይ ኣፈላላይ ሃይማኖት፡ ጾታ፡ ቀቢላ፡ ቛንቛ፡ ባህሊን ማሕበራዊ ቦታን ልዑል ስኒትን ጥምረትን ብምንዳቕ፡ ኩሎም ዜጋታት ከም ዕላማ ዝወሰድዎ፡ ዝኣምንሉ፡ ዝምርሕሉ፡ ዝከላኸልሉን ዝስውኡሉን መትከላት ብምምዕባል፡ ብመንነቱ ዝሕበን፡ ኣብ ገዛእ ሰብኣዊ ዓቕሙ ልዑል ምትእምማን ዘለዎ፡ ብርቱዕ ህዝባዊ ስነኣእምሮ ክፈጥር በቒዑ። ነቲ ዓለም ኣይከኣልን ዝበለቶ ቃልሲ ኣንጻር ርእሰ ሓያላን ከምዝከኣል ዝገበረ፡ ትሕት መሬት ክቕበር ዝተፈርደ ህዝባዊ መሰል ካብ መዓሙቑ ኣውጺኡ፡ ኣብ በሪኽ ዙፋን ዘንበረ ረቂቕ ሓይሊ፡ እዚ ሃገራዊ ክብርታት'ዚ እዩ።

እዚ ኣብ ነዊሕ ሓርነታዊ ቃልሲ ዝተኹስኰሰ ክብርታት፡ ንህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ኣብቂዑዎ ጥራይ ዘይኮነ፡ ድሕሪ ናጽነት እውን ናብ ተረካቢ ሕድሪ ወለዶ ብምስጋር፡ ንህንጸት ስልጡን ሃገር ድልዱል መሰረት ኣንጺፉ እዩ። ረዚን መስዋእቲ ከፊሉ፡ ሓርነታ ዝተጓናጸፈት ኤርትራ፡ ብናጻ ፖለቲካዊ መስመርን ሕርያን፡ ብሰብኣዊን ሃገራዊን ክብረት፡ ብመንፈስ ርእሰ ምርኮሳ ብኣርኣያነት እትጥቀስ ሃገር ክትከውን ዘብቅዓ፡ እቲ ኣብ ጽንኩር ቃልሲ ንናጽነትን ልኡላውነትን እተመልመለ፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ሓርነት ውሳነ ዘፍቅር ኩነተ-ኣእምሮ ህዝባን መሪሕነታን እዩ።

ሳላ'ዚ ገድለኛ ኩነተ-ኣእምሮ'ዚ፡ ኤርትራ፡ ምእንቲ ጥዑም ግን ግዝያዊ ፍታሕ ኢላ፡ ፖለቲካዊ ናጽነታ ዘግድዕ ኣቋራጭ መገዲ ኣይሓረየትን። ሓቅን ፍትሕን ዝጠልቦ ክቡር ዋጋን ምጽማምን ክትከፍል ወትሩ ቅርብቲ ብምዃና፡ ማዕበላት ሽርሒን ተጻብኦን፡ ውዲትን ብድሆን ከንዲ ዝተኸመረ ይኹመር፡ ካብቲ ጸኒዓ ዝሓዘቶ ናጻ መስመር ከንደልህጻ ኣይከኣለን። ህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ፡ ልክዕ ከም ናጽነት፡ ቁጠባዊ ሓርነት እውን ብዕዮን ጻዕርን እምበር፡ ብልግሲ ዝርከብ ማና ከምዘይኮነ ብምእማን፡ ንፖለቲካዊ ይኹን ቁጠባዊ ጽግዕተኛነት "ኣይፋል!" ብምባል፡ ነቲ ሓቀኛ መገዲ ክብረትን ብልጽግናን እዮም መሪጾም - ጽንዓት!

ብኣጋጣሚ ዝኽሪ ናይዛ ክብርቲ ዕለተ ናጽነት እምበኣር፡ ነዚ ሓቂ'ዚ ደጊምና ብዕምቈት ብምስትንታን፡ እቲ ኣብ ነዊሕን መሪርን ሓርነታዊ ቃልስን ናይ ድሕሪ ናጽነት ጉዕዞናን ዝተሃንጸ፡ ምስጢር ሓይልና፡ ብቕዓትና፡ ብልጽትና ዝኾነ ባህልን ክብርታትን ብቐጻልነት ንምዕቃቡ፡ ንምምዕባሉን ምድልዳሉን ቃልና ነሐድስ።



# ኤርትራዊት ልቢ

ኤርትራዊት ልቢ ኣብ ሓደ ኣርማ
ትሽዓተ ውሉዳ ኣብ ሓደ ዕላማ
ትርግታኣ ስሙር፡ ሓደ ዓይነት ደማ፡
ኣብ ህርመታ - ኣብ ትርግትኣ
ሃገር ትዝክር - ብኩልንትንኣ
ሓድነት ትዝምር ኣብ ዑደታ
ኤርትራ ትዝምር ካብ ሰረታ
ህርመት ልባ ሓደ
ትርግትኣ ሓደ
ዘየዕርፍ ትርግታኣ ንዘንተ
ኣብኡ ኣሎ ፍቅራ ዝሰረተ
ኣብኡ ኣሎ ዝኽሪ - ዝኽሪ ሰማእተ
እቲ መካቲ - ሓላው ርስቲ
ናይ ኩሉ ልቢ ካብቲ ዕሽል
ክሳብ ጎርዝያ፡ እትሽምግል
ሓንሳእ ዘይትታኸስ ዘይተስግል
ሓላዊት ባሕራ ባዕላ
ንሳ ኣላ ኣብቲ ዋላ
ሰንደቕ ሰቂላ
ከተተግብር ማሕላ
ወትሩ ንስለ ሃገር ኣብ ዑደት
ትርግታኣ ዘየቋረጽ ክትሕሉ ከተቋምት
ክትሃንጽ፡ ከተልምዕ፡ ትነብር
ክትጽዕት
ንመስዋእታ ባዕላ ትደሚ
ተልእኾኣ ከተብጽሕ ኣብ ፈጽሚ
ተረካቢት ሕድሪ ትቕጽል ትርግትኣ
ኣለኹ ትብል ትቅጽል ዲግታኣ
ኤረይ ወናኒት ልቢ ሚልዮናት
ርስቲ ሰማእተ - ርስቲ ጽኑዓት፡
ህርመት ልብና ሓደ
ትርግታና ሓደ!

***ሱሌማን ዩሱፍ***
***ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ***

# ህዝባዊ ግንባር ግንባር ሓቂ

ህዝባዊ ግንባር፡ ግንባር ሓቂ እዩ። ካብቲ ንሓቂ ዘምልኽ ፈቃር ህዝቢ ኤርትራ ዝተወልደን ካብ መድረኽ ናብ መድረኽ ዓለም ብረመጽ ሓዊ እናንደደቶ፡ ከም ወርቂ እናተረረን እናተኾለዐን ዝሰረረ ውድብ ስለዝኾነ። በቶም ዓንዲ ማእከል ጥምረትና፡ ሓይልናን ዓወትናን ዝኾኑ ክብርታትና ዝግሃድ መርኣያ ጽንዓት ህዝቢ ኤርትራ'ዩ።

ሓቂ እታ ዝተረረት፡ ዝኸበረት፡ ዝበረኸትን ዘልኣለማዊትን መገዲ ህይወት እያ። ተራር ብምዃና ትቕጥን እንበር ኣይትስበርን፡ በራኽ ብምዃና ልዕሊኣ በሪኹ ዝወጽእ ኣይርከብን፡ ዝኸበረት ብምዃና ጽንዓትን መስዋእትን ትሓትት፡ ዘልኣለማዊት ብምዃና ህድእትን ሰለማዊትን እያ። "ሓቂ ተዛሪብካ ኣብ መገዲ ባቡር ደቅስ"፡ "ዘንጊ ሓቂ ትቕጥን እንበር ኣይትስበርን"፡ "ሓቂ ይጸንሕ ንደቂ"፡ "ሓቒ'ስ ብርእሳ እንተ ቖበርካያ፣ ብእግራ ትወጽእ"፡ "ሓቂ እናሓደረ ይኹላዕ ከም ወርቂ"፡ "ሓቂ ንሓንቲ መዓልቲ ጭንቂ፡ ንዘልኣለም ጽድቂ"፡ "ሓቂ ናይ ዘልኣለም ስንቂ"ን ካልኦትን ዝብሉ ምስላታት፣ ኣብ ልቢ ኤርትራዊ ተወቒሮም ካብ ዘለዉ ሓቅታት እዮም።

ብኣንጻሩ፡ ሓሶት እታ ዝደኸመት፡ ዝሓሰረትን ግዝያዊትን መገዲ ህይወት እያ። ድኽምቲ ብምዃና ተሰባሪት፡ ሕስርቲ ብምዃና በናኒት፡ ግዝያዊት ብምዃና ርብጽቲ እያ። "ሓሶት ንሓደ ዕለት ዋጋ፡ ንዘልኣለም ፍኹሰት"፡ "ሓስዩ ዝፈርድ፡ ዕዉር ይወልድ"፡ "ሓስዩ ዝመስከረ፡ ኣብራኹ ዝተሰብረ"፡ "ሓሳውን ቆርበትን እናሓደረ ይፈኩስ"፡ "ሓሶት ድራር ሓንቲ ምሸት"፡ "ሓሶት እንተ ተደጋገመስ ሓቂ ይመስል"፡ "ሓሳውስ ይምሳሕ እምበር ኣይድረርን"፡ "ሓሶት ዘምጽኣ እንተረኺባ፡ ዝቕበላ ነይትስእን"ን ካልኦትን ዝብሉ ምስላታት፣ ህዝቢ ኤርትራ ሓሶት ንምጽያን ካብ ዝጥቀመሎም ምስላታት እዮም።

ህዝባዊ ግንባር ብተግባር እምበር፣ ብዘረባ ኣይመጻደቕን። ምኽንያቱ ሓቂ ብግብራዊ ስራሕ እንተዘይኮይኑ፣ ብወለላ ቃላት ጥራይ ዝግለጽ ስለዘይኮነ። ጸላኢ ካዕበት እንክፍክር፣ ህዝባዊ ግንባር ግን ብኣንጻሩ ብውሽጣዊ ዓቕሙ "ብዘለካ ዝከኣለካ ምግባር"፣ ብዝብል እምነት ብዓቕሊ ይምርሽ። "ከልቢ እንክነብሕ፡ ገመል ጉዕዞኡ ይቕጽል" ወይ'ውን "ስቕ ዝበልና ስቕ ክንብል ስለዝደለና እዩ" ዝብል ናይ ወትሩ ኣበሃህላ፣ ንህዱእን ቅኑዕን ጉዕዞ ህዝባዊ ግንባርን ዝገልጽ እዩ።

"ዓይነይ ይፍሰስ ይሰኣኖ ኢደ እግረይ
ኣካለይ ይፈላለ ይቆረጽ'ውን ክሳደይ
ጸማልያ ይውረሰኒ ይጸንቀቕ'ውን ደመይ
ሞትን ህየትን ሓደ ኢየን ኣብ መትከለይ!! ........
መሬት ተ኿ዒቱ ይጸቐጥ ብእምኒ
እናረአኹ ይደርበ ኣሞራ ይብልዑኒ
ብመቑሕ ኣሲሮም'ኳ እንተ ኣሳቐዩኒ

ካብ መትከላዊ እምነተይ ግን መን'ዩ ዝንጽለኒ!
(ኣስመሮም ሃብተማርያም፡ ለካቲት 7/1979)

ሰለዚ ሓሶት ዕምሪ ስለ ዘይብላ ኣብ ቅድሚ ሓቂ ንካልኢት'ውን ደው ክትብል ኣይትኽእልን'ያ። ኣብ ኣዳራሽ ኮይኖም ይሓስዉ፣ ኣብ ቅርዓት፡ ንሓቂ ክስዕሩ ኣይክእሉን'ዮም። ስራሕና ጥራይ ንስራሕ!

ERmedia



# ሃናጺ ጽምዶ
## ንሰላምን ርግኣትን

ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ውድባት ሰውራ ኤርትራ፡ ኣውራ ድማ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ገዛእቲ ኢትዮጵያ ብዘይካ'ቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝፈጸምዎ ርኹይ ዓመጽ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቦም እውን ዘወርድዎ ዝነበሩ ግፍዒን ጭቆናን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ካብ ፈለማ መድረኽ ኣትሒዞም ምስ ፍትሓዊ ቃልሲ ዝተፈላለዩ ህዝብታት ኢትዮጵያ ብንዋትን ሞራልን ይደጋገፉ ነይሮም እዮም። ኣብ ጥሪ 1985፡ መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ምስ ፖለቲካውያን ሓይልታት ኢትዮጵያ ዝህልዎ ርክባትን ክፈጥሮ ዝደሊ ዝምድናን፡ ሰረተ እምነቱ እንታይ ምዃኑ ደጊሙ ንምንጻር፡ "ህዝባዊ ግንባርን ዝምድናኡ ምስ ደሞክራስውያውን ምንቅስቓሳት ኢትዮጵያን" ዘርእስቱ ሓደ ናይ ፖሊሲ ሰነድ ኣውጺኡ ነይሩ። እዚ ዝስዕብ ጥቕሲ ኣብቲ ሰነድ'ቲ ሰፊሩ ዝርከብ እዩ።

> ***"ህ.ግ.ሓ.ኤ.፡ ኣብ ምዕባለ ሰውራ ኤርትራ፡ ድሕሪ ውሽጣዊ ዓቕሚ ናይ ህዝቡ፡ ምድግጋፍ ምስ ቃልሲ ህዝብታት ኢትዮጵያ ብቐጥታ ከም ዝሰራዕ፡ ንሰውራ ኢትዮጵያ ከኣ እቲ ቀዳማይ ጸላዊ ረቛሒ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ብረታዊ ተጋድሎ ምዃኑ ይኣምን። በዚ ድማ ዝምድናታቱ ምስ ደሞክራሲያዊያን ውድባት ኢትዮጵያን ገድላዊ ምሕዝነት ክልቲኡ ህዝብታትን ከስፍሕን ከዕምቑን ብጥንቃቐን ዓቕልን ዕቱብነትን ይሰርሕ። ንምትካል ድልዱል ኪዳን ኣብ መንጎ ክልቲኡ ሰውራታት፡ ቅድምን ልዕልን ኩሉ ዲፕሎማስያዊ ንጥፈታት ይሰርዖ። ካብ ደሞክራሲያውያን ምንቅስቓሳት ኢትዮጵያ ድማ ተመሳሳሊ መርገጽን ናይ ሓላፍነት መንፈስን ይጽበ።"***

እቲ ኣብ እዋን ቃልሲ፡ ምስ ዝተፈላለዩ ምንቅስቓሳት ኢትዮጵያ ከም በዓል፡ ኢፒኣርፒ፡ ህወሓት፡ ኦነግን ካልኦትን ርክባት ብምፍጣር፡ ኣብ ፖለቲካውን ወተሃደራውን መዳያት ናይ ምትሕግጋዝ ዝምድና (ጽምዶ) ንምሕያል ብወገን ህዝባዊ ግንባር ዝውሰድ ዝነበረ ተበግሶታትን ዝካየድ ዝነበረ ጻዕርታትን፡ ኣብዚ ዝተጠቕሰ ሰረተ እምነት ዝተመርኮሰ እዩ ነይሩ። ሽዑ ብዝተፈጥረ ጽምዶ፡ ህዝብታት ክልቲኦም ሃገራት፡ ኣውራ ድማ ህዝብታት ኤርትራን ትግራይን ዘንተ እለት ክሕበንሉ ዝግባእ ዕውት ታሪኽ ተሰሪሑ እዩ።

ድሕሪ ናጽነት፡ ኣብ 3ይ ጉባኤ ህ.ግ.ሓ.ኤ - ናቕፋ 10 – 16 ለካቲት 1994 ዝጸደቐ ሃገራዊ ቻርተር ኤርትራ ምእንቲ ደሞክራሲ፡ ፍትሕን ራህዋን ዝሰፈኖ መጻኢ፡ ኣገዳስነት "ምህናጽ ሃገርን ሃገርነትን ኣብ ኤርትራ" ብዝብል መእተዊ ጀሚሩ "ራእይ መጻኢት ኤርትራ" ኣብ ሽዱሽተ ኣርእስቲታት ዘርዚሩዎ ይርከብ። 1) ሃገራዊ ስኒት 2) ፖለቲካዊ ደሞክራሲ 3) ቁጠባውን ማሕበራውን ምዕባለ 4) ማሕበራዊ ፍትሒ 5) ባህላው ትንሳኤ 6) ኣህጉራውን ዞባውን ምትሕብባር።

ሃገራዊ ቻርተር ኤርትራ ኣብቲ ሻድሻይ ኣርእስቲ፡ ዞባውን ኣህጉራውን ምትሕብባር፥ "ኤርትራ ምስ ጎረባብታ ብስኒትን ምትሕብባርን እናነበረት፡ ንዞባውን ዓለማውን ሰላምን ጸጥታን ልምዓትን ብዓቕማ እተበርክት ንጥፍቲ ኣባል ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ክትከውን" ከምዝግባእ ይገልጽ እሞ፡ ኣስዒቡ ከምዚ ይብል፥

"ሓድሽ ሕልምናን ተልእኾናን እዚ'ዩ። ቀሊልን ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ ዘይፍጸምን ምዃኑ፡ ነዊሕ ግዜ፡ ልዑል ተወፋይነትን፡ ብርቱዕ ስራሕን ቀጻሊ መሃዝነትን ምትዕጽጻፍን ከም ዝሓትት ዘጠራጥር ኣይኮነን። ጋህድን ክዉንን ክኸውን ከምዝኽእል ከኣ ማዕረኡ ዘየጠራጥር እዩ።"

"ጽምዶ ንዞባውን ኣህጉራውን ምትሕብባር" እምበኣር ሓደ ካብ ኣዕኑድ መትከላት ሃገራዊ ቻርተር ኤርትራ ኮይኑ፡ ካብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ጀሚሩ ምስናይ ኩሉ ብድሆታትን ሓጐጽጐጽን ብዘይ ምሕላል ክስርሓሉ ዝጸንሐ ዕላማ እዩ።

## ትርጉምን ኣገዳስነትን ጽምዶ

ጽምዶ (Engagement)፡ ኣብ መንጎ ሃገራት ወይ ውድባት ዝርርባት ንምክያድ፡ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ንምምስራት፡ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ኪዳናት ንምቛም፡ኣብ መንጎ ሃገራት ወይ ውድባት ምትሕብባር ንምሕያል ወይ'ውን ረጽሚ ንምውጋድ ዝካየድ ርክባት



ታንከኛታት ህ.ግ. ኣብ ቤተ መንግስቲ ኣዲስ ኣበባ - 28 ግንቦት 1991

እዩ። ጽምዶ ብዙሕ መልክዕ ክሕዝ ይኽእል። ብወግዒ ብላዕለዋይ ጽፍሒ ማለት ብደረጃ መንግስታት፡ ወይ ድማ ብቐጥታ ብርክባት ህዝቢ ምስ ህዝቢ፡ ፍሉያት ማሕበራዊ ጉጅለታት፡ ንኣብነት ምሁራን፡ ኣብያተ እምነታት፡ ዲያስፖራ፡ ኣክቲቪስት ወዘተ. ክግበር ይኽኣል።

ጽምዶ ብመንግስታት ወይ በቲ ዘሎ ዝለዓለ ውዳበ ተቐባልነት ዘለዎ ክኸውን ተመራጺ እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ዝምድናታት ወጻኢ፡ ብቐንዱ መንግስታት እየን ንሃገርን ህዝብን ወኪለን “ሃገራዊ ረብሓ” ኣማእኪለን ኣብ ስትራተጂያዊ ርክባት ዝሳተፋ። ኣብ ገለ ናይ ባዶሽ ኣጋጣሚታት ግን፡ ንሃገር ኣማእኪሉ ጸጥታን ስርዓትን ክኽብር ዝኽእል መንግስቲ እንተዘየለ፡ ምስ ዝተፈላለዩ ሃገራዊ ወይ ከባብያዊ ውዳበታት፡ ዝምድና ምህናጽ ግዝያዊ መፍትሒ ክኸውን ይኽእል እዩ። እታ ሃገር ኣብ ንቡር ክሳብ ትምለስ ወይ’ውን ተመዓራርያ ዳግም ክሳብ ትውደብ። ስለዚ ማእከላይ መንግስቲ፡ ሃገር ኣብ ዘይቆጻጸረሉ ሕንፉሽ ኩነታት እንተወዲቑ፡ ምስቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓይልታት፡ ወይ ድማ ብቐጥታ ህዝቢ ንህዝቢ ርክባት ብምፍጣር፡ ንቕሓት ብምብራኽ ንሰላምን ርግኣትን ምትሕብባርን ምስራሕ ኣማራጺ የብሉን።

# ጻዕሪ ኤርትራ ንዞባዊ ሰላምን ርግኣትን

ራእይ ህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ፡ ሰላምን ፍትሒን ዝሰፈና ሃገር ልምዓትን ቀጻሊ ዕብየትን ምህናጽ እዩ። እዚ ዘቤታዊ ራእይ’ዚ ክሰምር፡ ውሽጣዊ ርግኣት ንበይኑ ኣኻሊ ኣይኮነን። ህላወ ሰላማዊን ርጉእን ተመላላእን ጎዶቦ ወሳኒ ምኽኑ ጽኑዕ እምነት ህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ’ዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ዋላ’ኳ ኣብዚ ቅልውላዋት ዝዓብለሎ ዞባ፡ ስኒቱ ሓድነቱን ርግኣቱን ዓቂቡ፡ ሰላሙን ልኡላውነቱን ብዘተኣማምን መገዲ ከውሕስ ዝኸኣለ ህዝቢ እንተኾነ፡ ጎዶቡኡ ብምሉኡ ቅሳነት ረኺቡ፡ ልቡ ኣውዲቑ፡ ናብ ልምዓትን ምትሕብባርን ሽርክነትን ከቕንዕ ልዑል ባህጊ ኣለዎ። ክንዲ ዝኾነ፡ መንግስቲ ኤርትራ ሰላምን ጸጥታን ቀርኒ ኣፍሪቃ ኮነ ዞባ ቀይሕ ባሕሪ ብዘላቕነት ከውሕስ ዝኽእል ርእይቶኡን መትከላቱን ኣነጺሩ ብምግላጽ፣ ዓቕሚ ዝሓጽረን ሃገራት ከባቢና (ንኣብነት ሶማል)፡ ሰላምን ጸጥታን ንምውሓስ መበገሲ ዝኸውን ትካላት ክሃንጻ ብድሩት ዓቕሙ እናተሓጋገዘ፣ ኣብ መንጎ ህዝብታት’ዚ ዞባ፡ ባህላዊን ቁጠባዊን ምትእስሳር ዘደልድል፣ ሕውነት፡ ማዕርነትን ምትሕብባርን ዘማዕብል፣ ሓባራዊ ቁጠባዊ ምዕባለን ሽርክነትን ዘደንፍዕ ባይታ ንምፍጣር፡ ብሃናጺ ጽምዶን ብግብርን ውፉይ ጻዕሪ ከካይድ ጸኒሑ ኣሎ። መንግስታት ዞባና፡ ካብ ጸቢብን ከፋፋልን ትሕተ-ሃገራዊ ፖለቲካ፡ ካብ ህውተታን ዕሽላዊ ቅማረን ወጺኦም፡ ግዳማዊ ኣምልኾን ሓድሕዳዊ ትንኮሳን ሓራም ኢሎም፡ ንምርግጋጽ ዞባዊ ሰላም፡ ጸጥታን ምዕባለን ብናይ ሓባር መረዳእታ ክጸምዱ፡ ዞባዊ ጸጋታት ተመላሊኡ ዝሰርሓሉ መካኒዝም ክፈጥሩ ከኣ ብቐጻሊ ድርኺት ኣብ ምግባር ይርከብ። እዚ ቅንዕናን ሓልዮት ህዝብታትን ዝምንጩ መርገጺ፡ እቲ እንኮ መገዲ ሰላምን ዕብየትን እዩ።

ከምዝፍለጥ ዞባና፡ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕሪን፡ ብሰሪ ዘቤታዊ ድኻማትን፡ ነዚ ድኻማት’ዚ ዝመዝመዘ ገዚፍ ምትእትታው ግዳማውያን ሓይልታትን፡ ብፖለቲካዊን ቁጠባዊን ቅልውላዋት፡ ብኣዕናዊ ኲናት፡ ግጭታትን ሽበራዊ መጥቃዕቲታትን ክሕመስ ዝጸንሐ ዞባ እዩ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ሓደገኛ ሃዋህው፡ ውሽጣዊ ርግኣትን ስኽነትን ምውሓስ ብቐዳምነት፡ ብካልኣይ ደረጃ ድማ፡ ዞባዊ ሰላምን ጸጥታን ምርግጋጽ፡ ዝዓበየ ዕላማ ገይርካ ክስራዕ ዝግብኦ’ዩ። እዚ ድማ ሓባራዊ ዕማም ህዝብታትን መንግስታትን ዞባና እዩ። የግዳስ ኩሎም መንግስታትን ፖለቲካዊ ሓይልታትን ዞባና ኣብዚ ዕላማ እዚ ብቕንዕና ይሰምሩ ማለት ኣይኮነን።

ሓደ ኣጸቢቑ ክፍለጥ ዘለዎ፡ ኣብ ዞባና ዘሎ፡ ብዙሕ ዝዓይነቱ ግጭትታትን ቅልውላዋትን፡ ኣብ መንጎ ህዝቢ ሓደ ሃገር ንሓድሕዱ ኮነ ኣብ መንጎ ህዝብታት ጎዶቦ ብዘሎ ዓሚቝ ጽልኢን ዘይምትእምማንን ናይ ምትዕብላል

መንፈስን ዝተፈጥረ ኣይኮነን። ሙብዛሕትኡ ብግጉይ ዘቤታዊ ፖሊሲታትን፡ ነዚ ድኻማት'ዚ ዝመዝመዘ ግዳማዊ ጣልቃታትን ዝተሓንከረ እዩ። ስለዚ ድማ፡ መንግስታትን ህዝብታትን ዞባና፡ ግዳማዊ ምትእትታውን ምእህዳር ጉዳያትን ካብ ዝዕድም ጎደና ተኣልዮም፡ ጉዳያቶም ባዕሎም ንምፍታሕ፡ ብደረጃ ውልቀ ሃገር ዘሎ ዘቤታዊ ጸገማት ይኹን ብደረጃ ዞባ ዘሎ ብድሆታት ንምፍታሕ ተበግሶ ክወስዱ ዘለናዮ መድረኽ ሓላፍነት የሰክሞም እዩ።

ዞባና ብናይ ገዛእ ርእሱ ጸዕርን ብንቕሓት ህዝብታቱን፡ ካብዚ ሕንኩር ኩነታት ወጺኡ ናብ ንቡር ክምለስ ክኽእል ኣለዎ። ካብ ዞባ ግጭትን ቅልውላውን ሽበራን ናብ ዞባ ሰላምን ልምዓትን ምትሕግጋዝን ክቕየር ኣለዎ። እዚ ንክኸውን ኣብ መንጎ ሃገራትን ህዝብታትን ዞባና፡ ሰፊሕ ኣጠማምታን ሓባራዊ ኣመለኻኽታን ምምዕባል፡ ንቕሓት ህዝብታት ዞባና ክብ ምባል፣ ዞባዊ ሰላምን ጸጥታን ንምርግጋጽ ንጡፍ ተበግሶ ብምውሳድ ንምዕዋቱ ብቅንዕናን ተወፋይነትን ምስራሕ የድሊ።

ሱዳናዊ ጀነራል ያሲር ኣል ዓጣ ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ፡ ንጸዕሪ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ምፍታሕ ጉዳይ ሱዳን ብምዕዛብ "ኤርትራ ደጋፊት ሓደ ወገን ወይ ካልእ ኣይኮነትን፣ ኤርትራ ኩሉ ሳዕ ደጋፊት ሓቂ እያ።" ክብል ገሊጹ ነይሩ።

ብርግጽ ድማ ፍትሒ ዘድምጽ ተባዕን ቅኑዕን መርገጺ፡ ብማንም ዘይምእዘን ናጻ ሓሳባት፡ ሕላገት መንግስቲ ኤርትራ'ዩ። መርገጺ ኤርትራ፡ ካብ ሓቀኛ ባህጊ ርግኣትን ዕብየትን ዞባናን ዓለምን ዝነቅል፡ ጥዑይን ምዕሩይን ዝምድና ህዝብታት ዘማዕዱ፡ ንጹር ፍኖተ-ካርታ ሰላምን ዕብየትን ክንሱ ግዳ፡ ምስ ግሎባዊ ሕሳባት ዓበይቲ ሓይልታት ተኣሳሲሩ፡ ገለ ወገናት እዚ ቅንዕና ዝሰረቱ መርገጺ ክምእምኦም ኣይጸንሐን። የግዳስ ሓቂን ብርሃን ወጋሕታን እናደመቐ'ዩ ዝኸይድ።

ሎሚ፡ ቅኑዕነት መርገጺ ኤርትራ፡ ሰፊሕ ልቦና መሪሕነታን ኣገዳሲ ግደኣ ኣብዚ ዞባን፡ ኣብ ቅድሚ ኩሎም ህዝብታት ዞባናን ዓለምን ከም ጸሓይ ቀትሪ ደሚቑ ኣሎ። በዚ ድማ፡ ሓያሎ ፖለቲካውያን ሓይልታት ዞባናን ዓለምናን ምስ ኤርትራ ጸሚድካ ምስራሕ ኣገዳሲን ውጽኢታውን ምዃኑ እናተኣመንሉ ይመጹ ኣለዉ። ከም ውጽኢቱ፡ ኤርትራ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ክልተ ዕቑድ ካብ ዲፕሎማሲያዊ ዓንኬላት ንምንጻላ ዝተኻየደ እልቢ ዘይብሉ ናይ ምስይጣን ዘመተ ፈንጢሳ ብምውጻእ፡ ማእከል ስሕበት ዞባዊ ሰላምን ርግኣትን ምዃና እናተጋህደ ይመጽእ ኣሎ። ምስቲ ብደረጃ ዞባን ዓለምን እናሓየለ ዝመጽእ ዘሎ ሰላምን ጸጥታን ዝጠልብ ባህጊ ህዝብታት ተደሚሩ ድማ፡ ቅኑዕን ሰጓሚን መርገጺ ኤርትራ፡ ጽልዋኡ እናሰፍሐ ክኸይድ ምዃኑ ርጉጽ እዩ።

እቲ ብወገን ኤርትራ ዝተወስደ ርክባት ህዝቢ ምስ ህዝቢ ቅድሚት ብምስራዕ ንሰላምን ርግኣትን ዞባና ዝቐነዐ 'ጽምዶ' ሰፊሕ ተቐባልነት እናረኸበ፣ ንቕሓት ህዝብታት ዞባና ኣብ ምብራኽ ኣገዳሲ ግደ ይጻወት ከምዘሎ ርኡይ እዩ። ምስጋና ንኹሎም ኣብዚ ዕማም'ዚ ተዋፊሮም ዝርከቡ ደቂ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ።







# ናጽነት
# ንመንእሰያት ተመሃሮ

**ስምኦን ወልደሚካኤል**

ሎሚ፡ ነታ ንዓሰርተታት ዓመታት ዝተቓለስናላን ወለድናን ኣሕዋትናን ዝወፈናላን 24 ግንቦት መዓልቲ ናጽነትና ንመበል 35 ዓመት ከነብዕል ከለና ዓቢ ሓበንን ክብርን ይስምዓና። እዛ ዕለት እዚኣ፡ ምልክት ዓወት ጽንዓት ኣብ ልዕሊ ግፍዕን ዝርያን፡ ምልክት ጸብለልታ ሓቅን ፍትሕን ኣብ ልዕሊ ሓይልን ዓመጽን እያ። ሎሚ መበል 35 ዓመት መዓልቲ ናጽነትና ከነብዕል እንከለና ነታ ብሓይሊ ጸላእትና ስዒርና ኣስመራ ዝኣተናላ ዕለት ጥራይ ዘይኮነስ፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ነፍሰ-ወከፍ ኤርትራዊ ዝተሃንጸ ናይ ናጽነትን ሓርነትን መንፈስ ኢና ነብዕል ዘለና። ንመንእሰያት፡ እዛ መዓልቲ እዚኣ ናይ ሕሉፍ ታሪኽ ዝኽሪ ጥራይ ዘይኮነት፡ ናይ መጻኢ ቃል ኪዳን እውን ስለ ዝኾነት፡ ርእሲ ኹለን በዓላት እያ።

## ትርጉም
## ናጽነትን ዋጋኡን

ናጽነት ብፍታው ገዛእቲ ዝመጸት ህያብ ኣይኮነትን። ነፍስወከፍ ሩባን ኮርባን፡ ጎቦን ስንጭሮን፡ ጎልጎልን እምባን፡ ደሴትን ባሕርን ሃገርና ደም ጀጋኑ ፈሲስዎን ኣዕጽምቲ ስዉኣት ተኸስኪስዎን እዩ። ብድሕሪ እቲ "ናጽነት" ዝብል ቃል፡ ዓሰርተታት ዓመታት ዝወሰደ መሪር ብረትዊ ቃልሲ፡ ስንክልና፡ ስደትን መስዋእትን ተሓዚሉ ኣሎ። እቲ ንናጽነትን ልኡላውነትን ንምኽባር ዝተኻየደ ዳግማይ መኸተ ዝጠለቦ ገድልን መስዋእትን ከኣ ኣብ ልዕሊኡ ኣሎ።

ናጽነት ትርጉም ዝረክብ ብሓላፍነት እዩ። ናጽነት ማለት ድላዩካ ምግባር ዘይኮነስ፡ ነቲ ቅኑዕ ዝኾነ ነገር ንምግባር ዘለካ ዓቕሚ እዩ። ናጽነት ጸጋ ጥራይ ዘይኮነትስ ዕዮ ገዛ እውን እያ። ዕዮ ገዛ ብዕዮ ገዝኡ ኸኣ ስንኻ ነኺስካ ዝስራሕ ዕዮ ገዛ። ታሪኽ ሓርነታዊ ቃልስና ምስ እንምልከት፡ ክንዕወት ዝኸኣልና ብጽንዓት ስለ ዝመከትና እዩ። ጽንዓት ማለት ብጸገማት ዘይምሩኽማሽ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ብጸገማት ተሳሒልካ ዝያዳ በሊሕካ ምውጻእ ማለት እዩ።

ግዙእ ዝበሃል ኣእምሮኡ ዝተሰልበ፡ ነብሱ ኣትሒቱ ዝጥምትን 'ኣይክእልን'የ' ዝብል ኣተሓሳስባ ዘማዕበለን ሰብ እዩ። ወለድና 'ዘይሓልፍ ሽግር የለን' ሳላ ዝበሉ ብሰንሰለት መግዛእቲ ኣይተኣሰሩን፣ ታሪኽ ከኣ ሰሪሖም። ናጽነት መንፈስ'ያ። ስነ-ኣእምሮኣዊ ልዕልና ዘይብሉ ሕብረተሰብ ናጽነት የብሉን። ቅድሚ 1991 ዋላ'ኳ ገዛእቲ ንመሬትናን ባህርናን ዝቖጻጸርዎ እንተ 'ነበሩ ንመንፈስና ግን ኣይተቈጻጸርዎን፡ ኣይገዝእዎን። እቶም ኣብ ትሕቲ መግዛእታዊ ምምሕዳር ዝነብሩ ዝነበሩ ወለድና፡ ኣብ ልዕሊ ገዛእቶም ስነ-ኣእምሮእዊ ጸብለትነት ስለ ዝነበሮም ርእሶም ኣድኒኖም ኣይተገዝኡን። ከም ደቂ ናጽነት ካብ ድንቁርናን ካብ ናይ ካልኦት ጽልዋን ናጻ ብምዃን ሰማይ ዝደረቶም 'ዘይከኣል ነገር የለን' የለን በሃልቲ ክንከውን ኣለና።

ናጽነት ማለት ሰፊሕ'ዩ ትርጉሙ። ናጽነት ማለት ንተመሃሮ ብሰላም ተሲእኩም ናብ ቤት ትምህርቲ ክትከዱ ምኽኣልኩም እዩ። ብቛንቛኹም ክትምሃሩን ብመንነትኩም ከይተሰከፍኩም ክትገልጹን ምኽኣልኩም ውጽኢት ናይ'ቲ ዝተኸፍለ ክቡር ዋጋ እዩ። እቲ ትማሊ ወለድናን ዓበይቲ ኣሕዋትናን ንናጽነት ንምምጻኣን ንምዕቃብን ዘርኣይዎ ጅግንነት፡ ሎሚ ኸኣ ንሕና ኣብ ልምዓት ከነርእዮ፡ ጀጋኑ ተመሃሮ ምዃን የድልየና። ናይ ፍልጠትን ተክኖሎጅን ጀጋኑ ብምዃን ሽልማት ሃገርና ንምዃን ንቀዳደም።

## ግደ መንእሰያት ተመሃሮ
## ኣብ ህንጸት ሃገር

ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ፡ መንእሰያት ኤርትራ ሞተር ናይ'ቲ ሰውራ እዮም ነይሮም። ዕድሚኦም ንቓልሲ ዘይበቕዑ ንኣሽቱ ተመሃሮ

(ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ) እውን ኣካል ናይ'ቲ ቃልሲ ብምዃን እጃሞም ገይሮም'ዮም። ሎሚ እውን ኣብ መድረኽ ህንጻት ሃገር፡ መንእሰያት ተመሃሮ እቶም ቀንዲ ኣካል ናይቲ ቀንዲ ኣካል ኢና እምበር፡ መመላእታ ኣይኮንናን። ናጽነት ምርካብ ሓደ ዓወት ኮይኑ፡ ነታ ዝመጸት ናጽነት ትርጉም ዘለዎ ህይወትን ብልጽግናን ናይ ምልባስ ሓላፍነት ኣብ እንግድዓና ከም ዘሎ ክንዝንግዕ የብልናን።

ኣብዚ ግዜ እዚ እቲ ዝዓበየን ዝበለጸን ክንዓጥቆ እንኽእል ኣጽዋር፡ መጽሓፍን ብርዕን እዩ። ዓለም ብስነ-ፍልጠትን ቴክኖሎጅን ኣብ ትምርሸሉ ዘላ እዋን፡ ሃገርና ማዕረ ዓለማ ክትጎዪ ኣብ ምግባር ክንዓዪ ኣለና። ናይ ኤርትራ ኣእጋር ንሕና ኢና። ዝሓለፈ ወለዶታት ንኤርትራ ካብ መዛኑኣ ንድሕሪት ኣየትረፍዋን። ንሕና'ኸ? ደቂ መን ኴንና'ሞ ካብ መዛኑኣ ከነትርፋ!

ሃገራውነት መንእሰያት ተመሃሮ፡ ካብቲ ኣብ ግዜኻ ናብ ቤት ትምህርትኻ ኣቲኻ ባንዴራ ምስቃል እዩ ዝጅምር። ሃገራውነት ማለት ንሃገርካ ከም ቤትካ ወይ ገዛኻ ምርኣይ እንድኣሉ። ሃገራውነት ማለት ግን ሃገርካ ምፍቃር ጥራይ ኣይኮነን። ነታ ንሃገርካ ምፍቃር፡ ንሃገርካ ዝጠቅም ስራሕ ምስራሕ ክትውስኸሉ እንከለኻ እቲ ፍቕሪ ምሉእን ሓቀኛን ይኸውን። ነዚ ኸኣ ከም ሕጊ ምኽባር፡ ንከባቢኻ ምክልኻልን ንዓበይቲ ምኽባርን ካልእ ሰናይ ተግባር ምግባርን እንተ ወሲኽናሉ ሃገራውያን ምዃንናን መረጋገጺ እዩ። ነዚ እውን መሊስና ሓዲሽ ሓሳባትን ተበላሓትነትን ክንውስኸሉ ኣለና። ኣብ ኩሉ ዓውድታት ሂወት ኤርትራ ሃገርና ካብ ተመሃሮኣን መንእሰያትን ብዙሕ ሓደስቲ ነገራት ትጽበ ከም ዘላ ዘይምዝንጋዕ። ኣብ ክንዲ ተቐበልትን ኣህለኽትን ፍልጠት ጥራይ ንኸውን፡ ንጸገማት ሕብረተሰብና ዝፈትሑ ሓደስቲ ሓሳባት ኣብ ምፍልፋል እውን ተራና ክንጻወት ይግባእ።

## ብድሆታትን መጻኢ ዕድላትን

ኤርትራ ጓል 35 ዓመት እያ። 35 ዓመት ከኣ ንሰብ'ዩ ብዙሕ እምበር ኣብ ዕድመ ሃገራት ኣዝዩ ቁንጣሮ እዩ። ብዕድመ ናይ ሃገራት እንተ ኼድናዮ ኤርትራ ከም ቅድሚ ሳልስቲ ዝተወልደ ሕጻን ጌርኩም ርኣይዋ። ኤርትራ ኣዝያ ንእስቲ እያ፣ ግን ከኣ ንኢሳ ዘይነኣሰት። ጉዕዞ ህንጸት ሃገር ቀሊል ኣይኮነን። ኣብ ጉዕዞ ህንጸት ሃገር ውሽጣዊ ሕጽረትን ብድሆን ጥራይ ዘይኮነ ዓለምለኻዊ ብድሆታት እውን የዛግሙኻ ወይ የደናጉዩኻ እዮም። ይኹን እምበር፡ እቲ ከይተሓለልካ ምስራሕ፡ ብጽንዓት ምቕጻል ዝብል ናይ ወለድና ባህሊ ንኹሉ ዕንቅፋታት ክንሰግሮ ስለ ዝሕግዘና ንታሪኽና ምዝካር ከድልየና እዩ።

ዋላ'ኳ ሕጂ ንኣሽቱ እንተሃለና፡ ኣብ ክንዲ ተዓዘብቲ ጥራይ ወይ ከኣ 'ኣይምልከተንን እዩ' ምባል፡ ንጡፋት ተዋሳእቲ ክንከውን ይግባእ። ብድሆታት ክመጹ እንከለዉ ወለድና ከም ዕድል'ዮም ተጠቕሞምሎም። ከምቲ ቀደም ወለድና ንዝገጠምዎም ብድሆታት 'ብድሆ' ብምባል ዝበድህዎም፡ ንሕና ኸኣ 'ብድሆ' በሃልቲ ክንከውን እምበር፡ ብድሆ ዝብድሃና ክንከውን የብልናን። ብድሆ ንሕመቕ፡ ብድሆ ንሕማቕ ባህርያት፡ ብድሆ ንባህላዊ ወራር፡ ብድሆ ንትህኪት፡ ብድሆ ንወልፍታት፡ ብድሆ ንትሕቲ ሃገራዊ ስምዒታት፡ ብድሆ ንነውርታት፡ ብድሆ ንነብሰ-ምትሓት፡ ብድሆ ንኣምልኾ ናይ ወጻኢ ባህሊ፡ ብድሆ... ንኹሎም ብድሆታት። ተመሃሮ ብትምህርቶም፡ ስነ-ምግባሮምን ስነ ስርዓቶም ንኡዳት ክኾኑ እንከለዉ፡ ንናጽነት ናይ ሓደ ዓቢ ዋሕስ እዮም።

### ሙብጽዓ ንመጻኢ

መዓልቲ ናጽነትና ከነብዕል እንከለና፡ ብሓጎስ ከይተወሓጥና ነቶም ምእንቲ'ቲ እነስተማቕሮ ዘለና ቅሳነትን ሓጎስን ሂወቶም ዝሃቡ ስዉኣት ብቓል ጥራይ ዘይኮነስ ብግብሪ ክንዝክሮም ይግባእ። ስዉኣትና ንዓና ክጥዕመና እዮም ምእንታና መስዋእቲ ከፊሎም። ንሕና ድማ ንመጻኢ ወለዶ ስልጥንቲ፡ ውሕስቲ፡ ርግእቲ ሃገር ንምውራስ ሓላፍነት ኣለና። መጻኢ ሃገርና ኣብ ኣእዳውና እዩ ዘሎ። ብስነ-ምግባር ዝተሃነጸ፡ ብፍልጠት ዝማዕበለን ብሃገራዊ ስምዒት ዝማሞቖን መንእሰይ፡ ንዝኾነ ጸገም ክስዕር ኣይጽገምን እዩ። ሓደ ተመሃራይ ኣካዳምያዊ ብሉጽነት እንተደኣ ኣርእዩ፡ ግዜ ዝጠልቦ ጅግንነት እዩ ዘርኢ ዘሎ። ንመሃር ዘለና ዲግሪ ወይ ዲፕሎማ ንምርካብ ንውልቃዊ ዕብየትና ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንሃገርና ዘድልያ ክእለት ንምጥራይ እውን ኢና።

ስለዚ መዓልቲ ናጽነትና ሙብጽዓና እነሐድሰላ፡ ራእዩና እነነጽረላ ዕለት ክንገብራ ኣለና። ብሓድሽ ሙብጽዓ ዘይትሕደስ ናጽነት ነባሪት ክትከውን ኣይትኽእልን እያ። ናጽነትና እትዕቀብ ንብረት ዘይኮነትስ፡ መዓልታዊ ብስራሕን ብሓድሽ ሙብጽዓን እትሕደስ ሂወታዊት እያ። ታሪኽ ከም ዘምህረና ኸኣ ናጽነት ምዕቃብ ካብ ናጽነት ምርካብ ዝኸበደ ምዃኑ'ዩ። ብዛዕባ'ዚ ኣመልኪቱ ነፍስሄር ድምጻዊ ኣብርሃም ኣፍወርቂ ዝደረፋ ከም ትዝክርዋ ርግጸኛ'የ።

ናጽነት ኤርትራ፡ ኤርትራውያን ብሓድነት ሳላ ዝተቓለሱን ዝወደቑን እያ ተረኺባ። ሓደ ካብቲ ንኤርትራውያን ፍሉይ ዝገብረና ሓድነትና እዩ። ሰብ ምስ ማሕበረሰቡ ተኣሳሲሩ ክነብር እንከሎ፡ ማዕረ ክንደይ ሓያል ከም ዝኸውን ኣብነት ኢና። ስለዚ እቲ "ንሕና" ዝብል መንፈስ ኤርትራውያን በቲ ውልቃዊ ረብሓ ዘቐድም ኣብ ዓለም ዓብላሊ ዝኾነ ባህሊ ከይብከል ክንሕልዎ ይግባእ።

### ኣብ መወዳእታ

ንኹሉኹም ተመሃሮን መንእሰያትን፡ ርሑስ መዓልቲ ናጽነት ይግበረልኩም። ኣብ ትምህርትኹም ንፉዓት፡ ኣብ ስራሕኩም ትጉሃት፡ ኣብ ሕብረተሰብኩም ድማ ምስጉናት ክትኾኑ እምነየልኩም።

# ወግዒ
# መንእሰይን ናጽነትን

ከም ሰብ ክንደይ ሻብ ምስ ሰብ ጥራይ ክዛረብ? ምስ ነብሰይ ዝተታረኽክዎ ግዜ እውን ኣይወሓደን። ንኣስመራ ከቛምት ኢለ ኣብ ጨርሒ ኣባሻውል ምስ ተሰቐልኩ ሓሳበይ ቀይረ። ካብ ምቑማት ናብ ባሕሪ ሓሳባት ምንቛት ወይ ናብ ኣድማስ ምዕራግ ፈቲነሉ። ንሓዋሪ ዘይኮንኩስ ንግዜኡ። ኣብቲ በሪኽ ወጺአ ምስ በሪኽኩ ምስታ በሪኽ ተጋጢመ። ኣብያተ ጸሎት፡ ኣደባራት፡ ጥንታውያን ዓድታት፡ ዕርድታት ኣብቲ ዘዝበረኽ ክንቁጦ ብዘይምኽንያት ኣይኮነን። ብሪኽ ጸብለለታ ይህበካ'ዩ። መንፈስካ ይርሕ፡ ይኽሰተልካ፡ ከዉል ጫሕ ኢሉ ይረኣየካ፡ ካብ ምድኽዳኽ ትናገፍ፡ ትሃጥር፡ ትንጽር። ኣብቲ በሪኽ ምስቲ ዘየንከራሩ ኢኻ ትኸውን። እቲ ዘንከራሩ ኣብ እግሪ ስለ ዝወርድ ብእግሪ ይርገጽ። ረጋጽን ተረጋጽን ከኣ ሓቢሮም ፈፊው ይብሉ። ቁመት ክውስኽ ዝደየብክዎ በሪኽ ምስ'ታ ዝበረኸት፡ ዝኸበረት፡ ዝረዘነት፡ ዝጸበቐት ፊትንፊት ኣራኺቡኒ። ምቁር ወግዒ ኸኣ ኣውጊዐ። እቲ ዝበዝሐ ካብቲ በሪኽ ምስ ወረድኩ፡ ምስ ሰብ ምስ ተሓወስኩ ተሓዋዊሱኒ እዩ። እቲ ንዋራ ዝተረፈ ሕሳስ ዝኽሪ ናይ'ቲ ወግዒ ግን እንሆ ተፈደሉ ሸባባት!

***መንእሰይ፡-*** "ሰላም ናጽነት። ሎሚ ዓመትዚ ኣዚኺ ኢኺ ደሚቕኪ መጺእኪ። ዕድመኺ እውን 35 ዓመት ደፊንኪ። ኣብ ዕድመ ሃገራት 35 ዓመት ክንደይ ምኳኑ ኣይፈልጥን እምበር ንሰብ ዓቢ ዕድመ እዩ።

***ናጽነት፡-*** "35 ዓመት ንሃገር ከም ካብ ዝውለድ 35 ሰዓት ዝገበረ ሕጻን እዩ። ንዓይ ገና ንግሆ እዩ። ዕድመይ እናወሰኽኩ ክኸይድ እንከለኹ እቲ ኣብ መንኩብካ ዝዓልብ ሓላፍነት እናኸበደ ክኸይድ'ዩ።"

***መንእሰይ፡-*** ከመይ ኢልኪ ደኣ ኢኺ ካብ ዕድመኺ ንላዕሊ ዓባይን ከባድን ኴንኪ?"

***ናጽነት፡-*** "መንእሰይ፡ ዓቢ ምኳን ማለት ዓመታት ምቑጻር ጥራይ ኣይኮነን። ዓቢ ምኳን ማለት ኣብ መትከልካ ምጽናዕ፡ መንነትካ ዘይምሻጥ፡ ከምኡ ድማ ኣብ ግዜ ጸበባ ብርክኻ ዘይምዕጻፍ እዩ። ኣነ ብዕድመ ንእሽቶ'የ፡ ብግብሪ ግን ምስ ሓያላት ዘወዳድር ብርታዐ ኣሎኒ። ኣብ ማሕጸን ዓቢ ቃልሲ ስለ ዝተጠነስኩ ድማ እየ ንኢሰ ዘይነኣስኩ።"

***መንእሰይ፡-*** "ናጽነት፡ ሓደ ሓደ ግዜ እቲ ስለኺ ዝተኸፍለ ዋጋ ክሓስቦ ከለኹ ይኸብደኒ'ዩ። ብዛዕባ እቶም 'ዓወት ንሓፋሽ' እናበሉ፡ መወዳእታ ትንፋሶም ንዓኺ ዝሃቡ ጀጋኑ እንታይ ትብሊ? ብዛዕባ እቶም ኣብ ኣብያተ-ክርስትያንን መስጊድን ኮይኖም፡ 'ፈጣሪ ናጽነት ኣምጽኣልና' እናበሉ ዝተማህለሉ፡ ብጸሎቶም ዘጽንዑኺ ሸማግለታትከ?"

***ናጽነት፡-*** "ንሳቶም እኮ እቶም ቀዲሞም ዝሓለሙኒ እዮም። እቶም 'ዓወት ንሓፋሽ' ዝበሉ፡ ሓፋሽ ንኽነብር ንሳቶም ክሓልፉ ከም ዘለዎም ዝተረድኡ ሰማእታት እዮም። ጸሎትን ተስፋን እቶም ሸማግለታት መግቢይ እዩ። ጸሎቶም ከም ዋልታ ኮይኑ ካብ ብዙሕ መዓት ተኸላኺሉለይ እዩ።"

***መንእሰይ፡-*** "ብዛዕባ እቶም ገና ጸሓይ ከይረኣዩ፡ 'ጽባሕ ክዋጉኡና እዮም' ተባሂሎም ኣብ ከብዲ ኣዴታቶም እንከለዉ ዝተቐትሉ ሕጻናት'ከ እንታይ ትብሊ? እዚ ግፍዒ እዚ ክርሳዕ ኣይክእልን እዩ!"

***ናጽነት፡-*** "ኣይርሳዕን እዩ መንእሰይ! እቶም ሕጻናት እቲ ዝኸበረ ዋጋይ እዮም። ንሳቶም ዘይተወልዱ ተዋጋእቲ እዮም። ጸላኢ ንዓይ ክቐትለኒ ስለ ዘደለየ እዩ፡ ነቶም ገና ዘይተወልዱ ሕጻናት ቀቲልዎም። ኣብ ከብዲ ኣዴታቶም እንከለዉ ናይ ናጽነት መንፈስ ከም ዝነበሮም ፈሊጡ'ዩ ቀቲልዎም። መንፈስ ግን ኣይቅተልን እዩ። ኣነ ብደሞም እዩም ተወሊደ።"



**መንእሰይ፡-** "ስለዚ... ንሕና እቶም ሎሚ ዘለና መንእሰያት፡ ህይወት ናይቶም ዘይተወልዱ ሕጻናት'ውን ተሰኪምና ኣለና ማለት እዩ?"

**ናጽነት፡-** "ልክዕ እዩ! ንስኻ ክትነብር ከለኻ፡ ንዓኻ ጥራይ ኣይኮንካን ትነብር። ምእንታይ ንዘተቐትሉ ህጻናት፡ ምእንታይ ንዝደኸሙ ሽማግለታት፡ ምእንታይ ንዝተሰውኡ ጀጋኑ ኢኻ ትነብር ዘለኻ። ንሳቶም ክገብርዎ ዝደለዩ፡ ግን ግዜ ዝኸልከሎም ኩሉ ክትገብር ሕድሪ ኣለካ። ኣነ 35 ዓመት ዝገበርኩ ውላድ ቃልሲ፡ ህያው ሓወልቲ ናይ'ቶም ጀጋኑ እየ። ንስኻ እውን ከምኡ።"

ናጽነት፡ ብዛዕባ እቶም ክቡራት ሰማእታት ክትዛረብ እንከላ፡ ተፈጥሮ'ውን ንቓላ ክሰምዕ ዝደለየ ክመስል ጸጥ ኢሉ ነበረ።

**መንእሰይ፡-** "ነዚ ሓደራ'ዚ ከመይ ጌርና እንተሓዝናዮ የምሕረልና?"

**ናጽነት፡-** "ንሳቶም ዝወደቁሉ ምኽንያት ንስኻ ደው ኢልካ ክትከይድ ስለ ዝደለዩ ምፍላጥ እታ ቀዳመይቲ እያ። ንኽሞቱ ዘይኮኑስ ሃገሮም ክትነብር እዮም ተሰዊኦም። ስለዚ፡ ንዓይ ብኽብሪ ምሓዝ እቲ ንዓታቶም ክትገብሮ እትኽእል ዝዓበየ ክብሪ እዩ። ሓደ መንእሰይ ኣብ ትምህርቱ ክንፍዕ፡ ኣብ ስርሑ ክበቅዕ፡ ተግባሩ ክቐንዕ እንከሎ ስዉኣት ኣብ ውሽጠይ ኮይኖም ፍሽኽ ይብሉ እዮም። ናጽነት ጸጋ ጥራይ ዘይኮነትስ ዕዮ ገዛ እውን ምዃና እንተ ዘይዘንጊዕኩም ንኹሉ ከተጸብቕዎ ኢኹም።

**መንእሰይ፡-** "ሓቅኺ ኢኺ። ሓደ ነገር ግን ክሓተኪ? እቲ ኣንጻርኪ ዝበሃል ዘረባታት ትሰምዕዮዶ? እንታይ ይስመዓኪ?

**ናጽነት፡-** "እሰምዖ እየ መንእሰይ። ጽባቐ ጸሓይ ንምዕፋን ዝተፈተነ ኩሉ፡ ኣብ መወዳእታ በቲ ብርሃን ከም ዝሰዓር ኣይፈልጡን እዮም። እቶም ኣንጻረይ ዝዛረቡ፡ ሙብዛሕትኦም ዋጋ ናጽነት ዘይፈለጡ ወይ ድማ 'ናጽነት' ማለት 'ሓላፍነት' ምዃኑ ዘይተረድኡ እዮም።"

**መንእሰይ፡-** "ንዓኺ ዕላማ ክገብሩኺ ከለዉኺ ኣይትሓዝንንዶ?"

**ናጽነት፡-** "ኣይሓዝንን'የ፣ ይድንግጽ ግን።"

**መንእሰይ፡-** "ስለዚ እቲ ዘረባታት ኣየዳኽመክን እዩ?"

**ናጽነት፡-** "ኣየዳኽመንን ጥራይ ዘይኮነስ፡ ብዝያዳ ከም ዝሕይል እዩ ዝገብረኒ። እቲ ንዓይ ዘዳኽመኒ፡ ንስኻ መንእሰይ ተስፋ ክትቆርጽ ከለኻ ጥራይ እዩ። ንስኻ ንዓይ ክትከላኸለለይ ከለኻ፡ እቲ ዘረባታት ትኪ ኮይኑ'ዩ ዝበንን።

**መንእሰይ፡-** "ናጽነት፡ ንዓና ንመንእሰያት ከመይ ኢኺ ትርእይና? ብዛዕባና ዘለኪ ተስፋኸ ከመይ እዩ?"

**ናጽነት፡-** "ንመንእሰያት ደኣ ከም ንዓይ ትርጉም ዝህቡ ፍሉያት ፍጡራት እየ ዝርእየኩም። ብመንእሰያት ኣዝየ እየ ዝተኣማመን።"

**መንእሰይ፡-** "ስለዝስ ንመንእሰያት ብእወንታ ኢኺ እትርእይና?"

**ናጽነት፡-** "ብርግጽ!! መንእሰያት እቶም ዘይተነበቡ መጽሓፍተይ ኢኹም። ንዓይ ትርጉም እትህቡኒ ንስኻትኩም ኢኹም እኮ ኢለካ'የ።"

**መንእሰይ፡-** "ብሓቂ? 'እዚ ወለዶ እዚ ከምቲ ናይ ቀደም ጽንዓት የብሉን' ክበሃል'ከ ትሰምዒዶ?"

**ናጽነት፡-** "እዚ ናይቶም ዝዓወሩን ዘይተረድእኩምን ሰባት ዘረባ እዩ። ኣነ ግን ካልእ እየ ዝርእይ። ኣብ ውሽጥኹም እቲ ናይ ቀደሞት 'ትብዓት' ኣሎ። ስራሕኩም፡ ትምህርትኹም፡ ንሃገርካ ንምልማዕ ዘለኩም ሃንቀውታ ንዓይ ተስፋ እዩ ዝህበኒ።

**መንእሰይ፡-** "ናጽነት፡ ተረዲኡኒ። ንስኺ ጓል 35 ዓመት ጥራይ ኣይኮንክን፣ ንስኺ ህያው ሓወልቲ ናይቶም ጀጋኑን መነጽር ናይ መጻእየይን ኢኺ። እዚ ወግዒ እዚ ኣይተወድኣን፡ ጽባሕ'ውን ክንቅጽሎ ኢና።"





# ጽንዓትና ዋሕስና


መበል 35 ዓመት ጽንብል ናጽነትና፡ "ጽንዓትና ዋሕስና!" ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ቴማ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን እንርከብ ኤርትራውያን ከም ወትሩ፡ ብልዑል ድምቀትን ማዕርግን ንጽንብሎ ኣሎና። መጽሔት መንእሰይ ንትርጉምን መልእኽትን ናይ ሎሚ ዓመት ቴማና ምርኲስ ብምግባር፡ ምስ ኣርባዕተ መንእሰያት ሓባራዊ ዘተ ኣካይዳ'ላ። ንሳቶም ስምኦን ወልደሚካኤል ካብ ህግደፍ ሳዋን ትካላት ላዕለዋይ ትምህርትን፡ ነጃት ኣደም ካብ ባህላዊ ጉዳያት ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን፡ ዘሚካኤል ገብረክርስቶስ ካብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ከምኡ'ውን ሑርያ ስዒድ ካብ ውድባዊ ጉዳያት ህግደፍ እዮም። ጽማቝ ትሕዝቶ ናይቲ ዘተ ይስዕብ፡-

## ትርጉም ጽንዓት ከም ኣምር እንታይ እዩ፧ ንዓና ንኤርትራውያን'ከ፧

ሑርያ ስዒድ ዓምር
ውድባዊ ጉዳያት ህ.ግ.ደ.ፍ

ጽንዓት ካብ "ጸንዐ" ዝብል ቃል ዝወጸ ኮይኑ ድልዱል፡ ዘይንቕነቕ፡ ተሪር፡ ኣዐርዩ ዝረገጸ ዝብል ትርጉም ኣለዎ። ሓደ ሰብ ኣብ ኣተሓሳስብኡ፡ ኣረኣእይኡ፡ ተግባራቱ፡ ወዘተ. ዘይልወጥ መርገጺ ክሕዝ እንከሎ፣ ንዕላማኡ ዘይጠልም ክሳብ መወዳእታ ዘይሕለል ምስ ዝኸውን ጽኑዕ ንብሎ። ስለዚ ጽንዓት ዘይምውልዋል፡ ኣብ ሓደ እምነትን ዕላማን ምቛም ማለት እዩ።

ንዓና ኤርትራውያን ድማ እዚ ኣምር'ዚ ኣብ ደምና ዝሰረጸ መግለጺ መንነትና እዩ። ጽንዓት ኣብቲ ኣንጻር መግዛእቲ ዘተኻየደ ቃልስን ዝሓለፈ መስገድልን ተንጸባሪቑ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ግዜ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝሓለፈ



ሑርያ ስዒድ ዓምር

ጽንኩር ኩነታት ንምምካት ዝተራእየ ተባዕ ቃልሲ ነዚ ኣምር’ዚ ከም መትከል ወሲዱ በቲ ልክዕ ትርጉሙ ኣንጸባሪቕዎ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ጸኒዑ ሳላ ዝተቓለሰ’ዩ ተዓዊቱ። ኣብ ኣተሓሳስብኡ፡ ኣረኣእይኡ፡ ተግባራቱ፡ ወዘተ. ዘይልወጥ ጽኑዕ መርገጺ ነይርዎ። ዕርዲ መኸተኡ ኣይተሰብረን፡ ኣብ እምነቱን ዕላምኡን ኣይተወላወለን። ልዕሊ’ቲ ዘጋጠሞ መከራን ጽንኩር ኩነታትን ጸብለል ኢሉ ኣብ መትከሉ ምንቕ ከይበለ ተቓሊሱ። ስለዚ ጽንዓት መለለዩ ህዝቢ ኤርትራን መራሒ ናይ’ቲ ቃልሲ ዝኾነ ህዝባዊ ግንባር እዩ።

ስምኦን ወልደሚካኤል
ህግደፍ ትካላት ላዕለዋይ ትምህርቲ

ጽንዓት ኣብ መንፈሳውን ዓለማውን ሂወት ወሳኒ ቦታ ሒዙ ዝርከብ ኣድማሳዊ ክብሪ እዩ። ንብድሆ፡ ንጽንኩር ኩነታት፡ ንተስፋ ምቑራጽ፡ ንኣቓልቦኻ ዝምንዝዕ ኣመንጋዊ ምትእትታው ትሰግረሉ ክእለት እዩ። ጽንዓት ንውልቀሰብን ንሕብረተሰብን ልዕሊ ንቡር ኣበርቲዑ ዘይሰዓር፡ ዘይጠራጠር፡ ዘይጥበር፡ ናብ ዓል መገዲ ዘይእለ ዝገብር ባህሪ’ዩ። ጽንዓት ንገለ ዝዕደሎ ንገለ ኸኣ ዝንፈጎ ኣይኮነን። ዝኾነ ብመገዲ ጽንዓት ክኸይድ ዝወሰነ ሰብን ሕብረተሰብን ከጥርዮ ዝኽእል ክብሪ’ዩ።

ነዚ ትርጉም’ዚ ናብ ኤርትራ ኣምጺእና ምስ እንርእዮ፡ እቲ ንህዝቢ ኤርትራ፡ ኤርትራ እትበሃል ናጻን ሓራን ሃገር ንኸትህልዎ ዘኽኣሎ ጥበብ ጽንዓት’ዩ፣ ዝተኸተሎ መንገዲ ከኣ ጽንዓት’ዩ። ናጽነት ኤርትራ ብመንፈሳዊ ጽንዓት ህዝብን ተጋዳላይን ኤርትራ ዝተረኽበን ዝተዓቀበን ዓወት’ዩ። ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ክዕወት ዝኸኣለ ንምረት ገድሊ ጸብለል ዝበለ ጽንዓት ክፈጥር ስለ ዝኸኣለ’ዩ። ናጽነት ኤርትራ ውላድ ጽንዓት’ያ ክንብል ንኽእል ኢና። እቲ ንናጽነት ዝወለደ ጽንዓት ሕጂ’ውን ሞተር ምኽባር ልእላውነትን ምርግጋጽ ልምዓትን ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ። ሕብረተሰብና ኣብ ጽንዓት ክብ ዝበለ ክብሪ ከም ዘለዎ ካብቲ “ጭራ ነብሪ ኣይትሓዝ፣ እንተሒዝካ ኸ? ኣይትስደድ” ከምኡ እውን “ብዕራይ ናብ ዘበለ የብል፡ ዕርፊ ኣጽንዕ” ዝብል ምስላኡ ክንርዳእ ንኽእል።

ነጃት ኣደም
ባህላዊ ጉዳያት ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን

ትርጉም ኣምር ጽንዓት እንተስ ብተሞኩሮ ተላቢሱ ወይ ካብ ሰብ ተሞኩሮ ተለቒሑ ኩሉ ሰብ ዝፈልጦ'ኳ እንተኾነ፡ ንዝያዳ ዕምቆት ትርጉሙን ርዝነቱን ግና ካብቲ ንቡር ተራ መዝገበ-ቃላዊ ትርጉሙ ወጺአ ካብ ተሞኩሮ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ብውሑድ ቃላት ክገልጾ ክፍትን። ምኽንያቱ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ታሪኽ ዓለም ብተሰሚዑን ተራእዩን ዘይፈልጥ ዝርያን ዓመጽን ንልዕሊ 80 ዓመታት ኣብ ልዕሌኡ ንዝተኣወጀሉ ናይ ጥፍኣት ደመናን ዕንደራታትን በዲሁ ከም ሃገርን ህዝብን ክሰርር ዝኸኣለ ብጽንዓቱ’ዩ። ብኽልተ ኣእጋሩ ደልዲሉ ብህይወት ክሰርር ጥራይ ዘይኮነስ ንኸባቢኡ'ውን ቅኑዕ ኣብነት ኮይኑ ክጸሉ ዘብቅዖ ረቛሒ ካብቶም ኣብ ጉዕዞ ቃልሱ ዝሃነጾም ዓሰርተታት ብሉጻት ክብርታቱ እቲ ዝዓበየ ጽንዓቱ’ዩ።

በዚ መሰረት፡ ጽንዓት ማለት ጉዕዞ ዓወትን ዕላማን ክሳዕ ዝኸፍእ እንተ ኾርኮሐን እንተ መረረን ናብ ጫፍ ድርኩኺት ዕላማኻን ዓወትን ንምብጻሕ ናይ ግዜ ራሕቂ፡ ክብደት ሽግርን መከራን ብዘየገድስ ክትዕወት ምዃንካ ኣሚንካ ክሳብ መወዳእታ ምቕጻል’ዩ። ጽንዓት ኣብ ገዛእ ርእስኻ ተሞርኲስካ፡ ኣብ ውሳኔኻ ረጊጽካ ተስፋ ተቐኒትካ፡ ንውሽጣዊ ድፍኢትካ ብቕንዕናን ብርቱዕ ድሌትን ኣጕሂርካ፡ ዘይሕለል ጻዕሪ እናኣካየድካ ክትዓዓዝ ምኽኣል ማለት እዩ።

ዘሚካኤል ገብረክርስቶስ
ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ

ጽንዓት ማለት ብተወርሶኣዊ ዝፍጠር ዘይኮነስ፡ ብግዜ እናተሞኮርካን እናተፈተንካን ዝመጽእ መግለጺ ልዑል ሓቦን ኒሕን እዩ። ጽንዓት ግዝያዊ ስምዒታትካን ድሌታትካን፡ ብዝግባእ ምቁጽጻር፡ ሽግራት ንምፍታሕ ብብዙሕ መኣዝን ጠሚትካ ብተባላሓትነትን ተዓጻጻፍነትን ሽግራት ምፍታሕ፡ ኣብ ግዜ ጽንኩር ኩነታት ብትብዓትን ተጻዋርነትን ኣብ መትከልካን ዕላማኻን ምጽናዕ እዩ። ብሓጺሩ ኣብ ቅድሚ ፈተነ ክምህ ዘይምባል’ዩ። እዚ ማለት ከምቲ ቀዳሞት ወለድና፡ “ብዕራይ ናብ ዘበለ የብል፡ ዕርፊ ኣጽንዕ” ዝብልዎ ዝውቱር ብሂል ዝሰማማዕ እዩ። ንዓና ንኤርትራውያን ጽንዓት ዘይንቕነቕ መትከልን ዘይንደል እምነ ዓረን ኮይኑ ህላወናን ድሕነትናን ዘመስከረ እዩ። ምኽንያቱ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ታሪኹ ብቕናት ጽንዓቱ ንኹሎም በብእዋኑ ንህላወኡን ድሕነቱን ዝፈተንዎን ዝገጠምዎን ጽንኩራት እዋናት ፈንጢሱ ቀጻልነቱ ኣውሒሱ’ዩ።

ኤርትራ ሃገርና ብዘለዋ ጅኦ-ስትራተጂያዊ ኣገድስነትን ተፈጥሮኣዊ ትዕድልትን ልክዕ ከምቲ ኣብ ሓንቲ ወሰን ግራት ዝፈረየት ሽዊት ተራእያ ዓቕሚ ኣለና ብዝብሉ ሓይልታት ወትሩ ምስ ተደፍኣት እያ። ናይ ተለኣኣኺ ተራ ዝተቐበሉ ተኸታተልቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ’ውን ብለኣኽቶም ተደፋፊሮም ኣስፋሕፋሒ ሕልምታቶም ንምትግባር ኣብ

ዝተፈላለየ እዋናት ወራራት ኣበጊሶም’ዮም። ይኹን እምበር ህዝቢ ኤርትራ ጽንዓቱ ብኒሕን ሓቦን ተስፋን ደሪዑ፤ ካብ መስመሩ ምንቕ ከይበለ ሳላ ዝተቓለሰ ጸላእቱ ስዒሩ፡ ሰንደቕ ዕላምኡ ኣብ ኣህጉራዊ መድረኽ ሰቒሉ፡ ልኡላውነቱ ኣውሒሱ ይርከብ። ብምጥቕላል እምበኣር፡ ጽንዓት ንዓና ንኤርትራውያን መሰረት ዓወትናን ዋሓስ ህላወናን እያ።

# ‘‘ጽንዓትና ዋሕስና’’ ክንብል እንከለና እንታይ ማለትና’ዩ፧

ሑርያ ስዒድ ዓምር

ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ቃልሲ ናይ ዓለም ህዝብታት ዉሑድ መዳርግቲ ዘለዎ ወለዶታት ዝተሳተፍሉ መድረኽ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ምስናይ ዋሕዱን ድሩትነት ናይ ዓቕሙን ንበይኑ ኣብ ነብሱ ኣሚኑ ኣንጻር ሓያላን ገጢሙ ክስዕር ብምኽኣሉ ናይ ዘይተጻዓድነት መንፈሱ ኣመስኪሩ እዩ። ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ፍሉይነቱ ናይ ወጻኢ ሓገዝ ዘይነበሮ ምኳኑ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ንጽንዓት ከም ጸግዑን ዋሕሱን ገይሩ ስለ ዝተቓለሰ’ዩ ‘ጽንዓትና ዋሕስና’ ዝበለን ዝብል ዘሎን። ካብ ቀደም ክሳብ ሕጂ ነቲ ትርጉም ዘለዎ ህላወ ንኸይህልወና ዕላማ ዝገበረ ኣንጻርና ዝተበገሰ ብዙሕ ዝመልክዑ ተጻብኦ ጸኒዕና ደው ስለ ዝበልና ኢና ተዓዊትናሉ።

ጽንዓትና ዋሕስና ክንብል እንከለና ዓቕምና ብምዕባይ ኣብ ነብስና ተመርኲስና ንቕድሚት ንምግስጋስ ዘለና ድሉውነት ኢና ንገልጽ ዘለና። ኣብዚ ዓለም ኣብ እዋን ጸገምና እትርፎ ናብ ጽንዓትና ምጽጋዕ እንጽውዖ ዘራይ ከይብልና ዝገልጽ ትርጉም እውን ኣለዋ። ቴማ መበል 35 ዓመት መዓልቲ ናጽነትና ንኽኽውን ዝተመርጸ “ጽንዓትና ዋሕስና” ጭርሖ ኣይኮነን። መትከልን እንታይነትን ኤርትራ ዝገልጽ ቅኑዕ መግለጺ’ዩ።

ስምኦን ወልደሚካኤል

ናይ ሎሚ ዓመት ቴማ “ጽንዓትና ዋሕስና” ንሓርበኝነት፡ ኤርትራዊ ስነ-ልቦናን ስትራተጅን እትገልጽ ቴማ’ያ። እንተ ጨጪፍናያ ብዙሕን ዓሚቕን ትርጉም ኣለዋ። ንጽንዓት ኪኖ ንዝወረደና ምጽዋር ከም ዋሕስና ኢና ተጠቒምናሉ። ካብቲ 30 ዓመታት ዝወሰደ ብረታዊ ቃልሲ ጀሚርና፡ ክሳዕ እዚ ዝሓለፉ 35 ዓመታት ናይ ናጽነት ኣብ ልዕለና ዝተኻየደ ኩሉመዳያዊ ተጻብኦታት ብጽንዓትና ኢና ኣህዲእናዮ።


ስምኦን ወልደሚካኤል

ኤርትራውያን ተጻጊምና ናብ ካልእ ሓይሊ ቁሊሕ ኢልና ኣይንፈልጥን ኢና። ናጽነትና ኣንጻር ርእሰ-ሓያላት ገጢምና ስዒርና እምበር፡ ብዲፕሎማሲያዊ ልማኖ ኣይኮንናን ኣውሒስና።

ጽንዓትና ዋሕስና እዩ ክንብል ከለና፡ ኣብ ገዛእ ርእስና ተጸጊዕና፡ ንብድሆታትና ባዕልና ክንፈትሖም ከም እንኽእል ዘለና ጽኑዕ እምነት ኢና ንገልጽ ዘለና። እዚ ጽንዓት እዚ ንኤርትራ ፍሉይ ክብሪ ብምሃብ ኣብ ዓለማዊ መድረኽ ብኣድናቖት ክትርአ ገይርዋ ኣሎ። ኤርትራ ኣምሳያ እቲ ንምጥፋኣ ዝተወጠነላ ዓመጽን ውዲትን ክትሰርር ዝኸኣለት ንጽንዓት ከም እሙን ዋሕስ ስለ ዝገበረት እዩ። ሓያላት ናይ ዓለም ኮነ ተለኣኣኽቲ ሓይልታት፡ ንኤርትራ ንምጥፋእ ዝኣለምዎ ውዲት ክፈሽል ዝኸኣለ ብቐንዱ ኤርትራውያን ነቲ “ጽንዓትና ዋሕስና” ዝብል መትከል ኣብ ግብሪ ስለ ዘውዓልናዮ እዩ።

ነጃት ኣደም

“ጽንዓትና ዋሕስና” ዝብል ኣበሃህላ፡ ቴማዊ ጭረሖ በዓል ናጽነትና 2026 ክኸውን ዝተመርጸ’ኳ እንተኾነ ኪኖ ጭረሖ፡ ንነዊሕ ዓመታት ሰንሰለት ታሪኽ እናኣጣመረ ናብዚ በጺሕናዮ እንርከብ ትስፉውን ርጉጽን መጻኢ ክንበጽሕ ዘኽኣለና’ዩ። “ጽንዓትና ዋሕስና” ክንብል እንከለና ንኣታሓሳስባ፡ ፍልስፍናን ስነ ኣእምሮኣዊ ኣቃዉማን ህዝቢ ኤርትራ ዘንጸባርቕ ኣዝዩ ረዚንን ዓሚቕን ትርጉም ዝሓዘለ ኣበሃህላ እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ 50ታት ጎሮባብቱ ናጽነተን ብወርቂ ብያቲ ክዕደለን እንከሎ ሓያላን ሃገራት ምእንቲ ውልቃዊ ረብሓኦን ብንዕቀትን ብደዐን መሰል ርእሰ-ውሳኒኡ



ኑጃት ኣደም

ተጓዕጺጹ ክንፈጎ እንክሎ ምስናይ ድሩትነቱ እቲ እንኮ ዝውንኖ ጽንዓት ተቐኒቱ እዩ ሰለማዊ ቃልሲ ኣካዪዱ። ሳላ እቲ ብሉጽ ክብሪ ኸኣ ከም ወርቂ ኣብ ሓዊ ተፈቲኑስ ንብቑዕ ፖለቲካዊ ቃልሲ ወሊዱ። እቲ ሳላ ጽንዓት ሓድነቱ ዝተወልደ ፖለቲካዊ ቃልሲ፡ ሓይሊ ደሊቡ ናብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ተሰጋጊሩ። ኣብ ኣፍሪቃ ዝነውሐን ዝመረረን ብረታዊ ቃልሲ ኣካይዱ ኸኣ ብቕልጽሙ ናጽነት ኣውሒሱ።

ድሕሪ ናጽነት እቲ ናጽነት ዘምጽአ ጽንዓት "ከም ቅያ ናይ ናጽነት ንቕያ ልምዓት ዘውሕስ" እንኮ ሓዲድ ተወሲዱ ኣብ ሓጺር ግዜ ቁጠባ ሃገርና ልዕሊ ፍጥነት ባቡር ክሕምበብ ኣኽኢሉ'ዩ። ኣብቲ ነዚ ዓወት ካብ ጉዕዞኡ ንምኹላፍ ዝተኻየደ ኩሉ ዓይነት መሰናኽላት ንምስጋር ዝዓጠቕናዮ ናይ መኸተ ኣጽዋር ጽንዓት'ዩ ነይሩ። ዋሕስና ኣብ ጽንዓትና ምኳኑ ከኣ ደጊምና ኣርኢና።

ዘሚካኤል ገብረክርስቶስ

ህዝቢ ኤርትራ ናይ ናጽነት ባህጉን ዕላማኡን ንምጭባጥ ብዘይምስልካይ፡ ከቢድ ዋጋ ንምኽፋል ቅሩብ ብምኳንን ኣብ ነብሱ ኣሚኑ ብምቅላስን እዩ ኣስሚርዎ። ብናይ ሓባር ቅኒትን ውህደትን ሰጢሙ ዝገጠሞ ስግኣትን ጸገምን ጸኒዑ ስለ ዝመከተ ምንጪ ሓይሉ ጽንዓት ምኳኑ ብምርዳእ፡ 'ጽንዓትና ዋሕስና' ክብል ክኢሉ። ከምቲ "ዝሓበራ ልሕጽስ ኣርቃይ የጸምብዓ" ዝበሃል፣ ህዝቢ ኤርትራ ብሓባር ተወሃሂዱን ሰሚሩን ረብሪበ ከይበለ ብመስተንክራዊ ኒሕን ሓቦን ነቲ ኣንጻሩ ዝተበገሰ ኩሉ መዳያዊ ተጻብኦታት መኪቱ ተዓዊትሉ'ዩ። ሕጂ'ውን ናብቲ ዘይበጽሖ ጫፍ ንኽበጽሕ ልዓት ጽንዓት ሒዙ ይቕጽል ስለ ዘሎ 'ጽንዓትና ዋሕስና' ይብል ኣሎ።

ብጽንዓትና ንቓልሲ ኣንጻር መግዛእቲ ቱርኪ፡ ግብጺ፡ መሳፍንቲ ትግራይ፡ ኢጣልያ፡ እንግሊዝ፡ ጎበጣ ኢትዮጵያ፡ ድሕሪ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲን ድሒሩን ዝገጠመና ተጻብኦታትን ሽርሕታትን መኪትና ናጻ ኤርትራ ክንፈጥር ዝኸኣልና ካብ ሓዲድ ጽንዓት ስለ ዘይወጻእና ኢና። ኣብ ኩሉ መድረኻት ናይ ቃልስና ጽንዓት መለለዪ ሕላገትና እዩ። ስለዚ ጽንዓትና ዋሕስና ክንብል እንከለና ሕጂ እውን ቀጻልነት ህላወና ኣብ ጽንዓትና ምኳኑ ንምምልካት እዩ።

# ግደ መንእሰያት
## ኣብ ምዕቃብ ናጽነትና ዘውሓሱ ክብርታት

ሑርያ ስዒድ ዓምር

ናጽነት ኣብ ምምጻእን ኣብ ምውሓስን ዓቢ ተራ ዝተጻወቱ ክብርታት ከም ጽንዓት፡ ተወፋይነት፡ ብጻይነት፡ ሓድነት፡ ሃገራውነት፡ ርእሰ-ምርከሳ፡ ወዘተ. በዞም ሕጂ መንእሰያት ዘለና ብድሕሪ ሕጂ ዝመጹን እናተወራረርሱ ክቕጽሉ እንተ ዘይክኢሎም እቲ ከም ሕብረተሰብ ካብዞም ክብርታት እዚኦም ክንረኽቦ ዝግበኣና ረብሓታት ክጎድለና እዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ግደ መንእሰያት ኣብ ምዕቃብ እዞም ክብርታት ኣቃሊልካ ዝርአ ኣይኮነን። ናጽነት ኤርትራ ነባሪ ዝኸውን እዞም ንናጽነት ኤርትራ ዝወለዶ ክብርታት ብመንእሰያት ምስ ዝውረሱ እዩ። መንእሰይ ዓንዲ ሕቘ ሃገር'ዩ እናተባህለ ይግለጽ'ዩ። መንእሰይ ኤርትራ ወራሲ ታሪኽ ጥራይ ዘይኮነ ሰራሒ ታሪኽ ምኳኑ ኣብዞም ዝሓለፉ ዓመታት ኣብ ኩሉ ዓውድታት ኣመስኪሩ እዩ። ናጽነትና ውሕስቲ ኮይና ዘላ፡ መንእሰያትና ንኽብርታት ወሪሶም ይጎዓዙ ስለ ዘለዉ እዩ። ጎኒ ጎኒ ናይዚ ኸኣ መንእሰያት ንኣዕነውቲ ዝኾኑ ተርእዮታት ከም ውልቃውነት፡ ትሕተ-ሃገራዊ ኣተሓሳስባ፡ ወገናውነት፡ ዓቕሊ ምጽባብ፡ ምግድዳዕ ወዘተ ብንቕሓት ክንቃለሶም ይግበኣና። ጅግንነት ኣብ ዓውደ ውግእ ጥራይ ኣይኮነን ዝርአ። ኣብ ትምህርቲን ስራሕን እውን ጅግንነት ከተርኢ ትኽእል ኢኻ።

ስምኦን ወልደሚካኤል

ኣብ ኤርትራ፡ ጽንዓት ከም ባህሪ ወይ ክብሪ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተመሓላለፈ ዝመጸ ስሩት ነገር'ዩ። ቀዳሞት ወለድና ብዘርኣይዎ ጽንዓት ንሕና ወረስቲ ናጻ ሃገር ኮይና ኣለና። ንሕና ኸኣ ነቲ ጽባሕ ዝመጽእ ወሎዶ ልኡላውነታ፡ ሓድነት ህዝባ፡ ምዕባለኣ፡ ጸጥታኣ ዘረጋገጸት ሃገር ንምርካብ ብጽንዓትን ንቕሓትን ክንዓዩ ኢና። እዚ እናተወራረሰ ኣባና

በጺሑ ዘሎ እንተ ዘይቀጺሉን እንተ ዘይተወሪሱን እቲ ኹሉ ክሳብ ሕጂ ዝተኸፍለ መስዋእቲ ትርጉም ኣልቦ ክኸውን እዩ። ጽንዓት ኣብ መዝገብ ታሪኽ ተዓጽዩ ዝተርፍ ዘይኮነስ ኣብ መዓልታዊ ሂወትና እንኽተሎ መስመር እዩ።

ከም መንእሰያት እቲ ናጽነትና ክንረክብን ክንዕቅብን ዘኽኣለና ጽንዓት ብዕምቆት ክንርዳእን ከም ዝበለጸ ውርሻ ክንወርሶን ታሪኻዊ ሓላፍነት ኣለና። መንእሰይ ኤርትራ ንኹሉ መከራን ጸቕጥን ተጻዊሩ፡ ነቲ “ጽንዓትና ዋሕስና” ዝብል ቴማ ብግብሪ ይነብሮ ኣሎ ዝብል ገምጋም ኣለኒ። ጎኒ ጎኒ ከኣ እቲ መለለዪ ኤርትራውነት ዝኾነ ምትሕግጋዝን ስኒትን ዝያዳ ከነደልድሎ። ጽንዓትን ሓድነትን እቶም ዝበለጹ ኣጽዋራትና ምዃኖም ክንፈልጥ ይግባእ። ዓመት መጸ መዓልቲ ናጽነትና ከነኽብር እንከለና ነቶም ንጥፍኣት ኤርትራ ዝሓለሙን ጌና ዝሓልሙ ዘለዉን፡ “ኤርትራ ብጽንዓታን ሓድነት ህዝባን ዘይትድፈር ኮይና ትነብር ኣላ” ዝብል መልእኽቲ እነስምዓሉ ዕለት እዩ። ነቶም ጸኒዖም ዘጽንዑና ከኣ “ጽኑዕ ርገጹ” ዝብል ምስጋና እነቕርበሉ ኣጋጣሚ’ዩ።

ዘሚካኤል ገብረክርስቶስ

መንእሰያት ኤርትራ ነቲ ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ ዝተኹስኮሰ ሕላገታት ታሪኽ ጅግንነትን ቕያን ዝኾኑ ሰውራዊ ክብርታትን ዓቂቦምን ግዚ ብዝጠልቦ ኣሐዲሶምን ስለ ዝዓጠቑ ንሃገሮም ዋሕስ ኮይኖም እዮም። መንእሰይ ወለዶ ጽንዓት ተቀኒቱ ዝሓየለ ንቕሓት፡ ውዳበን ዕጥቕን ብምስናቕ ወራራት ኣፍሺሉ ናጽነት ሃገሩ ኣውሒሱ ይርከብ። ከምቲ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብዛዕባ ብልጫታትና ኣመልኪቱ “ብቐንዱ፡ ካብ ውሽጣዊ ዓቕምና፡ ዝተሃንጸ ጺጋ ሰብና ዝተመርኰሰ’ዩ” ኢሉ ዝገለጾ እቲ ትማል ተኣምር ዝሰርሐ ሰብ ሕጂ’ውን ተኣምር ዝሰርሕ ሰብ ኣሎ። ኤርትራ ዘይጽዓድን ብቑዕን ዓቕሚ ሰብ ብምህናጽ፡ ከም ሃገር ዝገጥመና ብድሆታት ብናይ ባዕልና ሓይሊ ገጢምና ክንስዕር ዘኽእለና ዓቕሚ ፈጢርና ኢና።

መንእሰይ ኤርትራ ንጽንዓት ከም ውርሻ ወለዱ ብምሓዝ ኣብ ነብሱ ኣሚኑን ንሓድሕዱ ተኣማሚኑን ኣብ ህንጻት ሃገር ሓድሽ ጅግንነት የመዝግብ ኣሎ። ኣብ መኸተ ኣንጻር ወተሃደራዊ ዕንደራን ኣብ መኸተ ዳግማይ ሕውየትን ክሳብ ሕጂ ኣመዝጊብናዮ ዘለና ዓወት መርኣያ ናይቲ መንእሰይ ወለዶ ናይዛ ሃገር ንሃገራዊ ክብርታት ተላቢስዎም ከም ዘሎ ዘርኢ እዩ። ኣብ መስርሕ ህንጸት ሃገሮም ቀንዲ ተዋሳእትን ሰራሕቲ ቅያን ክኾኑ ዘብቅዖም ብቐንዱ እቲ ሕብረተሰብኣውን ሰውራውን ክብርታት ስለ ዝኾነ ኣብ ምኹስኳሱን ንመጻእቲ ወለዶ ኣብ ምስግጋሩን ግደ መንእሰያት ወሳኒ እዩ።

ነጃት ኣደም

ክብርታትና ዋሕስናን ሓይልናን እዮም። ጽንዓት ከኣ እቲ ጠማሪ ክብርታትና’ዩ። ኣንፈት ህይወትና ብማግኤታዊ ስሕበት ክብርታትና እዩ ዝምእዘን። ምኽንያቱ ክብርታት ካብ እንወስዶም ውሳኔታት ኣትሒዞም፡ ክሳብ እቶም ዝደቐቑ ጉዕዞ ህይወትና ብቕድሚኡ ኮይኖም ኣንፈት ዝሕብሩና መርሓ ህይወትና ስለ ዝኾኑ። ብርግጽ ድማ እቲ ካብ ጥንቲ ኣትሒዞም ቀዳሞት ኣቦታትና ዝሃነጽዎን ዘስረጽዎን ክብርታት፡ ኣብ ፋብሪካ ሰውራ ዳግማይ ተመስሪሑ ናጽነት ኣውሒሱስ፡ ድሕሪ ናጽነት ኣብ ዝተኻየዱ ቃልስታት ልምዓትን ምዕቃብ ሉኣላውነትን`ውን ልዑል ተራ ተጻዊቶም እዮም። እነሆ ሕጂ`ውን ሓንቲ ሕብንትን ሕፍርትን ዝኾነት ሃገር ኣውሒሶም ይርከቡ።

ሕብንትን ውሕስትን ሃገር ተዋሒሳ ክንብል እንከለና ንተራን ግደን መንእሰያት ኣብ ምዕቃብ ናጽነትና ዘውሓሶ ክብርታት ኢና ንገልጽ ዘለና። መንእሰያት ኤርትራ ወረስቲ’ቶም ኣብ ሰውራ ዝበቖሉ ብሉጻት ክብርታት ኮይኖም  ወነንቲ ሓያል ዓቕሚ፡ ተበጃውቲ፡ ተጻወርቲ፡ ተበላሓትቲ፡ ወነንቲ ሓያል ራኢ፡ ፈጸምቲ፡ ተባዓት፡ ጽኑዓት፡ ብድስፕሊን ምልሙላት፡ ጻዕረኛታት፡ ተጻዋርትን ዘይተሳዓርትን ምዃኖም ኣመስኪሮም እዮም።  ሃገርና ኣብ ኣህጉራዊ መድረኽ ግቡእ ቦታኣ ሒዛ ትቕጽል ዘላ ኣብ ክብርታት ዞኣጠቑ መንእሰያት ስለ ዘለዉዋ እያ።

# ፍረ ጽንዓትና እንታይ’ዩ፧

ሑርያ ሰዒድ ዓምር

ፍረ-ጽንዓትና ብሕጽር ዝበለ ንምግላጹ ንሕና ከም ህዝብን ሃገርን ማንም ህዝቢ ክጻወሮ ዘይክእል ብድሆ ሰጊርና ብናጽነትን ሓርነትን ክነብር ዘኽኣለና ጥበብን ጺጋን እዩ። ኤርትራ ናጻን ልኡላዊትን ሃገር ኮይና ትቕጽል ምህላዋ ፍረ ጽንዓትናን መስዋእትናን እዩ። ውሱን ዓቕምና ብዕጽፍታት ኣራቢሑ ኣብ ልዕሌና ዝተኣለሙ ማእለያ ዘይብሎም ውዲታትን ሸርሕታትን በዲህና ክንወጽእ ኣኽኢሉና እዩ። ኣብ ጸላም ብርሃን ከም ዘሎ፡ ኣብ እዋን ጸበባ ኸኣ ‘ራህዋ ንርእየላ ሓንቲ መዓልቲ ኣላ’ ክንብል ዘኽኣለና ሞራል ውጽኢት ጽንዓት ህዝቢ ኤርትራ እዩ።

ፍረ ናይ ጽንዓትናን ምጽማምናን ሕጂ ኤርትራ ሓድነታ ዘረጋገጸት፡ ልኡላውነታ ዘየድፈረት ሃገር ኮይና ትርከብ። ስለዚ ጽንዓት ኣብ ዱልዱል መሰረት ረጊጽና ቤት ኩልና ዝኾነት ኤርትራ ክትህልወና ክኢልና ኣለና።

ስምኦን ወልደሚካኤል

ኩሉ እቲ ክሳብ ሕጂ ኣብ ኢድና ዝጨበጥናዮ፡ ከም ሃገራዊ ባህሪ ከም እኩብ እነንጸባርቖ ዘለና ባህርያት፡ ንሓባራዊ ኣተሓሳስባ ኤርትራውያን ቅርጺ ዘትሓዘ ተመኩሮታት፡ ውጽኢት ወይ ከኣ ፍረ ናይቲ ከም ህዝቢ ብእኩብ ኣብ እዋን ጽጉም ወቕቲ ናይ'ዛ ሃገር ዘርኣናዮ ጽንዓት እዩ። ጽንዓት ንባዕላ ፍረ ናይ ታርኻዊ ክውንነትና እያ። እንደገና ተመሊሳ ብዙሕ ምሩጽ ፍረ ትህበና ኣላ። ዋሕስና ኣብቲ ሓቢርና እነርእዮ ጽንዓት ምኻኑ ኣብ ሓባራዊ መረዳእታ በጺሕና ኣለና። ድሕነቱ ኣብ ጽንዓቱ ምኻኑ ዝተረዳድአ ህዝቢ፡ ኢድ ንኢድ ተተሓሒዙ እዩ ዝጎዓዝ። ስለዚ ኣብ ሓድነትን ስኒትን ኣጥሪናዮ ዘለና መረዳእታ፡ ውጽኢት ጽንዓትና እዩ። እቲ ኣብ ጽንኩር እዋን ዘርኣናዮ ጽንዓት ዓለም ብዓይኒ ክብረትን ኣድናቖትን ክትርእየና እውን ገይሩ እዩ። ሃገራት- ኣብ መንጎ ብዙሓት ረቛሒታት- ብዘርእይኦ ባህርያት እየን ቦታአን ኣብ ዓለማዊ መድረኽ ዝሕዛ። ኤርትራ ኣብ ዓለም ከም ሃገረ ጽንዓት፡ መትከል፡ ርእሰ-ምርኮሳን ሓቅን እያ ትፍለጥ። እዚ ጽቡቕ ስምን ዝናን እዚ ከኣ ውጻኢት ጽንዓትና ክንብል ንኽእል።

ዘሚካኤል ገብረክርስቶስ

ምህርቲ ወይ ፍረ ጽንዓትና ብርኩት እዩ። ንሕና ፍረ ጽንዓት ኢና፡ ናጽነት ብዓባያ ፍረ ጽንዓት እያ። ሕጂ'ውን ብጽንዓት ኢና ንነበር ዘለና። ከም ህዝቢ ኣብ ሓደ ቅኒት ሰሚርና ንዝገጥሙና ብድሆታት ፈንጢስና ብኩርዓት ንነብር ኣለና። ብፖሊሲ ርእሰ ምርኮሳ ተመሪሕና ካብ ምጽወታን ጽግዕተኛነትን ሓራ ብምኳን ብዓቕምና ከም ዓቕምና ንነብር ኣለና። ረቂቕ ሓይልና ተጠቒምና ብዓቕልን ትዕግስትን ከይተሓለልና ንኤርትራ ዝገጥምዋን ዘለዉን ብድሆታት ስዒርና፥ ውሕስነትን ህንጸትን ሃገርና ንምርግጋጽ ኣብ ዘኽእለና ባይታ ረጊጽና ንርከብ። ምህርቲ ናጽነትና እዚ ሕጂ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ ይትረፍ ክብጻሕ ብደረጃ ራእይ እውን ዘየለ ውህደት፡ ሓድነትን ስኒትን ምውናኑ እዩ።

መንእሰያት ኤርትራ፡ ንዝገጥመና ተጻብኦታትን ብድሆታትን ንምፍሻልን ንምብርዓንን ታሪኽናን ክብርታትናን ሰኒቕና ኣለና። መገዲ ጽንዓት ዝሓዘ መንእሰይ ወለዶ ከምቲ ዝሓለፈ ሰውራዊ ወለዶ ታሪኽ ሰሪሑን ጌና



ዘሚካኤል ገብረክርስቶስ

ይሰርሕን ኣሎ። ኤርትራ፡ ንድሕነታ ዝብጀዉላ፡ ዝጽዕሩላ፡ ደሞምን ረሃጾምን ዝህብዋ መንእሰያት ውሒዶማ ኣይፈልጡን እዮም። ብኽብርታት ሰውራን ሕብረተሰብን ዝወቀበ መንእሰይ ሃገሩ ክከላኸልን ክሃንጽን ኣይሸገርን'ዩ።

ነጃት ኣደም

ሓደ ካብቶም ዝዓበዩ እናተወራረሱ ክመጹ ዝጸንሑ ክብርታትና፡ ምውርራስ ክብርታት እዩ። ጽንዓት ንጽንዓት እናወለደ ንልዕሊ 80 ዓመታት ጉዕዞ ክቕጽል ጸኒሑን ኣሎን። ኣብ ነፍሲ ወከፍ መድረኽ ዝውለድ ጽንዓት ከኣ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብዓይነትን ዓቐንን ዝበለጸ እናኾነ ክመጽእ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ነዚ ሕጂ ዘለናዮ ብሉጽን ውሑስን መድረኽ ኣብቂዑና ይርከብ።

ምድግጋም ልማድ እዩ ዝፈጥር። ልማድ ከኣ ምስ ግዜ ናብ ፍቕሪ እዩ ዝቕየር። ልክዕ እዩ ነፍሲ ወከፍ ወለዶ ነናቱ መድረኽ ዝጠልቦ ሓላፍነት ዝስከም ስለዝኾነ ዝመጽኡ ወለዶታትና ከኣ መድረኾም ዝጠልቦ ሓላፍነት እናልዓሉ እዮም ጸኒሖም። እቲ እናተወራረሰ ዝመጸ ባህሊ ጽንዓትን መኸተን ኣይተበትከን ጥራይ ዘይኮነስ ድልዱል ሰንሰለት ኮይኑ ንሓድነት ህዝብና ኣትሪሩ ዝኣስርን ንክብሪ መንነትናን ሃገርናን ኮሊዕዎ ይርከብ። ብዓቢኡ ከኣ ካብቲ ባህሪ ምልምማድ ዝተወልደ ፍቕሪ ጽንዓት፡ ውህደት፡ ተማላላእነት፡ ሓድነት፡ ሓቅነት፡ ቅንዕና፡ ፍቕሪ ስራሕን ፍትሕን፡ ምቕሉልነት...ወዘተ ዝኣመሰሉ ክብርታት ተቐኒቶም ብቴክኖሎጂ ዝማዕበለትን ብቑጠባ ዝበልጸገትን ሃገር ክትከውን ከም ዘብቀዕዋ፡ ቅንጣብ ጥርጥር የለን።

# ጽናዕ! ... ክሳዕ መኣስ!?

## ጽንዓት፡ ንድኹማት ወይ ንጽጉማት ጥራይ ዝእዘዘሎም መድሃኒት ድዩ?

**ኤርምያስ ሰሎሞን**

ህንጻ፡ ኣብ ጽኑዕ መሰረት ይቐውም፣ ጽኑዕ ሰራውር ዘሎዎ ገረብ ነዊሕ ይጸንሕ፣ ጽኑዕ ሓጼር ዘሎዎ ቤት ኣይድፈርን ወዘተ. ኣብ እዋን መከራን ብድሆን፡ `ጽኑዕ` ምዃን እቲ እንኮ ምርጫ እዩ። ኣብ ግዜ ሓዘን`ውን፡ `ጽንዓት ይሃብካ!` ዝብል ምርቓን ለበዋን ኢኻ እትቕበል።

ጽንዓት፡ ንድኹማት ወይ ንጽጉማት ጥራይ ዝእዘዘሎም መድሃኒት ድዩ? ብገንዘብካ ጥራይ ድላይካ ምግባር ይከኣል ድዩ? ኣይፋሉን። ሎሚ ሳላ ግዜ፡ ብዙሕ ንርኢ ኣሎና። መከራ ይኹን ብድሆ፡ መኣስን ብኸመይን ይመጸካ ኣይትፈልጦን ኢኻ። ኣብዚ `ምዕቡል` ዓለም፡ ምዕቡል ጊልያነት፣ ኣብዚ `ምዕቡል` ዓለም፡ ምዕቡል ታህዲድ፡ ኣብዛ `ምዕቡል ሕጊ` ኣሎዋ እትብሃል `ዘመናዊት` ዓለም፡ ሕግን ስርዓትን ብቕልጽም ክጉዕጸጽ፣ ኣብዚ `ምዕቡል` ዓለም፡ `ናተይ` ኢልካ ክትንየተሉ ንዝጸናሕካ ጸጋታት፡ `ሃባ! ንዓኻ እዚ ይኣኽለካ` ዝብሉ `ምዕቡላት` ከታሮ፡ ኣብዚ `ምዕቡል` እዋን፡ ጽኑዕ ጸግዒ ክኾነካ እተጸጋዕካዮ፡ ሃንደበት ንባዕሉ ጸግዒ ይስእን ... ክንደይ`ሞ ክንብሎ።

እቲ ሓቂ እዚ ክንጠቕሶ ዝጸናሕናን ንዕኡ ዝመሳሰልን ስለ ዝኾነ፡ ናተይ እትብሎን ንሓዋሩ ዘናብርን ክብርታት ክህልወካ ግዴታ እዩ። ሰባት ምስ ሰባት፡ ሃገራት ድማ ምስ ሃገራት ተደጋጊፈን ክም ዝነብራ ርዱእ`ዩ። እቲ ምድግጋፍ ግና ንቕድሚት ንኽትስጉም ወይ ንኽትንቀሳቐስ ዝሕግዝ ደኣ እምበር፡ ንኸይትወድቕ ካብ ካልኦት ባላታት ምልቃሕ ማለት ኣይኮነን። ፈለማ፡ ኣብ ገዛእ ክብርታትካን ብገዛእ ነብስኻን ትቐውም . . . ትጸንዕ! ድሕሪኡ ድማ ምስ ከማኻ `ጽኑዓት` ድማ ትደጋገፍ። እምበር፡ ሰንኮፍ



ዝኾነ ሰብን መሻርኽትን`ውን ለካሚን መባኸርትን እንደኣሉ።

እናሓንሳእ፡ እዋን ትርር ክብለና ኸሎ፡ ሞራልና ክትንከፍ ባህርያዊ እዩ። እንተኾነ፡ ኣብ ከምዚ እዋን ነቲ እንምነዮ ርሁው እዋን ምቕማት ጥራይ ዘይኮነስ፡ ናብ ሕልሚ ኣቦሓጎታትና`ውን ግልጽ ምባል ኣገዳሲ እዩ። ነዚ ዘሎናዮ ተመንዮም ግን ከኣ ከይረኣይዎ ዝሓለፉ፣ ግን ከኣ`ባ፡ ነዚ ዘሎናዮ መሰረት ዝኾኑ ኣባሓጎታት ከም ዘለዉና ምዝካር ኣገዳሲ ጥራይ ዘይኮነ፡ እንተላይ ልቦና ዝውስኽ እዩ። ምኽንያቱ፡ ሎሚ ንሕና ኣብ ገለ ክፋል ትንቢትን ምንዮትን ኣባሓጎታትና ኢና ንነብር ዘሎና። እቲ ዝተርፈና ድማ ባዕልና ንምልኦ።

ንመለስ እስከ ናብ ኣርባዓታትን ሓምሳታትን፡-

## 1949

*`ንሕና፡ ከም ሓደ ሓቢርና ኣሎና። ንመሰልና ኸኣ ክሳብ ሞት ክንጣበቖሉን ክንከላኸሎን ኢና። ነዚ መርገጺ እዚ ኸኣ ኣይነመኻንየሉን ኢና። ኣላህ ደኣ ኣይግበሮ እምበር፡ እንተዘይተዓዊትና`ውን፡ ዕላማና ተፈሊጡስ ታሪኽ`ውን ከረጋግጾ እዩ። ካብ ሽሕ ዓመት ብውርደት፡ ሓንቲ ዓመት ብኽብረት ምንባር ይበልጽ።`*

ዓብደልቃድር ከቢረ ናብ ዓርኩ ካብ ዝሰደዶ ደብዳብ ካብ መጽሓፍ ኣይንፈላለ እተወስደ (ገጽ-197)

ዓብደልቃድር ከቢረ፡ ኣብ ንእስነቱ እዩ፡ ነዚ መትከል ኣነጺሩ። ኣብ መትከሉ ጸኒዑ ድማ `ተሰዊኡ`። ድሕሪ መስዋእቱ፡ ብመሓመድ ኢማም ሙሳ ካብ እተገጥመሉ ቍንጫሉ እንሆ፦ (ምንጪ፦ ሰሙናዊ ጋዜጣ፡ ቁ.344፣ 1949)

...

*እንተ ዝነግረኩም ምኽረይዶ ትዓሠሩ*
*ገበል ለመጸ ኢልኩም ኣይትስረሩ*
*ንፋስ ኣይተእትዉ ከይትቌሩ*
*ምንም እንተበዝሑ ዝፍከሩ*
*ምንም እንተበዝሑ ዝውርውሩ*
*ውዒሎም ሓዲሮም ብግብሮም ይሓፍሩ*
*ከቢረ እንተ ተኸወለ ተቐቢሩ*
*ዕላማኡ ይነብር ንሓዋሩ*
*ኣብ ባንዴራ ዓዲ ተገቲሩ*
*ፍትሒ ብዝወጾሉ ተመርሚሩ*
*ንዓዶም ዝፈትዉ ብዝሰዓሩ።*

## 1950

. . . ሃገርና፡ ጐረቤት ናይ ሓንቲ ኣንጻር ድሌት ህዝብና ክትጐብጠና እትደሊ ዓባይ ሃገር ኢያ። ንሃገርና ዝገዝእ ዘሎ ምምሕዳር (ብሪጣንያ)፡ ንሃገርና መቒሉ፡ ብውሑዱ ሓደ ክፋላ ናብ ኢትዮጵያ ክቖርን ዝደሊ ኢዩ። ክልቲኦም እዞም ወገናት እዚኣቶም ነዚ ናይ ናጽነት ሓሳባትና ዝድግፉ ኣይኮኑን። እቲ (ናይ ሕብረት) ጒጅለ ኣብዚ ኢዩ ጠጢዑ፡ ዝወሓደ (minority) ድማ ኢዩ።

. . . ስለ ምንታይ ኢዩ ኤውሮጳዊ መግዛእቲ ዝብዳህን ዝግጠምን ዘሎ? ብኣፍሪቃዊ መግዛእቲ ንኽትካእ ድዩ? ... ኢትዮጵያ፡ ሶማልያ፡ ንኽትወሃባ እውን ሓቲታ ነይራ ... ። ሶማልያ መሰል ናጽነት ስለ ዝተፈልጠላ ሕጕሳት ኢና። ግን፡ ስለምንታይ ኢዩ እቲ ንሊብያን ሶማልያን ተዋሂቡ ዘሎ መሰል ንዓና ዝንፈገና ዘሎ?

ግጉይ ውሳነ እንተ ደኣ ተወሲዱ፡ ንዕኡ ንምቅዋምን ናጽነትና ንምርካብን ንምዕቃብን፡ ከምኡ`ውን ህላወና ንምርግጋጽ ክንገብሮ ብእንግደድ ተቓውሞ፡ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ ክፍጠር ንዝኽእል ግጭትን ምልዕዓላትን፡ ኣባላት እዚ ኮሚተ`ዚ ተሓተቲ ክኾኑ ኢዮም። ክሳብ ሕጂ ኣብ ሃገርና መታን ሰላምን ስርዓትን ክዕቀብን እዚ ኮሚተ`ዚ ድማ ፍትሕን ዘይወገናዊ ኣመለኻኽታ ንባህርያዊ መሰላትናን ክህልዎ ኢዩ ብዝብል ተስፋን ሽግርን ጸበባን ክንጸውር ጸኒሕና ኢና።

እዚ ቓል፡ ኣብ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ሓምሻይ ኣኼባ ፖለቲካዊ ኮሚቴ ብ1950 ዝቐረበ እዩ። ናይ መን ቃል እንተ ኢልና ድማ ናይቲ ናጽነት ኤርትራ ብጋህዲ ከይረኣየ፡ ብዓይነ-ሕልናኡ ግና ብቓልሲ ህዝቢ ከም ዝረጋገጽ፡ ርግጸኛ ኾይኑ እተዛረበ ሓርበኛ ኣቦና ኢብራሂም ሱልጣን እዩ። (ምንጪ፦ መጽሓፍ ተዘካሪ ጥቕስታት ጋዜጣታት ኤርትራ)

ኣቱም መንእሰያት፡ ንሕና`ኮ፡ ደቂ እዞም ነብያት ኢና። ህሉው ሃገራዊ መትከልናን ጽንዓትናን መሰረቱ እዞም ሓርበኛታት እዮም። እዚ ዝጠቐስናዮ ቓል፡ በተን ናይ ሽዑን ናይ ሕጂን ሓያላት ዝብሃላ ሃገራት ኣብ እዋኑ ዕሽሽ ተባሂሉ እዩ። ኣቦሓጐታትናን ኣያታትናን ግና ንዕላማኦም ዕሽሽ ስለ ዘይበሉዎ፡ ከም `ፈኸራኦምን ትጽቢቶምን` ሎሚ፡ ሓንቲ `ኤርትራ` እትብሃል መብዛሕትኦም ናይ ሽዑ ሓረበኛታት ተመንዮም ዘይረኣዩዋ ሃገር ኣላትና።

ካብ ተመሳሳሊት መጽሓፍ፡ ካልኣይ ኣብነት ንወስኽ።

`በቲ ናይ ሕቡራት መንግስታት ፍርድን ኣዋጅን፡ እቲ ዝለመናዮ ምሉእ ናጽነት ኤርትራ ከም ዘይተዋሃብና ንፈልጥ ኢና። ግናኸ መሬት ኤርትራ ከም ዘይምቀል፡ ሕዝቢ ኤርትራ ድማ ኣብ ልዕሊ ሃገሩ ምሉእ ጒይትነቱ ኸም ዚምረቐሉ ምግባር ዘኽኣልና ንሕና ኢና`ሞ፡ እዚ ናይ ምሉእ ሕዝቢ ኤርትራ ዓወትስ ናትና ዓወት ኢዩ ንምባል መሰል ዘሎና ኾይኑ ይርኣየና።` (ቀጽሪ ናጽነት ኤርትራ - 5 ታሕሳስ 1950)

እንታዋይ ዘመናዊ ፖለቲካዊ ተንታኒ እዩ ነዚ ናይ ሽዑ ብልሒ ክርድኦ ዝኽእል። እንቋዕ ደኣ መሬታውን ህዝባውን ሓድነትና ዝመቅል ውሳነ ኣይተቐበልና እምበር፡ ንኤርትራ ከም ዘላታ ሓደ መዓልቲ ሓራ

ክንገብራ ምኽንናስ ኣይንጠራጠርን ዝብል ረዚን መልእኽቲ እዩ ነይሩ። እዛ ጽሕፍቲ ኣብ ጋዜጣ ክትወጽእ እንከላ እተወልደ ህጻን፡ ሎሚ ዕድለኛ ኾይኑ ብህይወት እንተሎ፡ ወዲ 85 ዓመት ኰይኑ ኣሎ ማለት`ዩ። ትጽቢት ናጽነትን ሽርሒ ፈደረሽንን ብዓሎቕ ሓያላን ሃገራት ኣንጻር ድሌት ህዝቢ ኤርትራ ኾይኑ። ከም ትንቢት ሓርበኛታት ድማ ብሰንኪ ክሕደት ናጽነት ኤርትራ፡ ንእለቱ ምብራቕ ኣፍሪቃ ሓዊ ተኣጒድዋ። ቃል ኣብ ግብሪ ተተርጒሙ።

## 1960ታት

ህዝቢ ኤርትራ ንመሬታዊ ሓድነቱን ልኡላውነቱን ኢሉ`ዩ በረኻ ወፊሩ። እቶም ሽዑ ኣብ ርእሲ-ርእሲ ተመራሪሖም ናጽነት ንምምጻእ በረኻ ዝወፈሩ መሰረቶም ጽንዓት እዞም ዝጠቐስናዮም ኣቦታት እዩ ነይሩ። ሓቂ! እቶም ዓዶም ዝፈትዉ፡ ኣሰር በዓል ዓብደልቃድር ከቢረ ረጊጾም፡ ንፍትሒ ብሰላማዊ መገዲ ምስ ሰኣኑዋ፡ በረኻ ወፊሮም።

ቈልዑ ናይ ስሳታት ናይ ሎሚ ጀጋኑ

መንከ ነገረኩም ዝከኣል ምኺኑ

ድማ ተደሪፍሎም። ንሳቶም እቲ ኣያታቶም ዝወረሱዎ ጽንዓት ተሰኪሞም፡ ንተልእኾ ናጽነት ዕላማኡ ኣብጺሖምዎ፣ ክሳዕ ሕጂ`ውን ተጻብኦታት ስለ ዘየዕረፈ፡ ኣብ ዛንታ ክልተ ወለዶታት ክሰፍሩ በቒዖም ኣለዉ። ነዛ ኣርባዕተ ዝፈደላን ንምድማጻ ጥዕምትን `ናጽነት` ንምምጻእ እተኸፍለ ዋጋ እምብዛ ረዚን`ዩ። ዕድላት፡ ህይወታት፡ ዕምርታት . . . ተኸፊሉ። ከምቲ እተባህለ ድማ ብሰንኩ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ ክሳዕ ሕጂ ኣሰሩ ዘይጠፍአ ሓዊ ተኣጒዱ።

ናይ ሎሚ ዓመት ቴማ በዓል ናጽነትና፡ ጽንዓትና ዋሕስና! ዝብል እዩ። ናይ ቅድሚ 75 ዓመት ቴማን መርሓ ጐደናን ኣቦታትና ድማ፡-

*`ሓደ ኣካል ክትኮኑን፡ ነቲ ስርዓት ክትኽተሉን ለበዋይ ከሐድስ እንከለኹ **<u>ሓድነትን ጽንዓትን</u>** ንኹሉ ሽግራትን ጸገማትን ይስዕር`ዩ ካብ ዝብል እምነት ተበጊሰ`የ። እንተደኣ ሓደ ኮይንናን ተሰማሚዕናን፡ ራህዋን ረብሓን ንዓናን ንመጻኢ ወለዶታትናን ክንጐናጸፍ ኢና።`*

ኢብራሂም ሱልጣን

ሶ.ጣ. ሰንበት 23 ታሕሳስ 1951፡ ቁ፥ 150

ስለዚ፡ ንጽናዕ! ክሳዕ መኣስ ንዝብል ሕቶ ድማ ንሓዋሩ! ምኽንያቱ፡ ጽንዓት ካብ ኣቦሓጐታትና ዝወረስናዮን፡ ንሓዋሩ ናብ ወለዶታት ክሰጋገር ዝግብኦን ዘይንቐነቕ ክብሪ እዩ።




# ሕፍንቲ ካብ ጥቕሰታት ገዳይም ኤርትራውያን ሓርበኛታት

መድረኽ ማና

ታሪኽ ካብ ዝሰርሕዎ ንላዕሊ ምስ’ቶም ዝውክስዎዎ ተሪር ምትእስሳር ኣለዎ። እዚ ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ መልእኽቲ ታሪኽ ኪኖ ፍጻመታት ዝኸይድ ሓርበኛነታዊ ዛንታታት ዘካተተ ስለዝኾነ’ዩ። ቀጻልነትን ኩርዓትን ናይ ዝኾነ ይኹን ወለዶ ኣብ ምህላውን ዘይምህላውን ተቐዲሑ ዘይጽንቀቕ ዒላ ታሪኽ ይምርኰስ። እቲ ታሪኽ ዝቐድሐ ወለዶ ይሰርር፣ እቲ ዝቕዳሕ ዘይብሉ ድማ ካብ ዒላ ታሪኽ ካልኦት ሃሰው ክብል ዝተፈርደ እዩ። ስለዚ፡ ጸጋ ወለዶታት ምስ ምውናን ክቡር ታሪኽ ቀጥታዊ ዝኾነ ምትእስሳር ዘለዎ’ዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ወርትግ ከብሒ ታሪኽ ምብርባር፣ ናይ ሎምን ጽባሕን ኣገዳስነቱ መተካእታ ኣልቦ እዩ።

ታሪኽ ኤርትራውያን ታሪኽ መኸተ’ዩ። እቲ መኸተ ግብሪ እዩ። ከምኡ ድማ ስነ-ሓሳብ። እቶም ነቲ ግብርን ስነ-ሓሳብን ኣዋሃሂዶም ታሪኽ ዝፈጸሙ ጀጋኑ ኣቦታት ከኣ፡ ሰባት’ዮም። ግብሮምን ራእዩታቶምን ግና ናይ ተራ ሰብ ኣይኮነን። ንሳቶም እቶም ኪኖ ርእየት ንስሪ ብምምዕዳው፣ ኣብ ‘ታ ብልጽግቲ መጻኢት ኤርትራ ምሉእ እምነት ዘንበሩ ጀጋኑ እዮም። ከምኡ ድማ ንእምነቶም ብግብሪ ዋጋ ዝኸፈሉ ሓርበኛታት። ታሪኾም ድማ ታሪኽ ቃልሲ ኣንጻር መድረኻዊ ብድሆታት እዩ። ቃላቶም፡ ተግባራቶምን እምነቶምን መኸተ’ዩ። መኸተ ኣብ ቅድሚ ዓርሞሸሽ ጸላኢ። መኸተ ኣብ ቅድሚ ውሽጣዊ ምድሕርሓርን ክድዓትን። መኸተ ኣብ ቅድሚ ባህሪ ምስ ኩሉ ግድላቱ።





ቃላቶም ድማ ነብሱ ዝኸኣለ ሓይሊ’ዩ’ሞ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ወለዶታት ኤርትራ ተፈጢሩ ዝርከብ ሓያል ናይ ምርድዳእ ባህሊ ዝያዳ ንቕሓት ክውስኽሉ ዝኽእል’ዩ። ሎሚ’ውን መድረኹ መድረኽ ክተት እንደኣሉ።

***

“ኣኽራናትና ንነዊሕ ዘመናት ኣብ ሰላም ‘ኳ እንተ ጸንሑ፣ ሕጂ ግና ሰላሞም ብድምጺ ጠያይቲ

ክዝረግ ጀሚሩ ሎ። እዚ ሎሚ እንነብሮ ዘሎና ክፉእ ሂወት'ዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ ብዙሕ ጸርፍን ምስትንዓቕን ይወርደና ኣሎ። ኮይኑ ግና፣ ናይ ምቅላስ መንፈስና ንድሕሪት ዝምለስ ኣይኮነን። ታሪኽና ድማ ታሪኽ ትብዓትን ጅግንነትን'ዩ።"

***ስዉእ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ***

"ሎሚ ውሑዳት ምኽንና ብዙሕ ነገር ስለዘይብልና ኣባኻትኩም ተጸጊዕና ኣሎና። ንሽኻትኩም'ውን ዘለኩም የብልኩምን። ግን ከኣ መጻኢት ኤርትራ ንኹላትና ትጽበየና 'ላ። እዚ ተጀሚሩ ዘሎ ሰውራ፣ ሰውራ ኩሎም ኤርትራውያን ክኸውን ኢዩ። ዕላማና ድማ ካብ ውሽጥን ካብ ኣብ ዓለም ዝርከቡ መሓዙት ኣህዛብን ልዑል ደገፍ ክረክብ'ዩ። ስለዚ፡ ናብ ዕላማና ንምብጻሕ፡ ሕጂ'ውን እንተኾነ ጽኑዓት ክንከውን ከድሊ 'ዩ።"

***ስዉእ ዑመር ሓሚድ እዛዝ***

"ኢትዮጵያ ክትስዕረኩም ኣይትኽእልን'ያ። ምኽንያቱ፡ ሰራዊታ ዑሱባት ናይ ገንዘብ ሰራዊት ስለዝኾኑ። ኪኖ ስርቅን ዕንወትን ዝኸይድ ስነ-ምግባር ዝዓጠቑ ኣይኮኑን። ስለዚ፡ ንሽኻትኩም ናብ ዓወት ኣብ ዝመረሽክምሉ፡ ንሳቶም ድማ ናብ ስዕረት ክምርሹ'ዮም። ናይ ትማሊ ኩናት ባህርያቶም ኣርእይኩም ኣሎ። ናይ ጽባሕ ኩናት ድማ ውድቀቶም ክርእየኩም'ዩ።"

***ስዉእ ጣህር ሳልም***

"ሃገርና ካብ ግዝኣት ባዕዲ ናጻ ከነውጽእ ብረት ኣብ ዘልዓልናሉ፡ ክቡር መስዋእቲ ክንከፍል ምኧንና ንፈልጥ ኢና። እዚ 'ኳ እንተኾነ፡ ጸላኢና ሕፍረትን ውርደትን ተኸዲኑ ካብ መሬትና ክወጽእ ምኧኑ ርግጸኛታት ኢና።"

***ስዉእ እድሪስ ሓጅ***

"ንሕና ኩናት ኣይንዕድምን፤ ኣብ ሰላምን ፍትሕን ድማ ንኣምን። ከምኡ ምኽንና ዘስተናዕቐናን ካብ መተከልና ክውጽኣና ዝፍትንን ሓይሊ ንምዝባጡ ድሕር ኣይንብልን። ህራምና ኣብ ታሪኽ ዝርሳዕ ኣይኮነን። እዚ ዕጫ 'ዚ ኣብ ቀረባ እዋናት ዕጫ ኢትዮጵያ ክኸውን'ዩ።" ስዉእ ዑመር ናስር

"ሎሚ ንሓደ ሓያል ሃጸያዊ ስርዓት ንምቅላስ ደማዊ ዝኾነ ኩናት ነካይድ ኣሎና። ንሱ ብኣሜርካዊ እምብራጦርያነትን ዓለማዊ ጽዮንነትን ዝድገፍ'ዩ። እዚ 'ኳ እንተኾነ፡ ይንዋሕ ይሕጸር ግዜ ብዘየገድስ፡ ዓወትና ናይ ግድን'ዩ። ሓፋሽ ንሃጸይነት ተቓሊሱ ከም ዝዕወት ድማ ታሪኽ እኹል ዝኾነ መሰኻኽር ቀሪቡልና'ሎ።" ስዉእ ዶር. ያሕያ ጃብር

"ቃልስና ኣብ ቆራጽነትን ተበግሶን ጥራይ 'ዩ ዝምርኮስ። ድምጺ ሓይሉን ሓቅነቱን ድማ ኣብ ምሉእ ዓለም ክስማዕ ጀሚሩ 'ሎ። ጽባሕ ኣብ መዛግብቲ ታሪኽ መወከሲ ዕዉት ሰውራ ተባሂሉ ክምስከረሉ'ዩ።"

***ስዉእ መሓመድ ሰዒድ ሻምስ***

"ኦ ብጾት እዚ ኣንጻር ኢትዮጵያ እነካይዶ ዘሎና ውግእ ብምርጫና ዘይኮነ፡ ጸላእትና 'ዮም ኣገዲዶምና። ኣብ ልዕሌና ዘለዎም ንዕቀት ድማ መወዳድርቲ ኣልቦ'ዩ። ስለዚ፡ ሃየ ዓቕምናን ሓቅነትን ብግብሪ ነርእዮም።"

***ስዉእ ኢብራሂም ዓብደልኣማን***

"ቃልስና ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ'ዩ። ኩሉ ኤርትራዊ፡ ኣብ ዝሃለወ ይሃሉ፡ ክሳዕ ዓወት ክቃለስ ተዳልዩ ይርከብ።"

**ስዉእ ኣረፋይነ ሃብተጽዮን**

"ኣብ ገዛእ ነብስና ብምምርኳስ ክንዕወት ኢና። ብሳላ ብቕዓትናን ቀጻልነትናን ክንዕወት ኢና።"

**ስዉእ መሓመድ ሴራ**

መወከሲ፡ ሰነዳት RDC

# ኣህጉራዊ ጉዳያት

## ድሕሪ መወዳእታ ታሪኽ
# ዓለም ናበይ ገጻያ፧


ኣብ ፈለማ 90ታት ዝሓሉ ኩናት ኣብቂዑ፣ መወዳድርቲ ርእሰማላዊ ዓለም ዝነበረ ደምበ ዴስነት ተረኺሚሹ፣ መንደቕ በርሊን ፈሪሱ፣ ስነሓሳብ ሊበራሊዝም በይኑ ምስ ተረፈ፣ ኣመሪካዊ ናይ ፖለቲካን ቁጠባን ሊቅ ፍራንሲስ **ፉኩያማ፡** ነቲ ሓድሽ ዓለማዊ ኩነት **"መወዳእታ ታሪኽ" (The end of history)** ክብል ገሊጹዎ።


ፉኩያማ ኣብታ **"መወዳእታ ታሪኽን እቲ ናይ መጨረሽታ ሰብን" (The end of history and the last man)** ዘርእስታ ኣብ 1992 ዘሕተማ መጽሓፍ፡ ነዚ ኣገላልጻ ዝተጠቐመ፡ እቲ ርእሰማልነት (ሊበራሊዝም) ወዳቒ ምኽኑ፣ ድሕሪ ውድቀቱ ከኣ ፈለማ 'ማሕበርነት' (socialism)፡ ስዒቡ ድማ ዴስነት (communism) ዝበሃል ማሕበራዊ ስርዓት ክፍጠር ምኽኑ ዝተነበየ ናይ ካርል ማርክስን ሰዓብቱን ትንታነ 'ታሪኻዊ ነገርነት' ዘይክውንነታዊ ምኽኑ፡ 'ስነሓሳብ ዴስነት' ብፍሽለት ምድምዳሙ፡ ንምምልካት'ዩ። ፉኩያም፡ 'ሊበራሊዝም'፡ እቲ ምስ ባህርያት ሰብ (ውልቀ ሓርነትን ውድድርን) ተሳንዩ ዝኸይድ፡ መተካእታ ዘይብሉ እንኮ ስነሓሳብ ምኽኑ፣ ድሕሪ ደጊም ወዲ-ሰብ ካብ 'ሊበራሊዝም' ወጻኢ ካልእ ስነ-ሓሳብ ክፈጥር ከምዘይክእል ብምእማን እዩ፡ 'መወዳእታ ታሪኽ' ዝብል ሓረግ ተጠቒሙ።

እስራኤላዊ ጸሓፊ ዩቫል ሃራረ፡ ኣብታ **"21 ምህሮ ንመበል 21 ዘመን" (21 lessons for the 21st century)** ዘርእስታ ናይ 2018 መጽሓፉ፡ ነቲ ድሕሪ ምብቃዕ ዝሓሉ ኩናት፡ ስዒቡ ዝመጸ ዓለማዊ ምዕባለታት ብምዕዛብ፡ "መወዳእታ ታሪኽ" ዝብል ህዉኽ መደምደምታ ፍራንሲስ ፉኩያማ ልክዕ ከምዘይኮነ ብምግላጽ፡ **"መወዳእታ ታሪኽ መዓልቱ ተሰጋጊሩ ኣሎ" (The end of history has been postponed)** ክብል ቀዩዕሉ።

ዮቫል ሃራረ፡ ንሕሉፍን ህልውን ኩነታት ዓለም ኣመልኪቱ ዘቕረቦ ትንታነ ብጽሙቑ ዝበለ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፥

ሰባት ካብ ጭብጢን፡ ቁጽራዊ ቅማረታትን ንላዕሊ ኣብ ዛንታ እዮም ዝኣምኑ። ዝቐለለን መሳጥን ዛንታ ድማ ዝያዳ ቅቡል። ኩሎም




ሕብረተሰብት ንዘመናት ዝተመርሐሎም ነናቶም ዛንታታት፡ እምነታትን መረዳእታ ህይወትን ነይሮሞም እዮም። ኣብ መበል 19-20 ክፍለ ዘመን ከኣ፡ ካብ ኒውዮርክ፡ ሎንዶን፡ በርሊንን ሞስኮን ዝተንስኡ ፈላስፋታት ዓለምና፡ ብዛዕባ ሕሉፍን መጻኢን ወዲ ሰብ ዝትንትን ግሎባዊ ስነሓሳባት ብምምንጫው፡ ሰለስተ ዛንታታት ፈጢሮም። ዛንታ ፋሽስትነት፣ ዛንታ ዴስነት፣ ዛንታ ሊበራሊዝም።

ኣብ ዕብለላ ሓደ ዓሌት ዝኣምን ዛንታ ፋሺስትነት ኣብ ካልኣይ ኩናት ዓለም ተሳዒሩ ካብ ጸወታ ተኣልዩ። ካብ 1940 ክሳብ መወዳእታ 1980ታት ኣብ ዝነበረ 50 ዓመታት ድማ፡ ዓለምና ናይ ክልተ ዛንታታት፡ ዴስነትን ሊበራሊዝምን መጋጠሚ ሜዳ ኮይና፡ ኣብ ትሕቲ ዝሓሉ ኩናት ሓሊፋቶ። ኣብ መወዳእታ ዴስነት ብፍሽለት ኣብቂዑ። ሊብራሊዝም በይኑ ተሪፉ። እንኮን ቅኑዕን ስነሓሳብ መሲሉ ድማ ተራእዩ። ሰባት ንኣሽሓት ዓመታት ፖለቲካዊ፡ ቁጠባውን ውልቃውን ሓርነት ብዘይፈቕዱ ጨቆንቲ ስርዓታት እዮም ዝግዝኡ ነይሮም፣ ካብ ሕጂ ንድሓር ግን ኣብ ትሕቲ ሊበራሊዝም ህዝብታት ዓለም ምሉእ ሓርነት ክጓናጸፉ እዮም ድማ ተባሂሉ።

ካብ 1990ታት ጀሚሩ፡ ሊበራሊዝም ንዓለም ብናቱ ስርዓትን ክብርታትን ክቖርጻ ሃቂኑ። ግን ኣይከኣለን። ህዝብታት ንክብርታት ሊበራሊዝም ክርዕሙ፡ ብዝተፈላለየ መገዲ ጸቕጢታት ተሃቂኑ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዓለምና ናይ ምስግዳድ ውግኣት ተወሊዖም፣ ወራራት ተኻዪዶም፣ ሃገራት ፈሪሰን ሕብረተሰባት ተዘራሪጉ፣ መወዳእታኡ እንትርፎ ሕንፍሽፍሽ፣ ሊበራሊዝም ከምቲ ዝሓሰቦ ብህዝብታት ቅቡል ዝኾነ ሓደ ቀጽራዊ ዓለም ኣብ ምፍጣር ኣይተዓወተን።

ኣብ 2008 ከም ሳዕቤን ዘይቅርዑይ ኣካይዳ ዓለማዊ ፋናንሳዊ ንጥፈት፣ ብቐንዱ ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ብቕጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ድማ ኣብ መነባብሮ መላእ ህዝቢ ዓለም ጸቕጢ ዝፈጠረ ቁጠባዊ ምኽት ተኸሲቱ። ድሕሪ'ዚ ግዜ'ዚ፡ ቁጠባ ናይተን ተኸተልቲ ሊብራሊዝም ዝኾና ሃገራት ምዕራብ እናንቈልቈለ፡ ብኣንጻሩ

ናተን ፍሉይ ቅዲ ቁጠባዊ ፖሊሲ ዝተኸተላ ከም በዓል ቻይና ዝኣመሰላ ሓደስቲ ጐባልል ተንሲኦን ንቁጠባ ዓለም ክቆጻጸራኦ ተደናዲነን። መተካእታ ዘይብሉ ስነ ሓሳብ ዝተባህለሉ ሊብራሊዝም ድኻሙ ተቓሊዑ፡ እንኮ መገዲ ከም ዘይኮነ ድማ ንጹር ኮይኑ። እዚ ኩነት’ዚ ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ስንባደ ፈጢሩ። በዚ ድማ ምዕራባዊ ዓለም እቲ ዝምክሓሉን ዝወራዘየሉን ዝነበረ ክብርታት ሊብራሊዝም (ግዝኣተ ሕጊ፡ ደሞክራሲ፡ ሰብኣዊ መሰል ወዘተ.) ንጎድኒ ኣጸጊዑ፡ ጸጋታት ዓለም ንምቁጽጻር ናብ ቅሉዕ ሃነፍነፍ ኣትዩ ይርከብ።

ብኣገላልጻ ዩቫል ሃራሪ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ወዲ ሰብ ብዘይ ዛንታ እዩ ተሪፉ። ከም ኣብ ዝሓለፈ እዋን፡ ሰባት ኣሚኖም ዝምርሕሉ፡ ዝምሰጥሉ፡ ዝጣበቕሉን ዝስውኡሉን ናትና ዝብሉዎ ፍሉጥ ስነሓሳብ የብሎምን። ዓለም ኣብ ድንጉር ናይ ምስግጋር ሃዋህዋ እያ እትርከብ፣ . . . ናበይ ንጹር ኣይኮነን፣ በዚ ምኽንያት ‘መወዳእታ ታሪኽ’ መዓልቱ ተሰጋጊሩ፡ ዓለም ናብ ፍሉይ ዝዓይነቱ ምልኪ፡ ጭቆናን፡ ዕብለላን ድያ ክትምለስ፣ ወይስ ካልእ ስርዓተ ምንብባር ክትፈጥር፡ ሓደ ዘይንጹር ታሪኽ ይቕጽል ኣሎ።

ኣጃሙ ባራካ ዝተባህለ ኣመሪካዊ ጸሓፊ፡ “***ኪዳን ዕብለላ ኣመሪካ፡ ሕብረት ኤውሮጳን ኔቶን – ዝዓበየ ኣህጉራዊ ስግኣት ፕላኔትና”*** ብዝብል ኣርእስቲ ብ22 መጋቢት 2023 ኣብ ዘሕተሞ ጽሑፍ፣ “ኪዳን ዕብለላ ኣመሪካ፡ ሕብረት ኤውሮጳን ኔቶን፡ ናብ ዘይምለሰሉ ቁልቁለት የምርሕ ከም ዘሎ ርኡይ እኳ እንተኾነ፡ ከም ዝቈሰለ ኣራዊት፡ ካብቲ ቅድሚ ቅሩብ ዓመታት ዝነበሮ ዝያዳ ሓደገኛ እናኾነ ይኸይድ ኣሎ” ይብል።

ብርግጽ ድማ ሊበራሊዝም፡ ምስ ምዕባለን ንቕሓት ኣህዛብ ዓለምናን ዝስጉም መሰረታዊ ለውጢ፡ ብደረጃ ዓለም መሰረታዊ ፍታሕ ዘምጽእ ስርዓተ ምንብባር ኣብ ክንዲ ምህንዳስ፡ ነቲ ዝፈሸለ ዓለማዊ ስርዓት ክጽግን እዩ ዝህቅን ዘሎ። ኣብ ክንዲ ፍትሓዊ ምንብባር፡ ጸጋታት ዓለም ናብ ምግባት እዩ ዝጓየ ዘሎ። ኣብ 2016 ትራምፕ ናብ ስልጣን ፕረዚደንትነት ክመጽእ እንከሎ ዘልዓሎ **‘ንኣመሪካ ደጊምካ ሓያል ምግባራ’** (Make America great Again) ዝብል ጭርሖን ስዒቡ ዝመጸ ምዕባለታትን ከምኡ’ውን ኣብ ቨነዝወላን ኢራንን ዝተወስደ ናይ ሓይሊ ስጉምቲታት መርኣያ ናይቲ ዘሎ ኣንፈቱ ዘይፍለጥ ሓደገኛ ኩነታት እዩ። ፍሉጣት ተንተንቲ ቁጠባ ዓለምና፡ በዚ ዘሎ ዘይርጉእ ሃዋህው፣ ቁጠባ ዓለም ኣብ ሓጺር ግዜ ኣብ ዓዘቕቲ ዝሕታለ ክሸመም ምኧኑ ስግኣቶም ይገልጹ ኣለዉ።

ፍሽለት ሊበራሊዝም፡ ኣብ ደምበ ምዕራባዊ ዓለም እውን እንተኾነ፡ ብዙሕ ናይ ሓሳብ ፍልልያትን ምግምማዓትን ክፈጥር ይርአ ኣሎ። ኣብ መንጎ ሕብረት ኤውሮጳን ኣመሪካን ብሓደ ወገን፡ ኣብ ውሽጢ ሕብረት ኤውሮጳ ድማ በቲ ካልእ ወገን ዘሎ ዘይምቅዳው ናበይ ከምዘምርሕ ምግማቱ ዘጸግም እዩ። ፖለቲካ ነጸብራቕ ናይ ቁጠባ ስለዝኾነ፣ ምስዚ ኩነታት’ዚ ተኣሳሲሩ ዋላ ኣብቲ ምዕራባዊ ዓለም ትጽቢት ዘይተገብረሉ ፖለቲካዊ ምዕባለታት ክፍጠር ከም ዝኽእል ይግመት። ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ዓለምና፣ ብፍላይ ድማ፣ ኣብቶም ንውሑዳን ሰብ ፍሉይ ረብሓ ዘገልግሉ ስርዓታት፣ ንነዊሕ እዋን ዝተዋህለለ ምረትን ቍጥዐን ዘንቀሎ፣ ርቡሕ ሽቕለት፣ ትርጉም ዘለዎ ፖለቲካዊ ተሳታፍነትን ክብረት ዘለዎ ህይወትን ዝጠልብ ምንቅስቓስ ኣህዛብ ውልዕ ጥፍእ ክብል ምጽንሑ ዝፍለጥ እዩ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፣ ኣብ መስከረም 2011፣ ንህልዊ ዓለማዊ ኩነታት ኣመልኪቱ ንሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዘስምዖ መደረ፣ “ዓለማዊ ክውንነት ክክሓድ ዘይክእልን ዘይብሉን እዩ። ብጋህዲ፣ እዚ ዘለናዮ ግዜ ናይ ምስትርሓውን ትዕቢትን ግዜ ኣይኮነን። እቲ ሎሚ ዝጥለብ፣ ነቲ ዝገጥመና ዘሎ ዓለማዊ ክውንነት ብቕኑዕ ኣመለኻኽታ ምርዳእን ኣፍልጦ ምሃብን መፍትሒ ምንዳይን እዩ” ክብል ገሊጹ ነይሩ። ይኹን’ምበር፣ ነቲ ዘሎ ምዕባለታት ብወድዓውነት ኣንቢብካ፣ ፍትሒን ርትዓውነትን ዘረጋግጽ ሓድሽ ዓለማዊ ስርዓት ናይ ምፍጣር ተባዕ ተበግሶ ዛጊት ኣይተራእየን። ኣብ ክንዲ ሱር መሰረት ናይቲ ሕማም ፈቲሽካ ፈውሲ ምንዳይ ድማ፣ ምልክታቱ ንምኽዋል ከንቱ ሃልኪ ይህለኽ ኣሎ።

ውሩይ ኣመሪካዊ ደራሲን ዓያሪን ማርክ ትወይን **“ኣብ ኢዱ ሞደሻ ዝጨበጠ...ኩሉ ግድላት መስማር መሲሉ ይርኣዮ”** ይብል ነይሩ። ብልክዕ ድማ፣ ሓይሊ ኣለኒ ዝብል፣ ምኩሕ፣ ክውንነት ክቕበል ምሒር የጸግሞ እዩ። ክውንነት ካብ ምቕባል ምኽሓዱ እዩ ዝመርጽ። ምዕባለታት ብወድዓውነት ገምጊሙ ቅኑዕ ፍታሕ ከምጽእ ትብዓት ኣይርከብን። ኣብ ክንድኡ ንዝኾነ ግድል ከም መስማር ወይ እሾኽ እናጠመተ ብሞደሻ ጨፍሊቑ ከደቅሶ እዩ ዝህቅን። የግዳስ ማሕበራዊ ግድላት ብኣእምሮ እምበር፣ ብበትሪ ዝፍታሕ ከምዘይኮነ ታሪኽ ደጋጊሙ መስኪሩ እዩ።

ጠንቂ ናይዚ ኣብ ዓለም ተፈጢሩ ዘሎ ቅልውላዋው፡ እቲ ናብ ምዝመዛን ምኽዕባት ስፍሪ ኣልቦ ሃብቲን ጥራይ ዝቐንዐ፣ ፍትሒን ርትዓውነትን ዝጎደሎ ጠገለ ዘይብሉ ስስዐ እዩ። እዚ ሓልዮት ህዝቢታት ዘይብሉ፡ ዘይዓግብ ሸውሃት፡ ምህርቱ ዕንወት ጥራይ ምኳኑ ምዕባለታት ዓለምና ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናጉልሖ ይመጽእ ኣሎ።

መራሕቲ፣ ፈላስፋታት፡ ሓሰብቲ፡ ፖለቲከኛታትን ሊቃውንቲ ስነ-ቁጠባን ዓለምና እምበኣር፣ ብድሕነትን ብልጽግናን ወዲሰብ ዝግደሱ፣ ብሓቂ ሓላፍነት ዝስምዖም እንተድኣ ኮይኖም፣ ነቲ ዘሎ ዓለማዊ ክውንነት ኣፍልጦ ብምሃብ፣ ኣብ ክንዲ ናብ ግብትና፡ ውድድርን ዓመጽን ጥራይ ዘቋምት ስነ-ቁጠባ፣ ኣብ መነባብሮ መላእ ህዝቢ ዓለም ጭቡጥ ለውጢ ዘምጽእ፣ ርትዒን ማሕበራዊ ፍትሒን ከምኡ’ውን ሓልዮታዊ ኣጠቓቕማ ጸጋታት ዓለም ዘረጋግጽ፣ ሓድሽ ቁጠባዊ ስርዓትን ስልጡን ማሕበራዊ ህይወትን ንምውዳብ ክጽዕቱን ምዕቡል ሓሳብ ንምፍላቕ ክጽዕሩን ህልዊ ዓለማዊ መድረኽ ይጠልብ ኣሎ።

## ኦርያ

### "ሕማቕ ምልክታት ክስመዓና እንከለዉ፡ ናብ ካልኣይ ደረጃ ቀዳሚ ምስጋሩ፡ ናብ ሕክምና ክንከይድ ይግባእ"

# ዶክተር ሰፋኒት ዓንደማርያም

*መርሃዊ ታደሰ*

ግቡእ ሃገራዊ ግቡኣ ንምፍጻምን ናይ 12 ክፍሊ ደርጃ ትምህርታ ንምዝዛምን ኣብ 2017 ምስ ኣባላት 30 ዙርያ ናብ ሳዋ ኣምሪሓ። ኣብኡ ብዘመዝገበቶ ነጥቢ፡ ናብ ኮለጅ ሕክምና ኦሮታ ብምጽንባር፡ ኣብ 2024 ብሓፈሻዊ ሕክምና ብናይ ዶክትረይት መዓርግ ተመሪቓ። ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ሆስፒታል ግራር ባጽዕ ኣብ ክፍሊ መወለዳን ከም ክኢላ ሓፈሻዊ ሓኪምን መጥባሕትን ኮይና ኣብነታዊ ስራሕ ኣብ ምዕማም ትርከብ። መጽሔት መንእሰይ ኣብ ቦታ ስራሓ ተንቀሳቒሳ ምስ ዶክተር ሰፋኒት ዓንደማርያም ዘካየደቶ ዕላል ይስዕብ፥



**◆ እዚ ሕጂ በጺሕክዮ ዘለኺ ደረጃ ናይ መን ውጽኢት'ዩ?**

ናይ መማህራነይ፡ ናይ ወለደይን ኣሕዋተይን፡ ብዓብዩ ኸኣ ናይ'ዚ ብናጻ ዘምሃረኒ ህዝበይን መንግስተይን እዩ።

**◆ ብኸመይ ኢኺ ንሞያ ሕክምና መሪጽክዮ?**

ካብ ብቖልዓይ ኣትሒዘ ሓኪም ናይ ምዃን ባህጊ ነይሩኒ'ዩ። ኣብ ተለቪዥን ሓካይም ቃለ-መሕትት ከካይዱ እንከለዉ እከታተል ብምንባረይ'ውን ጽልዋ ነይርዎ'ዩ። ብዓብዩ ኸኣ ንዝሓመመ ሰብ ከተሕዊ ካብ ምኽኣል ንላዕሊ ሓጎስ ዝፈጥር ሞያ ዘሎ ኮይኑ ስለ ዘይስመዓኒ ብዝነበረን ዘሎን ባህግታት'የ ነዚ ሞያ'ዚ መሪጸዮ።

**◆ ዓውዲ ሕክምና ካብ ካልኦት ዓውድታት ዝፈልዮ ረቛሒ እንታይ እዩ ትብሊ?**

ምስ'ታ ፈጺማ ዘይትትካእ ህይወት ደቂ ሰብ ዝተሓላሓዝ፡ ኣዝዩ ልዑል ጥንቃቐን ዓቕልን ዝሓትት፡ መላእ ኣካል ሕብረተ-ሰብ ዝግልገለሉ ናይ ሕልና ዓውዲ ብምዃኑ'ዩ።

**◆ ናይ ሕክምና ትምህርትኺ ምስ ዛዘምኪ ኣበይ ክትምደቢ ትደልዪ ነይርኪ?**

ኣብ ኮለጅ ዝተመሃርክዎን ብጻዕረይ ዝወሰኽክሉን ዓውዲ ሕክምና ብዝያዳ ክእለትን ተመክሮን ክድርዖ ምእንቲ ካብ ኣስመራ ወጻኢ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ሃገርና ክምደብ ባህጊ ነይሩኒ።

**◆ ኣብ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ከም እተመደብኪ ምስ ፈለጥኪ ደኣ'ሞ እንታይ ተሰሚዑኪ?**

ስሕት ኢለ ምስ ስድራይ ንዝሮት እመጽእ ስለ ዝነበርኩ፡ ካብ ቅድም ትብረሃኒ ነይራ'ያ። ኣብ ርእሲኡ ኸኣ ጸጋታት ባሕርና ዘለዋ ናይ ቱሪዝም ቦታ ስለዝኾነት ጽቡቕ'ዩ ተሰሚዑኒ።

**◆ ህዝቢ ከተማ ባጽዕን ከባቢኣን'ሞ ከመይ ረኺብክዮም?**

ኣዝዮም ጥዑማት። ልዕሊ ኹሉ ኸኣ ብዝሑነቱ ናብ ሓድነቱ ዝቖይር፡ ናይ ስራሕ መንፈስካን ሞራልካን ክብ ዘብል ዘይምኖ ህዝቢ'ዩ።

**◆ ጸጋታት ባሕሪ'ሞ ከመይ ተስተማቕርዮ ኣለኺ?**

ዋላ'ኳ ምስቲ ዘለኒ ጻዕቂ ስራሕ ከምቲ ዝድለን ዝብህጎን ኣይኹን፡ ኣብ'ተን ዝረኸበን ናይ ዕረፍቲ ግዜይ፡ ኣብ ቱሪስታውን ታሪኻውን ቦታታት እዛወር'የ።ኣብቲርኢኻዘይትጸገቦሰፊሕን ነዊሕን ገማግም ባሕርና እናኸድኩ'ውን ኣስተማቕርን እሕንብስን'የ። ዓሳ ብቑዕ መኣዛዊ ትሕዝቶ ስለዘለዎ፡ ኣብ ዐልታዊ መግበይ ኣዘውትሮ'የ። ኮታስ በቲ ዘሎኒ ግዜን ዓቕምን ንጸጋታት ባሕርና ብዝግባእ ኣስተማቕሮ ኣለኹ ክብል እኽእል።

**◆ ዝበጻሕክዮን ደሴታት ኣለዋ ዶ?**

ብሕጂ። ዛጊት ኣብ ሓምላይ ደሴት ጥራይ'የ በጺሐ ዘለኹ።

**◆ ኣብ ሆስፒታል ባጽዕ ውሕሉል መብጣሕቲ ከም እተካይዲ ምስ ሰማዕኩ'የ ንመጽሔት መንእሰይ ከዕልለኪ ብሂገ። ብዛዕባኡ ክተዕልልና...**

ኣብ ክፍሊ መወለዳን'የ ዝሰርሕ። ኣብኡ ምስ ሕርሲ ዝተሓሓዙ መብጣሕቲ ዘድልዮም ጸገማት ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን እትግብሮ'የ።

**◆ ኣብ ሓጺር ናይ ስራሕ ተመኩሮኺ፡ ዛጊት ክንደይ መብጣሕቲ ኣካይድኪ ኣለኺ?**

ልዕሊ ሚእቲ ፎክስትን ከበድትን መብጣሕቲ ኣካይደ ኣለኹ።

**◆ ናይ መብጣሕቲ መስርሕ ብኸመይ'ዩ ዝካየድ?**

ኣብ ገለ እዋን ህጹጽ መብጣሕቲ ዘድልዮ፡ ንእሉቱ ከተካይዶ ዘሎካ ይገጥም'ዩ። ብቐጻሪ ግዜ ወሲድካ ዝካየድ መብጣሕቲ እውን ኣሎ። መስርሕ መብጣሕቲ ብጉጅለ'ዩ ዝካየድ። ቅድሚ መብጣሕቲ ዝካየዱ መርመራታት ኣለዉ። ኣብ እዋን መብጣሕቲ ናይ ኣንስተዝያ ክኢላን ተሓጋገዝቲ ነርሳትን'ውን ምስ'ቲ መብጣሕቲ ዘካይድ ሓኪም ኣለዉ። ብምውህሃድ ናይ'ዞም ክጠቕሰልካ ዝጸናሕኩ ኣካላት እዚኣቶም ከኣ'ዩ ዕዉት መብጣሕቲ ዝካየድ። ድሕሪ መብጣሕቲ'ውን ነቲ ሕሙም ሓውዩ ናብ ገዝኡ ክሳዕ ዝምለስ ግቡእ ምክትታል ይካየደሉ'ዩ።

**◆ ንመሳርሕትኺ ኣብ ቦታ ስራሕ ብኸመይ ትገልጽዮም?**


መሳርሕተይ ዝበዝሑ መንእሰያት ኮይኖም ዘለዎም ፍልጠትን ክእለትን ዘይበቐቑ ኣዝዮም ንጡፋትን ህርኩታት'ዮም።

**◆ መንእሰይ ከመይ ክኸውን ኣለዎ?**

ልዑል ርእሰ-ምትእምማን ዘውንን፡ ኣርሒቑ ዝጥምትን ኣብ ገዛእ ነብሱ ዝምርኮስን ክኸውን ኣለዎ።

**◆ ነታ ቦኽሪ ዘካየድክያ መብጣሕቲ ብኸመይ ትዝክርያ?**

ኣብ እዋን ትምህርቲ ምስ'ቶም ዓበይትን ምኩራትን መብጣሕቲ ዘካይዱ ሓካይም ኳንና ኢና ንመስርሕ መብጣሕቲ ንዕዘብ ነይርና። ዶኳትር ኢኹም ተባሂልና ምስ ተመደብና ግና ነታ ናይ ፈለማ እዋን መብጣሕቲ በይንና ኢና ንገጥማ። ነታ ኣብ ባጽዕ ምስ ተመደብኩ ንፈለማ እዋን በይነይ ዘካየድኩዋ መብጣሕቲ ኸኣ ብፍሉይ'የ ዝዝክራ። ርእሰይ ክኢለ መብጣሕቲ ከካይድ ከም ዝኽእል ተኣማሚነ እኳ እንተ ነበርኩ፡ ነቲ ስራሕ ብግብሪ ምስ ኣተኹዎ፡ ዋላ ንእሽቶ'ውን ትኹን ጌጋ ክትፍጽም ስለዘይብልካ፡ ዓው ኢለ ዘይዛረበሉ ንእሽቶ ስክፍታ ነይሩኒ'ዩ። ምኽንያቱ ኣብ መብጣሕቲ ዋላ ንእሽቶ'ውን ትኹን ጌጋ ክትፍጽም የብልካን። ብዝኾነ፡ ምስ ኩላቶም ተሓጋገዝተይ ብምውህሃድ ብዓወት ዛዚመያ። ብውሽጠይ ከኣ ክገልጾ ዘይክእል ባህታ ተሰሚዑኒ።



**◆ ካብ ዘካየድክዮ መብጣሕትታት ብፍሉይ እትዝክርያ ወይ ዝተሓጎስክላ**

ሓንቲ መድመይቲ ዝነበራ፡ ህጹጽ መብጣሕቲ ዘድልያ ዝተጸገመት ኣደ ሒዘ ናብ ክፍሊ መብጣሕቲ ኣትየ። እቲ መብጣሕቲ፡ እቲ ምስ'ቶም ቅድሚኡ ይኹን ድሕሪኡ ዘካየድክዎም መብጣሕትታት ከነጻጽሮ እንክለኹ፡ እቲ ዝነውሐ ግዜ ዝወሰደለይን እቲ ዝኸበደን'ዩ ነይሩ። ድሕሪ ነዊሕን ኣድካምን ስራሕ እታ ኣደ ብህይወት ክትቅጽል ብምኽኣላ፡ እታ ብፍሉይ ዝተሓጎስኩላ መዓልቲ'ያ።

**◆ ክንደይ ሰዓታት ወሰዱልኪ?**

ሽዱሽተ ሰዓታት ኣቢሉ ዝወሰደ'ዩ ነይሩ።

**◆ ኣብ ክፍሊ መወለዳን መብጣሕቲ ዘድልየን ደቀ ኣንስትዮ ከመይ ዝበላ'የን?**

ብሓፈሻ ጽቡት ጎሎ ዘለወን ብመብጣሕቲ ክወልዳ ይተባባዕ'ዩ። ኣብ ርእሲኡ፡ ዘይንቡር ኣቀማምጣ ዕሸል፡ ምርባሽ ህርመት ልቢ ናይ ዕሸል፡ ዘይንቡር መድመይቲ ኣብ ግዜ ሕርሲ ምስ ዝህሉ'ውን ሕርሲ ብመብጣሕቲ ክኸውን ዝሓሾ'ዩ።

◆ ኣብ እዋን መብጣሕቲ ክግበሩ ዘለዎም ጥንቃቐታት

መብጣሕቲ ልዑል ጥንቃቐ ዝሓትት መስርሕ'ዩ። ቅድሚ ዝኣገረ

ኵነታት ናይ’ቲ ንመብጣሕቲ ተእትዎ ዘለኻ ሰብ ብዝግባእ ክትፈልጥ ኣለካ። ብድሕሪ’ዚ ድማ ንባክተርያ ዕድል ክትህብ ስለዘይብልካ ናብ ክፍሊ መብጣሕቲ ዝኣቱ ተሓካሚ ይኹን ኣባላት ጉጅለ መብጣሕቲ ኩሉ ክዳውንቶም ይኹን ጫማታቶም ኣብ ካልእ ክፍሊ ኣቐሚጦም፡ ናይ ክፍሊ መብጣሕቲ ኣልባሳት ክወድዩ ኣለዎም። ጽጉርኻ ይኹን ካልእ ክፉላት ኣካላትካ ብጥንቃቐ ክሽፈን የድሊ። እዚ ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ ንዝኾነ ረኽሲ ንኸይትቃላዕ ሓጋዚ ስለ ዝኾነ’ዩ።

**◆ ሓንቲ ኑብሰ-ጾር ኣደ፡ ቅድሚ ሕርሲ ክትገብሮም ዘለዋ ጥንቃቐታት እንታይ ኣሎ?**

ንጥዕናኣን ንጥዕና ናይቲ ኣብ ማህጸና ዘሎ ዕሸልን ንምሕላው ናብቲ ኣብ ጥቓኣ ዝርከብ መደበር ጥዕና ብምኻድ ክሳዕ ዕለተ ሕርሳ በብእዋኑ እናተማላለሰት ግቡእ መርመራታት ክትገብር ኣለዋ። ዝተመጣጠነ መግቢ ክትምገብን ፈኲስ ምንቅስቓስ ክተዘውትርን ኣለዋ። ካብ ኣልኮላዊ መስተን ምትካኽ ሽጋራ ድማ ናጻ ክትከውን ይግባእ።

**◆ ድሕሪ ሕርሲ ኸ?**

እቲ ሕጻን ብጸባ ጡብ ኣደ ኣቢሉ ካብኣ ይምገብ ምህላዉ ፈሊጣ፡ እኹል መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘለዎ መግቢ ክተዘውትርን ድሕሪ ሽዱሽተ ወርሒ ድማ ነቲ ሕጻን እኹል መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ተወሳኺ ከም ዱምከይ ዝኣመሰለ ፈሳሲ ክትምግቦ ኣለዋ።

**◆ ካብ ተመኩሮኺ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ገኒኑ ዝርአ ሕማም እንታይ ኣሎ ትብሊ?**

ኣብዚ ኣነ ዘለኹዎ ቦታ ብብዝሒ ዝርእዮም ሕማማት፡ እቶም ብፍኑው ጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ከም በዓል ጆግል፡ ፍንጣጣ፡ ክርክር፡ ኤችኣይቪ፡ ወዘተ. ዝኣመሰሉ ሕማማት’ዮም።

**◆ ምልክታት ናይ’ዞም ሕማማት?**

ዘይንቡር ፈሳሲ ብኣፍ ማህጸን፡ ቃንዛ ኣብ ግዜ ጾታዊ ርክብ፡ መድመይቲ ካብ ክሳድ ማህጸንን ቃንዛ ጎሎን ገለ ካብቶም ዝረኣዩ ምልክታት’ዮም።

**◆ ሳዕቤን ናይ’ዞም ሕማማት ክትጠቕስልና ምደለኺ?**

ረኽሲ ናይ ማህጸን፡ ነባሪ ቃንዛ ጎሎ፡ ኣብ ነዊሕ እዋን ከኣ ክሳብ መኻንነትን መንሽሮ ክሳድ ማህጸንን ከስዕቡ ይኽእሉ’ዮም።

**◆ ከም ቅድመ ኵነት ብኸመይ ክንከላከሎም ንኽእል?**

ምሕራም፡ ሓደ ምስ ሓንቲ ምጽናዕ፡ ኣብ እዋን ርክብ ኮንዶም ምጥቃም።

**◆ ኣጋባብ ኣፈዋውሳኦም ከ?**

እተን ደቂኣንስትዮ ብኣግኡ ናብ ሕክምና እንተደኣ መጺኣን ሙብዛሕትኡ እቲ ዝርአ ሕማም መድሃኒት ስለ ዘለዎ ቀልጢፉ ክሕከምን ክሓውን ዝኽእል ሕማም’ዩ። እተን መጻምድቲ ዘለወን ደቂ ኣንስትዮ ብፍላይ ምስ በዓል ቤተን ክመጽኣ’ዩ ዘለወን። ምኽንያቱ እዞም ሕማማት እዚኣቶም፡ ብፍኑው ጾታዊ ርክብ ዘመሓላለፉ ሕማማት ስለ ዝኾኑ ነባሪ ፍታሕ ናይ ጥዕናኦም ንምምጻእ ክልቲኦም መጻምድቲ’ዮም ክሕከሙ ዘለዎም።

**◆ ሕራይ ዶክተር፡ ቅድሚ ምዝዛምና ሓጸርቲ ሕቶታት ኣለዋኒ።**

ጸገም የለን።

**◆ ትመልከዮም ቋንቋታት?**

ትግርኛ፡ እንግሊዝን ዓረብን

**◆ ትፈታትንዮም ከ?**

ሳሆን ዓፋርን።

**◆ ከመይ ደኣ?**

ኣብዚ ዘለኽዎ ቦታ፡ ኣብ ባጽዕ’የ ዝለማመዶም ዘለኹ።

**◆ ትርፊ ግዜኺ ኣብ ምንታይ ተሕልፍዮ?**

ኣብ ምሕንባስ፡ መጻሕፍቲ ኣብ ምንባብ፡ ፊልምታት ኣብ ምርኣይን መቕርበይ ንዝኾኑ ሰባት ኣብ ምብጻሕን ... ወዘተ’የ ዘሕልፎ።

**◆ ዘይገበርክዮ ኢልኪ ትጠዓስሉ**




**እንታይ ኣሎ?**

የብለይን።

**◆ ናይ መጻኢ መደባትኪ?**

ናይ መጻኢ መደበይ በዚ ሒዘዮ ዘለኹ ዓውዲ ሕክምና መወሰዳን ስፐሻላይዘሽን ክብል’ዩ ዘሎ።

**◆ ኣብ መወዳእታ**

መንእሰያት ተረካብቲ ሃገር ኢና። ንኹሎም መንእሰያት ብሓፈሻ ልዕሊ ኹሉ ኸኣ ንመንእሰያት ደቀ ኣንስትዮ ሃገርና መንግስቲ ፈጢሩዎ ንዘሎ ናጻ ናይ ትምህርቲ ዕድል ተጠቒምም ኣኣብ ዘለውዎ ብኣካዳምያዊ ትምህርቶም ኣብቲ ዝለዓለ ደረጃ ክበጽሑ ክጽዕቱን ክጽዕሩን እላበዎም።

**◆ መዛዘሚ ሕክምናዊ ምኽሪ ንመንእሰያት**

ከሎ ገና ሕክምናዊ መርመራ ብምግባር ኵነታት ጥዕናና ክንፈልጥ ንኹላትና ኣዝዩ ኣገዳሲ’ዩ። ኣብ ርእሲኡ ኸኣ፡ ኣገልግሎት ሕክምና ዘይብሉ ቦታ ስለዘይብልና፡ ዝኾነ ሕማቕ ምልክታት ክስመዓና እንከሎ፡ ናብ ካልእ ደረጃ ከይተሰጋገረ፡ ናብ ቀረባና ኣብ ዝርከብ ማእከላት ጥዕና ኬድና ግቡእ ሕክምናዊ መርመራ ክንገብር ይግባእ። ተራ ምኽሪ ክመስል ይኽእል’ዩ። ግና ኸኣ ኣገዳሲ’ዩ።

***

## ሕብረተሰብ

# “ደጊምካ እባ ሕተተኒ”

ንእስነት ድዩ ዕሽነት ብዙሕ ግዜ ኣቐይመካ ኣለኹ። ልብኻ ክፍትሽ ኢለ ዝስንድዎ ዳእላታት ነቲ ምስኪን ልብኻ ኣሰንቢረዮ እየ። ንስንብራተይ ዝዘነንካ መልኣኽ ልብኻ ከሰንብር ሕልናይ ከምዘየፍቅዶ እንተነገርኩኻ፣ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣይትኣምነንን። ውሽጣውን ግዳማውን ጽባቐይ ንኸለሊ ዝሓገዝካና ብዘይምግናን ዳግማይ ዝፈጠርካኒ ሰብ ስለምንታይ ዘቐይመካ ተግባራት ይፍጽም ነይረ ሎሚ ኮይነ ክሓስቦ ከለኹ ኣዝዩ እዩ ዘስደምመኒ።

ዝተላለናሉ መዓልቲ ከመይ ኣቢለ ክርስዖ። ናብ ትካልኩም ተመዲበ ምስ መጻእኩ፣ ኣካያዲ ስራሕኩም ምስ ኩሎም ሰራሕተኛታት ናይ’ቲ ትካል ከላልየኒ ከሎ ክምልሰለይ’ሲ ይትረፍ፣ ቁሊሕ ኢሉ ዝጥምተኒ ሰብ እውን ኣይረኸብኩን። እንተ ንስኻ ገና ማዕጾ ‘ኦፊስኩም’ ምስ ተኸፍተ’ዩ፣ ከንፈርካ ንኽምስታ ተኸፊቱ። ኣባልኩም ክኸውን ምኳነይ ምስ ተነግረካ ካብ መንበርካ ሓፍ ኢልካ ንንጉስ ዝግባእ ኣኽብሮት ለጊስካለይ። ብኡ ንቡኡ “እሞ ደኣ ሻሂ ዘይነስትያ?” ኢልካ መሪሕካና ብምውጻእ፡ ኣብ ካዛ ዘስተኻኒ ናይ ፈለማ ካፑቺኖ ፍሕሹው ኣቀባባብላኻ ተሓዊስዎ፣ ካብ ቡን ማማ ትምቅር ነይራ።

ርእይ ምስ ኣበልኩኻ እየ ተመንየካ እንተበልኩኻ ሎሚ ኣይትኣምነንን ትኸውን። ንመሓዙተይ ሽዑ ምሸት ብዛዕባኻ ከዕልል ኣሰልቺየየን ኣምስየ። ሳምሪ መሓዛይ “እዋይ ዝ ኣምላኽ ክጥዕም፣ ኑብስኺ ከተልዕሊ ክትጅምሪ ኢኺ፣ እንታይነቱ ብዘየገድስ ነዚ መሳርሕትኺ ፈትየዮ ኣለኹ” ክትብለኒ ኸላ፣ እንታይ ክትብል ከምዝደለየት ኣይተረድኣንን። ኑብሰይ ኣብ ምጽብባቕን ኣከዳድናይ ኣብ ምምሕያሽን ብዙሕ ግዜ ከጥፍእ ምስ ጀመርኩ፣ ዘረባ ሳምሪ መሓዛይ ክስቆረኒ ጀሚሩ። ነዚ ዝተዓዘበት ማማ፣ “እንታይ ለውጢ ከይተምጽኢ ኢኺ ተፈጥሮ ዘይዓደለኪ” እናበለት፣ ተስፋ ከተቑርጸኒ ተርፍድ እሞ፣ ንስራሕ ምስ መጻእኩ ንስኻ ትህበኒ ዝነበርካ ሞራልን ተስፋን ግን ኣብ ርእሰይ ንዝነበረኒ ትሑት ኑብሰ-ክብሪ ክስዕሮ ሓጊዝካኒ ኢኻ። ደጋጊምካ ትብላ ዘረባ ነይራትካ - “ብዘይፍቓድኪ ከነኣእሰኪ ዝኽእል የለን ‘no one can make u feel bad without your consent’” ካልእ እዋን ብዘረባ ሰባት ብቐሊሉ ሞራለይ ይትንከፍ ከምዘይነበረ፣ ሎሚ ብሳላ እዛ ትደጋግማ ጥቕሲ ኑብሰይ ካብ ርእሰ-ምትሓት ተናጊፋ እያ።

ምምልካዐይ ንዑኡ ምኳኑ ይስቆሮ’ዶ ይህሉ ዝብል ሕቶ መልሲ ከይረኸብኩሉ ሓደ ምሸት ሓንቲ ቀያሕ ነዊሕ ጸጉራ ሽገ ተጎዝጒዛትካ ክትከይድ ርእየካ። ኣብ ማእከል ጽርግያ ኣንፈተይ ኣጥፊኤ ንኻልኢታት ተደናቢረ፣ ሰላም ክትብለኒ ደው ምስ በልካ ኸኣ ተሃዊኸ ኣለኹ ኢለ ኣኽብሮትካ ተሓሲመዮ ከይደ። ቀደሙን ንዓይ እንታይ ክርእየለይ እናበልኩ ኑብሰይ ደርብየ እቲ ክስዕሮ ጀሚረ ዝነበርኩ “ሕማም ርእሰ-ምትሓት” ተመሊሱኒ። ንጽባሒቱ ክኸተካ እኳ እንተፈተንኩ፣ ኣይሕለሎ ግን ሽኮሪና እንታይ እዩ ኣጋጢምኪ፧ እንታይ ኣሎ ዝሕግዘኪ ብምባል ልበይ ብሕውነታዊ ፍቕርኻ ከምዝምላእ ገይርካዮ።

ንኹሉ ሰብ ማዕረ ኢኻ ትርእዮ። ብዘይ ቅድመ ኩነት ንኹሉ ሰብ ተፍቅሮን ተኽብሮን። እዚ’ውን ኣባይ ደጊምካዮ። እቶም ኣብነትካ ዝኽተሉ መሳርሕትኻ’ውን ብዘይቅድመ ኩነት -እንተስ ንዓኻ ከሐጉሱ ኢሎም እንተስ ብልቦም ኣሚኖምሉ ኣኽብሮቶምን ፍቕሮምን ክልግሱሉ ምስ ጀመሩ፣ ወትሩ ኣብ እዝነይ ዝደጋገም ዝነበረ ክፍእቲ ግናይ ዝብል ዘረባ ወላዲተይ ካብ ኣእዛነይ እናሃሰሰ ከይዱ።

ስም ሚካል (እታ ሽምጥቓ ዘለቃሕካያ ጎርዞ) ኣብ ኦፊስና ብተደጋጋሚ ክለዓል ጀሚሩስ፣ ኣብ ሓጺር እዋን ደቂ ኦፊስና ብስማ ክጽውዑኻን ኣዚኻ ኣብ ተድልዮም እዋን መጺኣትካ ኣላ እናበሉ ናብ ዝደለይዎ ከዘዋውሩኻን ተዓዚበ። እዛ ጓል ማዕረ ክንድ’ዚ ዘፍቅራ ወዲ ምርካባ ክሳብ ክንደይ ዕድለኛ ምኳና ይርደኣ’ዶ ይኸውን እናበልኩ ወትሩ ይሓስብ ነይረ። ሃንደበት ጠባይካ ተቐይሩ። ዘይኣመልካ ሱቕ ክትብል ጀሚርካ። እዋይ ስቕታኻ ክኸብድ። ገይሹ ዝወረሐ ስዒድ ሓደ ምሸት ኮምፒዩተር ምእንቲ ክትገድፈሉ

“ሚካል ደዊላ ደንጉኻኒ ትብለካ ኣላ” ምስ በለካ፣ ብዓይኻ ክትጥሕሮ ደሊኻ። ኩነታትካ ተደናጊርኒ ፍጠጠጥ ኣብ ዝበልኩሉ እዋን እታ ክሊክ ዘየድልያ ጉግል እናበሉ ዝጽውዕዋ ናዝሬት “ኣይፈለጥክን ዲኺ ሚካል ደኣ ክይነገረቶ እንድያ ናብ ሽወደን ናብ የሕዋታ ከይዱ። ጽንዓት ይሃብካ በልዮ ከይቅየመኪ” ኢላትኒ ንገዘኣ ተመርቂፋ። ናጻ ሰብ ብምዃንካ ክሕጎስ እናተገብኣኒ ልበይ ስብር ኢሉ። ብስንብራት ሰብ ክንዲኡ ክሓዝን ፋልማየይ እዩ ነይሩ። ንፍዕቲ ተዛራቢት ዘይምዃነይ ልዕለይ ንስኻ ስለትፈልጦ ብዘረባ ከደዓዕሰካ ኣይመረጽኩን። ኣብ ከተማ ወጺና ሻሂ ክንሰትን ቤተ መጻሕፍቲ ኬድና መጻሕፍቲ ብሓባር ክንመርጽን ክደፋፈኣካ ጀሚረ። ክትሕግዘኒ ዝነበረካ ድልየት ተደሪዕዎ ወትሩ ንጻዊዒተይን ዕድመይን ብእወንታ ትቕበሎ ነይርካ። ርክብና ካብ ስራሕ ወጻኢ እናዓሞቐን እናደልደለን ከይዱ። ካብ ጭንቀትካ ኣናጊፈ ከምቲ ዝሓገዝካኒ ክሕግዘካ እምበር ካልእ ኣጀንዳ ኣይነበረንን። በየናይ ልበይ’ከ ከምኡ ክሓስብ። ምቅርራብና ግን እናሓየለ መጺኡ። ዕላል ተሌፎን እናነውሐን እናበዝሐን ኣብ ሰሙን ክልተ ሰለስተ ግዜ ብሓደ ምምሳይና ብዙሕ ነገር ዝኸሰበሉ ጉዕዞ ብምንባሩ ንሕሜታ መሳርሕትና ሸለል ኢለ ዝያዳ ደፊኣሉ። ምሳኻ ኣብ ዝቋጸረሉ እዋን፣ ንኽጽብቐን ንኽምዕርግን ዘጥፍኦ ዝነበርኩ ግዜ ዘስተውዓላ መሓዙተይ፣ ክይተፈለጠኪ ነዚ ወዲ ኣብ ቁጽጽርኪ ንምእታው ትሰርሒ ኣለኺ ብምባል ክሕጭጫለይ እኳ እንተጀመራ፣ ኣብ ኣእምሮይ ዝለዓል ዝነበረ ሕቶ ብዘይምንባሩ ኣይተገደስኩሉን። ኪንዮ መሓዙተይ ግን ዕድመይ ልክዕ ዝፈልጥኒ ክነሶም ቁሊሕ ኢሎምኒ ዘይፈልጡ ደቂተባዕትዮ ከሸግሩኒ ምስ ጀመሩ፣ ኣከዳድና ኣብ ራዳር ደቂ ተባዕትዮ ብዝቐለለ ኣገባብ ክተኣትወሉ ትኽእል ስልቲ ምዃኑ ተጋሂዱለይ።

ኣብ እንራኸበሉ እዋን ሓደ ወዲ ገዛውትና እንድዮ ከምዚ ኢሉኒ። ሓደ ከኣ ንገዛ ሽማግለ ሰዲዱ፣ ኬፍ ኣለዎ’ኮ ሕራይ’ዶ ክብሎ እናበልኩ ከጽምመካ ከምሲ ከጉህየካ ወይ ኣቓልቦኻ ክረክብ ኢለ ይገብሮ ኣይነበርኩን። ሓደ መዓልቲ ምሕዝነትና ናብ ዝቕጽል መድረኽ ከየስገርናዮ ገሊኦም ቦግ ጥራይ ከየብሉና ምስ በልካኒ፣ ክይሓስብኩ “መን መርዓት ምስ በለክን ትኩሓላ” ኢለ ርእሰኻ ፍልጽ ምስ ኣበልኩኻ፣ ኣብ ገጽካ ዝረኣኽዎ ምልውዋጥ ንዓይ’ውን ኣሰንቢዱኒ እዩ። እንተኾነ ብዙሕ ኣይተገደስኩሉን።


ቁጽሪ ናይ’ቶም ንፍቕሪ ዝሓቱ ደቂተባዕትዮ እናዛየደ ብምምጽኡ ደለይተይ ብቐረባ ንምፍላጥ ምስ ገለገለ ተቛጺረ ሻሂ ክሰቲ ብምጅማረይ፣ ንዓኻ ዝኸውን ግዜ ክስእን ጀሚረ። እቲ ኣብ ሕልሚ’ውን ከጋጥመኒ’ዩ ኢለ ዘይሓስቦ ዝነበርኩ ናይ ድራር እንግዶታት ዝበዝሐ እዋን ኣሰልቻዊ እኳ እንተነበረ፣ ናብ ልበይ ተመሊሰ ምሳኻን ምስቲ ሰፊሕ ልቦናኻን ናይ ምውጋዕ ባህገይ ግን በቲ ጥዑም ምግብታትን ጽቡቕ ሬስቶራንትን እናተተከአ ብምምጽኡ ንዓኻ ዝኸውን ግዜ ተሳኢኑ።

ሓደ እዋን ተደጋጋሚ ናይ ምርኻብ ዕድመኻ ምስ ነጻግክዎ መልእኽቲ ተለፎን text message ሰዲድካ ሎሚ እንተዘይተራኺብና ንዘለኣለም ዝረኽበኪ ኣይመስለንን ምስ በልካኒ ልበይ ፈሪሑ። ሓሳብ ልበይ ትርደኣለይ እንዶ ልበይ ብምዃንካ ንዘለኣለም ክረኽበካ ዝደሊ ሰብ ምንባርካ ልበይ ጥራይ እዩ ዝፈልጦ። ልበይ ፈሪሑ ተለፎን ደዊለ ኣብ ውሽጢ ፍርቂ ሰዓት ኣብ ዘለኻዮ ነጢበ። ግብረይ ግዲ ገሪሙካ ኮይኑስ ዋጋ ሓደ ሚልዮን ዶላር ፍሽኽታ ለጊስካ ልበይ ከምዝረጋጋእ ገይርካዮ። ኑብሰይ ኣረጋጊኤ ከይተገደስኩ እንታይ ደኣ ክንድዚ ምፍርራህ ተሃዊኺ ኣለኹ ግዜ የብለይን ንገረኒ እሞ ክኸይድ ኢለ ጻር ጻር ኢለልካ። ዘረባኻን ኣወዳድቓ ቃላትካን መቸም ብርዕን ወረቐትን እንተትሕውሰሉ ከመይ ዝበለ ጸሓፊ ምኾንካ። ኣብ ሂወተይ ክንዲኡ ተናኢደ ኣይፈልጥን። ኣነ ማለት ንዓኻ እንታይ ማለት ምዃነይ ክትገልጸለይ ዝተጠቀምካሉ ቃላት ክደግሞ ከይፍትን ገለ ከየጉድል እሞ ከየበላሽዎ። እዚ ኩሉ ናእዳን ምስጋናን ግን ኣብ ክንዲ የቐንየለይ ዝብለካ ሃለውለው እስከ ኣይትበል ኢለ ኣባጭየልካ። ዓቕልካ ወዲእካ ቁልቁል ዝኣፋ ንመርዖ ኢልካኒ። ናይ ልብኻ ትዛርብ ምህላውካ እናፈለጥኩ ብሰሓቕ ድህል ኣቢለካ። “ይላገጽ የለኹን ኤሊ ናይ ልበይ እየ ድሕሪ ክልተ መዓልቲ ሓሲብኪ መልሲ ንገርኒ” ኢልካኒ። ውሽጠይ እናደለየካን እናበሃገካን መሓዙተይ ዝብላኒ ክሰምዕ ንጽባሒቱ ቅድሚ ንስራሕ ናብ ሳምሪ መሓዛይ ኣቢለ። ሳምሪ ቁልቁል ዝኣፋ “ደፋር!” ኣሰኪማትካ። ንፍቕሪ ከይሓተተስ ንመርዓ ኢላ ምስ ኩለን መሓዙትና ኮይነን ኣብ ዘየለኻኩ ድህል ኣምስየናኻ፣ እቲ ዘገርም እዘን ናይ ልዕሊ 10 ዓመት መሓዙተይ ከምቲ ንስኻ ትፈልጠኒ ኣይፈልጣንን። ኣነ ንሓዳር ምሕታትካ ከም ኣኽብሮት እምበር ድፍረት ኣይጠመትክዎን። ንስኻ’ውን ጠባየይ ፈሊጥካ ድፍረት ከምዘይቆጽረልካ ተረዲኡካ ኢኻ ንሓዳር ሓቲትካ። እንተኾነ ዘረባ መሓዙተይ ክኸብደኒ ጀሚሩ። ብመሓዙተይ ከይከዓብ፣ ልበይ ካልእ እናደለየ፣ ምስ መሓዙተይ

ኮይነ ደፋር ክብረት ጓል ዘይፈልጥ ኢለ ዘንጢለካ። ልበይ ብሓጎስ ክጥምጠመካ እናደለየ፣ ልሳነይ ግን ናይ መርዓ መደብ ከምዘይብለይን ናብቲ ንስኻ ትጸልኦ ሃገረ ስደት ኣንቂደ ከምዘለኹ ነጊረ ዕዝም ከምትብል ገይረካ። እዋይ ስቅታኻ ክኸብድ - ዘይተጸበኻዮ ነገር ኮይኑ ድዩ። መስዩ ንኺድ እንተዘይብለካ ካብቲ ኮፍ ኢልካዮ ዝነበርካ ምሓደርካ። ዘይኣመልካ ታክሲ ከየስቀልካኒ ኣብ ማእከል ጽርግያ ገዲፍካኒ ኬድካ። ገዛ ምስ ኣተኹ ኩነታትካ ኣተሓሳሲቡኒ ምሉእ ለይቲ መሰጅ ክጽሕፍን ክድምስስን ሓዲረ። ለይቲ ከም ሽዑ ምውጋሕ ኣብዩኒ ኣይፈልጥን። ዘይከም ትጽቢተይ ንጽባሒቱ ብኣጋ ኣይደወልካን። ባዕለይ እንተደዊለልካ ምስ ፍኹሰት ክይጽብጸብ ኢለ ተጸሚመ ተጸብየ። ሰዓት ሓደ ደዊልካ “ሶሪ” ትማሊ ከየፋነኹኺ ኢልካኒ። ከም ወትሩ ታክሲ ረኺብካ’ዶ ኢለካ ዋእ ክይተረደኣኒ እናሓሰብኩ ብእግረይ እንድየ ገዛ ከይደ ኢልካኒ። መንገዲ ገዛኹም ብእግርኻ ዝውዳእ ብዘይምንባሩ ብመልሰይ ማዕረ ክንደይ ከምዘጉሃኹኻ ሽዑ እዩ ተሰዊጡኒ።

“ሎሚ ምሸት ንራኸብ” ምስ በልካኒ፣ ትልምነኒ መሲሉኒ ብዘይ ውልውል ሕራይ ኢለካ። ሽዑ ምሸት ክትልምነኒ ወይ ንውሳነይ ዳግመ ግምት ክገብረሉ ክትምሕጸነንን ይጽበየካ ነይረ። እንተኾነ ሕጂ’ውን ስቕታኻ ቀጺሉ - ብዛዕባ ዝሓለፈ ምሸት ዘይምዕላልካ ኣዝዩ ኣሕሪቑኒ። ብውሳኔይ ከምዘይተሓጎስካ እንተነገርካንስ እንታይ ጸገም ኔርዎ። ኮስኩሱ ዘዕበየኒ ባህሊ፣ ጓል ክይተለመነት ሕራይ እንተይላ ከም ፍኹሰት ከምዘቑጽር እናፈለጥካ ትም ምባልካ ዝያዳ የሕሪቑኒ። ኣይፈትወንን እዩ ማለት’ዩ ብምባል ርክብና ከምዝቋረጽ ገይረዮ። እንተኾነ ሓደ ምሸት ኣብ ኢምፐርያል ምስ የዕሩኽትካ ሻሂ እናሰተኻ ሰላም ክብለኩም ከለኹ፣ ገይርካ ዝጠመትካ ኣጠማምታ ንውሽጠይ ጥሒሉ መንፈሰይ ዝረኢ ዝነበረ ኮይኑ ተሰሚዑኒ። ከምኡ ዓይነት ኣጣምታ ጠሚቱኒ ዝፈልጥ ወዲ ኣጋጢሙኒ ስለዘይፈልጥ ተደናቢረን ሰንቢደን። ኣብ ጸግዒ ኮይና ክትዕዘብ ዝጸንሐት መሓዛይ ኤሊ እዚ ወዲ ናይ ልቡ እዩ ዝፈትወኪ፣ ዓይንኺ ዓሚትኪ ተጣዒሰ በልዮ ኢላትኒ። ንዓኣ ስራሕ ሲኢነ ድሕሪ ምባል እሞ ክንድ’ዚ ዝፈትወኒ እንተኾይኑ ስለምንታይ ደጊሙ ዘይሓተተኒ ኢለ ምስ ነብሰይ ክዛረብ ክይደቀስኩ ሓዲረ። ከምቲ ከምእትፈትወኒ ዝገበርኩኻ ዳግማይ ከምእተሓተኒ ክገብረካ እንተኣንቂደ ንሃቐናይ ነቒሕቃሉ ክይትንዕቀኒ ፈሪሐ። ኣፍ ኣውጺኤ ተጣዒሰ ከምዘይብለካ ኸኣ ልዕለይ ንስኻ ትርድኦ። ሓንቲ ክገብራ ዝኽእል መቸም፣ ፍቕረይ ዳግማይ ሰሪዕካ ደጊምካ ክትሓተኒ ምምህላል ጥራይ እዩ። ኣንታ ሽኮሪና በጃኻ’ባ ደጊምካ ሕተተኒ።

ኤሊ ገብረ ካብ ኣስመራ



# ሓንቲ ሕቶ ኣላትኒ

## ዓርኪ ክሕዝ ክመይ፧

*ሕቶ፡- ጓል 17 ዓመት ተመሃሪት 10ይ ክፍሊ'የ። ዳርጋ ኩለን መሓዙተይ ኣዕሩኽ ሒዘን'የን። ንዓይ'ውን ካብ ጓል 14 ዓመት ኣትሒዘም ምስኦም ዕርክነት ንኽምስርት ዝደፋፍኡኒ ኣዝዮም መልክዐኛታት ደቂ ተባዕትዮ ብዙሓት'ዮም። እንተኾነ፡ "ክሳዕ ሕጂ ዓርኪ ዝሕዘሉ ዕድመ ኣይኣኸለን" ብማለት ኣብ ፍቕሪ ክኣቱ ኣይወሰንኩን። ሕጂ ግና ኩለን መሓዙተይ ኣፍቀርቲ ብምሓዘን፡ ጐደሎ ሰብ ዝኾንኩ ኰይኑ እስምዓኒ ኣሎ። ስለዚስ በጃኻትኩም እባ ዓርኪ ንኽሕዝ ኣኺለ ድየ ኣይኣኸልኩን ሓብሩኒ።*

*ዙፋን መ.*


መልሲ፡- ዕርክነት ምምስራት፡ ናብ ሓዳር ንኽትበጽሕ ማዕጾ ዝኸፍት ድልድል ብምዃኑ፡ ኣብ ጉዕዞ ህይወት ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ኩሉ ዝምስረት ዕርክነት ግና ናብ ሓዳር የብጽሕ ማለት ኣይኰነን። የግዳስ፡ ዕርክነት ክንምስርት ክንሓስብ ከለና ንኽቡር ዕላማ ክኸውን ይግባእ። ማለትሲ፡ ሓደ በጽሒን ሓንቲ ጐርዞን ክምርዓዉ ምስ ዝሓስቡ፡ እቲ ቅኑዕ መጻምድቶም ንምርካብ ክኸውን ይግባእ።

ኣብ ሳይኮሎጂ፡ "ክትምርዖ ከይወሰንካ ዓርኪ ምሓዝ፣ ንዘይትሸጦ ንብረት ከም ምውዕዋዕ እዩ፡" ዝብል ኣበሃህላ ኣሎ። ልክዕ'ዩ፡ ገሊኦን መሓዙትኪ ዓርኪ ምሓዝ ከም ተራ ነገር ገይረን ይርእያኦ ይኾና። ዋላ ንኽምርዓዋ ዋላሓንቲ ውጥን ኣይሃልወን፡ ምስ ኣንጻር ጾታ ፍሉይ ዕርክነት ምምስራት ባህ ይብለን ይኸውን። ገለ ኸኣ'ሞ ንኸምዚ ዝበለ ዕርክነት ይንየታሉ ይኾና። መብዛሕትኡ ግዜ ግን ከምዚ ዝኣመሰለ ዕላማ ዘይብሉ ግዝያዊ ዕርክነት ነዊሕ ኣይቅጽልን እዩ።

ከምቲ ሓደ ቈልዓ ንመጻወቲኡ ንዝተወሰነ ግዜ ተጠቒሙ ዝድርብዮ፣ ንኣኺ'ውን ድሕሪ ግዜ ካልእ ካብኺ ትሓይሽ ምስ ረኸበ ዝሕሾ ገይሩ ክድርብየኪ ይኽእል'ዩ። ስለዚ "ዓርኪ ንምሓዝ ድሉው ከም ዝኾንኪ ብኸመይ ተረጋግጽ?" ንዝብል ሕቶ፥

- ካብ ዓርክኺ እትደልይዮ ነገራት ካብ ግዜ ናብ ግዜ ይቀያየር እንተደኣ'ሎ፣ ስምዓታትኪ ንገለ ዓመታት ከይተለዋወጠ ክሳዕ ዝቕጽል ክትጸንሒ ጽቡቕ'ዩ። ከመይሲ፡ ነናሻዕ መምስ ዝረኽብክዮምን ዝረኣኽዮምን ነገራት ክትለዋወጢ ስለትኽእሊ፣ ኣብ ዝምድናኺ ክትቄሚ ኣጸጋሚ ስለዝኸውን።

- ጾታዊን ፍቕራዊን ስምዒታትና ጥርዚ ዝበጽሖ ወይ ንምቍጽጻሩ ኣጸጋሚ ዝኸውን፡ ቅድሚ ኣዚና ብጹሓት ወይ ግርዙዋት ምኳንና



ኣብ ዘሎ ግዜ እዩ። ስለዚ ኣብ'ዚ ደረጃ'ዚ ከለና ምስ ኣንጻር ጾታ ጥቡቕ ዝምድና ምስ ንምስርት፡ ንትምኒትና ከጐሃህሮን ናብ ሕማቕ ተግባር ክመርሓናን ይኽእል እዩ። ምናልባት መዛኑኺ ጾታዊ ርክብ እንታይ ከም ዝጥዕም ንምፍላጥ ህንጥዩነት እንተደኣ ሃልዩወን፣ ነዚ ነጥቢ'ዚ ኣፍኲሰን ይርእያኦ ይኾና።

- ብዓቢኡ ከምዚ ዓይነት ዝምድና ምምስራት ተመራጺ ዝኸውን ብኣተሓሳስባ ምስ በሰልካ፡ ንኽትምርዖ ምስ ወጠንካ፡ ካልእ ቅድሚ መርዓ ክዕመሙ ዝግብኦም ነገራት ከም ትምህርቲ ምስ ዛዘምካ፡ ምስ ኣባላት ስድራኻ ይኹን መሓዙትካ ዘሎካ ርክብ ኣዝዩ ልዙብን እወታውን ምስ ዝኸውን ... እዩ።

ብዕሸልካ ካልኦት ክገብርዎ ስለዝረኣኻ ጥራይ ኣብ ከምዚ ዓይነት ዝምድና ምእታው ግና፡ ከይፈተኻ ናይ ዘይተመሃርካዮ ዓይነት ትምህርቲ መርመራ ከም ምግባር እዩ። ስለዚ ምስ ኣንጻር ጾታ ዕርክነት ቅድሚ ምምስራትኪ፡ ግዜ ወሲድኪ ምስ ነብስኺ ካብቲ ምሕዝነት እንታይ ክትረብሒ ከም እትኽእልን ዘሎዎ ጸገማትን ክትምርምሪ ይግባእ።

## ፍቕሪ ከም ዝሓዘካ ብኸመይ ትፈልጥ፧

**ሕቶ፥ ኣብ እዋን ንእስነት፡ ጉዳይ ፍቕሪ ገዚፍ ኣርእስቲ'ዩ። እገለ ምስ እገሊት ፍቕሪ ሒዝዎ፡ ዛን ዛን ኣቢላቶ፤ እገሊት ምስ እገለ ኣብ ከቢድ ፍቕሪ ኣትያ። ኩሉ ሃማን ቀልባን ምስኡ ኾይኑ፡ ብሰንኩ ኣብ ትምህርታ ተዳኺማ፡ ወዘተ. ክብሉ ንሰምዕ ኢና።**



**ንምኺኑ ፍቕሪ ሒዝዎ፡ ፍቕሪ ሒዝዋ ክንብል እንክለና እንታይ ማለትና'ዩ፧ ፍቕሪ ከም ዝሓዘናኸ ብኸመይ ኢና ንፈልጦ? ሰባት እንስሳዊ ባህርዪ ካብ ሃለወና፡ እንስሳታከ 'ባ ከም ሰባት ፍቕሪ ይሕዞምዶ? ብዛዕባዚ ስነፍልጠታዊ ምላሽ ምደለኹ።**

ዮራን ምስጉን ካብ ኣስመራ

መልሲ፥ ከምቲ ዝበልካዮ፡ ሰባት "ፍቕሪ ሒዙኒ" ወይ "ኣፍቂረ" ዋላ'ውን "ኣነ ፍቕሪ ኣይሕዘንን" ክብሉ ንሰምዕ ኢና። ገሊኦም ድማ ምስ መጻምድቶም ዝኾነ ዓይነት ርክብ ፍቕሪ ከይመስረቱ፡ ሓዳር ዝጅምሩ ከምዘለዉ ይፍለጥ። ብፍላይ ብዛዕባ ፍቕርን ጾታዊ ርክብን ምዝታይ ልሙድ ኣብ ዘይኮነሉ ከባቢታት ገጠር ዝነብሩ ደቂ ኣንስትዮ ይኹን ደቂ ተባዕትዮ፡ ብዛዕባ ፍቕሪ ተቓራኒ ጾታ ክለዓል እንከሎ፡ 'ፍቕሪ እንታይ ማለት እዩ?' ኢሎም ክሳብ ምሕታት ዝበጽሑ ኣለዉ።

ብዛዕባዚ፡ መርበብ ሓበሬታ BBC ንምሁራት ናይዚ ዓውዲ ዝበልዎ ምርኲስ ብምግባር ንሕቶኻ መልሲ ክኸውን ዝኽእል ስነፍልጠታዊ ሓበሬታ ኣውጺኡ ኣሎ።

ኣብ ሓንጎልና ክልለዩ ዝኽእሉ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ፍቕሪ ከምዘለዉ፡ ገለ ክኢላታት ስነ መትኒ ይገልጹ።

## ፍቕሪ ግን ብልክዕ እንታይ እዩ?

እዚ ሕቶ እዚ፡ ክኢላ ባህሪ ስነ-ልቦና፡ ንክኢላ ተገንዝቦኣዊ ስነ-ኣእምሮ ወይ'ውን ንሓደ ናይ ኒውሮባዮሎጂስት እንተ ሓቲትና፡ ኵሎም፡ ቀሊል ዝኾነ ሓደ መልሲ ከምዘየለ እዮም ክነግሩና። "ብዙሓት ተመራመርቲ ስነ-ፍልጠት ዝተፈላለየ ዓይነት ፍቕሪ ከምዘሎ ይሰማምዑ፡ ብዙሓት ካባና ግን ኣብ ሓንጎል ኢና ነተኩር" ትብል ኣብ ዩኒቨርሲቲ ሚዙሪ ናይ ባህሪ ኒውሮሳይንቲስት ዝኾነት ዶክተር ሳንድራ ላንግስላግ። "እዚ ማለት ከባቢና ወይ ኵነታትና ተራ የብሉን ማለት ኣይኰነን፡ ኵሉ ግን ኣብ ሓንጎል'ዩ ዝጅምር።"

ብዙሓት ተመራመርቲ ስነ-ፍልጠት ንፍቕሪ ክምርምርሩ እንከለዉ ዶክተር ሄለን ፊሸር ዝተባህለት ተመራማሪት ስነ-ሰብ ዘቕረበቶ ምርመራዊ ሓሳብ ይርዕምዎ'ዮም። ንሳ ንፍቕሪ ዝምስርቱ ሰለስተ ዓይነታት ፍቕሪ ከምዘለዉ እያ ትገልጽ።

እቲ ቀዳማይ ባህጊ ፍትወት ስጋ (lust) እዩ። እዚ ድማ ከም ኢስትሮጅንን ቴስቶስትሮንን ብዝኣመሰሉ ሆርሞናት ጾታዊ ርክብ ዝድረኽ ኰይኑ ቅልጡፍ ስሕበት ስዒብዎ ይመጽእ።

ኣብ ካልኣይ ደረጃ ስሕበት ዝመጽእ ድማ ሃነይነይታ (infatuation) እዩ። ኣብዚ ደረጃ ተመራመርቲ፡ 'ጽቡቕ ስምዒት ዝፈጥሩ ኬሚካላት' ብዝብል ዝፍለጡ ዶፓሚንን ኖራድሪናሊንን ከም ዝውስኽ ዓቂኖም ኣለዉ። መጠን ናይ'ዞም ናይ ሓጎስ ሆርሞናት ምስ ዝብርኽ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ሴሮቶኒን ይጎድል። መጠን ሴሮቶኒን ክትሕት እንከሎ ድማ ኣብ ኣእምሮ ዝፍጠር ውጥረት ዝመልኦ ኵነታት ይንክይ።

ድሕሪ ሃነይነይታ ዝመጽእ ሳልሳይን ናይ መወዳእታን ደረጃ ድማ ተኣማንነት፡ ጥብቀት ወይ ምትእስሳር (attachment) እዩ። እዚ ድማ ኣብ ፍቕራዊ ርክብና ካብ ጾታዊ ምልዕዓል ናብ ስምዒት ህድኣትን ምሾትን የሰጋግረና።

## ስለዚ ፍቕሪ ከምዝሓዘና ብኸመይ ንፈልጥ?

ተኣማንነት፡ ምናልባት ኣብ ኩሉ ዓይነት ፍቕሪ ዝተለምደን ኣብ ዝተፈላለየ ዓይነት ዝምድናታት ዝረኣን እዩ። ኣብ መንጎ ፍቕራዊ ዕርክነትን ብፍቕሪ ምውዳቕን ዘሎ ፍልልይ ንምርዳእ ዝሕግዘና ግን ፍሉይ ውህደት ናይ'ዞም ሰለስተ ደረጃታት'ዩ።

ብሓደ ሰብ እንተተመሲጥኩም፡ ባህጊ ፍትወት ስጋ እንተሃልይኩምን እቲ ምሾትን ድሕነትን ክስምዓኩም ዝገብር እንተኾይኑን፡ ሽዑ እምበኣር

ኣብ ዙርያ ፍቕሪ ትሕንበቡ ኣለኹም ማለት'ዩ።

"ኣብ መንጎ'ቲ እንፈጥሮ ብዙሕ ዝተፈላለየ ዓይነት ምትእስሳርን ፍቕራዊ ነገርን ዝተቐመጠ ንጹር መስመር እንተሃልዩ ኣይፈልጥን፡ ሓደ ረቛሒ ግን ብርግጽ ምስ ካልእ ሰብ ኣብ ጾታዊ ርክብ ናይ ምጽማድ ድሌት'ዩ" ትብል ናይ ባህሪ ኒውሮሳይንቲስት ፕሮፌሰር ዞይ ዶናልድሰን። ሳይንስ ንምእማኑ ዘጸግም ጠቓሚ ርድኢት ክህብ ይኽእል እዩ፡ እንተኾነ ግን ነቲ ዝተሓላለኸ ነገራት ንምንጻር ኣብ ዝፍተነሉ እዋን፡ እቲ ኣብ ስነ-ጽሑፍ ሰፊሩ ዘሎ ንኡስ ባእታታት ክጠፍእ ተኽእሎ ኣሎ።

"ሰባት ሃነይነይታ ኪጋጥሞም እንከሎ መብዛሕትኡ ግዜ ጾታዊ ድሌት ከም ዝህልዎም ንፈልጥ ኢና። ግን ኩሉ ግዜ ኣይኮነን፡ ብርግጽ፡ ኣብ ሓደ ሰብ ሃነይነይታ ከይሃለወና ጾታዊ ድሌት ክስምዓና ይኽእል'ዩ" ትብል ላንግስላግ። ንሳ ኣብ መጽናዕታ፡ ብዛዕባ እቲ ፍቕሪ ኣብ ሓንጎል ዝረኣየሉ ዝተሓላለኸ ኣገባባት ዝያዳ ንምፍላጥ፡ ቴክኖሎጂ ኒውሮ-ስካኒንግ ተጠቒማ። ንሳ፡ "ዝተፈላለዩ ዓይነታት ፍቕሪ ኣብ ሓንጎል ዝተፈላለየ ምልክታት መትኒ ኣለዎም። ኣብ ባህጊ ፍትወተ ስጋ ዝሳተፍ ሓደ ዞባ ሓንጎል ጥራይ፡ ኣብ ተኣማንነት ድማ ሓደ ክፋል ሓንጎል ይሳተፍ ማለት ኣይኮነን" ትብል።

"ነፍሲ ወከፍ ካብዞም ዓይነታት ፍቕሪ ይስምዓና፡ ብእኦም ንሓስብን ንዋሳእን። ስለዚ፡ ምሉእ ሓንጎልካ ኣብ ሰለስቲኦም እዩ ዝሳተፍ፡ ግን ቁሩብ ብዝተፈላለየ መንገዲ። እቲ ፍልልያት እንታይ ምዃኑ ግን ዛጊት ብልክዕ ኣይንፈልጥን ዘለና።"

### እንስሳት'ከ ፍቕሪ ይሕዞም'ዶ? ንዝብል ሕቶ

ኣብ መንጎ ምስ ሓንቲ ኣንስተይቲ ምትእስሳር ምፍጣርን ፍቕራዊ ዝምድና ምዕቃብን ዘሎ ፍልልይ ረቒቕን ኣብ መላእ ዓሌታት ብንጹር ዘይርኣይን ክኸውን ይኽእል እዩ። ተኣማንነት ወይ ምትእስሳር ምፍጣር ኣብ ብዙሓት ዓይነት እንስሳታት ዝፍጸም ስነ-ህይወታዊ መስርሕ'ዩ። እዚ ድማ ሓጎስ ምምጻእን ኣብ መጻምድቲ ቃንዛ ንኸይፈጥርን ምውሳእን ዘጠቓልል እዩ።

ደቂ ሰባት ብማሕበራዊ መዳይ መብዛሕትኡ ግዜ ምስ ሓንቲ ሰበይቲ ጥራይ እዮም ሓዳር ዝምስርቱ። ይኹን እምበር፡ ካብቲ ክንሓስቦ እንኽእል ንላዕሊ እንስሳታት እውን ብመጠኑ ምስ ሓንቲ መጻምድቲ ናይ ምንባር ኩነታት የርእዩ እዮም።

## ናጽነተይ ተኾኒኑ

*ሕቶ፥ ዝኾነ ነገር ንኽገብር ስድራይ ፈጺሞም ኣይኣምንኑን እዮም። ደገ እንተ ወጺአ ንብዙሕ ሕማቕ ነገራት ዝቃላዕን ቀይዲ በተኽ ኣካይዳ ዝኸይድን እዩ ዝመስሎም። በቃ እንድዒ ከምዛ ተሰባሪት ነገር ግዲ ዚርእዩኒ ኾይኖም፡ ጓል 18 ዓመት ኮይነ ከብቅዕ፡ "ናበይ ኢኺ!"፡ "ምስ መን ኢኺ ክትከዲ!"፡ "ኣበይ ደንጒኺ!"... ብዚብሉ ቃላት ጸሚመ እየ። ኣነ ኸኣ ዘይከም መሓዙተይ ብወለደይ ክእመን ዘይምኽኣለይ ኣዝዩ'ዩ ዘጨጥዓኒ። ብኸምዚ ኸኣ ናጽነተይ ተኾኒኑ፡ ኩሉ ምርጫታት ናይ ህይወተይ ብወለደይ ይውሰን ኣሎ። ካብ'ዚ ጸገም ብኸመይ ክገላገል ከም ዝኽእል እንተሓበርኩምኒ'የ ኸኣ ናባኹም ዚውከስ ዘለኹ። ስመይ ንኣዳለውቲ ጥራይ።*



መልሲ፥ ወለዲ ንደቆም ኪኣምንዎም እንተ ዘይክኢሎም፡ ናብ ዝመረጽዎ ክኸዱን ዝመረጽዎ ውሳነ ክውስኑን ፈጺሞም ኣየፍቕድሎምን እዮም። 'ሓላፍነታዊ ውሳነታት ኪወስዱ ዓቕሚ የብሎምን' ዚብል እምነት ስለ ዝሓድሮም፡ ኩሉ ምንቅስቓሳት ደቆም ብኣፍልጦኦምን መምሪሒኦምን ክኸውን'ዮም ዝመርጹ። እዚ ኸኣ ኣብ ልዕሊ ደቆም ካብ ዘለዎም ፍቕርን ሓልዮትን ዝብገስ እዩ።

ስለዚ፡ ብዙሕ እዋን ናጽነት ባዕላትና ንፈጥሮ ነገር እዩ። ምንቅስቓሳትና ሓላፍነታውያን፡ ምርጫታትና ኸኣ ንቑሓት ኪኾኑ እንተ ዘይክኢሎም፡ ብኸመይ ኢና'ሞ ክንእመን። ምእንቲ'ዚ፡ ንስኺ ንስድራኺ እምንትን ሓፍነታዊትን ምዃንኪ ከተረጋግጽሎም'ዩ ዘሎኪ።

ንኣብነት፡- ንደገ ኣብ ትወጽእሉ እዋናት ካብ'ቲ ክትምለሱሉ ዝተሓበረኪ ግዜ ኣቐዲምኪ ኣብ ገዛ ክትርከቢ፡ ኣብ ገዛ ዝተኣዘዝክዮ ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ ኣገዳሲ ኾይኑ ዝተሰምዓኪ ነገራት ብተወፋይነት ክትዓሚ፡ ብተበግሶ ገዛእ ርእስኺ ናይ መጽናዕቲ ግዜ ፈሊኺ ከተጽንዒ እንተ ኸኢልኪ ... ስድራኺ ኣብ ልዕለኺ ልዑል እምነት እናሕደሩ ስለዝመጽኡ፡ ናጽነትኪ ክሕሎ ዘሎ ተኽእሎ ርሒብ'ዩ።

"ሰዓት ሸውዓተ ክምለስ'የ" ኢልኪ ወጺእኪ፡ ሰዓት ሸሞንተ ትሸዓተ ትምለሲ እንተ ኼንኪ ግና ብኸመይ'ዮም እሞ ኣሚኖም ብናጽነት ክትንቀሳቐሲ ክሓድጉኺ? እቶም ንፉዓት ወለዲ፡ ደቆም ጽቡቕ ጌሮም ፍልጠት ክሳዕ ዚዓጥቁን ብሓላፍነት



ኪመላለሱ ክሳዕ ዚጅምሩን ጓሶትን መምህራንን ደቂም ኪኾኑ ግድን እዩ። ደቂም ንገዛእ ርእሶምን መጻኢኦምን ንጹርነትን ዕቱብነትን ዘሎዎ ኣገባብ ኪመርሑ ምስ ዚርእይዎም ከኣ ሓላፍነቶም የውርዱ። ስለዚ ናይ ጸገምኪ መፍትሕ ኣብ ኢድኪ ምህላዋ ኣይትዘንግዒ። ወለድኻ ምእዛዝ ከኣ ሓደ ካብቲ ኪዕቀብ ዘለዎ ማሕበራዊ ክብርታት እዩ።

## ኣወለፍቲ ዓይነታት መግቢ

***ሕቶ፡ ንጥዕና ጎዳእቲ ግና ኸኣ ኣወለፍቲ ዓይነታት መግቢ ኣለዉ ድዮም? ወልፊ መስተ፡ ወልፊ ሽጋራ፡ ወልፊ ሓሽሽ፡ ወልፊ ቡን፡ ወዘተ. ክበሃል ንሰምዕ ኢና፡ ወልፊ መግቢ ከ ኣሎ ድዩ፧***

***ሰሚራ ጓል ኣስመራ***

*መልሲ፡ ገለ ዝተኻየዱ መጽናዕትታት፡ ወልፊ ዘትሕዙ ዓይነታት መግቢ ከም ዘለዉ ይገልጹ’ዮም። ኣብነት ፋርማጅ፡ ችኮላታ፡ ሽኮርን ስጋን ገለ ካብ’ቶም ናብ ሓንጎልና ናይ ባህታ መልእኽቲ ዝሰዱ ምኽኖም ዶ/ር ኒል በርናርድ ኣብታ Breaking the Food Seduction ኣብ ዝሰመያ መጽሓፉ ገሊጽዎ ኣሎ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ናይ ኢንተርነት ወይ AI ኢንጂን addictive foods ዝብል ኣርእስቲ ሂብኪ ፈቲሽኪ ክትረኽብዮ ትኽእሊ ኢኺ፡ እዞም ዝተገልጹ ዓይነታት መግቢ ብቐሊሉ ብኻልእ ዓይነት መግቢ ክትክኡ ስለዝኽእሉ፡ ክብደቶም ክሳዕ ክንድ’ቲ ኣይኮነን።*

## ሕልምን ስምዒትን

**ሕቶ፥ ሓድሓደ ግዜ ካብ ናይ ድቃስ ሕልመይ ኣብ ዝበራበረሉ እዋን፡ ንነዊሕ እዋን ምስ ዝተፈለኽዎ ሰብ (ዓርከይ ወይ መሓዛይ ዝነበረ ክኸውን እኽእል) ኣብ ስምዒት ኣትየ እጸንሐ እሞ ይገርመኒ። ሓሲበዮን ዘኪረዮን ዘይፈልጥ ሰብ ከመይ ገይሩ ኣብ ሕልመይ መጺኡኒ፡ ኣነ ኸ ስለምንታይ ኣብ ስምዒት እኣቱ ኢለ ኣብ ጭንቀት እሸመም። ብዛዕባ’ዚ እንታይ ትብሉኒ፧ ገና እቲ ናይ ቀደም ስምዒት ኣይወጻለይን ኣሎ ማለት ድዩ፧**

**ኣ.ኣ.**

መልሲ፥ ግድን ኣይኮነን። ኣብ እዋን ናይ ድቃስ ሕልሚ፡ ሓንጎልና ኣዝዩ ንጡፍ ስለዝኸውን፡ ሃንደበት ምሳና ናብ ዘይቀነየ ሓሳብ፡ ማለት ናይ ርሑቕ ተዘክሮ ከምጽኣልና ይኽእል ምኺኑ ምሁራት ስነኣእምሮ ይገልጹ። ስለዚ ትቐርብዮ ዝነበርኪ ብውኖኺ ከለኺ ዘይዘከርክዮ ሰብ ኣብ ሕልሚ ለይትኺ ምምጽኡ ከተሓሳስበኪ የብሉን። ኣብ ሕልሚ ዝረኣኽዮ ሕሉፍ ነገር፡ ምስ ናይ ሕጂ ሂወትኪ ምትእስሳር ኣለዎ ማለት ስለዘይኮነ፡ ብኣሉታ ክጸልወኪ ኣይግባእን። ስለዚ ሕልምኺ ረሲዕኪ፡ ብዘለኽዮ ክዉንነት ክትጎዓዚ ኢና ንምዕደኪ።

## መርዓ ብግዲታ

*ሕቶ፡ ወዲ 23 ተመሃራይ ኮለጅ’የ። ብዕድመ መሰታይ ምስ ዝኾነት መሓዛይ ጓል፡ ሃንደበታዊ ጾታዊ ርክብ ፈጺምና። ዋላ’ውን ሃንደበታዊ ይኹን ክልቴና ብፍታውና ኢና ፈጺምናዮ። ምናልባት’ውን ንሳ ተዳልያትሉ ምንባራ፡ ካብ’ቲ ድሕሪ ፍጻመ ዘንጸባረቐቶ ባህርያት ክግንዘብ ክኢለ’የ። ማለተይሲ ኣነ ክንፍጽሞ ኣይነበረናን ካብ ዝብል ስምዒት ቅሩብ ከተሓሳስበኒ ጀሚሩ። ንሳ ግና ምንም ኣይተሰምዓን፡ እኳ ደኣ በንጻሩ፡ ሓጎሳ እያ ገሊጻትለይ። ብዝኾነ ኣይተዳለኽሉን ስለዝነበርኩ ጥንሲ ኣጋጢሙ ከይከውን ኣዝየ ሻቒለ ነይረ፡ እንተኾነ ጥንሲ ከም*

*ዘይሓዘት ወርሓዊ ጽግያታ ኣብ እዋኑ ብምምጻኡ ከም ዘረጋገጸት ነጊራትኒ። ብወገነይ ልዕሊ ዓቐን ተሓጕሰ።*

*ድሕሪኡ ምሕዝነትና ብናተይ ድፍኢት ናብ'ቲ ንቡር መሊስናዮ፡ ማለትሲ ጾታዊ ርክብ ኣይቀጸልናዮን። ጸኒሐ ከም እተረዳእክዎ፡ ንሳ ደስ ኣይበላን። ብሕልፊ ኣብ'ዚ ቅንያት፡ ጉዳይ ጾታዊ ርክብን መርዓን ከተላዓዕለለይ ጀሚራ። ትምህርቲ ይኹን ሃገራዊ ኣገልግሎት ክሳዕ ዝውድእ ክጸንሕ ከም ዝደሊ ምስ ነገርክዋ፡ በል ክትፈልጥ ኣብ ኣዝዩ ቀረባ መጻኢ እንተዘይተመርዒኻኒ ሂወተይ ከጥፍእ እየ ኢላ ታህዲድ ጀማሚራትለይ ኣላ። እንታይ እግበር?*

**ፍሊሞን ካብ ኣስመራ**

መልሲ፡ እቲ ዉሳኔ ናትካ'ዩ። ኣብ ዉሳኔኻ ክትጸንዕ ድማ'ዩ ዘሎካ። ቅድሚ ናብ ዉሳኔ ምብጻሕካ፡ ምስኣ ክትነብር ትደሊ ዲኻ ኣይትደልን፡ ተፍቅራ ዲኻ ኣይተፍቅራን፡ ናብራ ክትመርሕ ትኽእል ዲኻ ኣይትኽእልን (ብቑጠባ ይኹን ብብስለት) ወዘተ. ንዝብሉ ሕቶታት ብግቡእ ክትምልስ ክትክእል ኣሎካ። መርዓ ማለት ቀሊል ጉዳይ ኣይኮነን፡ ዓቢ ዉሳኔ እዩ። ሓንሳእ ስለዝተጋገኻ፡ ብዘይፍታውካን ድሌትካን ሃንደራእ ኢልካ ናብ ካልእ ጌጋ ክትኣቱ ኣለካ ማለት ኣይኮነን። ናብ ዘይደለኻዮን ዘይተዳለኻሉን መርዓ ምእታው ንዓኻ ጥራይ ዘይኮነ ዋላ ንዕኣ'ውን ጽቡቕ ኣይኮነን። እቲ ሓቀኛ ፍቕርን ምትሕልላይን እንተዘይሃልዩ፡ መርዓ ስለዝገበርካ ጥራይ ብሓደ ትነብር ማለት ኣይኮነን። ስለዚ በዚ ክንገልጸልካ ዝጸናሕና ኣእንፋቲ ሓበሬታታት ውሳኔኻ እንታይ ምዃኑ ብዕቱብ ኣረድኣያ። ናይ ብሓቂ ተፍቅረካን ትሓልየልካን እንተኾይና፡ ውሳኔኻ ክተኽብረልካ እያ። ፍጹም! እንተ ኢላትካ ግና ኣፈራሪህካ ዝኸውን ከም ዘየለ ንገራ። ዝገብር ነዲኡ ዘይነግር ከም ዝተባህለ፡ ስለዝተዛረበት ከምኡ ክትገብር'ያ ዝብል ስክፍታ ክተሕድር የብልካን።

## ጥንስን ምጥባውን

**ሕቶ፡- ካብ ዝሓርስ ኣርባዕተ ኣዋርሕን ሓደ ሰሙንን ገይረ ኣለኹ። ምስ በዓል ቤተይ ኣብ ግዜ ርክብ መከላኸሊ ተጠቒምና ኣይንፈልጥን። ኣብ'ዚ ቀረባ መዓልታት ግና፡ መሓዙተይ፡ ዋላ እና'ጥበኹ ክጠንስ ከም ዝኽእል ሓቢረናኒ። እዚ ሓቂ ድዩ፧**

ልኡላ - ካብ ሰምበል



መልሲ፡- መጽናዕትታት ከም ዝሕብርዎ፡ ኣደ ወርሓዊ ጽግያት ክርኣያ እንተ ዘይጀሚሩ፡ ብቐጻሊ ህጻን ምጥባው - ጥንሲ ኣብ ምክልኻል ክሳዕ 98% ብቕዓት ከምዘለዎ እዩ። እዚ ግና ክሳዕ 6 ኣዋርሕ ጥራይ'ዩ ኣተኣማማኒ ዝኸውን። ሓንቲ ኣደ ብቐጻሊ ተጥቡ እንተኾይና፡ ጸባ ንምምንጫው ፕሮላክቲን (Prolactin) ዚብሃል ሆርሞን ተመንጩ። እዚ ሆርሞን'ዚ፡ ኣብ መጀመርታ ሕርሲ ጸባ ንምምንጫውን ጠባው ንምዃንን ኣዝዩ ሓጋዚ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ንውሽጣዊ መስርሕ ሆርሞናት እታ ኣደ ብምቁጽጻር ንዘርኢ ዚኸውን እንቋቑሖ ከም ዘይተፍሪ'ውን ይገብር'ዩ። ስለዚ ጡብ ምጥባው፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ንህጻን ዚህቦ ዝተማልአ መግብን ፍቕሪ ኣደን፡ ጥንሲ ኣብ ምክልኻል'ውን ዓቢ ተራ ኣሎዎ።

ብሓፈሻ ግና ሓንቲ ኣደ ብጸባ ጡብ ጥንሲ ክትከላኸል እንተ ወሲና፡ ነዘን ዚስዕባ ክልተ ነገራት ከተተግብር ይግባእ፥

- ምስ ሓረሰት ክሳዕ 6 ኣዋርሕ ዘሎ ግዜ፡ ህጻን ልዕሊ 85 ሚእታዊት ካብ መግቡ ጸባ ጡብ ኪኸውን፡ እንተ ተኻኢሉ ኸኣ ምሉእ ብምሉእ ጸባ ጡብ ኪምገብ።
- ኣደ መዓልታዊ፡ ብውሑዱ ቀትሪ ኣብ ነፍሲወከፍ ኣርባዕተ ሰዓታት፡ ለይቲ ኸኣ ኣብ ነፍሲወከፍ ሽዱሽተ ሰዓታት ሓንሳእ ከተጥቡ ክትክእል ኣለዋ።

እንተዘይኮነ፡ ኣብ ዝጠዓመኪ ተጥብዊ እንተኼንኪ፡ እሞ ኸኣ ወርሓዊ ጽግያትኪ ክምለስ እንተ ጀሚሩ፡ ብምጥባው ጥንሲ ክትከላኸሊ ዘሎ ተኽእሎ ኣዝዩ ጽቢብ ምዃኑ ክበርሃልኪ ይግባእ። ወርሓዊ ጽግያትኪ ክርአ እንተ ጀሚሩን ህጻን መግቢ ይወስድ እንተ ሃልዩን ግና፡ ናብ በዓል ሞያ ብምኻድ ንኣኺ ዚሰማማዕ መከላኸሊ ጥንሲ ክትጥቀሚ ንላበወኪ።

***

## ዕላል ምስ ስነጥበበኛ

# ሳሙኤል ገብረኣደናይ



ስነጥበበኛ ሳሙኤል ገብረኣደናይ ኣብ ዓበይቲ ሃገራዊ ጽንብላትና ምስ መድረኽ ዝኸይድ ቴማዊ መሳጢ ግጥምታት ከቕርብ ኢና ንፈልጦ። ስነጥበበኛ ሳሙኤል ብዘይካ'ዚ ኣብ ሞያ ጋዜጠኛነት፡ ድረሰትን ምውሳእን ናይ ራድዮን ቲቪን ድራማታትን ኮመዲታትን፡ ድርሰት ግጥሚ ፍሉጣት ሃገራዊ ደርፍታት፡ ወዘተ. ልሉይ ኣበርክቶ ገይሩ'ዩ። መጽሔት መንእሰይ ምስ'ዚ ወናኒ ብዙሕ ጥበባዊ ዓውድታት ዝኾነ ኣርካን ስነጥበበኛ ሰፊሕ ዕላል ኣካይዳ ኣላ። ጽማቑ ይስዕብ፦

**◆ ኣበይ ተወሊድካ? ኣበይን ብኸመይን ዓቢኻ?**

ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ተወሊደ። ስድራይ ቤት-መግቢ ዝነበሮም ነጋዶ'ዮም። ስለዚ ከም ወለዲ እቲ ከም ሕጻንን ቈልዓን ክረኽቦ ዝኽእል ሓልዮትን ክንክንን ከይበቐቑ ምስ ኣሕዋተይ ኣዕቢዮምኒ። ሕንቁቕ ቈልዓ'የ ነይረ። ምናልባት ሕሳስልደ ስለ ዝኾንኩ ከይከውን።

**◆ ሽዑ ዝነበረ እዋን ቈልዕነት ከመይ ትዝክሮ?**

ብተምሳጥ'የ ዝዝክሮ። ነታ ዘዕበየትኒ ከተማ ደቀምሓረ ብኽብሪ'የ ዝዝክራ። የቕንየለይ መወለድ ከተማይ እብላ። ኩሉ እቲ ናይ ሕጻንነትን ቈልዕነትን ዕድመይ ምስኣ ዝተኣሳሰረ'ዩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ሕጻን ወይ ቈልዓ፡ ናይ ሓደ ስድራ ቤት ጥራሕ ኣይኮንካን። ንዓይ ይኹን ንኻልኦት ኩሎም ነበርታ ኣዕቢዮምና። ዋላ'ኳ ወዲ 14 ዓመት ከለኹ ንሜዳ እንተ ተሰለፍኩ፡ ክሳብ እዚ ናይ ቈልዕነት እዋን ሳላ ወለደይን ነበርቲ እታ ከተማን ብስነ-ስርዓት'የ ዓብየ እብል። ገንዘብ ከይፈለጥኩ ኣብ እንዳ ሻሂ ኣትየ ዝብላዕ ኮነ ዝስተ ከይኣዘዝኩ፡ ካብ ቤት-ትምህርተይ ንገዛይ ካብ ገዛይ ናብ ቤተ-ክርስትያን፡ ከምኡ'ውን ምስ መዛኖይ እናተጻወትኩን መጻሕፍቲ እናንበብኩን ዓብየ። ናይ ሽዑ ቈልዑ፡ ጸርፍን ናይ ቅለትን ካብ ልሳንና ኣይወጽእን ነይሩ። ኢድ ወለድናን ጎረባብትናን እናተሳለምና፡ ንዓቢ ይኹን ንእሽቶ እናተማእዘዝና፡ ብኽብርታት ኢና ዓቢና። ክብሪ ንህዝቢ ኤርትራ፡ ነቶም ዘዕበዩኒ ወለደይን ንነበርቲ ከተማ ደቀምሓረን ይኹን።

**◆ እዋን ቈልዕነትካ ነዚ ሕጂ ዘለኻዮ ጸልይዎ ዶ ትብል?**

ብርግጽ ጸልይዎ። ሕማቕ ኣይፈቱን'የ። ምናልባት ንኹሉ ብቕኑዕ ስለ ዝርኢ ጎዲኡኒ ይኸውን። ዓለም ከባድ'ያ። ዝፈላለየ ባህርያት ናይ ሰባት ከም ዘሎ ኣብ ተሞክሮይ ተማሂረ። ንሰብ ከይብድልን ሓጥያት ከይገብርን፡ እቲ ኣብ ቈልዕነተይ ዝተመሃርክዎ ሃይማኖታውን ስነ-ምግባራውን ትምህርቲ ጠቒሙን ጎዲኡንን። ሓደ ሓደ ግዜ ኣዚኻ ትትሕት እሞ ሰባት ንትሕናኻ ተጠቒሞም ይገናዘዩልካ፤ ድሓር ትነቕሕ፡ ሽዑ "ወይ ሰብ" ትብል። ድሒሩ ንዓለም ብዝተሓዋወሰ ባህሪ ክትብድሃ ከምዘለካ ትመሃር። ኣብ ገለ ግን ናይ ብሓቂ ንባህርያትካ ዝርድኡ ውልቀ ሰባት ትረክብ፡ እሞ ሞራልካ ሓፍ ይብል። ወለድን ህዝባዊ ግንባርን ቅኑዕ ስራሕ እናበሉ'ዮም ኮስኲሶምኒ። ክሳብ ሕጂ ነቲ ስነ-ምግባራዊ ኣካይዳ እየ ዝደፍኣሉ። ኩሉ ግን በዚ መገዲ ይኸይድ ዶ፧ እዚ'ዩ እቲ ብድሆ። ዋላ ተለማሚደ ካብቲ ሓዲድ ክወጽእ እንተ ሓሰብኩ ኣይክእሎን'የ።

**◆ ኮነታት ትምህርትኻ?**

ካብ ቀዳማይ ክሳዕ ሻብዓይ ክፍሊ ኣብ ከተማ ደቀምሓረ'የ ፈጺመ። ኣብ ወርሒ ለካቲት 1978 ድማ ብርሱን ሃገራዊ ስምዒት ናብ ሜዳ ስለ ዝተሰለፍኩ፡ እቲ ኣብ ዝልዓለ ደረጃ ክበጽሓሉ ዝምነዮ ዝነበርኩ ናይ ትምህርቲ ድልየተይ ተዓንቂጹ። ኣብ ገድሊ ምስ ተጸንበርኩ፡ ኣብ ሜዳ ነቲ ዝነበረና ትምህርቲ ዘዘክርን ዘሐይልን ትምህርቲ ንወስድ ኔርና ኢና። ስሩዕ ስለዘይነበረ ግዳ፡ ካብ ክፍሊ ናብ ክፍሊ ዘሰጋግር ኣይነበረን።

ድሕሪ ናጽነት ተቐላጢፈ ምስ ብጾተይ ካብ ሻሙናይ ክፍሊ ትምህርቲ ጀሚረ። 12 ክፍሊ ምስ ዛዘምኩ ድማ ብሓልዮት ሚኒስትሪ ዜና ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ቀዳማይ ዓመት ትምህርቲ ጋዜጠኝነት ጀሚረ ነይረ። ኣብ 1998 ኲናት ምስ ተወልዐ፡ ትምህርትና ኣወንዚፍና ከቲትና። ናብቲ ኲናት ዝካየደሉ ዝነበረ ግንባራት ብምኻድ ናይ ጋዜጠኝነት ዕማም ንዓምም ኔርና። ካልኦት ሚኒስትሪታትን ናይ ውድብ ኣባላትን ግን ቀጺሎሞ። ኣብነት፥ ብዓል መኮንን ኪዳነ (ሻባይ) ምሳና'ዮም ነይሮም። ብዓውዲ ኣንትሮፖሎጂ፡ ቀዳማይ ዲግሪ ረኺቦም። ኣነ ካብ መጠን ንላዕሊ ጽምኢ ትምህርቲ ነይሩኒ። ብናተይ ሓርኮትኮት ብውልቂ ኣብ ዝተኸፈተ ኢሪ-ብሪትሽ ኣብ ዝተባህለ ላዕለዋይ ትምህርታዊ ትካል ብማርከቲን ብደረጃ "ኢንተርናሽናል ኣድቫንስድ ዲፕሎም" ተመሪቐ።

**◆ ቅድሚ ሜዳ ምስላፍካ ኣብ ቃልሲ ዝነበረካ ኣፍልጦን ንቕሓትን?**

ኩሉ ኤርትራዊ ውልድ ክብል'ዩ ሓሰረ መከርኡ በሊዑ። ንሕና ብመሪርን ጽንኩርን መድረኽ ብጽንዓት ዝሓለፍናን ገና ኣብ ጽንዓት ዘሎናን ወለዶ ኢና። ብፍላይ ደርግ ብዕልዋ ናብ ኢትዮጵያ ምስ መጸ፡ ኩሉ ዘፍርሕን ዘርዕድን ትርኢት ኢና ንዕዘብ ኔርና። ኣሮን ዝብሃል ካብ ኣእምሮይ ዘይርስዖ ስዉእ ሓወይ ነይሩኒ። ሓደ ካብቶም ንህዝባዊ ሓይልታት ብናይ ውሽጣዊ ስርሓት ዝዓየየላ ጅግና ተጋዳላይ'ዩ። ንሱ ንገዛና፡ ንዓይ ከኣ ብሕልፊ ሃገራዊ ስምዒት ክሓድረኒ ጸልዩኒ'ዩ። ንሱ ኣመና ቋርጻ'ዩ ነይሩ። ኣብ ውሽጢ ከተማ ኾይኑ፡ ካብ ዩኒቨርስቲ ኣዲስ ኣበባ ይኹን ካብ ከተማ ኣስመራ፡ ደቀምሓረ ዋላ ካብ ናይ ካምቦ ወተሃደራት ከይሓደገ፡ ብዙሓት መንእሰያት ናብ ሜዳ ከም ዝስለፉ ኣብ ምግባርን ፈዳይን ኮይኑ ብተወፋይነት ዝሰርሕ ዝነበረ ምዑት መንእሰይ'ዩ ነይሩ። ድሓር ወተሃደራት ስለ ዝፈልጥዎ ካብታ ከተማ ክእለ ወሲኑ። ሽዑ እታ ንዕኡ ንምህዳን ዳምዳም ዝበሉላ ህሞት፡ ኣነ ምስ ስድራና ምስኡ ኣብኡ ነይረ። እቲ ህሞት ልክዕ ከምዚ ሎሚ ኮይኑ ይርኣየኒ። ቅድሚኡ'ውን ወተሃደራት ኣብ ልዕሊኡ ግፍዒ ገይሮምዮም። ስለዚ "ኣነ ስለምንታይ ኢዩ ኣሮን ሓወይ ዝህደን? ንመንከ እዩ ዝሰርሕ? ዝብል ሕቶታት ኣብ ኣእምሮይ ከመላለስ ጀሚሩ። እናኀበዝኩ ብዝኸድኩ መጠን ድማ ንሃገራዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ክርዳእ፡ በቲ ቃልሲ ንኽጽሎን ኣኸኢሉኒ።


**◆ መዓስን ብኸመይን ኢኻ ናብ ሜዳ ወጺእካ?**

ከምቲ ቀዲመ ዝበልኩኻ ኣብ 1978 እየ ንሜዳ ተሰሊፈ። ምዝላቕ ደቡብ ዝነበረሉ'ዩ። ሽዑ ናይ ክተተ ጻውዒት ኣብታ ኣብ እስኮለ ሓበሻ እትርከብ ኣዳራሽ ትያትር ተነጊሩና። ኣብኡ ድማ ኣነ ብስምዒት "ኣነ ኣለኹ" ኢለ፡ ንእሽቶ ስለ ዝነበርኩ ክስለፍ ኣይደለዩንን። እቶም ሽዑ ዝነበሩ ኣባላት ክፍሊ ህዝቢ ብጻይ ተስፋልደት፡ በላይነሽ ኣብርሃን ወልድኣብን ተኻቲዮም ከትርፉኒ ደልዮም። እንተኾነ ኣነ ክስለፍ'የ ስለ ዝበልኩ፡ ነቲ ውዕውዕ ድልየተይ ርእዮም ሕራይ ኢሎም ንታዕሊም ክወርድ መዝጊቦምኒ። ብኡ ንብኡ ድማ ናብ ዓዲ ሮሶ ወሪደ።

ሓቂ ንምዝራብ ኣነ ብሕንቃቐየ ዓብየ። ስምዒት ካልእ'ዩ። ኩሉ ነገር ምጽማም ይሓትት፡ ናብ ድርኾኾት ሰውራ ምስ ኣተኹ፡ ዓቕሊ፡ ጽንዓት ዝብሃላ ሓረጋት ሽዑ እትው እትው ክብላኒ ጀሚረን። ብዘይ እዚኣተን ንናብራ ገድሊ ክትስዕሮ ኣይትኽእልን ኢኻ። ብዘይካ ስድራኻን መማህርታኻን ካልእ ዘይትፈልጥ ዝነበርካ ኮተቴ፡ ምስ ዝተፈላለየ ዝጠባዮም ሰባት ተላሊኻን ንዕኦም መሲልካን፡ ንኹሉ ጠባይ ክትጻወሮ ቀሊል ኣይኮነን።







ማእቶት፡ ምግብና፡ ዕንጨይቲ ምውፋር ኮነ ታዕሊም ከቢድ'ዩ። ዝተበላሸወ ሓርጭ ወዲ ዓከር ትበልዕ፡ ማይ ወይ ዕንጨይቲ ክትወፍር ርሑቕ ዘንቃዕርር ጎቦ ትሓኩር። ብሕጊ ትምእዘዝ፡ ኮታ ወለቕ ዘለቕ የለን። ኩሉ ዝለመድካዮ ከም ግመ በኒኑ ካብ ኣዒንትኻ ይርሕቕ። ሽዑ ንነብስኻ ቀጥ በሊ ትብላ። ስለዚ ማሕላ ምስ ነብስኻ ኪዳን ምስ ሃገርካ ትፍጽም። ነቲ 'ናቕለለ ዘይኮነስ እናኸበደ ዝኸይድ ገድልን ምግዳልን ክትገጥሞ ምስ ነብስኻ ቃል ትኣቱ።

**◆ ኣብ ሜዳ ዝነበረካ ተራን ተሳታፍነትን**

ኣብ ሜዳ ከም ንእሽቶ ተሰላፊ፡ እዚ ተራን ብጽሒትን ነይሩኒ ክብል ኣይክእልን። ሓቂ 'ሓይሽ እቶም ዓበይቲ ኣያታትና፡ ሳንዳታትና ጸሪቦምዮም ኮስኲሶምና። ኣብ ገለ እዋን ድማ ኣሐንቂቖምና። ኣብ ሰውራ ንበይንኻ ትሰርሖ፡ "ኣነ" ኢልካ ትጅሃረሉ ነገር የለን። ኩሉ ናይ ውድብን ናይ ብጾትካን'ዩ። ስለዚ ኣነ ኣብ ሜዳ ዝነበረኒ ተራን ተሳታፍነትን ከም ህዝበይ፡ ከም ብጾተይ እየ።

**◆ ናይ ሜዳ ፍሉይ ተዘክሮኻ?**

ፈለማ ኣብ ምልክት ውድብ'የ ተመዲበ። ምዝላቕ ሰምሃር ምስ መጸ፡ ካብ ምልክት ናብ እንዳ ዕጥቅን ስንቅን እንዳ ቑጠባ'የ ተቐይረ። ናይ መጀመርታ ናይ ገድሊ ተሞክሮይ፡ ኣብ ከተማ ከረን ፈሊመዮ። ከተማ ከረን ኵትትናይ ዝተቐበለት ከተማ'ያ። ምስ ከተማ ከረን ፍሉይ ትዝታ'ዩ ዘሎኒ። ዝገርመካ ኣብ ዕጥቅን ስንቅን ኣብ ኣካል መጥሓን'የ ተመዲበ። ግና ወዮም ሽዑ ዝተቐበሉኒ ሓለፍትን ኣባላትን ከም ተጋዳላይ ዘይኮነ፡ ከም ቈልዓ'ዮም ኣሐንቂቖምኒ። ምዝላቕ ምስ ኮነ፡ ብኣፍዓበት ኣቢልና ኣብ ናቕፋ፡ ድሕሪ ናቕፋ ናብ ቀብርውኣት ድሒሩ ድማ ኣብ ሓሊበት ዓስኪርና። ኣብቲ ቦታ ንጥፈታት ባህሊ ጀሚርና። ወዲ 15 ዓመት ኣብ ዝኾንክሉ እዋን ናይ'ታ ሽዑ ዝተመስረተት ጉጅለ ባህሊ፡ መራሕ መደብ ኮይነ። ነቲ ሓድሽ ተመኩሮ፡ ብድፍረት ፈሊመዮ። ኩሉ ተጋዳላይ ድማ የተባብዓኒ ነይሩ። ድሕሪኡ ናብ ማእከላይ ክፍሊ ባህሊ ውድብ ተሳሒበ። ኣብ ዓራግ ዘሕለፍክወን ናይ ሰለስተ ወርሒ ናይ ማእቶት እዋናት ዝናፍቐንን ብፍሉይነት ዝዝከረንን'የን። ድሕሪ ምትእኽኻብ ኣባላት ባህሊ፡ ድሕሪ 1978 ናይ ፈለማ ንእሽቶ 'ኣናውንሰር' ኮይነ። ድሕሪኡ ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ ሻድሻይ ወራር ስለ ዝተጀመረ ናብ ሓይልታት ማለት ኣብ ብርጌድ 31 ቦጦሎኒ ሓደ ተመዲበ። ኣብ ክፍልታት ጸኒሕካ ናብ ሓይልታት ክትከይድ፡ ብዘይቀለዓለም ካልኣይ ገድሊ'ዩ። በጦሎንና ኣብ ሽግለት ከጠር ሃጻይነት ግዋ ዝብሃሉ ቦታ'ያ ዓሪዳ ነይራ። ኣብ ሓይልታት ጥሜት፡ ዕርቃን ውግእ እንታይ ከም ዝኾነ፡ መስዋእቲ ከመይ ከም ዝመስል ዝተመሃርክሉ፡ ገድሊ ከቢድ፡ ዓቕሊ፡ ጽንዓት፡ ምጽማምን ትዕግስትን ከም ዝሓትት ዝተረዳእክሉ፡ ብጻይካን ብጻይትኻን በጃኻን ክንዳኻን ከም ዝስውኡ፡ ኮታ ፍቕሪ፡ ሓልዮት ዝተገንዘብክሉ ኣሃዱ'ዩ። እቲ ልምሉም ሰብነተይ፡ እቲ ጭልግዕ ክሳብ ክንድ'ቲ ዕዮ ዘይፈልጥ ዝነበረ ኣካለይ ኣብ ዓውደ ውግእ ኣትዩ። ሽዑ ካብ ወዲ 16 ናብ ወዲ 17 ዓመት ዝረግጸሉ ዝነበርኩ እዋን'ዩ ነይሩ።

ኣብ ዝቐጸለ ውግእ መዋእግቲ ዓይኒ፡ ርእሲ፡ ኣፍ-ልብን ኢድን ኣጋጢሙኒ። ብዙሓት ዘፍቅሮም ደቂ መስርዐይ፡ ደቂ ጋንታይ፡ ደቂ ኣሃዱይ፡ ብጾተይ ስኢነ። ኩሎም ዝተሰውኡን ዘለዉን ኣብ ሓይልታት ዝነበሩ ብጾተይ ክዝክር እንከለኹ፡ ኣብ ትዝታ'የ ዝሽመም። ሰውራ ቤት-ምርምር'ዩ። ካብ ዓቢ ዩንቨርስቲ ተማሂረ ከም ዝወጻእኩ'የ ዝቖጽሮ። ንሱ ውጽኢት እዚ ዘሎ ሳሙኤል'ዩ። ብርግጽ ናይ ኩሉ ቅነየታተይ መበገሲ'ውን ንሱ'ዩ። ነቲ ምእንቲ ናጽነት ኤርትራ ህዝቡን ኣካሉን ዝሰውአ፡ ዕድመ ብጽሕናኡን ግርዝውናኡን ስለ ናጽነት ዘሕለፈን ክሳዕ ለይቲ ሎሚ ድማ ዛጊት ንዘየዕረፈ ሓርበኛ ኣድናቖትን ኣኽብሮትን ኣለኒ። ዝኸረይ ኣመና ብዙሕ'ዩ ኣብ ሓደ ቃለ መጠይቕ ዝፍጸም ኣይኮነን።

**◆ ጉዳይ ናይ ዓይኒ ስንክልናኻ**

ዓይነይ ኣብ ሻድሻይ ወራር ኣብ ታባ ፍረወይኒ'የ ተሃሪመ። ሽዑ መውጋእቲ ዓይነይ ጥራሕ ኣይኮነን ከቢድ ነይሩ፡ እቲ ዝኸበደ ማህረምቲ ርእሲ'ውን ነይሩ። የማናይ መሓውረይ ለሚሱ፡ ልሳነይ ብኡንብኡ ተዓጽዩ ክዛረብ ይኽእል ኣይነበርኩን። ኩሎም ኣብ ሕክምና 12፡ 13፡ ዝነበሩ ውጉኣት ብጾት ይዝከሩኒ'ዮም። ቦዲ ትብሃል ምሳይ ዝተወግአት ብጻይቲ ነይራ። ንሳ ከም ናተይ መውጋእቲ ርእሲ ስለ ዝነበራ፡ ገለ ኣካላታ ለሚሱ እግራ ድሮፕ ኮይና ምእዛዝ ኣብያታ ነይራ። ኣነ ግን ሽዑ ኮተቴ ስለ ዝነበረኩ ክኸውን ይኽእል፡ ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ ናይ ምዝራብን ምንቅስቓስ ኣካላይን ተመሊሱ፡ ክዛረብን ክጽሕፍን ኪኢለ። ሓንቲ ዓይነይ ግን ከም ኩሎም ኣካላቶም ዘወፈዩ ተጋደልቲ፡ ንሓዋሩ ተሰዊኣ።

**◆ ሳጓ ኣይሰማዕናልካን። ነይሩካዶ'ኺ?**

ነይሩኒ። ኣብ ሜዳ "ብኣርኣያ በላይ" እዮም ዝጽውዕኒ ነይሮም። እዛ 'ኣርኣያ በላይ' እትብላ ሳጓ፡ ገለ ተጋደልቲ ብግጉይ መገዲ ይትርጉምዋ'ዮም። ንዝኾነ ተዛራባይ ሰብ 'ኣርኣያ በላይ' ዝብል ስም የጥብቕሉ። ንዓይ ዝወጸትኒ ግን ቅድሚ ኣብ ንጥፈታት ባህሊ ምጽንባረይ፡ ገና ኣብ ታዕሊም ብሌቓት ምስ ጀመርኩ'የ። ሽዑ "መሪሕ" እትብል ልሳን ህዝባዊ ግንባር ተሪፉ፡ ብ"ፍጻሜታት" እትብሃል ተቐይራ። ኣነ ኣብ ታዕሊም ብሌቓት፡ ኣብ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ብፍቓድ ዓበይቲ መማህራንና ተጋደልቲ ሓይልኣብ፡ ሓሰንን ፎዝያ ሓሸምን ኣንቢብ ይብሃል ስለ ዝነበርኩ፡ ኣነ የንብብ፡ ንሳቶም ድማ ይገልጹ ነይሮም። በዚ ድማ ደቂ ኮርስና ለሚዶምኒ ነይሮም። ሓደ መዓልቲ ኩሉ ተዓላማይ ብሌቓት፡ "ፍጻመታት ክንበበሉ ይተኣከብ" ተባሂሉ ተኣኪቡ። ሽዑ እቶም ሓለፍቲ፡ "መን የንብበልኩም" ኢሎም ሓቲቶም። ሽዑ ኩሉ ተዓላማይ ናይ'ቲ መዓስከር "ሳሙኤል" ብምባል ንዓይ መሪጹ። ኣነ ድማ ከነብብ ቅድሚት ወጺአ፡ ካብ ቀደመይ ኣብ ራድዮ ኣስመራ ናይ ብዓል ኣርኣያ በላይ፡ ጽሂየ ተወልደ ድምጺ፡ በታ ገዛፍ ራድዮ ገዛና እስምዖ

ነይረ’የ። እቲ ካብኡም ዝወረስክዎ፡ ናይ ኣናብባ ቅዲ፡ ኣብቶም እኩባት ደቂ ታዕሊመይ ደጊመዮ። ሽዑ ኩሎም “ኣታ እዚ ድኣ ‘ኣርኣያ በላይ’ እንድዩ” ኢሎም ነታ ሳዓ ኣዋዓዊያማ። ኣብ ባህሊ ምስ ኣተኹ ማለት መራሕ መደብ ምስ ኮንኩ ድማ፡ እታ ሳዓ ሃጢራትሎም፡ ‘ኣርኣያ በላይ’ ትብል ሳዓ ክሳብ ናጽነት ካልኣይቲ ስመይ ኮይና ቀጺላ። ድሒሩ ግን ኩሉ ሰብ ኣብ ራድዮ ድምጺ ሓፋሽ፡ ነታ መበቖል ስመይ ስለ ዝፈለጣ፡ ናብ መበቈል ስመይ ሳሙኤል ገብረኣዶናይ ተመሊሰ። ብርግጽ ድማ ካብ ብስም ካልኦት ብስምካ ክትጽዋዕ’ዩ ንቡርን ክቡርን።

**◆ ዝንባለ ሞያ ስነ-ጥበብ ብኸመይ ሰሪጹካ? ኣብኡ ዝነበረካ ተሳታፍነትን ኣበርክቶንከ ከመይ ነይሩ?**

ኣብ ስነ-ጥበብ እየ ዓብየ ክብል እደፍር። ኣብታ ናይ ስነ-ጥበብ ከተማ ደቀምሓረ’የ ተወሊደ። እቶም ናይ 60ታት ኣያታትና ዘይሓልፍ ክብርታትን ስነ-ጥበብን ኣውሪሶምና’ዮም። ኣንበብቲ መጻሕፍቲ’ዮም ነይሮም። ኣነ ኸኣ ገና ቀዳማይ ክፍሊ ክጅምር ከለኹ’የ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ብግእዝ ዳዊት፡ ብዙሕ ናይ ታሪኽን ናይ ልቢ ወለዳት መጻሕፍትን ኣንቢበ። ምኽንያቱ እቶም ካባይ ዝዓብዩ ኣሕዋተይ ብዙሕ መጻሕፍቲ’ዮም ኣብ ገዛና ዘምጽኡ ነይሮም። ኣዝየ ዝፈትዋ ክብርቲ ነፍስሄር ወላዲተይ ዘውዲ ረታ፡ ከምኡ’ውን ኣዲኣ ዓባየይ ኲልድሃብ ሃይለሚካኤልን ንፉዓት ነገርቲ ጽዋ’የን ነይረን። ናይ ሚለኑ፡ ዝንግባባ ስዮማይ ጽውጽዋያት፡ ብመሳጢ ኣዘናትዋ ካብኣን እሰምዖ ነይረ። ክሳብ ናይ “ኣላዲን ኤንድ ዘ ላምብ”፡ ናይ’ቶም 40 ከተርትን ካልኦት ዓለማውያን ጽውጽዋያትን ይነግራና ነይረን። ስለዚ እዚ ኣብ ኣበርክቶ ኣብ ጽልዋ ስነ-ጥበብ ዓቢ ግደ ነይርዎ። ኣብ ታዕሊም ምስ ኣተኹ ግጥሚ ክኢለ፡ ኣብ ዓውዲ ድራማ ተሳቲፈ ምውሳእ ጀሚረ። ድሒረ መራሕ መደብ ኮይነ ድርሰት ክደርስን ንደርፍታት ዝኸውን ግጥሚ ከውጽእን ዜማ ክቕንን ጀሚረ። እዚ ክሳብ ሎሚ ኣይተቛረጸን፡ ይቕጽል ኣሎ።

**◆ ኣብ ሜዳ ካብ ዝረኸብካዮ ሞያን ተሞክሮን ብፍሉይ እንታይ ምገለጽካልና።**

ከም ሞያ ኣፍቃሪ ሃገር ኮይነ ወጺአ። ምጥማይ፡ ምዕራቕ፡ ነዊሕ ብእግሪ ምጒዓዝ፡ ዋላ ዝኸበደ እንተ ኸበደን ክንዲ ዝመረረ ይምረርን፡ ምጽናዕን ምጽማም ፈሊጠ። ተኾስን ጨመተን ከም ሞያ ዝውሰድ እንተ ኾይኑ፡ ውግእ ፈሊጠ፡ ጠበናጁ ተማሂረ። ሳላ ብጾተይ ድማ ናብራ ሂወትን ኣካይድኡን ፈሊጠ፡ ብዓቢኡ ድማ ናይ ጥበብ ሰብ ኮይነ።

**◆ ኣብ ሜዳ ዝፈሪ ዝነበረ ጥበባዊ ስርሓት ከመይ ትገልጾ?**

ካብ ልብን ኣእምሮን ይፈልቕ ስለ ዝነበረ፡ ፍቕርን ተስፋን ዝተመልአ’ዩ። በዚ ምኽንያት ከኣ ዘደንቕ፡ ዘይርሳዕ ወትሩ ዝደጋገም፡ ፍሉይ ዝኾነ ስነጥበባዊ ብቕዓት ነይርዎ። ካብ ሓደ ርእሲ ወይ ውሑድ ዓቕሚ ይብገስ ስለ ዘይነበረ፡ ብኹሉ ኣባል ዝእረም፡ ዝግምገም ብምንባሩ ብሉጽ ስርሓት ክወጽእ በቒዑ’ዩ።

**◆ ከም ኣናውነስር ወይ ‘ሆስት’ ኴንካ መድረኽ ክትመርሕ፡ ክሳዕ ክንደይ ከቢድ’ዩ?**

መራሕ መደብ ንኹሉ ተዓዛቢ፡ ነቲ ተቐሪብሉ ዘሎ ጥበባዊ ዕዮታት ብሃረርታን ብዓቕልን ንኽርእዮን ንኽስተማቅሮን ዝድርኽ ሞያ’ዩ። መራሕ መደብ፡ ተዓዛቢ ነቲ ምርኢት ክግደሰሉ ብጥበባዊ ኣገባብ የወዓውዕ፡ የስሕቕ፡ የተክዝን የንብዕን። ንኹሎም ኣዳለውቲ ስነ-ጥበብ ድማ የላሊ። ነቲ ልዕሊ ክልተ ሰዓት ዝወስድ መደብ ብሓጺር፡ ብዝተጸምቀ መገድን ኣገላልጻን ንተዓዘብቲ የረድእ። ሰብ ከይስልችዎ ኸኣ የዘናግዕ። ንድኻማት እታ ጉጅለ ይሽፍን። ኣብቲ ምርኢት ጋግ ከይህሉ ይዓብስ። ስለዚ መራሕ መደብ ከም ሞያ ኣገዳስን ተራኡ ዓብዩን እዩ። ሕጂ ግን እዚ ሞያ እናተገለለ፡ እናተገድፈን ብዘይ ሰብ ሞያ እናተተክአን ይኸይድ ኣሎ። እዚ ከም ጥበብ ክሰርሓሉን ንፈለግ ሜዳ ተኸቲልና ከነሐይሎ’ዩ ዝግብኣና። መድረኽ ምምራሕ ኣብ ፈለማ ከቢድ’ዩ። ድሓር ድማ ንነቐፌታ ዝተቓልዐ’ዩ። ብፍላይ እታ ጉጅለ ምድንጓይ ምስ ዘጋጥማ፡ ኤለክትሪክ ምስ ዝጠፍኣ፡ መሳርሒ ምስ ዝበላሸዋ ኩሉ እቲ ኣደራዕ ናብ መራሕ መደብ’ዩ ዝወርድ። “ዝገበርካ ጌርካ ሸፍኖ፡ ዋላ ዝመሰለካ ተዛረብ” ይብሃል። ካብ ነቐፌታ ግን ዘድሕኖ የልቦን። ስለዚ መራሕ መደብ ምኳን ልዑል ነብሰ-ምትእምማንን ዝሓትትን ዓብዩ ሓላፍነት ዘሰክምን ሞያ’ዩ።

**◆ ንመስሓቒ ክኾነና፡ መድረኽ ኣብ ምምራሕ ዘጋጠመካ ብደሆታት እንተሃልዩ**

ኣብ ሜዳ ገረግር ኣብ ዝተባህለ ቦታ፡ ኣብቲ ግንባር ንዘዓረዳ በራጊድ ምርኢት ነርኢ ኣብ ዝነበርናሉ እዋን፡ ናይ ብሄረ ኩናማ እትደርፍ ዝነበረት ብጸይትና ክትደርፍ ከላ፡ ጎሮርኣ ልኽት ልኽት ኢሉ። ሽዑ ወዮም ዝዕዘቡ ዝነበሩ ሓይልታት ከላግጹ ፊስካ ገይሮም። “ትደገም ትደገም” ኢሎም፡ ሓላፊና ገብረሂወት



ዓንደ (ወዲ ዓንደ) ተሓጕሱ “ድግምሎም” “ክንደግመልኩም ኢና” በሎም ኢሉኒ። ኣነ’ውን ተሓጕሰ ነታ ደርፌ ክትድገም ምኽና ክገልጽ እትው ክብል ከለኹ፡ ስዉእ በረኸት ኣቡሓዲድ “ኣንታ ከላግጹ’ዮም ትደግም ዝብሉ ዘለዉ” ምስ በለኒ፡ ንወዲ ዓንደ ነጊረዮ። ወዲ ዓንደ ሓሪቑ፡ “ጌጋ ኣይትግበሩ፡ ኣይትላገጹ በሎም” ኢሉኒ። እናስሓቕኩ “ስምዑ ብጾት፡ ሓንቲ ፋሉል ወዲ ዓከር፡ ብዘይፍቃድ ናብ ጎርሮ ደራፊትና ኣትያ ስለ ዝሓነቐታ፡ ማርገሪን ወይ ጸባ ትደሊ ኣላ” ምስ በልክዎም ስሒቖም። ግን ከኣ ንሕና እንዳ ቑጠባ ምኽንና ፈሊጦም፡ “ጸባ ይኹን ማርገሪን ምሳኹም ስለ ዘሎ ሃብዋ” ኢሎምና። ከይነውሓና ደኣም’ምበር፡ ከምዝን ካልእን ብዙሕ ዝኽሪ’ዩ ዘለኒ።

**◆ ናብ ናይ ጋዜጠኝነት ሞያኻ ክንሰግር። ተመክሮኻ ኣብ ድምጺ ሓፋሽን ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራን ከመይ’ዩ?**

ጋዜጠኝነት ድሕሪ ናጽነት ኣብ መወዳእታ 1991 እየ ኣትየዮ። ኣባል ራድዮ ድምጺ ሓፋሽ ከኣ ኮይነ። ሞያታት ባህልን ዜናን ይመሳሰል’ዩ። ብፍላይ ኣነ መራሕ መደብ ስለ ዝነበርኩ፡ ጠቒሙኒ’ዩ። ቀልጢፈ ከንብብን መደብ ክዳሉን ጀሚረ። ብሕልፊ ዘዘናግዑ መደባት ከም “ዘሪጋ”፡ “ኣይተ ዛርቄን”፡ “ወዲሓይልንችኤል”፡ “መድረኽ ንባህሊ”፡ “ማህደር ተጋድሎና”፡ “ሰግለለት ያታ”፡ “ምስላ ቀዳሞት” ኣዳልየ፡ ኣንቢበ። ኮታ ኣመና ብዙሕ’ዩ፡ ኣብ ምድላው ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ’ውን፡ ከም ምክትል ኣሰናዳኢ ኮይነ ሰሪሐ። ዓምድታት “ዕላል ምስ ታሪኽ”ን “ዛራ ያታ”ን ከኣ ኣዳልየን ኣሰናዲአን።

**◆ ኣብ ካልኦት ጋዜጣታትን መጽሔታትን እውን ኣበርክቶ ነይሩካ’ዩ።**

ሓቅኻ። ኣብ ጋዜጣ ትርግታ፡ “ንኣንፈይ” እትብል ኣዘናጋዒት ጽሕፍቲ ብተኸታተሊ ኣቕርብ ነይረ። ኣብ መጽሔት “መስትያት” ድማ ናይ ድምጻዊ ዑቕባጋብር ዛንታት ጽሒፈ። ኣብ መጽሔት “ሕውየት” ምስ ድምጻዊ የማነ ገብረሚካኤል ዝገበርክዎ ቃለ መጠይቕ ኣቕሪበ። ብምኽንያት መስዋእቲ ድምጻዊ የማነ፡ ጸሊም ኾኮብ ኣብ እትብል ፍይ ሕታም መጽሔት፡ ሓደ ካብቶም ኣዳለውትን ጸሓፍትን ነይረ። “ቈፎ” እትብል ቡክለት ኣዳልየ፡ ኣብተን ብተኸታተሊ ዝወጻ “ደጀን ፈንቕል”ን ካልኦት ቅጽታት ዝኽሪ ገድልን እውን ሓያሎ ጽሑፋት ኣበርኪተ።

**◆ ብፈላሚ ስርሓትካ ኣብ ምውሳእን ድርሰትን ጀሚርካ፡ ሓፈሻዊ ኣበርክቶኻ ኣብ ስነጥበብ ክተገልጸልና**

ሕጻንነተይን ቍልዕነተይን ብሃይማኖት ዝተጸልወ’ዩ ነይሩ። ኣብ ትሕቲ ጽላል ኦርቶዶክሳዊት ቤተ-ክርስትያን፡ ከምዚ ትምህርቲ ሰንበት ዓይነት ናይ ቈልዑን መንእሰያትን ማሕበር ነይሩና። ኣብኡ ኣብ መዝሙርን ኣብ ድራማን እሳተፍ ነይረ። እታ ቀዳመይቲ ዝተዋስእክዋ ድራማ ከም ቅዱስ ገብረኤል፡ ንቅድስቲ ኣዴና ድንግል ማርያም ከም ኣበሳሪ ኮይነ ዝዓየኽዋ እያ። እታ ናይ ፈለማ ድርሰተይ ክብላ ዝኽእል ከኣ፡ ሻድሻይ ክፍሊ እንከለኹ ተመስገን ዝስሙ መምህርና፡ ክርክር ክንገብር ዕዮ ይህበና። ኣርእስቲ ናይቲ ክርክር ድማ ብድረቑ “ደቂ ተባዕትዮ ዶ ይበልጹ፡ ደቂ ኣንስትዮ፧” ዝብል’ዩ ነይሩ። ኩልኻ ነንጸታኻ ኢኻ ተድንቕ፤ ብዛዕባ ጸታኻ ኢኻ ትዛረብ። ኣነ ግን “ደቂ ኣንስትዮ ይበልጻ” ኢለ ምስ’ተን ደቂ ኣንስትዮ ተጸምቢረ። እቲ ዘቕረብክዎ ሓቅታትን እቲ ኣብ ግዳም ወጺእካ ብርእሰ-ምትእምማን ምዝራብን ኣዐዊቱኒ፤ ንሕና ስዒርና። እቲ ክትዕ ብኣምሓርኛ’ዩ ነይሩ። በዚ ኣጋጣሚ ኣብ ቋንቋ ኣምሓርኛ ድሓን’የ፡ ዝያዳ ከሐይሎ’ሞ፡ ብዛዕባ ቃልስና፡ ታሪኽና፡ ክብርታትናን ባህልናን ጎረባብትና ከም ዝፈልጡ ኣብ ምግባር እጃመይ ከበርክት ሓሳብ ኣለኒ።



ድሕሪ ምስላፈይ ኣብ ፈለማ እግረይ ኣብ ብሌቓት ንብረታዊ ገድሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝገልጽ ድራማ ደሪሰን ተዋሲአን። ኣብ ጉጅለ ባህሊ ቁጠባ ንሕሉፍ ታሪኻት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ንስደት ዝገልጻን ምስ ብጾተይ ብምትሕብባር ኣብ ምድራስን ምውሳእን ኣበርኪተ። ኣብ ሓይልታት ኣብ ዝነበርክሉ ናይ ቦጦሎኒ ድራማታት፡ ግጥምታት፡ ህደማ ደርፍታት ደሪሰ ... ብዙሕ’ዩ። ገሊኡ ክሳዕ ሕጂ ብጾተይ እዝክርዎ ኣለዉ። ኣብ ጉጅለ ክፍለ ሰራዊት 61 ብዙሕ ኣይኮነን፡ ግን ንእስ ዝበለ ድራማን ብዙሕ ግጥምታትን ኣቕሪበ። ኣብቲ ዑደት ንኸደሉ ዝነበርና ቦታ፡ ናይ ህዝብን ተጋደልትን ምትብባዕን ሽልማትን ኣይተፈልየንን።

እትው ምስ በልና ብተበግሶይ ማሕበር ትያትር ሻም እትብል ናይ ተጋደልቲ ማሕበር ምስ ብጾተይ ኣባላት ባህሊ መስሪተ። ነታ ብክ/ሰ 96 ዝጀመረት ናይ ሓርበኛ “ራእሲ ተሰማ” ድራማ ኣመሓይሸ፡ ኣብኣ ድማ ተዋሲአ። “ንጉሰ” ኣብ እትብል ሙዚቃዊት ድራማ ድማ ተዋሲአ። ኣብ ራድዮ ድምጺ ሓፋሽ ኣብ “ወይዘሮ ትዕበ”ን ካልኦት ተኸታተልቲ ድራማታትን ተዋሲአ። ከምኡ’ውን ኣብ



ከም ብዓል “ከፈኡኩምዶ?” እትብል ሽልማት ራይሞክ ዝረኸበት ያታዊት ኮመድን ካልኦትን ተዋሲአ። ብተወሳኺ ብርኪት ዝበሉ ኮመዲታት ደሪሰን ኣለየን።

ኣብ ህዝባዊ ካርኒቫል መበገሲት ዝኾነት፡ ምስሊ መግዛእቲ እትገልጽ፡ “ጽንዓት” ዘርእስታ፡ ናይ ኩለን ምምሕዳራት ህዝቢ ዝተሳተፋ ካርኒቫላዊት ምርኢት ደሪሰ። ዝኸሪ ሰማእታት 20 ሰነ ካብ ዝፍልም ኣትሒዘ ኣቋሪጸ ኣይፈልጥን። ኣብኡ ብኣካል እናቐረብኩ፡ ሓያሎ ንጀጋኑ ስወኣትን ዘዘክሩን ንህልዋት ዝገንሑን ሓያሎ ግጥምታት ኣቕሪበ። ኣብ ድምጺ ሓፋሽን ኤሪቲቪን ዝተፈነዉ በርኪት ዝበሉ ግጥምታት ኣቕሪበ። “እንጐይ ይብሉ ኣለዉ” እትብል ግጥሚ ክሳብ ሕጂ ተዘካሪት'ያ።

“ዘሪጋ” ሓንቲ ገናሒት ኮመድያዊት ናይ ራድዮ መደብ'ያ። ብዙሕ ተኸታታልን ፈታውን ነይርዋ። ብምኽንያት እዛ ኮሜዲ ብዙሓት ሰባት “ዘሪጋ” ዝብል ስም ወጺእዎም ኣሎ። “ሰግለለት ያታ” “መድረኽ ጀጋኑና” ድማ ኣብ ድምጺ ሓፋሽ፡ ብዙሕ ሰዓቢ ነይርወን። ኣብ ራድዮ ድምጺ ሓፋሽ ብተወሳኺ ሓያሎ መጻሕፍቲ ኣንቢበ ኣለኹ። መግዛእቲ ሲኖራን ወዲ ሓደራን ሰብ ፈትይወን፤ ንመግዛእቲ ሲኖራ ዝሰምዐ ምሕላፍ መገዲ'ዩ ዝኸልኣኒ።

**◆ ኣብ ዩቱብ'ውን ኣበርክቶ ትገብር ኢኺ**

ብርግጽ። ኣብ መኸተ ኣንጻር ዓመጽቲ ድምጸይ ከስምዕ ብዘሎኒ ዓቕሚ ንሃገረይ፡ መንግስተይን ህዝበይን ልሳን ክኸውን ጽዒረ። ዝተዓወትኩሉ እመስለኒ። ሕጂ ድማ “ሳሚንኣ ኢንተርተይመንት” እትብል ናተይ ናይ ዩትዩብ ቻነል መስሪተ ኣለኹ። ግዱሳት ክበጽሓዋን ክድግፍዋን ድማ ጸውዒት ኣቕርብ።

**◆ ብዛዕባ ግጥሚ እንታይ ትብለና? ንግጥሚ ከመይ ኢኺ ትገልጾ?**

ግጥሚ ናይ ውዕውዕ ስምዒትካ መግለጺ'ዩ። ኣብ ኩሉ መዳያት ንዘለካ ኣመለኻኽታ ንዓኻን ንሰማዕን ብዝተንከፍ ዓሚቕ ቃላትን ኣገላልጻን፡ መልእኽቲ ተመሓላልፈሉ ዓውዲ ጥበብ'ዩ። ኣነ ነቲ ብያታ ዝዘውተር ናይ ወለድና ማሰን መልቀስንየ ዘድንቕ። ከምቲ ሽሮ፡ ዝግኒ፡ ጥሕሎ፡ ሜስ፡ ስዋ፡ ወዘተ. ናትና ናይ ኣመጋግባ ቅዲ ዘለና፡ ብወለድና ዝጸንሐ ናትና እንብሎ ኣውሎ፡ ማሰ፡ መልቀስ ኣሎ። እዚ ንዘመናት እናምሃረ፡ እናስተንተነን እናዘናግዐን ነቲ ሕብረተሰብ ጓሲይዎ'ዩ። ያታዊ ግጥሚ ዝበዝሕ 8 ወይ ካብኡ ዝበዝሐ ቤት'ዩ ዘለዎ። ኣነ ነቲ ዘመን ዘምጽኦ ቅርጥው ቅዲ ማለት ናይ 4 እስታንዛ ረምታን፡ ምስቲ ብዙሕ ዝእስታንዝኡ ብወለድና ዝተመሓላለፈልና ትውፊትን ኣሕቢረየ ዝሰርሕ።

**◆ ንኸትጽሕፍ ዝምሸወካ ግዜ፡ ቦታ፡ ኩነታትን ካልእን ክትገልጽልና**

ግጥሚ ብውዕውዕ ውሽጣዊ ድርኺት ዝፈልቕ ኣካል ስነ -ጽሑፍ'ዩ። ንግጥሚ ዘፍልቕ፡ ዝድርኽ ኣጋጣሚ ክህሉ ኣገዳሲ'ዩ። ዘሕዝን ወይ ዘሕጉስ ፍጻመ፡ ዘርምም ዛንታ፡ ዘደንጹ ክእለት፡ ኮታ ንኣእምሮኻ ጽሓፍ ጽሓፍ ዝብሎ ሓቅታት፡ ኣብ ሕልናኻ ክኹደም ኣለዎ። ኣነ ውሉድ ህዝቢ ኤርትራ'የ። ካብኡ ናብኡ ድማ ኣብ ገድሊ ተሰሊፈ። ብዙሓት ብጾተይ ኣብ ቅድሚ ዓይነይ ክስውኡ ርእየ። ክብደት ውግእ ብጥልቀት ዝርድኣኒ ሰብ'የ። ጽሓፍ እንተ ኢልካኒ ብዛዕባ ሓደ ንፍቕሪ ወዲ ተባዕታይን ጓል ኣንስተይትን ዝቐኻዝም ግጥሚ ክጽሕፍ ድርኺተይ ውሑድ'ዩ። እቲ ዝዓበኹሉ ዝበዝሐ መኸተን መስዋእተነትን ዝርኣኹሉ ሰናርዮ ወይ ምርኢት ይዕብለለኒ። ስለዚ መንፈስካ ዝተቐበሎ፡ ሓቂ ኢሉ ዝኣምኖ ኢኻ ተቕርብ። ሽዑ ቦታ፡ ግዜ፡ ኩነት መመኽንይታ'ዩ። ነቲ ከቢድ ማዕሙቕ ሕልናኻ ዝስዕር ቅንየት፡ ሕርየት ቦታ፡ ግዜን ዋጭ ዋጭን ኣገዳሲ ኣይኮነን። ኣብ ዝኾነን ብዝኾነን ክትሰርሖ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ዝተረጋገግኣ እዋን ግን፡ እዋን ወጋሕታ ይብርሃኒ።

**◆ ብግጥሚ እንታይ ትገብር?**

ብግጥሚ ብዙሕ ነገራት ክትገብር ትኽእል ኢኻ። ኣነ ምስ ኩሎም ናይ ስነ ጥበብ መሳርሕተይ ዘልዕሎ ሕቶ እዚ'ዩ። ግጥሚ ኣብ ህዝብና መዋእላት ዝጸንሐ ተፈታዊ ዓውዲ ጥበብ'ዩ። ብዙሕ ሰሪሕናሉ ክብል ኣይክእልንየ። ኣብ ዝድላይና ክንሽሹዕዕ እንኽእል ዓቕሚ ዘለዎ ውህቡቶ ጥበብ'ዩ። ኣነ ብግጥሚ ኦፔራ ሰሪሐ፤ “ኢታይ ጀመር” ሓንቲ ካብኣተን'ያ። ካብ ተዓዛቢ ኣድናቖት ረኺበ። እዛ ዕዮ ብፊልም ብደረቕ ድራማ ተፈቲና ኣይተዓወተትን። ብግጥማዊ ኣነዳድቓ ብኦፔራ ምስ ተሰርሐት ግን ሰብ ፈትይዋ። “ሃንስ ወዲ ዞሞ” እትብል ሙዚቃዊት ድራማ ናተይ ስርሓት'ያ። እዚኣ'ውን ዕዉትቲ ነይራ ክብል ይኽእል።

ኣብዚ ቀረባ ኣዋርሕ ዝተራእየት ብዙሓት ተዋሳእቲ ግጥሚ ኣጽኒዖም ዝዓየይዋ “ባሕሪ ፍቕሪ” ዘርእስታ ጥበባዊ ስርሓት፡ ብፍልይ ዝበለ ቅዲ ዝተዓየተ’ያ። ኮታ ብግጥምታተይ “በትሪ ባካልሽን”፡ “ጋይም” እትብል ሞናልጋዊት ስርሓት ኤፍረም ወዲ ኺዳ ኣልይዎን ኣጸባቢቕዎን፡ ንተዓዛብይ መሲጣ።

ስለዚ ግጥሚ ኣብ ድራማ ብመልክዕ ሞኖልግ፡ ብኦፔራ ብሙዚቃዊ ድራማ ኣብ ደርፊ ተሰኺዑ ዝደለኻዮ መልእኽቲ ከተመሓላልፈሉ ትኽእል ዓውዲ’ዩ። ኮታ ግጥሚ ከም ደርፊ ቀስቃሲ፡ ነስናሲ፡ ኣብ መኸተ ይኹን ማሕበራዊ ንጥፈት ወትሩ ዝዝከር ዓውዲ ኢዩ። እዚ ካብ ኣፍ ንኣፍ ዝዝንቶ ዘሎ ኣፍኣዊ ታሪኽ’ውን እኮ ዝበዝሕ ማሰን መልቀስን’ዩ። ንምንታይ እንተ ኢልካኒ፡ ሰብ ስለ ዝፈትዎ፡ ዘፍቕሮን ካብኡ ስለ ዝምሃርን’ዩ። ተዘካሪ፡ መሃርን ኣስተንታንን ስለ ዝኾነ፡ስለዚ ዝያዳ ክንደፍኣሉን ፍሉይ ኣተኩሮ ክንብረሉን ኣለና።

**◆ ካብቲ ኣመና ብዙሕ ግጥምታትካ፡ ብፍሉይ ካብ ዝዝከራ ክልተ ሰለስተ ክትጠቕሰልና**

ኣብ ኣፍዓበት ኣብ መበል 25 ዓመት ምድምሳስ ናደው እዝ ዘቕረብክዋ “ብጾተይ” እትብል ብዙሕ ሰብ ክሳብ ሎሚ እዝክራ ኣሎ። “ሳሕል” እትብል ኣብ መበል 30 ዓመት ምድምሳስ ውቃው እዝ ዝቐረበት ግጥሚ ከምኡ’ውን ኣብ ዝኸሪ 20 ሰነ 1993 ኣብ ዓዲ ሓውሻ ዘቕረብክዋ “እሕሕ” ንበል እትብል ግጥሚ ካብተን ብፍሉይ ዝዝክረንን ብተዓዘብቲ ዝዝከራንየን።

**◆ ኣብ ግጥምታትካ ዘሎካ ትዕዝብትን ኣመለኻኽታን ከመይ እዩ? ገሊኦም ግጥምታትካ ነዋሕቲዮም ...**

ከምዚ ዝበልካዮ ነዋሕቲ ኣለዉኒ፡ ሓጸርቲ ግጥምታት’ውን ኣለዉኒ። መቸም ጸቢብ ይኹን ገፊሕ ድኳን ዝቐርብካዮ ንበረት ውሑድ ይኹን ብዙሕ ዓማዊልካ ዘይገዝኡልካ እንተ ድኣ ኾይኖም ጠቕሚ የብሉን። ኣነ ድማ ንስነ-ጥበብ ምስ ከምዚ ዝበለ ሓሳብ ኣነጻጺረ’የ ዝርእዮ። ጥበብ ካብ ሓፋሽ’ዩ ዝግለል፡ ተመሊስካ ድማ ናብ ጋብላ ሓፋሽ ኢኻ ተዕርቖ። ሓፋሽ እንዝይ ሰሚዑካን እንተዘይ ተዓዚቡካን ከም ነጋዳይ፡ ዝገዝኣሉ ምስ ስኣነ ዝጥፍሽ ድኳንኳ ትዓጹ። ስነጥበብ ድማ ከምኡ ስዓቢ እንተ ዘይብልካ ነዚ ሞያ ክትገድፎ ክተንሳሕበንዩ ዘለካ። ስለዚ እቲ ኣነ ኣብ ጽምብላት ዘቕርቦ ግጥምታተይ ሓቂ’ዩ ዝበዝሕ ነዋሕቲ’ዩ፤ ኣብ 20 ሰነ ይኹን ናጽነት ካልእ ሃገራዊ ጽምብላት፡ ኣብ ማሕበራት ተጋደልቲ ዘቕርቦ ግጥምታተይ ይሰማዕ’ዩ። ነናናሻዕ’ውን ይዕድመሉ’የ። ሰባት ብግጥምታተይ ክምስጡ፡ ክኑብዑ፡ ክትክዙ፡ ክስሕቑ፡ ወጺኦም መግለጺ ደገፎም “ዓሸ” ክብሉ ክርኢ እንክለኹ ሓበን እስመዓኒ’ዩ። ህዝብን ላዕለዎት ሓለፍትን የተባብዑኒ’ዮም። ኣነ ነቲ ዝበዝሕ’የ ዝርኢ፡ በዚ ገምጋም ድማ ኣነ ካብ 3 ክሳብ 8 ደቓይቕ ዝበጽሕ ግጥሚ ቀጺለዮን እቕጽሎን ኣለኹ። ከምቲ ንዝኽፈትካዮ ንግዳዊ ቤት ኩሉ ዓሚል ዘይፈትዎን ዘይደልዮን፡ ነዊሕ ግጥሚ ዓቐሎም ዘጽብብሉ ወይ “ኮፍ ብድድ” ክብሉ ዝደልዩ ይህልዉ’ዮም። ብቐረባ ዘኽብርዎም ኣብ ልዕለይ ተገዳስነት ዘለዎም’ውን ኣብ ገለ እዋን ግጥመይ ከሕጽር ይሕብሩኒ’ዮም። ስለዚ ነቲ ገለ ክፋል ስዓብተይን ኣኽበርተይን ዝብሉኒ ሰሚዐ ሓያሎ ሓጸርቲ ግጥምታት ገይረን እገብርን ኣለኹ። ወትሩ ብኹሉ ኣኻእሎ ክሕደስ ከኣ’የ ዝደሊ።

**◆ ብሕልፊ ኑቶም ነዋሕቲ ግጥታትካ ብኸመይ ኢኻ ኣብ ኣእምሮኻ ትሕዞም?**

ካባይ ስለ ዝበቕልን ናተይ ድርሰት ስለዝኾነን ኑብሰይ ተለልዮ’ያ። ስለዚ ዋላ ይንዋሕ ንኽጽንዖ ስለ ዝቐለኒ ኣይተሸገርኩን። ገሊኡ ግን ብድምጺ ኣብ ስቱድዮ መሊአ ኣብ መድረኽ ዘቕርቦ’ዩ።

**◆ ዛጊት ክንደይ ዝቕጽሮም ግጥምታት ጽሒፍካ ኣለኻ?**

ኣዝዩ ብዙሑ’ዩ። ልዕሊ ሽሕ ይበጽሕ’ዩ። ልክዕ ቁጽሩ ክነግረካ እንተ ኾይኑ፡ ምስ ሰነድ ግጥምታታተይ ምጽብጻብ ከድልየኒ’ዩ።

**◆ ብዛዕባ ናይ ደርፊ ግጥምታትካ**

ብዙሓት ናይ ግጥሚ ደርፍታት ንድምጻውያን ሃገርና ሂበ ኣለኹ። ልዕሊ 100 ኣቢሎም ይበጽሑ’ዮም።

**◆ ገለ ኣብነታትዶ ክትጠቕሰልና**

“ተደናጊረ እምበር” ንድምጻዊ ማዕበል ተስፋገርግሽ፤ “ኢደ ጅግና” ንድምጻዊት ለተኺዳን ነጋሽ፤ “ሰብ ስግር ሩባ” ንድምጻዊት ወይኒ ሰረቀ፤ “ህዝብና” ንድምጻዊ ዳዊት መስፍን፤ “እዞም ጀጋኑና”፡ “ህዝቢ ኤርትራ ኣታ ሽምብረ”፡ “ኣይንፈላለ”፡ “እዚ ቕጽርና ርእዮም ብዋህዱ”፡ “ተስፋ”፡ “ማሚና ኣዴና”፡ “ኣሰር’የ ረኺበ”፡ “ኣርካናት ገድሊ” ብመሰነይታ ጀንደ ንድምጻዊ ተኽለ ክፍለማርያም (ወዲ ተኹል)፤ “ቀጣን ስጋለት”፡ “ኣደራሽ ዓደይ” ንድምጻዊ ሃብቱ ተኽለማርያም፤ “ኮምብሽታቶ” ንድምጻዊ ሙሉጌታ ወዲ ዛግር፤ “ተመስገን”፡



“ተጋዳላይ”፡ “ኣፍሪቃ”፡ “ሊዛ” ንድምጻዊ ተስፋይ ንፈሒራ፤ “ቢዘን ዝዓቐቡ” ንድምጻዊ ብረኸት መንግስትኣብ፤ “መንእሰይ” ንብርኸቲ ዶሞዝ፤ “ጋህዲ ድዩ ናጽነት?” ንድምጻዊት ኣበባ ሃይለ፤ “ናቕፋ” ንድምጻዊት ብርኸቲ ታንኪ፤ “ክሕይሉ” ንድምጻዊ ወዲ ትኹል፤ “ጸገም የለን ብኣገባብ” ኣውሎ ንድምጻዊ ወዲ ገብሩን ኣበራ በየነን፤ “ጸገም የለን ይብል” ብዘመናዊ ደርፊ ንድምጻዊ ኣልኣዛር ጆርን ፊሒራን፤ “ስረ” ንድምጻዊ ኣልኣዛር ጆረ፤ “ደርፊ ዓደይ” ብኣርብዓ ዓበይቲ ድምጻውያን ሃገርና፤ “ልብና” ንድምጻዊት ኤልሳ ኪዳነ፤ “ግዜ” ንድምጻዊ ቃልኣብ፤ “መንእሰይ ጎንበለ” ንድምጻዊ ቃልኣብ፤ “ተዝኾነልኪ” ንድምጻዊ ኢሳያስ ራሻ፤ “ካላሽነይ”፡ “ኤርትራ” ንድምጻዊ ተመስገን ያሬድ፤ “ዓቕልና”፡ “ተጋዳላይ” ንድምጻዊ ኢሳያስ ሃለቃ፤ “እንታይ እዮም ዝብሉና፧” ብድምጻዊ ማእከለ፤ “ደንደን” ድምጻዊ ብሰምሃር ወዲ ዘነን፤ “ተደበሲ”፡ ብድምጻዊት ጓል ኣንከረ፡ “ሓዲሽ ዓመት” ንድምጻዊት ጓል ኣንከረን ኣልኣዛር ጆርን፤ “ማሕላ” ንድምጻዊ ማእከለ”፤ “ኩራዕ ኤርትራዊ”፡ “ኣብ ኢድናዩ ዘሎ”፡ “ሙብጽዓ ስውእ” ንድምጻዊ ረዘነ ኣለም፤ “ኣይ ላሽዩ ኤርትራ”፡ “ሻዕብያ” ንድምጻዊት ሳባ፤ “ኣታ ህዝቢ” ንድምጻዊ ኣበራ በየነ፡ “ቀንዴለይ” ንድምጻዊ ተፎኖ፡



ብዙሕ'ዩ።

**◆ ረባሒ ናይ ግጥምታትካ ኬንካዶ?**

ሕቶኻ ንገንዘብ እንተ ኾይኑ፡ ማዕረ ዝሰራሕክዎ ኣይረኸብኩን። ከም መሸጣ ጤለ-በጊዕ፡ ናይ ደርፊ ግጥምታት ኣለኒ እሞ ትገዝኡለይዶ ኢለ ንድምጻውያን ሓቲተ ኣይፈልጥንየ። ተገዲሰም ንዘመጹኒ'የ ዝገብረሎም። ገለ ደረፍቲ ብፍላይ መንእሰያት ድምጻውያን፡ ‘ሳሙኤል ብዘይካ ናይ ገድሊ ካልእ ኣይገብርን'ዩ’ ብዝብል ሓሳብ ተቓንዮም፡ ናይ ፍቕሪ ይኹን ናይ ካልኦት ማሕበራዊ ኣጋጣሚታት ከም ዝጽሕፍ ኣይሓስቡንን። ቡቲ ኾይኑ ቡቲ ልዕሊ ገንዘብ ቡቲ ዝሰራሕክዎ ጥበባዊ ስርሓት ኣብ ዝልዓለ ጫፍ ዕግበት በጺሐ'የ። ዘተባብዑ፡ ዝድግፉን ዘኽብሩን ዝእርሙን ብዙሓት ሰዓብቲ ኣለዉኒ። እዚኦም ብዙሓት ፈተውቲ ኣጥርየ ኣብ ዓበይቲ ሃገራዊ በዓላት ተዓዲመ ኣቕሪበ፡ ናብ ዝተፈላለየ ሃገራት ገይሸ፡ ኩሉ ነዛ ሃገር ዝፈትውዋ፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝርከቡ ኣፍቀርተይ ኣኽቢሮምኒ። ኣጆኻ ኢሎምኒ፡ ጎኒ ኮይኖምኒ። ስለዚ እዚ እቲ ዝልዓለ ዘይነጽፍ ጺጋዩ ንዓይ፡ በዚ ድማ ረቢሐ።

**◆ ውሽጣዊ ዕግበትካ ኣብ ፍርያትካ**

ቡቲ ዝገበርክዎ ዕጉብ'የ። ክጉብሮ እናተሃቀኹ ዝመኸነ ዘርኢ ፍረ ጥበበይ ግን የጉህየኒ። ንዕድመይ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ነዛ ዓደይ፡ ነዚ ህዝበይ እንታይ ገይረ “ዓኸ እዚ ኩሉ ጽሒፈዮ ዘለኹ እንተ ዝወጽእ ክንደይ ኮን ነዚ ክቡር ሓርበርኛ ህዝቢ፡ ሰራዊቱን መሪሕነቱን መዕገበ፡ ምጠቐመ ኢለ ይጽጽት።

**◆ ገጣሚ ምኳን ተውህቦ ድዩ ወይስ ብጻዕሪ'ውን ይመጽእ'ዩ? ካብ ተመኩሮኻ ክትገልጸልና**

ብኽልቲኡ። ግን እቲ ብተውህቦ ዝመጽእ ይበልጽ፡ ይቕልል ከኣ።

**◆ መለለዪ ባህርያት ገጣሚ**

ገጣማይ ከም ሃይማኖተኛታት ሰበኽቲ፡ ላዕለዎት ኣድራት ፖለቲካ፡



ከም ፈላስፋታት ማሕበራዊ ሂወት ቀላሳይ ሕብረተሰብ'ዩ። ብዝተኻእለ መጠን ጌጋታቱ ዘወሕድ ሰብ ክኸውን ኣለዎ። ገጣማይ፡ ኣነ በሃለይ ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ “ትሕትና ኣደ ግጥሚ'ያ” እቲ ንስምዒት ህዝቡን ንስምዒት ጀጋኑን ኣብ ጥልቀት ማዕሙቑ፡ ርሑቕ ኣትዩ ገሊሉ ዘውጽእ ገጣሚ ውፉይን ሓቀኛን ክኸውን ይግብኦ። ንግጥምታቱ ብሸርፍን ጎንፍን ክሸጦ ኣይግባእን። ኩሉ ስነ-ጥበበኛ ብሕልፊ ኸኣ ገጣሚ፡ ነቲ ክቡር፡ ዝፈጠሮን ዘፍለጦን ህዝቢ፡ ከገልግል፡ ክትሕት፡ ክምቕልል፡ ካብ ኣንነትን ኑበሰኻ ካብ ዘይምፍላጥን ዝመጽእ ትዕቢት ክርሕቕ ይግብኦ። ገጣሚ ንባህልን ያታን ህዝቡ ምስ ዘኽብር፡ ነዚ ምስ ዘገልግል ንሱ ገጣማይ ምዃኑ ክተለልዮ ኣይጽግመካን።

**◆ ክኑታት መርዓን ሓዳርን**

ኣብ 2003 ተመርዕየ፡ ምስ ብዓልቲ ቤተይ ራሄል ወልደኣብን ደቀይ ጆባር፡ ተሃንን ኣባይትን ኣብ ምዉቕ ሓዳር ኣለኹ።

**◆ ዝተሓጎስካሉን ዝጓሃኻሉን ኣጋጣሚ**

ኣብ ናጽነት ብሓንሳብ ተሓጒሰን ጉህየን። እታ ዝተሓጎስኩላ እቲ ን30 ዓመታትት ሰቡ በሪሱ፡ ዓድታት ነዲዱ ተሰዲዱ፡ መኪቱ ተሰዊኡ ናጽነት ዘምጽአ ህዝቢ ኤርትራን ሰራዊቱን እንቋዕ ከምቶም ካልኦት ሰውራታት ጀሚሩ ኣይበርዓነ፡ ዝኸተቶን ዝመከቶን እንቋዕ ብዓወት ተፈጸመ፡ እንቋዕ ማይ ዓኾቱ ኣይተረፈ ኢለ እምባዛ ተሓጒሰ። ሃገረ ኤርትራ ትብሃል ሃገር ተመስሪታ፡ ባንዴራኣ ኣብ ዓለም ኣብ ከተማ ኒውዮርክ ኣምበልበላ። እዚ እቲ ንዓይ ኣመና ዘሐጎሰ ህሞት'ዩ። እቲ ጓሂ ድማ ሸው ንሸው መጺኡኒ።

ናጽነት በዛ 99.8 ብረፈረንደም ተደምዲማ ኩሉ ዘብቅዕ እንተ ኾይኑ ድኣ ንምንታይ እዚ ኹሉ ዓድታት ነዲዱ? ስለምንታይ እዚ ኹሉ ህዝቢ ሞይቱ፡ ተሰዲዱ፡ ተኣሲሩ፡ ተጎሳቝሉ? ንምንታይ ልዕሊ 65 ሽሕ መንእሰይ ተሰዊኡ? ዓለም ኣበይ ነይራ? ፍትሒ ኣበይ ተቐቢራ? ኢለ ኣስተንቲነን ጉህየን።

ኩሎም ስዉኣት፡ ኩሎም ስንኩላን፡ ኩሎም ግዚኦምን ዕድሚኦምን ንናጽነት ዘሕለፉ ዜጋታት እዛ ሃገር ተራእዮምኒ። ሽዑ ንሽዑ እታ ኣብ ረፈረንድም ዘዐወተት ነጥቢ ምስ ተገልጸት፡ ኣብ ስትድዮ ኣትየ ብኡንብኡ ሓንቲ ስምዒተይ ዝተንከፈት ግጥሚ ጽሒፈ ኣንቢበ፡ ኩለ ሰብ'ውን ሰሚዕዋ፡ ኣስተማቒርዋ። ከምቲ ዝተሰምዓኒ ንህዝቢ'ውን ስለ ዝተሰምዓቶ፡ ንእለቱ ናብታ ስቱድዮና ሓንቲ ላም ኣምጺኡልና። ኣብታ ዕለት ሓጎስን ጓህን ብሓንሳብ ኣፋሪቐየን፡ ኣስተማቒረየን።

**◆ ካብ ትዕዝብትኻ ፍሹል ሰብ ከመይ ዝበለ ሰብ'ዩ፡ ዕዉትከ?**

ኣብ ኣእምሮኡ ዘውጠንጥኖ ከይፈጸመ ዝተርፍ'ዩ። ዕዉት ድማ እቲ ንሱ ዝሓሰቦ ዝሕልንን ዝፍጽምን'ዩ።

**◆ ንኸይትሰርሕ ዝዕንቅጹኻ ብኸመይ ትብድሆም?**

ባህ ዝብለኒ ሃውህው፡ ኣብቲ ኣነ ዝፈትዎ ስነ-ጥበብ ብናጽነት ምስራሕ፡ ምብርካት፡ ሓደስቲ ሓሳብ ኣብ ኩሉ መዳይ ምፍላቕ፡ ነዚ ዘተባብዕ ሃዋህው እንተረኺበ ይሕጎስ፡ ብዘይ ዕረፍቲ ክሰርሕ እደሊ።

ንኸይሰርሕ ዝዕንቅጹኒ ብዙሓት ረቛሒታት'ዮም። እቲ ኮይኑ እቲ ዝዕንቅጸኒ ታኼላ ይሰግሮ፡ ምሕላፍ ንዝኸልኣኒ ማዕጾ ምስ ዝዕጾ መስኮት የናዲ፡ መስኮት ምስ ዝዕጾ፡ ፍንቃቕ ይደሊ፤ ምስ ኑብሰይ ንምዝራብ ርግኣ እብል፤ እድቕስ፡ ማየይ ሰትየ መፍትሒ ይውጥን። ኣብ ሓደ ቦታ ምስ ሓደ ሰብ ኣብ ህልኽ ኣትየ፡ ኣብቲ ህልኽን ሕልኽላኽን ኣይጽመድን'የ። መገዲ ቀይረ ነቲ ዘየስርሕ ይጥንጥኖ፡ ብኻልእ መዳይ ዕዮይ የሰላስል። ምናልባት ኣብዚ ከተግብሮ ዝሓስብ፡ ግዜ ይወስድ ይኸውን። ኣብ መወዳእቱ ግን ኣነየ ዝዕወት። መንገደይ ከምዚ'ዩ።

**◆ ትዕዝብትኻ ኣብ ባህርያትካ**

ክንብር፡ ክሰርሕ በሃሊይ እየ። ኣመና ፈታዊ ሆሆ ኣይኮንኩን፡ ኣመና ፈታዊ ቁምነገር'ውን ኣይኮንኩን። ኣሚነዮ ዝጸናሕኩ ምስ ዝኸድዓኒ፡ ብቕኑዕ ዝሓስብክዎ ምስ ዝቐየረኒ፡ ተኾላፉይ እየ። ይሓርቐየ፡ ይቑጣዕ'የ፡ ብዘይ ምኽንያት ግን ኣይኮነን፤ ግዳ ተመላሳይ ከኣ'የ። ኩሉ ጽቡቕ ከዃንፎ 'ምበር፡ ስለ ዝጸላእክዎ ይጽደፍ፡ ይሙት፡ ዝብል ኣረኣእያ የብለይን። ክእረም'የ ዝደልዮ።

**◆ ትፈትዎ ባህርዩ ሰብ?**

ሃገረይ፡ ህዝበይ ዝብል ምቕሉል፡ ሰራሕተኛ፡ ትጉህን ፈቃርን። ዝጸልኦ ድማ ትዕቢተኛ፡ ብሃብቱ፡ ብስልጣኑ ብትምህርቱ፡ ዝኸበር፤ ከም ጽሕዲ ልደት ንግዚኡ ኣብለጭሊጩ ወዙን ዝናኡ ዝበርስ ምስሉይ እጸልእ።

**◆ ተድንቖም ገጠምቲ**

እቶም ብዙሕ ዘይተዘርበሎም፡ ማሰኛታትን መላቐስትን ሃገርና'ዮም።

**◆ ሓይልኻ ኣብ ምንታይ'ዩ?**


ክፈልጥ፡ ክፍትን ናይ ምባል ሃንቓ ሃንቓ'ዩ። መጀመርታ ጥበብ ፈሪሃ እዝግሄር'ዩ ዝብል ብሂል ወለዲ ይኣምነሉ'የ። እዚ ምንጪ ናይ ኩሉ ኣኻእሎታት'ዩ።

**◆ ድኽመትካኸ?**

ኣብ ሓደ እዋን ብዙሕ ስራሕ ንምዕማም ምሕላን'ዩ።

**◆ ዓወትን ውድቀትን ንዓኻ እንታይ እዩ?**

ዓወት ዝሓሰብካዮ ምትግባር፡ ካብ ቅኑዕ ፈለግ ከይተኣለኻ ንህዝብን ሃገርን ካብኡ ሓሊፉ'ውን ንዓለም ዝጠቅም ዕዮ ምስራሕ'ዩ። ውድቐት ድማ ዝተለምካዮ ከይፈጸምካ፡ ብሕመቕ፡ ብሕማም፡ ኣኻእሎኻ ብምጥፋእ፡ ወይ ካብዛ ዓለም ብሞት ብምስናባት ገይረ'የ ዝወስዶ። ክነውሓካ፡ ዘጸግመካ ዕንቅፋት ክበዝሐ ይኽእል'ዩ፡ ግና ኣብዚ ዓለም ከለኻ ሓሳብካን ውጥንካን ምስ እትትግብር፡



ዝተመረቐካ ሰብ ኢኻ።

**◆ መጸኢ መደብትካ**

ብሳላ ደገፍ ኣብ ኹሉ ጽፍሕታትን ጽላታት እዛ ሃገር ዘለዉ ብጾተይ፡ ሳላ እቲ ኣብ ወሽጥን ወጻእን ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብሳላ እቲ ጽኑዕ ጅግናና ምክልኻልን ኩሎም ሓለፍቱን፡ ናይ ስነ-ጥበበ ዕዮታተይ ኣብ ክብ ዝበለ ደረጃ ከብጽሖ ድርኺት ፈጢሩለይ'ዩ። ሕጂ'ውን ብኹሉ ዓቕመይ ክሰርሕ፡ ኣብ ምህዞን ፈጠራዊ ዕዮታትን ንዝነጥፉ ዜጋታት ደጊፈ፡ ኤርትራ ናይ ምርምር ሃገር ክትከውን እምነ። ብኹሉ ናይ ጥበብ መሳርሒታት ንህዝበይ፡ ንሃገረይ ዝልዓለ እጃመይ ከበርክት፡ ንድሕነታን ክብራን ዝከኣለኒ ክፍጽም፡ ክጽዕት፡ እምነተይ ትምኒተይ'ዩ። ነቲ ስኣን ዓቕሚ ከይተሰርሐ፡ ዝተረፈ ድረሰታተይን ኣብ ሓሳብ ዘለዉ ንድፍታተይን ደጋፊ እንተረኺበ፡ ክቕጽሎ፡ ክተግብሮ'የ ዝብል ኒሕ ሕልናን ኣለኒ። ንኹሉ ዝተገብረለይ ደገፋት ኣዝየ'የ ዘመስግን። ርሑስ ቅንያት ናጽነት ይግበረልና።

*መስፍን ገብረሂወት*

*ግንቦት 2026*

# ኣካዳሚ

ሱራፌል ተ.

## ቅድመ-ታሪኽ ኤርትራ

# ምትእስስሳሩ ምስቲ ዓቢ ስንጭሮ


ካብ ታሪኽ ዝወጽእ ነገር፡ ፍጻሜ፡ ግዜ፡... የለን። ታሪኽ መሰረታዊ መግለጺ ደቂ ሰብ እዩ። ታሪኽ ደቂ ሰብ፡ ኣብ ክልተ ዝመቐሎ ባላ ኣሎዎ፣ ኣብ ቅድመ-ታሪኽን ታሪኽን። ቅድመ-ታሪኽ ዝብሃል ግማዕ፡ ሰብ ናብ ዓለም ካብ ዝተቐልቀለሉ ግዜ ዝጅምር እዩ። እዚ ንዓሰርተታት ኣሽሓት ዓመታት ዝዝርጋሕ ክፋል ታሪኽ ደቂ ሰብ፡ ካብ መሰረት ሰብ ምስናይ ኩሉ ኣብ ፍልቀት ዝማዕበለ ዓሌታት ደቂ ሰብ ዝሓዘ ዛንታ ይጸዊ። እቲ ካልኣይ ግማዕ ከኣ ታሪኽ ጥራይ ተባሂሉ ይጥቀስ። እዚ፡ ካብ 5000 ዓመታት ዝጅምር ኰይኑ፡ ካብቲ ደቂ ሰብ ጽሕፈት ዝመሃዝሉ፡ ዝተፈላለየ ስልጣነታት ካብ ዝተመስረትሉ ግዜ ዝጅምር እዩ። ካብ ዝዓበዩ ምህዘታት ደቂ ሰብ ሓደ ጽሕፈት እዩ። ሰብ ህይወቱ ኣብ ጽሑፍ ከቐምጠሉ ኣብ ካብ ዝጀመረሉ ዘሎ ግዜ፡ 'ታሪኽ' ተባሂሉ ተሰምዩ ኣሎ። ታሪኽ ምስቲ ቀዳማይ ግማዑ፡ ቅድመ-ታሪኽ፡ ክነጻጸር እንከሎ ከኣ ኣዝዩ ዝሓጸረ እዩ። ሃገርና ኤርትራ እትርከቦ ዞባ፡ ኣብ ቅድመ-ታሪኽ ደቂ ሰብ ወሳኒ ቦታ ሒዙ ካብ ዘሎ ቦታታት እዩ። ጂኦግራፍያዊ ከሊ ሃገርና ኣብ ቅድመ-ታሪኽ ኣገዳሲ ቦታታት ሓቝፉ ይርከብ።


ቅድመ-ታሪኽ ኤርትራ ሃገርና ክንዛረብ እንከለና፡ ብቐዳምነት በዚ ሕጂ ኤርትራ ዘሎዋ ፖለቲካዊ ዶባት ከም ዘይንድረት ክፍለጥ ኣሎዎ። ኣብ ቅድመ-ታሪኽ ሃገር ዝብሃል ነይሩ ኢልካ ክዝረብ ስለ ዘይከኣል። ኤርትራ ከም ኩሉን ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ውጽኢት ኤውሮጳዊ መግዛእቲ እያ። ቅድሚኡ ኣብ ዝነበረ ውሱን ዶብ ኣብ ዘየነበረሉ እዋን፡ "ህዝቢ ኤርትራ፡" "ህዝቢ ጁቡቲ፡" ... እናበልና ክንዛረብ ኣይንኽእል ኢና። ብሓፈሻ ግን ኣብ ኤርትራን ከባቢኣን ዝነበረ ታሪኽ'ቲ ህዝቢ ንዛረብ ምህላውና ምግንዛብ የድሊ።

ኣብዛ ኤርትራና ዝተረኽበ ንሓበሬታ ቅድመ-ታሪኽ ኣዝዩ ወሳኒ ዝኾነ ቅርስታት ቅድሚ ምልዓልና፡ ብዛዕባ'ቲ ንሃገርና ኤርትራ ሰንጢቑ ዝኸይድ ኣገዳሲ ስንጭሮታት ንእሽተይ ከነሐኪ፣ ዓቢ ሃጓፍ ስንጭሮ (Great Rift Valley)። እዚ 'ግሬት ሪፍት ቫለይ' ብዝብል ስያመ ዝፍለጥ ሰንሰለታዊ ስንጭሮታት፡ 6000 ኪሎሜትር ዝሸፍ፡ ካብ ምብራቕ ሊባኖስ ከባቢ ሩባ ሩባ ባቃዓ ጀሚሩ፡ ብኤርትራ ኣቢሉ፡ ክሳብ ሰሜን ሞዛምቢክ ዝዝርጋሕ እዩ። ናብ ሊባኖስ ሸነኽ ዘሎ ክፋል ምዉት ባሕሪ፡ ኣብ ጆርዳን፡ ቀይሕ ባሕርን ምብራቕ ኣፍሪቃን ዝርከብ ሃጓፍ ኣኽራናት፡ ቅድሚ 35 ሚልዮን ዓመት ከም ዝቘሙ ይጥቀስ። እዚ 'ግሬት ሪፍት ቫለይ' ዝተባህለ ስም፡ ሎሚ ነዚ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ ዝርከብ ኣብዚ ስንጭሮታት ዝርከብ ፍሉይ ቀጻላታት ንምግላጽ'ውን ይጥቀሙሉ እዮም። ተመሳሰልቲ ስንጭሮታት ኣብ ኮንጎ፡ ሩዋንዳ፡ ኡጋንዳን ኬንያን'ውን




East African Rift Valley




ይርከቡ። ገለ ካብ ዝዓበዩ ቀላያት ኣፍሪቃ ቀላይ ቪቶርያን ቀላይ ታንጋኒካን ነዚ ሃጓፍ ስንጭሮታት ሓቝፉ ይርከብ። ደቡባዊ ክፋል ናይዚ ስንጭሮ፡ ንቐላይ ማላዊ ገይሩ፡ ናብቲ




ኣብ ዝዓመቜ ቦታ ዝርከብ ዝጸረየ ማይ ዓለም (706 ሜትሮ) ዝርከቦ፣ ካብ ናሚብያ ንዝፈሊ ሰሜናዊ ክፋል ሞዛምቢክ ወሪዱ፡ ኣብ ሩባ ዛምበዚ ይዛዝም።

እዚ ቀዲሙ ዝተገልጸ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ ዝርከብ ስንጭሮ፡ መበቈል ደቂ ሰብ ምዃኑ ተረጋጊጹ እዩ። ኤርትራ ከም ኣካል ናይዚ ዞባ'ዚ ከኣ መሰረት ደቂ ሰብ ይገብራ። ናይ ቅድሚ ሓደ ሚልዮን ዓመት ዝነበሩ ጥንታውያን ደቂ ሰብ ኣሰር፡ ኣብ ቡያ፡ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ከም እተረኽበ ይፍለጥ። እዚ ዓስከሬን ጥንታውያን ደቂ ሰብ'ዚ፡ ኣብ ቅድመ-ታሪኽ ዝነበረ ሃጓፍ ጥንታዊ ታሪኽ ዝሸፍን ብምዃኑ፡ ኣዝዩ ኣገዳሲ ይገብሮ። እቶም ዘመናውያን ዝብሃሉ ደቂ ሰብ፡ 'ሆሞ ሳፕያንስ ሳፕያንስ'፡ ቅድሚ 100 ሽሕ ዓመት ካብ ኣፍሪቃ ብመገዲ ባብ ኣልመንደብ ኣቢሎም ናብ ኤስያ ሰጊሮም። በዚ ምኽንያት፡ ኤርትራ መበቈልን መሰጋገሪት ድልድል ደቂ ሰብ ይገብራ። ኣብ ዝበዝሐ ክፋል ሃገርና ነዚ ዘርትዕ ኣሰራት ከም ዘሎ ኣየካትዕን። ዛጊት ተረኺቡ ካብ ዘሎ ኣሰራት፥ ኣብ ከባቢ ስሉም በዓቲ (ጸሮና)ን ቅሮራርን ዝርከብ ቅድመ-ታሪኻዊ ቅርስታት፡ ካብ ታሕታይ ሩባ ጋሽ ክሳብ ኣቑርደት ዝተረኽበ ኣሰር ቅድመ-ታሪኻዊ ሰፈራታት፡ ኣብ ከባቢ ኣስመራን ደንደስ ሩባ ሰቲትን ዝተረኽበ ቅርስታት፡ ገለ ካብቲ ኣብ ኤርትራ ዝዓምበበ ቅድመ-ታሪኻዊ ምዕባለ ከም ዝነበረ ዝገልጽ እኹል ኣመታት እዩ።

*ምንጪ፥ - ታሪኽ ኤርትራ፣ ካብ ጥንቲ ክሳብ ናጽነት*


*- ዊኪ ፐድያ*

◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇

## ቋንቋ ጥቕሲ


### “መምህር ማዕጾ ይኸፍት፣ ተመሃራይ ከኣ ባዕሉ ንውሽጢ ይኣቱ።”

- ምስላ ቻይናውያን



ነዚ ሎሚ እንመሃሮ ዘለና ስነ ፍልጠትን ተክኖሎጂን ካብ ዝረኸቡ፡ ዝዳህሰሱን ዝመሃዙን ልቃውንቲ ዓለምና፡ ውሑዳት ዘይኮኑ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ብስሩዕ ኮፍ ኢሎም ዝተማህሩ ከም ዘይኮኑ፡ ንታሪኽ ህይወቶም ዝገልጽ ጽሑፋት ይገልጽ። ብፍላይ ኣብ 18ን 19ን ክፍለ ዘመን ዝነበሩ ስነ ፍልጠተኛታትን መሃዝትን ነብሶም ባዕላቶም ዝመሃሩ እዮም።

ከምዚ ሎሚ ንሕና፡ እንተ ርሓቐ፡ ኣብ ውሽጢ 10 ኪ.ሜ. እንረኽቦ ዘለና ትካላት ትምህርቲ ኣይኮነን ዝነበረ። ትምህርቲ ንምድላይ ዓድታት፡ ሃገራትን ኣህጉራትን ይስንጥቑ ነበሩ። ፍልጠት ባዕልኻ'ዩ ዝምእረር። መመህር ንኹሉ ፈትፊቱ ክቕርብ ኣይክእልን። ኣብዛ ዓለም ዘሎ ፍልጠት ኩሉ ኣብ ቤት ትምህርቲ ንረኽቦ ኣይኮነን፣ ኩሉ'ውን ብመምህራንና ክወሃበና ኣይከኣልን። እንታይ ደኣ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቀ‌ምሶ ናይቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ፍልጠት ምስ ወሰድና፡ ባዕልና ኢና እነስፍሖ። ነዚ ንምግንዛብ'ዩ'ም ከኣ ቻይናውያን፡ “መምህር ማዕጾ ይኸፍት፣ ተመሃራይ ከኣ ባዕሉ ንውሽጢ ይኣቱ፡” ዝበሉ።




ዕላል ኣምላኽን ተመሃራይን

ተመሃራይ፥ ሚልዮን ዓመታት ንኣኻ ክንደይ እዩ?

ኣምላኽ፥ ሚልዮን ዓመታት ሓደ ደቒቕ እዩ ንኣይ።

ተመሃራይ፥ ሚልዮን ናቕፋ ክንደይ'ዩ ንኣኻ?

ኣምላኽ፥ ሚልዮን ናቕፋ ዋላ ሓደ ኣይኮነን፣ ሳንቲም'ዩ ንኣይ።

ተመሃራይ፥ እሞ ሳንቲም ደኣ ዘይትህበኒ ኣምላኽ ሓወይ?

ኣምላኽ፥ ሕራይ፡ ሓደ ደቒቕ ተጸበየኒ።

***

ምቕናዕ ዝኣበዮ ተመሃራይ

ተመሃራይ፡ "ባባ!"

ኣቦ፡ "ወደይ!"

ተመሃራይ፡ "ኣብቲ ሰሙናዊ ብርእሰ መምህርና ዝልጠፍ 'ናይ ንፉዓት ተመሃሮ ዝርዝር እንተ ኣቲኻ 500 ናቕፋ ክህበካ'የ፡' ኢልካ ተመባጺዕካለይ ነይርካ ምሽ?"

ኣቦ፡ "እሞ ኣቲኻ፣ ክህበካ?"

ተመሃራይ፡ "ኖኖ፡ ውሰዶ ንኣኻ።"

***

ኡእ ደኣ መምህርሲ

መምህር፡ "ሎሚ ድሕሪ ዕረፍቲ ትምህርቲ የብልናን ነጻ ኢኹም።"

ተመሃሮ፡ "ዓሸ ይዓኽ!"

መምህር፡ "ድሕሪ ቀትሪ መጺእኩም ክትምሃሩዋ ኢኹም።"

# ግድል - ንፈታሕቲ ግድል

**#1** ኣብ ሓደ እንዳ ወርቂ ዝነበረት ህብብቲ ሰዓት ምስ ተሰርቀት፡ ሰለስተ ጥርጡራት ኣብ መርመራ ቀረቡ፣ የዕብዮ፡ ተኽለን ተስፋይን ይብሃሉ።

የዕብዮ። "ተኽለ ኣይሰረቐን፡" ኢሉ፣

ተኽለ፡ "ተስፋይ ዝገበረ የብሉን፡" ኢሉ፣

ተስፋይ እንታይ ኢሉ ዝተመዝገበ የለን። ፖሊስ ጸኒሖም ከም ዘረጋገጹዎ ግን እቲ ሰራቒ ጥራይ'ዩ ሓቂ ተዛሪቡ። ስለዚ፡ ነዛ ህብብቲ ሰዓት ዝሰረቓ መን'ዩ?

(ቅድሚ መልሲ ምርኣይኩም ፈትኑ!)

**#2** ዓሰርተ ኣረንሺ ዝሓዘት ዘንቢል ኣላትኒ። ዓሰርተ፡ ኣራንሺ ኣዝዮም ዝፈትዉ ኣዕሩኽ ኣሎዉኒ። ነፍሲወከፎም ድማ ሓሓንቲ ኣራንሺ ሃብኩዎም። እንተኾነ ሓንቲ ኣራንሺ ኣብታ ዘንቢል በይና ተሪፋ ነበረት፣ ብኸመይ?

(ቅድሚ መልሲ ምርኣይኩም ፈትኑ!)

## መልሲ ግድል

**#1** ናይ ተስፋይ ዝተባህለ ከም ዘየለ ተነጊርና ኣለና፣ ስለዚ ተስፋይ ናጻ'ዩ። እቲ ሰራቒ ጥራይ'ዩ ሓቂ ተዛሪቡ ካብ በለ ከኣ ሓደ ሰብ'ዩ ሰራቒ።

ሀ. የዕብዮ ከም ሰራቒ እንተ ሓሲብናዮ - የዕብዮ "ተኽለ ኣይሰረቐን" ኢሉ ቅኑዕ ዘረባ ክንወስዶ ኢና። ተኽለ ግን "ተስፋይ ናጻ'ዩ" ኢሉ ምዝራቡ ሓሶት ክኸውን እዩ። ስለዚ ንተስፋይ ሰራቒ ይገሮ ኣሎ። ግምታና ቅኑዕ ኣይኮነን።

ለ. ተስፋይ ሰራቒ እንተ ሓሲብናዮ ከኣ፡ ክልተኦም ተኽለን የዕብዮን ይሕሰው ኣለው ማለት'ዩ፣ ቃል ተስፋይ ከኣ ይተሰምዐን። "እቲ ሰራቒ ጥራይ'ዩ ሓቂ ተዛሪቡ፡" ዝብል መግለጺ ፖሊስ ከኣ ተስፋይ ሰራቒ ክኸውን ከም ዘይክእል ኣረጋጊጹልና ኣሎ።

ሐ. ተኽለ ከም ሰራቒ እንተ ሓሲብናዮ'ኸ? የዕብዮ "ተኽለ ኣይሰረቐን" ምባሉ ሓሶት'ዩ፣ ተኽለ ግን ተስፋይ ናጻ'ዩ ምባሉ ቅኑዕ ኣሎ። ስለዚ ተኽለ'ዩ ነታ ህብብቲ ስዓት ዝሰረቓ።

**#2** ንቐዳሞት ትሽዓተ ኣዕሩኽይ ሓንቲ ሓንቲ ምስ ሃብኩዎም። ነቲ መበል ዓስራይ ምስ ዘንቢላ ዝሃብኩዎ።

## ሓሳብ ፈለማ

### ሰዓት ኢድ

ክሳዕ 1900 ዓ.ም. ሰዓት ኣብ ጁባ ናይ ስረ'ዩ ዝነበረ ስፈራ። ከም ዝዕለሉ፡ ስዊዘርላንዳዊ ሰራሒ ሰዓት ኣብ ሓደ መናፈሻ ሓንቲ ሰበይቲ ሰዓታ ኣብ ኢዳ ኣሲራ ብኽልተ ኢዳ ብዘይ ጸገም ደቃ ሒዛ ክትሓልፍ ረኣያ። እዚ ምስ ረኣየ ብ1790 ዓ.ም. ሰዓት ኣብ ኢድ ከም እትእሰር ገይሩ ሰርሓ። እንተኾነ እዚ ስርሑ ጠመተ ከይተዋህቦ ሓደ ዘመን ሓሊፉ።

ብ1914 ዓ.ም. ናይ ኢድ ሰዓት ኣብ ስዊዘርላንድ ኣብ ሓደ ኤግዚቢሽን ምስ ቀረበት፡ ሰባት ክድንቐላ ተራእዮም። ሎሚ ኣብ ዓመት ብውሑዱ 80 ሚልዮን ሰዓታት ይፈርያ ኣለዋ። ወዮ ብጸገማ ዝንጥልጠል ሰዓት ጁባ ኣብ ኢዱ ዝኣሰረት ሰበይትን ንዓኣ ርእዩ ኣብ ኢድ ከም ትእሰር ዝገበረ ስዊዘርላንዳዊ ሓንፃፂን ስሞም ብልክዕ ከይተጸወዐ ዓቢ ምህዞ መጢዖም ሓሊፎም።

# ኑር ዓብደልዋሃብ

## ካርማ ጽንዓትን ተወፋይነትን

**ኣሚር ዓሊ**



*ምልክት ተስፋ ዘይምቝራጽ ኢልካ ትገልጾ፡ ሸውዓተ ግዜ ወዲቑ ሸሞንተ ግዜ ዝተንስአ ተቐዳዳማይ'ዩ። ናይ ወትሩ ሕልሙ ሓደ መዓልቲ ብማልያ ሃገራዊት ጋንታ ብሽክለታ ኤርትራ ኣህጉራዊ ውድድር ንምክያድ'ዩ ኔሩ። ነዚ ሕልሙ ጋህዲ ንምግባር፡ ንሓደ ስፖርታዊ ከጋጥምዎ ንዝኽእሉ ብድሆታት ብትብዓትን ሓቦን ዝሰገረ ተቐዳዳማይ'ዩ። ብሰንኪ ሕማምን ካልእን ንኣስታት ሸውዓተ ዓመታት ዝኣክል ካብ ኮረሻ ብሽክለታ ወሪዱ። እታ ሓንቲ ሕልሙ'ያ ዳግማይ ናብ ኮረሻ ብሽክለታ ሰቒላቶ ማልያ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ወዲኻ ምጽዋት። ኣብ ግዜ ውድድር ዘጋጠምዎ መውደቕቲ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ንኽይበጽሕ ብድሆታት ዝኾንዎ'ዮም። ንነብሱ ዝፈቱን ቀዳምነት ዝህብን ኣይኮነን። ንደቂ ጋንትኡ በጃ ክሓልፍ ድሕር ዘይብል ዉፉይን፡ ማንም ኣሰልጣኒ ኣብ ጋንትኡ ክህልወሉ ዝብህጎ ተቐዳዳማይ'ዩ። ምእዙዝ፡ ትሑት፡ ዓቃል ዝብሉ መግለጺታት ዝውሕድዎ፡ ህዱእን ልዙብን ሞያዊ'ዩ። ካብ 2026 ጀሚሩ ምስ'ታ ከም ተቐዳዳማይ ዝደመቐላን ባብ ዘርሓወትሉን ኣስቤኮ ተፈላሊዩ፡ ምስ ክለብ ደንደን ክጽንበር ክታሙ ኣንቢሩ። ተቐዳዳማይ ብሽክለታ ኑር ኣሕመድ ዓብደልወሃብ።*

**◆ ምስ ኣንበብቲ መጽሔት መንእሰይ ክትላለ**

ኑር ኣሕመድ ዓብደልወሃብ ኑርኣሕመድ እበሃል። ኣብ ሚያዝያ 1994፡ ኣብ ኣስመራ ከባቢ ዕዳጋ ሓሙስ ተወሊደ። ናይ መባእታ ደረጃ ትምህርተይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሞዴል፡ ማእከላይ ደረጃ ኣብ ቤት ትምህርቲ ጃልያ፡ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርተይ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ባርካ ተኸታቲለ።

**◆ ተቐዳዳማይ ብሽክለታ ክትከውን ዝደረኸካ ምኽንያት፧**

ኣብ ግዜ ቁልዕነተይ ተቐዳዳማይ ብሽክለታ ክኸውን'የ ዝብል ሕልሚ ኣይነበረንን። ኣብ ኰዑሶ እግሪ ድሓን ዝኾነ ምልከት ስለ ዝነበረኒ፡ ኣብ 2011 ምስ ክለብ ደንደን፡ ኣብ ትሕቲ ፓቸ ተጠርኒፈ ኔረ። ስፖርት ይፈቱ ብምንባረይ፡ ወትሩ ሰንበት ኣብ ጎደናታት ኣብ ኣስመራ ኣብ ዝካየዱ ውድድራት ብሽክለታ፡ ንኽም በረኸት የማነ ዝኣመሰሉ ደቂ ገዛውትና ንምዕዛብ ብሽክለታ ክንርኢ ንኣቱ ኔርና። ከም ናትናኤል ብርሃነ ሜሮን ርእሶም (ቢንላዲን) ዝኣምሰሉ ተቐዳደምቲ ዝጻወትሉ ዝነበሩ ግዜ'ዩ። ኣብ እዋኑ ኣስቤኮ ሓቑፋቶም ዝነበረት ተቐዳደምትን ተመዝግቦ ብዝነበረት ዓወታትን፡ ኣብ ልበይ ኣትያ ዝነበረት ጋንታ'ያ።

ሰንበት ውድድራት ብሸክለታ ኣብ ዘይህልወሉ ምስ መተዓብይተን፡ ብብሸክለታ ናብ ሕንብርትን ደቀምሓረን ንኸይድ ኔርና። በቃ በዞም ምኽንያታት'የ ተመሃራይ ዓሰርተ ሓደ ክፍሊ እንከለኹ፡ ኣንፈተይ ካብ ኵዑሶ ናብ ብሸክለታ ጠምዚዘዮ።

◆ **ተውህቦኻ ኣብ ኵዕሶ እግር'ዶ ኣብ ብሸክለታ ረኺብካ'ዮ፧**

ሓቂ ንምዝራብ ኵዑሶ እግሪ ምጽዋት'የ ዝፈቱ ኔረ። ኣብ ብርከይ ዝነበረኒ ማህረምቲ፡ ጉያን ሃለኽለኽን ናይ ኵዑሶ እግሪ ከቢድ ቃንዛ'ዩ ዘስዕበለይ ኔሩ። ኣብ ግዜ ጸወታ ኣብ ዝወድቀሉ፡ ብሰንክ'ቲ ኣብ ብርከይ ዝነበረኒ ማህረምቲ ካብ ኣርባዕተ ክሳብ ሓሙሽተ ሰዓታት ኣብ ቃንዛ'የ ዘሕልፎ ኔረ። ኣብቲ ግዜ ቆልዑ ስለዝነበርና ኣይርድኣናን'ዩ ኔሩ። ከምዚ ሎሚ ጉልቡት መንእሰይ ትርእየኒ ዘለኻ ቅድም ሓጺር'የ ኔረ። ምስ ግዜ ሚዛነይን ቁመተይን ወሲኹ ኣብ ብሸክለታ ክጻወትን ንመወዳድርተይ ድማ ክስዕሮምን ጀሚረ። ብዘይኣፍልጦ ስድራቤተይ ኣብ ፌደረሽን ተመዝጊበ። ኣብ ዘካየድክዎ ቀዳመይቲ ጸወታይ ድማ ዋንጫ ዓቲረ።

◆ **ብዝያዳ ጽልዋ ዘሕደረልካ ተቐዳዳምይ መን ኔሩ፧**

ኣብቲ ግዜ ብዝያዳ ሜሮን ርእሶምን ሚኪኤል ትኩእን'ዮም ብብዙሓት ዝፍተዉን ዝድገፉን ኔሮም። ኣነ ከም ኑር ኣሕመድ ኣድናቒ ናትናኤል ብርሃነ ኮይነ'የ ዓብየ። ናትናኤል፡ ብዕድመ ንእሽቶይ እንከሎ፡ ንዓበይቲ ተቐዳደምቲ ዝስዕረሉ ዝነበረ ኣገባብ፡ ኣዝዩ'የ ዝድነቐሉን ዝምሰጠሉን ኔረ። ንቕሓቱን ብልሑን ኣዝዩ'ዩ ዝማርኸኒ ኔሩ። ናትናኤል ንማህደረ ስልጠና ናብ ዩሲኣይ ምስከደ፡ ኣብ ብሸክለታ ዝነበረኒ ፍቕሪ ጥርዚ በጺሑ። ተጻዋታይ ማውንተይን ባይክ ኣብ ዝነበርኩሉ ግዜ፡ ኣብ ቅጽበታዊ ውድድር ኣዝየ ፈጣን ምንባረይ እዝክረኒ። ካብቲ ግዜ'ቲ ንድሓር ንብሸክለታ፡ ከም ሓደ ዕላማ ናይ ሂወተይ ሒዘዮ ክኸይድ ጀሚረ።

◆ **ተቐባልነት ስድራኻ ኣብቲ ዝጀመርካሉ ሞያ ከመይ ኔሩ፧**

ስድራይ ብዛዕባ ውድድር ብሸክለታ ምጅማረይ ዝኾነ ኣፍልጦ ኣይነበሮምን። ኣብቲ ናይ ክልተ ሰሙን ዕረፍቲ'የ ጀሚረ። ኣብቲ ግዜ ይሰርሕ ብምንባረይ፡ ባዕለይ ኣብ ውድድር ንኽምዝገብ ዝኾነ ሽግር ኣይነበረንን። ኣብቲ ፈለማ ዝጀመርኩሉ ብዛዕባቲ ዓውዲ ዝኾነ ኣፍልጦ ኣይነበረንን። ምስ ግዜ ኣብ ሓንቲ ውድድር ካብ ድሕሪት ተበጊሰ ንመወዳድርተይ ስዒረ ምስ ተዓወትኩ ንገዛ ነጊረዮም። ክኣምኑኒ ኣይክኣሉን። ኣብ ዝሰዓበት ጸወታ ኩሎም ኣባላት ስድራቤተይ ክርእዩኒ መጽዮም። ኣብታ ክዕዘቡኒ ዝመጹላ ውድድር ምስ ሰዓርኩ፡ ካብኡ ንድሓር ከተባብዑኒ ጀሚሮም። ስድራ ብዝዓደጉለይ ብሸክለታ፡ ኣብ ሳልሳይ ዲቪዥን ሰጊረ ብውልቀይ ክወዳደር ጀሚረ። ኣብ ሳልሳይ ዲቪዝን ነዊሕ ኣይገበርኩን፡ ብቐጻሊ ኣብ ደረጃ ይኣቱ ብምንባረይ፡ ካብ ሓሙሽተ ወይ ሽዱሽተ ዘይበዝሐ ውድድራት ኣካይደ'የ፡ ናብ ካልኣይ ዲቪዝን ሰጊረ ምስ ጋንታ መደበር ተጸንቢረ። ኣብ 2012 ኣብ ካልኣይ ዲቪዥን፡ መርሃዊ ቁዱስ ሻምፒዮን ዞባ ማእከል ኣብ ዝኾነሉ ውድድር፡ ሕጽረት ተመኩሮ ዘስዓቦ ምኽንያት ኣብ ግዜ ቅጽበታዊ ውድድር ወዲቐ። ኣብ ዝሰዓበት ናይ በረኻ ውድድር'ውን ዳግማይ ወዲቐ። ብሰንክ'ዚ ተደራራቢ መውደቅትታት፡ ንኣስታት ሽዱሽተ ኣዋርሕ ካብ ኮረሻ ብሸክለታ ክርሕቕ ተቐሲበ።

◆ **ናብ ውድድር ምስተመለስካ ቅድሚ ምውዳቕካ ዝነበረ ብቕዓትካ ክትመስሎ ክኢልካ'ዶ፧**

ብሸክለታ ክንጅምር ከለና ብዕድመ ንኣሽቱ ስለ ዝነበርና ሰብ ዘይምፍላጥና ብዙሕ ኢና ተሃሲና። ኣብ ብሸክለታ እንታይ ትገብር፡ እንታይ ትምገብ ዝኾነ ኣፍልጦ ኣይነበረናን። ንስለ ውድድር ኢና ንጻወት ኔርና። ኣብታ ዝወደቕኩላ ጸወታ ኣብ ብሉጽ ብቕዓት ከም ምንባረይ መጠን፡ ክዕወት ከም ዝኽእል ልዑል ርእሰ ምትእምማን'ዩ ኔሩኒ። ኣብ ሞኖፖልዮ ንሜሮን እናተጸበኽዎ እንከለኹ፡ ንድሕሪት ኣብ ዝጠመትኩሉ'የ ምስ'ቲ ኣብ ቅድመይ ዝነበረ ተጋጭየ። እዛ ኣጋጣሚ ካብቲን ኣዝየን ዘሕርቃንን ዘሕምማንን ፍጻመ'ያ። ኩሉ ግዜ ነታ ውድድር እንተ ዝስዕራ ኔረ መጻኢየይ ካልእ ምኾነ'የ ዝብል። ብሰንኪ ምውዳቐይ ዝሰዓበ ዘይምዕዋተይ፡ ብዙሕ ክረኽቦ ዝኽእል ዕድላት'የ ከሲረ። ኣብ ናይ ተሃድሶ ግዜይ ሚኪኤል ትኩእ ይሕግዘኒ ኔሩ። ብቕዓተይ ናብ ዝነበሮ ክመለሶ ግን ተሸጊረ። ካብቲ ግዜ'ቲ ንድሓር ስድራ ኣብ ምሕጋዝ'የ ተዋፊረ። ጸወታ ኣሎ ክብሃል ከለኹ ጥራይ'የ ዝጻወት ኔረ። ኣብ 2016 ግን ሙሉእ ኣቓልቦይ ናብቲ ዓውዲ መሊሰ፡ ንኣስታት ሸውዓተ ኣዋርሕ ጽዑቕ ልምምዳት ኣካይደ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብ ዓቕብ፡ ኣብ ጎላጉልን ኣብ ቅጽበታዊ ውድድርን ዝሃነጽክዎ ብቕዓት፡ ክሳብ ሎሚ ኣይበጻሕክዎን። ኣብቲ ዓመት ብሕማምን ካልእን ንኣስታት ሸውዓተ ዓመታት ካብ ኮረሻ ብሸክለታ ርሒቐ። ኣብቲ ግዜ ምሳይ ዝጻወቱ ዝነበሩ ተቐዳደምቲ፡ ንሃገራዊት ጋንታ ወኪሎም ክጻወቱ ክርእዮም እንከለኹ ኣዝዩ ይስምዓኒ ኔሩ። ሓደ መዓልቲ ንሃገራዊት ጋንታ ወኪለ ክጻወት ምኽኣለይ ግን ልዑል እምነት ኔርኒ። ኣብ ግንቦት 2023'የ

ዳግማይ ናብ ብሽክለታ ተመሊሰ። ኣብ ዝተመለስኩሉ እዋን ንኣሰልጣኒ ሳምሶን ሰለሙን ክሕግዘኒ ሓቲተዮ። ሰናይ ፍቓዱ ኮይኑ ድማ ልምምዳት ሰሪዑለይ። ኣብ ግዜ ልምምድ እቶም ንኣሽቱ ተቐዳደምቲ ከይተረፉ'ዮም ዝሓልፉኒ ኔሮም። እቲ ሓደ እዋን ሃኒጸዮ ዝነበርኩ ብቕዓት ስለዝዝክር ግን፡ ከም ዓቢ ነገር ወሲደ ተስፋ ኣይቖረጽኩን። ንኣስታት ክልተ ኣዋርሕ ነቲ ብሳምሶን ዝተዋህበኒ ልምምዳት ብግቡእ ኣተግቢረ፡ ኣብ ዙር ዘባ ማእከል ብውልቀይ ተወዳዲረ። ነቲ ኣሰልጣኒ ዘዕገበ ውጽኢት ድማ ኣመዝጊበ። ኣይጸናሕኩን ናብ ዓባይ ጋንታ ኣስቤኮ ተጸንቢረ።

**◆ ብሕማምን ካልእን ንኣስታት ሸውዓተ ዓመታት ካብ ብሽክለታ ርሒቕካ ኢኻ። እዞም ዝተኸስሩ ዓመታት ኣብ ናይ ብሽክለታ ሂወትካ ዝፈጠርዎ ዕንወት ከመይ ትገልጾ፧**

ሸውዓተ ዓመታት ካብ ብሽክለታ ክትእለ ቀሊል ነገር ኣይኮነን። ንሃገራዊት ጋንታ ወኪልካ ናይ ምጽዋት ሕልሚ'ዩ፡ ዳግማይ ናብ ኮረሻ ብሽክለታ ክምለስ ደሪኹኒ። ዳኒኤል ተኽለሃይማኖት፡ መርሃዊ ቁዱስ፡ ናትናኤል ብርሃነን ቢንያም ግርማይ፡ እቲ ዘይክኣል ከም ዝከኣል ኣብነት ዝኾኑና ዓበይቲ ኣሕዋትናʼዮም። ከይተሓለልካ ኣበርቲዕካ ምስ እትሰርሕ፡ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ከምትበጽሕ ይርኣየካ'ዩ። ውድድረይ ምስ ነብሰይ'ዩ። ኣሰልጣኒ ሳምሶን ሰለሙን ልምምድ ክሰርዓለይ እንከሎ፡ ዘርኣኽዎ ምምሕያሻትን ደረጃ ዕብየትን ድኣ'ምበር፡ ንነብሰይ ምስ ካልኦት ኣወዳዲረ ኣይሓበርክዎን። ካብቲ ንብሽክለታ ከቢድ ዝገብሮ ብኽንደይ ጻዕሪ ዝሃነጽካዮ ጥርዚ ቁመና፡ ብሰንኪ መውደቕትን ካልእን ዝፈርሰካ ምኻኑ'ዩ። ተስፋ 'ገብር ብሕጂ ዝኾነ መሰናኽል ከየጋጠመኒ፡ ኣብ'ቲ ዝለዓለ ደረጃ ክበጽሕ።

**◆ ድሕሪ'ዚ ኩሉ ዓመታት ዳግማይ ምልሶትካ ከመይ ኔሩ፧**

እቲ ፍቕሪ ናይ'ቲ ስፖርት'ዩ ክትምለስ ዘገድደካ። ካብ ቁልዕነተይ ጀሚረ ሃለኽለኽ ምባል ይፈቱ ብምንባረይ፡ ብሓገዝ ሳምሶን ሰለሙን'የ ቀልጢፈ ቁመናይ ረኺበ ናብ ብሽክለታ ተመሊሰ። ኣብቲ ፈለማ ንሳምሶን ዝረኸብኩሉ "ኣብ ዝሓለፈ ሸውዓተ ዓመታት ኣብ ብሽክለታ እንታይ ለውጢ መጺኡ'ሎ ዝኾነ ኣፍልጦ የብለይን። እቲ ናይ ዕብየተይ ሓላፍነት ናባኻ ደርቢየዮ ኣለኹ" ኢለዮ። "ተበግስ ጥራይ እምበር ጸገም የለን ክሕግዘካ'የ" ኢሉ መሊሱለይ። ኣብቲ ግዜ ናይ ሳምሶም ሓገዝ እንተ ዘይረክብ ኔረ፡ ኣብዚ በጺሐዮ ዘለኹ ደረጃን ብማልያ ሃገራዊት ጋንታ ናይ ምጽዋት ሕልመይን ኣይምረኸብክዎን'የ ዝብል። ድሕሪ ኩሉ'ቲ ዝገበረለይ ጻዕሪ ዳግማይ ብቕዓተይ ረኺበ ክዕወት ዝመርሓኒ ሳምሶን ሰለሙን'ዩ።

**◆ ኣብ ኣስቤኮ ዝተዋህበካ ተራ እንታይ'ዩ ኔሩ፧ ብዝግባእ ተላቢሰዮ'ዶ ትብል፧**

ኣብ ጸወታ ንውልቅኻ ንጋንታኻን ንሃገርካን እናበልካ እንዲኻ ትወዳደር፡ ሳምሶም ኣብ ኩሉ ንጥፈታተይ ይሕግዘንን ይከታተለንን ከም ምንባሩ መጠን፡ ኣብ ግዜ ውድድር እቲ ዝህበኒ ሓላፍነትን ተራን ብቕዓመይ ከተግብረሉ'የ ዝፍትን ኔረ። ወላ ክስዕረሉ ዝኽእል ርሒብ ዕድል እናሃለወኒ፡ ንሱ ክዓግበሉ ዝኽእል ኣበርክቶ ናይ ጋንታ'የ ዘቀድም። ኣብ ጋንታና ንቀዳማይ ዝሰርሓሉ ተቀዳዳማይ ስለዝነበረ፡ ወላ ካልኣይ ደረጃ ክሕዝ እናኽኣልኩ፡ ኩሉ ጽዓተይ ኣውጺአ'የ ኣብ ምዕዋት ደቂ ጋንታይ ብተወፋይነት ዝሰርሕ ኔረ።



ብኸምዚ ኣብ ኣስቤኮ ዕዉት ናይ ጸወታ ግዜ ኣሕሊፍና ክብል እደፍር።

**◆ ሕልምኻ መዓስ ኢኻ ጋህዲ ጌርካዮ፧**

ከምቲ ኣቐዲመ ዘዕለልኩኻ፡ ናይ ወትሩ ሕልመይ ሓደ መዓልቲ ማልያ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ለቢስካ፡ ኣህጉራዊ ውድድር ምክያድ'ዩ ኔሩ። ነዚ ሕልሚ ጋህዲ ንምግባር ብዙሕ መስዋእቲ'የ ከፊለ። ኣብ 2024 ኣብ ኬንያ ኣብ ዝተኻየደ ሻምፒዮን ቅድድም ብሽክለታ ኣፍሪቃ'የ፡ ፋልማይ ኣህጉራዊ ውድድረይ ከካይድ፡ ብኣሰልጣኒ ዮናስ ዘካርያስ (ሓላባይ) ዕድል ተዋሂቡኒ። ንኽበጽሖ ብዙሕ ነገር ዝኸፈልኩሉ ሕልሚ ጋህዲ ምግባረይ፡ ዝተሰምዓኒ ስምዒት ብቓላት ክገልጾልካ ክኸብደኒ'ዩ። ኣብቲ ግዜ ኣስቤኮ ዓብላሊት ጋንታ ስለዝነበረት ሸውዓተ ተቐዳደምቲ'ያ ኣምሪጻ። ኣርባዕተ ኣብ ናይ ዓበይቲ ሰለስተ ድማ ኣብ ናይ ንኣሽቱ። ኣብቲ ውድድር ንሄኖክ ሙሉእብርሃን ከነዐውት ሓላፍነት ተዋሂቡና ስለዝነበረ፡ ምስ ደቂ ጋንታይ ብምኧን ንነብስና ከየቐደምና፡ ኣብ ናይ ስራሕ ጋንታ ተጸሚድና። ሓባራዊ ስራሕና ፍረ ረኺብናሉ ብመንገዲ ሄኖክ ሙሉእብርሃን ዘውዲ ሻምፒዮን ኣፍሪቃ ደፊእና።

**◆ ኣብ 2024 ኣብ ጥርዚ ቁመናኻ**

**ኣብ ዝነበርካሉ እዋን ዳግማይ ካብ ብሽክለታ ዘርሓቀካ መውደቕቲ ኣጋጢሙካ። መውደቕትኻ ማዕረ ክንደይ'ዩ ከቢድ ኔሩ፧ ናብ ኮረሻ ብሽክለታ ንምምላስ ዝሓለፍካዮም ብድሆታት'ከ ከመይ ኔሮም፧**

ብዘይ ቀልዓለም ንምዝራብ ኣብቲ ግዜ'ቲ ሓድሽ ብቕዓተይ ዝርእየሉ ግዜ'ዩ ኔሩ። ናይ 2024 ዙር ዞባ ማእከል ምስ ኣስቤኮ ፍሉይ ብቕዓት ነንጸባርቐሉ ዝነበርና ውድድር'ዩ። ኣብቲ ብዓይነቱ ፍሉይ ዝነበረ ውድድር፡ ብሰንኪ ዝሃረመ ብርቱዕ ዝናብ ብኸቢድ ወዲቐ። ናይ ምሕኩልቲ መስበርቲ ምስ ኣጋጠመኒ ኣዝየ እየ ሰንቢደ። እቲ ዝኸበደኒ ነገር ክሳብ እቲ መጥባሕቲ ዝሓልፈለይ'ዩ። ምኽንያቱ "ድሕር'ዚ ከቢድ ማህረምቲ እምበርዶ ዳጋማይ ናብ ብሽክለታ ክምለስ'የ" ዝብል ሓሳብ'ዩ ኔሩኒ። ኣብቲ ግዜ መንግስቲ ኤርትራ ብዝገበረለይ ሓገዝ ኣብ ሆስፒታል ሓሊበት ዕዉት ሕክምናዊ መጥባሕቲ ተኻይዱለይ። ነቲ ዕዉት መጥባሕቲ ዝገበረሉይ ሓካይም ሆስፒታል ሓሊበት፡ እዛ ዕድል ረኺበያ ከለኹ ከመስግኖም። ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝተገብረለይ መጥባሕቲ ኣብ ደገ ተኻይዱ እንተዝኸውን ኔሩ ክሳብ 20 ሽሕ ዶላር ወጻኢታት ከምዝሓትት'ዮም ኣብ ደገ ተወዳዲሮም ዝመጹ ዓበይቲ ተቀዳደምቲ የዕሊሎሙኒ። ኣብዚ ግን 300 ናቕፋ'ውን ኣይወዳእኩን።



ናይ'ቲ ገንዘብ ጥራይ ዘይኮነ እቲ ዝተገብረለይ መጥባሕቲ'ውን ኣዝዩ ብሉጽን ዕዉትን'ዩ ኔሩ። ኣብ ሓጺር ግዜ ዳግማይ ናብ ብሽክለታ ተመሊሰ፡ ምስታ ብኣሰልጣኒ ሙሴ ኣስሄል ኣብ ዙር ኣልጀርያ ክትሳተፍ ዝተመርጸት ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ተመሪጸ ኣብ ዙር ኣልጀርያ ተሳቲፈ። ምስ ኣጋጠመካ እንዲኻ ትፈልጦ ከምዚ ከማይ ቡዙሓት ተመሳሳሊ መውደቕቲ ዘጋጠሞም ተቀዳደምቲ ኣለዉ፡ ንኹሎም ወኪለ ንኣባላት ንሆስፒታል ሓሊበት ከመስግኖም ይደሊ።

**◆ ብቀረባ ዝፈልጡኻ ኣዚኻ ትሑት፡ ምቕሉል፡ ዉፉይን ዓቃልን ምኳንካ'ዮም ዝገልጹኻ። ንነብሰይ ዘይምኳነይ ከሲረዮ ትብሎ ነገር ኣሎ'ዶ፧**

ከሲረዮ ዝብለሉ ነገር የብለይን። ከም ናይ ሳምሶን ርድኢት'ዩ ዘለኒ። ኣብ ጸወታ ዋላ ንስኻ ኣይትተዓወት ወዲ ጋንታኻ እንተ ተዓዊቱ ንስኻ ከም ዝተዓወትካ'ዩ። ምስ ሃገራዊት ጋንታ ዝረኸብክዎ መገሻ ስለ ዝተዓወትኩ ዘይኮነ፡ ናይ ጋንታ ተጻዋታይ ስለዝኾንኩ ጥራይ'ዩ። ኩላትካ ተጊህካ ክትሰርሕ እንከለኻ ዝበለጸ ዓወት ኢኻ ትጎናጸፍ። ንዓይ ይጥዓመኒ እንተኾይኑ ግን ጥቃ ዓወት ገጽካ ውን ኣይትቐርብን ኢኻ። ምኽንያቱ ብሽክለታ ናይ ሓባር ስራሕ'ዩ። ምናልባት ደጋፊ ነቲ ዝተዓወተ ከድንቕ ይኽእል'ዩ፡ ናብቲ ዓወት ዘብጽሖ መሰረታዊ ሓይሊ ግን ሓገዝ ናይ ጋንታ'ዩ። ዕዉታት'ውን ብቐጻሊ ድሕሪ ዓወቶም ንደቂ ጋንትኦም ከመስግኑ ኢኻ ትሰምዖም። ምኽንያት መዐወቲኦም እንታይ ጻዕሪ ከምዘፍሰሰ ስለዝፈልጡ። ዓወት ናይ'ቲ ውልቀ ተቐዳዳማይ ዓወትካን ዓወት ጋንታኻን ስለዝኾነ ኣዝዩ ኢኻ ትሕጎስ። ስለዚ ንውልቀይ ሓሲበ ዘይምጽዋተይ ከሲረዮ ዝብለሉ ኣብነት የብለይን።

**◆ ካብ 2026 ጀሚርካ ካብታ ከም ተቐዳዳማይ ዝደመቕካላ ኣስቤኮ ወጺእካ ምስ ክለብ ደንደን ኢኻ ተጸንቢርካ ዘለኻ። ምኽንያት መውጽኢኻ ካብ ኣስቤኮ እንታይ'ዩ?**

ኣጋጣሚ ኾይኑ ምስ ኣስቤኮ ዝነበረኒ ናይ ክልተ ዓመታት ውዕል ኣብቂዑ'ዩ። ካብቲ ውዕለይ ዝወደቐሉ ግዜ ጀሚረ ብውልቀይ ክወዳደር'የ መሪጸ። ኣብ ጋንታ ብውልቅኻ ትኸስሮም ብዙሕ ዕድላት ኣሎ። ኣነ'ውን ኣብታ ዝጻወተላ ዝነበርኩ ኣስቤኮ ንደረጃይ ከዐቢ ዝኽእል ሓገዝ ሓቲተ። ናይ ሕቶይ መልሲ ምስረኸብኩ ድማ'የ ብውልቀይ ክጻወት ተበጊሰ። ናይ ጋንታ ሓገዝ ክህልወካ ስለዘለዎ ግን ኣባል ሚኒስትሪ ምክልኻል ከም ምኳነይ መጠን ንክለብ ደንደን ክሕግዝ ወሲነ። ምስ ክለብ ደንደን ብምኳን ድማ እቲ ዝበለጸ ውጽኢት ንምምዝጋብ ክጽዕር'የ። ምስ ኩሎም ኣሰልጠንቲ ሃገርና ጽቡቕ ርክብ'ዩ ዘለኒ። እቲ ዝዓበየ ብልጫይ ንኽፈልጥ ዝቃለስ መንእሰይ ምኳነይ'ዩ። ኣብ ዝበጻሕክዎ ደረጃ የበለይን ጌና ኣማተር ተቐዳዳማይ'የ። ኩሎም ኣሰልጠንቲ ይሕግዙኒ'ዮም። ካብ ኣሰልጠንቲ ብተወሳኺ ብዕድመ ካባይ ዝንእሱ ኣብዚ ግዜ ኣብ ደረጃ ፕሮፌሽናል ጋንታታት ኣብ ምጽዋት ዝርከቡ ተቐዳደምቲ ረኺበ ውን



ክሕግዙኒ ይሓቶም'የ፡ ንሳቶም'ውን ፍልጠት ናይ ምድላይ ሃቐናይ ርእዮም ይሕግዙኒ'ዮም።

**◆ ኣብ ሃገራዊት ጋንታ ኮነ ኣብ ኣስቤኮ ናትካ ሓገዝን ተወፋይነትን ዝረኸቡ ተቐዳደምቲ ኣብዚ ግዜ ምስ ናይ ደገ ጋንታታት ኣብ ምጽዋት ይርከቡ'ለዉ። ኣንፈት ኑር ኣሕመድ'ከ ኣብ ከመይ ኩነታት'ዩ ዘሎ፧**

ኣብዚ ክሕስዎ ዘይደሊ ምናልባት ኣብዚ ኣብ ዞባ ማእከል እናተወዳደርና ብሉጻት ኮይና ክስምዓና ይኽእል'ዩ። ካብዚ ዓዲ ምስ ወጻእካ ካብ ዝተፈላለዩ ኩርንዓት ዓለም ምስ ዝመጹ ተቐዳደምቲ ኢኻ ውድድርካ ተካይድ። እቲ ብቕዓትካ ድማ ሽዑ ኢኻ ትልክዖ። ከም ኑር ኣሕመድ ብቕዓተይ ዝያዳ ንምብራኽ'የ ዝሰርሕ ዘለኹ። ልዑል ብቕዓት እንተሃኒጸ ናይ ደገ ጋንታታት ዘይረኽበሉ ዕድል ኣይርኣየንን። ጌና ኣብ ደረጃ ኣማተር ኢና ዘለና፡ እንታይ ጎዲልና'ሎ እንታይ ይተርፈና'ሎ ንነብስና ንፈልጣ ኢና። ብዝያዳ ከመስግኖም ዝደሊ ኣብ ደገ ምስ ናይ ዎርልድ ቱር ጋንታታት ዝወዳደሩ ተቐዳደምቲ፡ ንናይ ዞባ ማእከል ውድድር ኮነ ንዓና ከይንዓቑ፡ ክንወድቕ ኢና ከይበሉ ምሳና ውድድር ዘካይዱ ብምኳኖም ኣብ ልዕሊኦም ልዑል ምስጋና ኣለኒ። ብሓደ ኣብ እንወዳደረሉ ግዜ ብቕዓትና ምስ ናታቶም ብቕዓት ብምንጽጻር፡ ኣብ ከመይ ደረጃ ኣለና ከም መወከሲ ንጥቀመሎም ተቐዳደምቲ'ዮም። ምስናቶም ብቕዓት ዝዳረግ ቁመና ኣይሃነጽናን፡ ዝያዳ ክንሰርሕ ከምዘለና'ዩም ዝምህሩና። ብቅዓምና ኣብ ዝወጻናሉ ውን ብቅዓትና ኣብ ከመይ ደረጃ ከምዘሎ ክንግምግም ዕድል ረኺብና ኢና። ኣብዚ ግዜ ውድድረይ ምስ ነብሰይ'ዩ ዘሎ፡ ብቅዓተይ ምስ ዘበርኽን ምስ ዘሐይልን ጥራይ'የ ነቲ ናታቶም ዕድል ክረኽቦ ዝኽእል።

**◆ ዝተፈላለዩ ብድሆታት ዝሰገርካ ተቀዳዳማይ ኢኻ። ምስጢር ተስፋ ዘይምቅራጽካ እንታይ'ዩ፧**

እንታይ መስለካ ኣብ ግዜ ልምምድ እቲ ናትካ ተውህቦ ተለልዮ ኢኻ። ጌና ጀማሪ ከለኻ ነቲ ዝግባእ ደረጃ እንተ ድኣ ሃሪምካን ቁሩብ ሰሪሕካን ኣበይ ክትበጽሕ ከም እትኽእል ኢኻ ትሓስብ። ኣብ ሓጺር ግዜ ፍረ ናይ ስራሕካ ክትርኢ እንተ ጀሚርካ፡ ኣበርቲዐ እንተ ሰሪሐ ኣብ ገለ ደረጃ ክበጽሕ'የ ኢልካ ኢኻ ትሓስብ። ንሱ'ዩ እቲ ተስፋ ዘየቑርጸካ። ምስ ነብስኻ ክትቃለስ ከለኻ ማለተይ'የ። ኣነ ድማ ከም ኑርኣሕመድ ምኽሪ ኩሎም ኣሰልጠንትን ፕሮፌሽናላት ተቐዳደምትን ረኺበ፡ እቲ ግዝያዊ ዘሎ ስነፍልጠት ዝተሓወሶ ልምምዳት ጌረ፡ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ከም ዝበጽሕ ኣይጠራጠርን'የ። ክጽዕር'የ ብኸምዚ ኢኻ ተስፋ እናገበርካ ትኸይድ።

**◆ ናይ መጻኢ ራእዩ ኑርኣሕመድ እንታይ'ዩ ዘሎ፧**

ኣብ ብሽክለታ ዓለም እቲ ክትገብሮ ትኽእል ኢኻ ክትግበሮ ዝግብኣካ። ቅድሚ ሕጂ ነቲ ስፖርት ብዙሕ ሽለል ንብሎ ኔርና ኢና። ኣብዚ ሕጂ ግዜ ግን ብዘይ ዕረፍቲ ኢና ልምምድና ነካይድ። ኣብዚ ዓድና ዝግበር ዘሎ ውድድራት ምስ ዝዓብን ንሕና ድማ ከም ተቐዳደምቲ ምስ ዘለና ጻጋታት ልዑል ብራኸ ዘለዎም ቦታታት፡ ወጺእና ሓደ መዓልቲ ከም እንዕወት ኣይጠራጠርን'የ። ቅድሚ ሕጂ ዝነበረ ናይ ጋንታታት መገሻ እንተ ድኣ ዳግማይ ተኸፊቱ፡ ምስ'ተን ኣብ ዓለም ዘለዋ ጋንታታት ተወዳዲርና፡ ብቕዓትና ከነርእን ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ክንበጽሕን ተስፋ 'ገብር።

የቐንየልና!